# ንኣላህ ናይ ምፍታው ምሽጥር

ፀሓፊ፡- ዑስማን ኑሪ ቶፕባሽ
Osman Nuri Topbash



Translated by Abduljalil
Edited by Hassen Taju
መቀናበሪ፡- ሓሰን ታጁ
ትርጉም ትግርኛ፡- ዓብደልጀሊል(ኣቡ ዓብዱላህ)

# ንኣሳህ ናይ ምፍታው ምሽጥር

## ሸኽ ዑስማን ኑር ትንባሽ

ትርጉም ኣምሓርኛ፦-ሓሰን ታጁ
0913878788
ትግርኛ፦-ዓብደልጅሊል ዓ/ቃዲር
0913462034

የአሳታሚው መብት በህግ
የተጠበቀ ነው
All Rights are reserved
አንደኛ እትም ታህሳስ 2004

AFKAD 6
Addis ababa Ethiopia
First Edition January 2012

# ማውጫ


**ርእሲ** **ገፅ**

መእተዊ

ምዕራፍ ሓደ

ንኣላህ ናይ ምፍታዉ ምሽጥር

ምዕራፍ ክልተ

በዓል ሙሉእ ስብእና

ምዕራፍ ሰለስተ

ኣብ መንግዲ ኣላህ ምፅናዕ

ምዕራፍ ኣርባዕተ

ምስ ሰናያትን ሓቀኛታት ሙኺን

ምዕራፍ ሓሙሽተ

ሰናይ ስራሕ ምስራሕን ምንፃህን

ምዕራፍ ሽድሽተ

ንኣላህ ምፍራሕን ንርህራሄኡ ተስፋ ምግባርን

ምዕራፍ ሸዉዓተ

ሽለልተኛ ሙኺን(ዘይምግዳስ)

ምዕራፍ ሸሞንተ

ናብ ኣላህ ምቕራብ

ምዕራፍ ትሽዓተ

ሺሻይ(ሪዝቅ)

ምዕራፍ ዓሰርተ

ብርሃንን ፀልማትን

ምዕራፍ ዓሰርተሓደ

ኢሕሳን(ምፅባቕ)ን ሙራቀባህ(ምቁፅፃር)ን
ምዕራፍ ዓሰርተክልተ
ንወድሰብ ዝግብእዎ ሓቅታት ዝምልከቱ
ምዕራፍ ዓሰርተሰለስተ
ኣል-ኢሳር(ቅድሚ ነብስኻ ንካልኦት ምሕላይ)
ምዕራፍ ዓሰርተኣርባዕተ
ኢስላም ናይ ደቂሰባት ህይወት
ምዕራፍ ዓሰርተሓሙሽተ
ናይ ፀባይ ለውጥን ዉሽጥኻ ምንፃህን
ምዕራፍ ዓሰርተሽድሽተ
ንኣላህን ንነቢን ምፍታዉ

# ንኣላህ ናይ ምፍታዉ ምሽጥር

## መእተዊ

ብሽም ኣላህ ኣዝዩ ርህሩህን ለጋስን ብዝኾነ ጎይታ

ንኣላህ ምፍታዉ ናይ እምነት ዓንዲ ሑቐ ፣ ናይ ሰናይ ስራሕ ኹሉ መሰረት ምዃኑ ኣብ ቁርኣንን ሓዲስን ተገሊፁ እዩ። ንልኡኽ ኣላህ ምፍታዉ እዉን ንኣላህ ናይ ምፍታዉ ቀንዲ መግለፂን መምዘኒን 'ዩ። ኣላህ(ሱ.ወ) ናይቶም ብእኡ ዝኣመኑ ሰባት ፀባይ እንተብራህርህ ከምዚስዕብ ይብል።

وَالَّذِينَ آمَنُوا أَشَدُّ حُبًّا لِّلَّهِ

*እቶም ዝኣመኑ ንኣላህ ብምፍታዉ (ካብኦም) ኣዝዮም ዝበርትዑ 'ዮም።ኣልበቀራ (165)*

قُلْ إِن كُنتُمْ تُحِبُّونَ اللَّهَ فَاتَّبِعُونِي يُحْبِبْكُمُ اللَّهُ وَيَغْفِرْ لَكُمْ ذُنُوبَكُمْ ۗ وَاللَّهُ غَفُورٌ رَّحِيمٌ [٣:٣١]

*ንኣላህ ትፈትዉ እንተኾይንኩም ኣላህ ንኽፈትወኩምን ንሓጥያትኩም ንክምሕርን ሰዓቡኒ በሎም ፤ ኣላህ መሓርን ርህሩህን'ዩ። (ኣል-ዒምራን 31)*

*ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ድማ ንዕኦም ካብባዕሉ ፣ ካብንብረቱን ቤተሰቡን ንላዕሊ ዘይፈተወ ሰብ ኢማኑ ሙሉእ ከምዘይኾዉን ነጊሮሙና እዮም።*

ናይዚ ፍቕሪ ምሽጥር ሙሉእ ህይወትካ ዝቕይር'ዩ። ሓንጎል የስተኻኽል ፣ ልቢ ቅኑዕን ንፁሁን ይገብር ፣ ነፍስያ ከኣ ይእርም። እዚ ድሕሪ ምኻኑ እዉን ናይቲ ሰብ ጠቕላላ ፀባዩ ይቕየር ማለት'ዩ። ማለት እዉን ንኹሉሰብ ፈታዊ ፣ ካኣላይ ፣ ቅኑዕ ፣ ንናይ ኣላህ ባሮት ድማ ርህሩህ ጠቓማይ ይኸዉን። ከምዚ ዓይነት ፀባይ ዘለዎም ሰባት እንተበዝሑ ድማ ዓለም ብፍቕርን ምትሕልላይን ዝደመቐት ትኸዉን። ስለዚ ድማ ሰብ ሓዉንሓዉ ዝጭክንሉ ግዜ ጠጠዉ ይብል ማለት 'ዩ። ቱርካዊ ዓሊም ዝኾነ ሸክ ዑስማን ኑር ቶፕባሽ ብዛዕባ ናይ ንኣላህ ምፍቓር ዝብል ርእስ ኣዝዩ ማራኺ ብዝኾነ ናይ ኣፀሓሕፋ ክእለቶም ኣብዚ መፅሓፍ ኣብራህሪሆምልና ኣለዉ። ነቲ ትምህርቶም ንጥቀም ሰባት ኣላህ ይግበረና።

ሓሰን ታጁ (2003)

# ምዕራፍ ሓደ

## ንኣሳህ ናይ ምፍታዉ ምሽጥር

ኣብሰማያትን ምድርን ኣብሞንጎኦምን ዘለዉ ነገራት ብምልኦም ዝፈጠረ ዝኾነ ኣላህ(ሱ.ወ) ንወድሰብ ድማ ኣዝዩ ብዝድነቕን እዙይ ይጎድሎ እዩ ብዘይባሃል ክእለቱ ተጠቒሙ እዩ ፈጢርዎ። እዙይ ዝገበረሉ ምኽንያት እዉን ንተራ ዓላማ ዘይኮነስ ንብጣዕሚ ዓቢን ከቢድን ዓላማ ወይ ድማ ሓላፊነት እዩ። ንሱ እዉን ኣፅርዩ ንዕኡ (ንኣላህ) ንክግዝኦ ጥራሕ 'ዩ:: ወድሰብ ድማ ነዚ ኣብልዕሊኡ ዝተሓንፀፀ ሓላፊነት እንትፍፅም ፍቕሪ ብዝተምልአ መልክዕ እንተተግቢርዎ ዝበለፀ ይኾነሉ።

ናይዛ ዓለም ዝተፈጠረትሉ ቀንዲ ዓላማ ባህ ዝብሉ ፣ ንዓይንኻ ዝማርኹ ዝኾኑ ገረባት እንባታት ሜዳታት ስንጭሮታትን ተሓሲቡ ኣይኮነን። እኳደኣስ እዚ ኩሉነገር እዚ ዝተፈጠረሉ ቀንዲ ዓላማ ንናይ ካብ ውሉድ ናብ ዉሉድ ንነዊሕ ዘመናት ናተሰጋገረ ዝመፀ ክቡር ዝኾነ ፍጡር ወድሰብ ክበሃል እዩ።

ስለዚ ፍጥረታት ብምልኦም ዘግነየ ዝኮነ ጎይታ ነዚ ዓለም እንትፈጥሮ ከሎ ኮነ እንተዘጋጅዎ ፍቕርን ርህራሄን ብዝተማልአ መልክዕ እዩ ኔሩ። ነዚ ንምርግጋፅ እዉን ናይ ግድን ሙሁር ምኳን ዘድሊ ኣይኮነን ፤ እዉን ኣላህ ነዚዓለም ብፍቕሩን ርህራሄኡን ኣካቢቡ

ከምዝፈጥሮ ንምርዳእ(ንምርጋፅ) ፣ ሓንቲ ዕንቅርቢት ደቃ ሓዚላ ካብ ፀላኢ ክትሃድም ምዕዛብና እኹል እዩ፡፡

እዚ ኣብፍቕርን ርህራሄን ዝተደረኸ ዝኾነ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ፍጡራት ባህርን ኣካይዳን ድማ ብዝበለፀ መልክዕ ደሚቑን ጎሊሁን ዝርአ ኣብቲ ክቡር ዝኾነ ወዲሰብ ኣብ ባህሪኡን ማሕበራዊ ርኽክቡን እዩ፡፡ ወድሰብ ፀገምን መከራን ከጋጥም ግዴታ'ዩ፡፡ ነገርግን ነዚ ዘጋጥሞ ፈተና(ፀገምን መከራን) እዉን ናይኣላህ(ሱ.ወ) ፍቕርን ፍትወትን ደሊዩ እንድሕር ተቃሊስዎን(ተዓጊሱ ኣሕሊፍዎ) እዚ ሰብ እዚ ከሳሪ ዝኸዉን ኣይኮንን፡፡ ምኽንያቱ እዉን ነዚ ፀገምን ፈተናን ብትዕግስቲ ብምቅላሉ ዝኸፈሎ ኣጅሪ(ዓስቢ) ናይ ፍቕሪ መግለፂ ካብ ምዃኑ ሓሊፉ ኣብመጨረሻ ዓለም ዝፅበዮ ኣጅሪ(ዓስቢ) ድማ ብጣዕሚ ባህ ዘብል ፣ ዘህንጥዉን ዘርክዕን ብምዃኑ'ዩ፡፡ ወድሰብ ናይ ስምዒትን ዓቕሊን(ምስትዉዓል) ባህሪ ብምትሕዉዋስ ዝተፈጠረ እዩ፡፡ ነዚ እዉን 'ዩ ካብ መልኣይካታት ብስምዒቱ ካብ እንስሳ ድማ ብዓቕሉ ዝፍለይ፡፡ ማለትዉን ክልቲኡ ጫፍ ተማሊእሉ'ዩ ተፈጢሩ፡፡ እዚ ኣፈጣጥራ እዚ ዝተማለአን ዝተሳኸዐን ዝኸዉን እንድሕር ስምዒቱ ነቲ ዓቕሉ ስዒርዎ እዩ፡፡ ካብዚ ሓሊፉ ግን ዓቕሉ ነቲ ስምዒቱ ምስዓብ እንተጀሚሩ እዚ ኣብህይወቱ ዝተባላሸወን መወዳእታ ህይወቱ እዉን ቅርሱስ ይኸዉን፡፡ ብኻልእ ኣባሃህላ ወዲሰብ ዝዓፅዶ ከምቲ ዝዘርኦ ዓይነት ዘርኢ ስለዝኾነ ብናይ ኣላህን(ሱ.ወ) ናይ ልኡኹን(ሰ.ዐ.ወ) ፍቕሪ ልቡ ዝመልአ ኣብ ከይዲ ህይወቱ እዉን ነዚ ክትግብር ላዕልን ታሕትን ዝብል ሰብ ልክዕ ከምቲ ዝደኸሞን ዝለፈየን ዝኣክል ክፍሊቱ(ዓስቡ) ኣጅሩ ክረክብ ናይ ግድን'ዩ፡፡ ብኣላህ ራሕመት፡፡

ወዲሰብ ንነቦታትን ሰማይን መሬትን ምሸካሙ ዝኸብዶምን ዘሸግረሎምን ዝኾነ ሓላፍነት(ሓደራ) ፈትዩ ፀሊኡ ክሸከም ተገይሩ እዩ፡፡ ነዚ ድማ ናይ ወዲሰብ ነፍሲ ካብ መጀመርያ ጀሚሩ ንፅቡቅ ኮነ

ንሕማቅ ዝንባለ ዝተገረሀት እያ። ኣላህ(ሱ.ወ) እዉን ከምዚስዕብ ይብል፡-

وَنَفْسٍ وَمَا سَوَّاهَا (7) فَأَلْهَمَهَا فُجُورَهَا وَتَقْوَاهَا (8) قَدْ أَفْلَحَ مَنْ زَكَّاهَا (9) وَقَدْ
خَابَ مَنْ دَسَّاهَا (10)

*ብነፍሲን ዝሰርሓን (7) ሕንጋደአን ጥንቃቅአን ብዝፍለጥ (8) ካብ ሐጥያት ዘንቲሀ ብርግፅ ተዓዊቱ (9) ብሓጥያት ዝሓብአ ብርግፅ ፈሺሉ (10) (ኣልሽምስ 7-10)*

فَأَمَّا مَنْ طَغَى (37) وَآثَرَ الْحَيَاةَ الدُّنْيَا (38) فَإِنَّ الْجَحِيمَ هِيَ الْمَأْوَى (39) وَأَمَّا مَنْ
خَافَ مَقَامَ رَبِّهِ وَنَهَى النَّفْسَ عَنِ الْهَوَى (40) فَإِنَّ الْجَنَّةَ هِيَ الْمَأْوَى (41)

*ዝረኸሰሞ(37) ነዛ ቀረባ ህይወት ዝመረፀ (38) ብርግፅ ገሃነም መንበሪቱ እያ (39) ኣብ ቅድሚ ጎይትኡ ደዉ ምባል ፈሪሑ ንነብሱ ካብ ዝንባለኣ ዝኸልከላ( 40) ብርግፅ ገነት መንበሪቱ እያ(41) (ናዚዓት 37-47)*

ስለዚ እዚ ኣብላዕሊ ዝተዘርዘረ ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ ዘርድእና ናይ ወዲሰብ ነፍሲ ኣብሞንጎ ፅቡቕን ሕማቕን ዝኾኑ ተፃረርቲ ሓይሊ ኮይና ካብቲ ናብቲ እናተላገዐት እትነብር ምዃና እዩ። እዞም ክልተ ባህርያት ከምክልተ ዝተፈላለዩ ዋልታ ጌርካ ምምሳል ይከኣል ኢዩ። ብካልእ ኣዘራርባ ካብዚ ሓሳብ እንርድኦ ሓንቲ ነፍሲ እንድሕር ስምዒታ ተኸቲላ ምጓዓዝ ጀሚራ በዚ ዓይነት መልክዕ እዉን ግዜኣ እንተወዲኣቶ ቅርስስቲ እትባሃል ሙዃና እዩ። ብጣዕሚ መሕዘኒት ነፍሲ እዉን ትበሃል። ነዛነፍሲ እዚኣ ዝተሓባበሩ ሰባት ብናይ ክፉኣት(ቅርስሳት ሰባት) መንገዲ ዝጓዓዙ ፤ ብባዕሎም እዉን ፅቡያትን ብዝሰርሕዎ ስራሕ እዉን ተጠየቕቲ ኢና ኢሎም ዘይሓሰቡ እዮም።

ነዛ ነፍሲ እዚኣ ብስጋ ሽፈኖም ዝዓብዱ ሰባት ናይ ሰብኣዉነት ክዳኖም ብገዛ ነፍሶም ኣዉፂኦም ዝደርበዩን ዐቅሎም ዘየዳምፁን ንስምዒቶም ጥራሕ ዝስዕቡን ዘዳምፁን ብሙኂኖም ብጣዕሚ ዝተዋረዱ ሰባት(ርኹሳት) እንተዝስየሙ እዉን ምግናን ኣይከዉንን፡፡
ንነብሲ ካብቲ ዘይረብሕ ስምዒታዊ ድሌት ምዕጋት ምርሓቕ ማለት ሙሉእ ብሙሉእ ካብቲ ዝተፈጠረትሉ ተፈጥራዊ ባህርይ ብምፍላይ ብመከራ እናተንከራተተት ክትነብር ምግባር ማለት ኣይኮነን፡፡ እኳደኣስ ናብቲ ሓቅን ዝጠቅማን ዘሙግሳን ባህሪ ምምራሕ ማለት'ዩ፡፡ ነዚ ምሳሌ ሐደ ናይ ሃይማኖት ምሁር ከምዝስዕብ ይገልፅዎ፡፡

ሓንቲ መርከብ ከምቲ ልሙድ ኣብልዕሊ ቲ ማይ ክትንሳፈፍ እንተጀሚራ ብዘይምንም ፀገም ክትጉዓዝ ናይግድን እዩ፡፡ እዚ ከይኮነ ተሪፉ ግና እንድሕር እቲ ማይ ናብቲ ናይታ መርከብ ምድርቤት ምእታዉ ጀሚሩ እታ መርከብ ካብምጥሓል ዓዲ ኣይትዉዕልን፡፡ ብካልእ ኣገላልፃ እዉን እቲ ነታ መርከብ ንክትንቀሳቀስ ዝገብራ ሓይሊ ሙቐት (ነዳዲ ሓዊ) እንድሕር ካብቦትኡ ወፂኡ ናብ ናይታ መርከብ ካልእ ቦታታት ምስፍሕፋሕ ጀሚሩ እታ መርከብ ካብ ምንዳድ ዝሕልዋ ነገር የለን፡፡

ሓደ ናይኣላህ(ሱ.ወ) ባርያ በብዕለቱ በብሰዓቱ ኮነ በብሰከንዱ ዝሕለወሉ ካብሕማቕን ኣፀያየፍን ዝኾነ ተግባራት ከምኡዉን ካብርኹስ ዝኾነ ስምዒቱ ዝሕለወሉ ነገር ምድሃቡ እዩ፡፡ ነዚ ድማ ዝሕግዞ መሳርሒ እንተሃለወ ንኣላህ(ሱ.ወ) ዘለዎ ፍቕርን ክብረትን(ፍርሕን)'ዩ፡፡
ኣላህ(ሱ.ወ) ንባሮቱ ካብ ዝህቦም ፀጋታት ገሊኦም ናይ ኣደ ፍቕሪ ፧ ናይ ዉሉድ ፍቕሪ ፧ ናይ በዓል/ቲ ሓዳር ፍቕርን ፧ ናይ መጋየቒታት ፍቕርን 'ዮም፡፡ ነዞም ነገራት ዘለዎ ፍቕሪ ግና ሙሉእ ብሙሉእ ኣብልቡ ንናይኣላህን(ሱ.ወ) ነቢን(ሰ.ዐ.ወ) ፍቕሪ ቦታ

ከስእንዎምን ከፃብቡሎምን ኣይግባእን። ነዚ ዓይነት ፀባይ ንከጠንቅቐና ድማ ኣላህ(ሱ.ወ) ከምዝስዕብ ይብለና፡፡

قُلْ إِنْ كَانَ آبَاؤُكُمْ وَأَبْنَاؤُكُمْ وَإِخْوَانُكُمْ وَأَزْوَاجُكُمْ وَعَشِيرَتُكُمْ وَأَمْوَالٌ اقْتَرَفْتُمُوهَا وَتِجَارَةٌ تَخْشَوْنَ كَسَادَهَا وَمَسَاكِنُ تَرْضَوْنَهَا أَحَبَّ إِلَيْكُمْ مِنَ اللَّهِ وَرَسُولِهِ وَجِهَادٍ فِي سَبِيلِهِ فَتَرَبَّصُوا حَتَّى يَأْتِيَ اللَّهُ بِأَمْرِهِ وَاللَّهُ لَا يَهْدِي الْقَوْمَ الْفَاسِقِينَ (24)

*(ኣል-ተዉባ- 24)*

ካብዚ ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ እንርድኦ ነገር ሓደ ንቁሕን መስተዉዓላይ ዝኾነ ሰብ ንናይ ነፍሱ ጎዳኢ ስምዒቱን ኣካይዳን ብምምቅላስን ብምፅራርን ቅድሚ ብናይ ስምዒቱ ኣዉዳማይ ዉሕጅ ተፀሪጉ ምኻዱ ናብቲ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ፍቕርን ፍትወትን ዘግንየሉ ዋልታ ክግስግስ ከምዘለዎ እዩ።

ሓደ ፍቕሪ ተቀባልነት ዝህልዎን መጨረሽኡ እዉን ረብሓይን ዝተሳኽዐን ዝኸዉን እንድሕር ዓላማኡን ኣንፈቱን ዘይስሒቱ እዩ። ስለዚ ወድሰብ ካብ መጅመርታኡ ኣትሒዙ ናይ ንኣላህ ናይ ምፍታዉ ኣብቁል(ዘርኢ) ኣብ ልቡ ኣብግዜ ችግር ኮነ ራህዋ ኩልገዜ ዘይርስዖምን ዘይጠልሞምን ሙኳኑ ንምርግጋፅ እዚ ዝቕፅል ኣብ ቁርኣን ዝተዘንተወ ናይ ነቢ ዩሱፍ(ዓ.ሰ) ዛንታ ምዕዛብ ይከኣል።

ናይ ነቢ ዩሱፍ ኣሕዋት ብናይ ሰይጣን ዉሰወሳን ስምዒቶም ብምስዓብን ንነቢ ዩሱፍ ናብ ናይማይ ጉድጓድ ኣብዝደርበይዎም እዋን ናይዓለማት ጎይታ ግና ንበይኖም ኣይገደፎምን። እኳደኣስ ዘይተሐሰበ ዓወት ኣዘጋጀወ። እዚይ እዉን ኣብዉሽጢ ማይ ጉድጓድ(ዒላ) እንታይ ከምዘሎ ከይፈለጡ ማይ ክቐድሑ ሰባት ለኣኸ። እዞም ሰባት ኣብዚ ግዜ እዚ ማይ ከዉፅኡ (ክቐድሑ) መገለሎም ኣብዝደርበይሉ እዋን ዘይተሐሰበ ብጣዕሚ ዝገርምን ዝማርኽን ባህ ዝብልን ቆልዓ ምስቲ መገለል ተንጠልጢሉ ወፀ። እዞም ናይ ምድረበዳ ነጋዶ ግና ነዚ ዝረኸብዎ ቆልዓ እንታይነቱን መን ሙኳኑን ስለዘይፈልጡ ነቲ

ኣብዉሽጡ ዝሓዞ ናይ ኣኺራ ከስቢ ረሲያም ነቲ ዝረአይዎ ደጋዊ መልክዑ ጥራሕ ብምግንዛብ ብቁሩብ ናይ ዱንይ ረብሓ ሸጥዎም።

እዞም ናይ ሲራራ ነጋዶ ነዚ ዕንቍ ዝመስል ቆልዓ ነዚ ዉሽጣዊ ናይ ኣኺራ ሃፍቱ ብምዝንጋዕ ነቲ ደጋዊ ዘርኢ መልክዕ ብምህራፍ ብዘይረብሕ ዋጋ ዝሸጥሉ ምኽንያት እዞም ሰባት ናይጎይታ ፍቕርን ፍትወትን ዝፀምኡ ስለ ዘይነበሩ እዩ።

ትክክለኛ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ባራዩ ካብካልኦት ሰባት ዝፍለይሉ ባህሪ ንኣላህ ዘፍቱን ዘሕጉስን ስራሕ ንምስራሕ ወግሐ ፀብሐ ደፋእፋእ ዝብሉን ፅምኦም እዉን ብናይ ጌታ ኣምልኾ ዘርወዩን 'ዮም። ከምኡዉን ካብ ኣላህን ነቢን ወፃኢ ዘሎ ነገር(ኣካል) ኣብዘፍትዉሉ ግዜ ንፍቕሮም ገደብ ብምግባር ካብ ናይ ጎይቶኦም ፍቕሪ ከየዘናግዖም ጥንቃቐ ይገበሩ።

ካልእ ኩላትና ክንፈልጦ ዝግብአና ነገር ሓደሰብ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ናይ ፍቕሪ ባሕሪ (ዉቅያኖስ) ከምደስ ዝበሎ ክንሳፈፍን ክሕምብስን ዝደሊ እንተኾይኑ ንነቢ ሙሓመድ(ሰ.ዐ.ወ) ካብ ልቡ ክፈትዎምን ክስዕቦምን ይግባእ። ነዚድማ ኣላህ ከምዚ ይብለና፡

قُلْ إِن كُنتُمْ تُحِبُّونَ اللَّهَ فَاتَّبِعُونِي يُحْبِبْكُمُ اللَّهُ وَيَغْفِرْ لَكُمْ ذُنُوبَكُمْ ۗ وَاللَّهُ غَفُورٌ رَّحِيمٌ [٣:٣١]

*ንኣላህ ትፈትዉ እንተኾይንኩምን ንሓጢያትኩም ንክምሕርን ስዓቡኒ በሎም ኣላህ ርህሩህን መሓርን እዩ(ኣል ዒምራን 31)*

ኣላህ(ሱ.ወ) ንወድሰብ ዋላኳ ናይ ምፍላጥን ምግንዛብን ክእለቱ(ዓቕሙ) ዉሱን ገይሩ እንተፈጠሮ ግን ብሓሳብ ኣብ ዝግበር ምርምር ግን ክንዲ ዝደልዮ ዝኣክል ክጉዓዝ ኣኽኢልዎ ኢዩ። እዚ እዉን ምስትንታን (ተፈኩር) ይበሃል። ተፈኩር ወድሰብ ኣብሰማያትን መሬት ብዘለዉ ፍጡራን ከምደስ ዝበሎ ክመራመር ዘኽእሎ ፀጋ 'ዩ። ነገርግን እዚ ናይ ተፈኩር(ምስትንታን) ስራሕ ጥቕሙ ዘቋርፀሉን ፧

ዓቕሙ ዝደኸመሉን ነገር ኣብሓደ ነገር ጥራሕ እዩ። ንሱ እዉን ብዛዕባ ኣላህ ኣብ ዝግበር ምርምር ኢዩ።

# ምዕራፍ - ክልተ

## በዓል ሡሉስ ስብእና

ኣላህ(ሱ.ወ) ኣብ ቁርኣን ከምዝገልፀልና ወድሰብ ብናይ ሰብነቱ ቅርጺ ኮነ ብኣተሓሳስብሉ ካብ ካልኦት ፍጡራት ብዝበለፀን ብደስ(ባህ) ዝብል ኣፈጣጥራ እዩ ፈጢርዎ።

لَقَدْ خَلَقْنَا الْإِنْسَانَ فِي أَحْسَنِ تَقْوِيمٍ (4)

*ንሰብ ኣብ ኣዝዩ ዝፀበቐ ቅርጺ ፈጢርናዮ (4) (ቲን 4)*

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ከም ዝዳህሰስናዮ ወዲሰብ ዉሽጡ ናይ ስጋዉን መንፈሳዉን ጥምረት ኮይኑ ብኡልክዕ ድማ ኣብሞንጎ ፅቡቕን ሕማቕን መንፈስ (ባህሪ) ናይ ዝግበር ድፍፍእ(ግጭት) ዝካየደሉ ፍጡር እዩ። ንወድሰብ ሕማቕ ናይ ምስራሕ ነፃነት ኮነ ፅቡቕ ናይ ምስራሕ ወይም ዝሙገስ ደረጃ ናይ ምብፃሕ ሓይልን ክእለትን ተዋሂብዎ 'ዩ።

أَفَرَأَيْتَ مَنِ اتَّخَذَ إِلَهَهُ هَوَاهُ وَأَضَلَّهُ اللَّهُ عَلَى عِلْمٍ وَخَتَمَ عَلَى سَمْعِهِ وَقَلْبِهِ وَجَعَلَ عَلَى بَصَرِهِ غِشَاوَةً فَمَنْ يَهْدِيهِ مِنْ بَعْدِ اللَّهِ أَفَلَا تَذَكَّرُونَ (23)

ንዝባለሉ ኣምላኽ ዝገበረ ኣላህ ከዓ ምስፍልጠቱ ዘስሓቶን ኣብልቡን ኣብእዝኑን ዝሓተሞን ኣብዓይኑ እዉን ሽፋን ዝገበረሉ ርኢኻዶ? እሞ ድሕሪ ኣላህ ዝመርሖ መን'ዩ?ኣይትመዓዱን?(23) ኣልጃሲያህ(23)
ሓደ ወድሰብ እንድሕር ስብእንኡ ብናይ ኢስላም ባህርያት(ስነምግባር) ንምቕራፅን ኣብ ናይ ሽሪዓ መርከብ ተሳፊሩ ባሕሪ ክሳገር እንድሕር ፅዒሩ ኣላህ ነዚ ሰብ ኣብዩኒቨርስ ዉሽጢ ካብ ዘለዉ ፍጡራት (መልኣይከታት ከይተረፉ) የብልዖን የኽብሮን። ኣብዱንያ ኮነ ኣብ ኣኺራ ህይወቱ የስተኻኽለሉ ማለት'ዩ። ኣላህ ነዚ ቃል ከም ዝኣተወ ኣብቁርኣኑ ብነፍሱ የረጋግፀልና።

....وَمَنْ يَتَّقِ اللَّهَ يَجْعَلْ لَهُ مَخْرَجًا (2) وَيَرْزُقْهُ مِنْ حَيْثُ لَا يَحْتَسِبُ

*ንኣላህ ዝፈርሕ መዉፅኢ ይገብረሉ(2) ካብ ዘይሓሰቦ ሸነኽ ሲሻይ ይህቦ(3) (ኣልጠላቅ 2-3)*

وَلَوْ أَنَّ أَهْلَ الْقُرَى آَمَنُوا وَاتَّقَوْا لَفَتَحْنَا عَلَيْهِمْ بَرَكَاتٍ مِنَ السَّمَاءِ وَالْأَرْضِ وَلَكِنْ كَذَّبُوا فَأَخَذْنَاهُمْ بِمَا كَانُوا يَكْسِبُونَ (96)

*ሰባት እታቁሸት እንተዝኣምኑን እንተዝጥንቀቑን ካብሰማይን ካብምድርን በረኸታት ምኸፈትናሎም ግን ኣሐሰዉ ፤ በቲ ዝገብርዎ ዝነበሩ ኣህሊቅናዮም(96) (ኣል አዕራፍ 96)*

ሓደ ልቡ ብኢማን ዝተርከሰ ሙስሊም ዝኾነ ሰብ ናይ'ዛ ዓለምዚኣ ጠፋኢት ሙኹናን ኣብ ዉሽጣ ዘሎ ነገር ኩሉ መቐረት ዘይብሉ ሙኹኑ ስለዝፈልጥ ኣብዛ ዓለም ክነብር ከሎ ልክዕ ከም ጋሻ ወይ ሓላፊ መንገዲ ብምምሳል እዩ ዝነብር።
ነዚ ድማ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ንብፃዮም ዓብዱላህ ወዲ ሰይድ ዑመር ከምዚ ዝስዕብ ብምባል ይምዕድዎ።

ማእገሩ ብኢዶም ሕዝ ኣቢሎም አብዚ ዓለም እንትትነብር ከም ጋሻ ወይ ሓላፊ መንገዲ ኹን። ብርግፅ ሓደ ዝተማልአ ኢስላማዊ ስብእና ዘለዎ ኣብዛ ዓለም ክነብር ከሎ ከም ማንም ሰብ(ፍጡር

ንባዕሉ ኮነ ንካልእ(ንቤተሰቡ) ከም ምግቢ ፣ መዕለሊ ፣ ክዳንን ሓደሓደ ወጭታትን ስለ ዘድልይዎ ነዞም ዝተወሰንሉ ሪዝቅ(ሲሳይ ከግንይ) ክረክብ ክብል ዘድልይዎ ምንቅስቃስን ፃዕርን ይገብርደኣ እንበር ነዛ ዓለም ከምዘይትጠፍእን ዘዉታሪትን ጌሩ ኣይሕዛን፡፡ ንዝተወሰነሉ ሪዝቅ(ሲሳይ) ክረክብ ክብል ፀዓርዓር ምባሉ እዉን ዘንቅፎ ኣይኮነን፡፡ እንድያዉን ካብዚ ሓሊፉ ንቤተሰቡ ኮነ ንጎረቤቱ ኮነ ንማንም ሰብ(ፍጡር) ሰናይሰብ ክኸዉን ይግብኦ፡፡
ናይ ኃይትኡ ሓቅታት ከም ሶላት ፣ ፆም ፣ ዘካት ፣ ሓጅን ብዝግባእ ኣፀቢቑ ዓቅሙ ብዝኽእሎ ይፍፅም፡፡ ንፈጣሪኡ፣ ንሃይማኖቱ ኮነ ንደቂሰባት ዝኣትዎ ቃል-ኪዳን እዉን ግዜ ፣ ቦታ ፣ መልክዕ ከይቀየረ ቃል-ኪዳኑ ይመልእ፡፡ ፈፂሙ ዝክሕድ ኣይኮነን፡፡ ዝመሓለሉ ጉዳይ እዉን ይትግብር፡፡ ንደቂሰባት ድማ ብመልሓሱ ይኹን ብተግባር ኣይጎድእን(አየቐይሞምን) ከምዚ ዓይነት ዝተስተኻኸለ ስነምግባር(ባህሪ) ከምዘለዎ እዉን ምስሰባት ብዝገብሮ ደጋዊ ረኽቢ የፍልጥ፡፡ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ነዚ ጉዳይ ብዝምልከት ከምዝቐፅል ይብሉና፡፡

*ኣይትተሓሳሰዱ ፣ ዋጋ ኣይተዋዓዉዑ ፣ ኣብሞንጎኹም ኣይትፃልኡ ፣ ገፅ ኣይትከላልኡ ፣ ሓዴኹም ኣብ ናይካልእኹም ዕዳጋ ኢዱ ኣይእትዉ፡፡ ኣንቱም ናይ ኣላህ ባራዩ ኣሕዋት ኩኑ፡፡ ሙስሊም ንሙስሊም ሓዉ እዩ እሞ ኣይበድሎ ፣ ሓገዙ ኣየቋርፀሉ ፤ ኣይሓስዎ ፣ ኣይንዓቆ፡፡ እዚ ድሕሪ ምባሎም ሰለስት ሻዕ ብኢዶም ናብደረቶም እናመላኸቱ ከምዚ በሉ፡፡ "ንኣላህ ምፍራሕ ኣብዚ እዩ"፡፡ ሓደ ሙስሊም ገንዘቡ ደሙ ኮነ ክብረቱ ንኻልእ ሙስሊም ሓራሙ(ክልክሉ)'ዩ፡፡ ሙስሊም ንሙሰሊም ሓዉ ስለዝኾነ ኣይበድሎ፡፡* ኢማም ሙስሊም ካብ ኣቡሁረይራህ ፀብፂበምዎ፡፡

*ኣቡዘርን(ጁንዲብ ኢብን ጁናዳህ) ሙዓዝ ኢብኑ ጀበልን ብዘመሓላልፍዎ ካልእ ሓዲስ ኢማሙ ቲርሚዚ ከምዝስዕብ ፀብፂቦምዎ ኣለዉ፡፡*

*ኣብዝኾነ ቦታ ኮይንካ ንኣላህ ፍርሓዮ። ነታ ሕማቕ ስራሕ ድማ ፅብቕቲ ስራሕ ኣስዕበላ ምእንታን ክትሕብሰልካ። ምስ ሰባት ድማ ፅቡቕ ምትእትታዉ ይሃልውካ።*

ሓደ ናይ ፈታዊ ኣላህ(ወልዩ) ዝኾነ ሰብ ምስ ደቂሰባት ኣብ ዝህልዎ ርክብ ትዕግስተኛ ፣ ይቕረ በሃላይን ከኣላይ ክኸዉን ኣለዎ። ኩሉ ግዜ ድማ ሰላም መስፈናይን ክኸዉን ይግብኦ። ነዚ ድማ ኣላህ ከምዝስዕብ እናበለ ነቶም ምሩፃት ባሮቱ ይገልፆም።

وَعِبَادُ الرَّحْمَنِ الَّذِينَ يَمْشُونَ عَلَى الْأَرْضِ هَوْنًا وَإِذَا خَاطَبَهُمُ الْجَاهِلُونَ قَالُوا سَلَامًا

**(63)**

*ባሮዩ ኣልራሕማን እቶም ኣብምድሪ ብህድኣት ዝኸዱ ፣ ደናቁር(ብኽፉእ) እንተተዛረብዎም ሰላም ዝብሉ እዮም(63) ፉርቃን(63)*

ናብ ኣላህ ዝቐረበን ንዕኡ ድማ ንጉሆን ምሸትን ክዝክር ዝደሊን ሰብ ጠቕላላ ናይ ህይወቱ ኣካይዳ ኣብ ናይቁርኣንን ሱናን መምርሕታት ዝተደረኸ ክገብር ኣለዎ። ኣብከምዚ ዓይነት መንገዲ እናሃለወ ድማ ካብሰብ ንዝበፅሖ ፀገምን ፈተናን ዋላኳ ዓቢ ይኹን እምበር ይቕረ ክብል ከምዝለዎ እዩ ኣላህ ኣብቁርኣኑ ዝምዕደና። ነዚ ማስረጃ ዝኾነና ድማ ናይ ኣቡበከር(ረ.ዓ) ምስ ሚስጣሕ ዝተባህለ ሰሓቢ ዝተኸሰተ ታሪኻ ምርኣይ ይከኣል። ታሪኹ ከምዝስዕብ ይኸዉን።

ኣቡበከር(ረ.ዓ) ኣዝዮም ርህሩህን ሰናይ ፀባይ ዝነበሮም ሰብኣይ ካብምኳን ሓሊፎም እስልምና ገና ሓደ ኢሉ ኣብዝጅምረሉ እዋን ብዘይ ሓንቲ ምድሕርሓር ንኣላህን ነቢን ብቅልጡፍ ሕራይ ኢሎም ዝተቐበሉ ቀንድ ፣ ቀዳማይን ፈታዉን ብፃይ ነቢ እዮም። ነዚ ድማ እዮም ሙስሊሚን ኢስላም ካብ ዝጅምር ኣትሒዞም ዝንተ ኣለም ንኣቡበከር(ረ.ዓ) ሲድዲቅ ብዝብል ናይ መኣርግ ቅፅልሽም

እናነኣድዎም ዝነበሩ፡፡ ኣቡበከር(ረ.ዓ) ኢስላም ኣብዝቕበልሉ እዋን ካብ ሃፋትም ቁረይሽ ኔሮም፡፡ ይኹንደኣ እምበር ንናይ ኢስላም ጉዳያት ብዝገብርዎ ዝነበረ ወፃኢ ኣብመወዳእታ ህይወቶም ልክዕ ከምቶም ፍቱዉ ዓርኮም(ነቢ(ሰ.ዐ.ወ)) ብዙሕ ሃፍቲ ኣይቀረዮምን፡፡ ነገርግን ካብታ ዝነበረቶም ንእሽተይ ንብረትን ሃፍትን እኳ እንተኾነት ንቤተሰቦምን ኣዝማዶምን ድኻታትን ካብምልጋስ ዓዲ ኣይወዓሉን፡፡ ሓደ ካብቶም ብኣቡበከር(ረ.ዓ) ዝድጎም ዝነበረ ኣዝማዶም እዉን ሚስጣሕ ኢብን ኣስላህ(ረ.ዓ) ይባሃል፡፡

እዚ ከምዚ እናሃለወ ሃደ መዓልቲ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ተፈታዊት ዝኮነት በዓልቲ ሓዳሮም ዓኢሻ(ረ.ዓ) ማለት እዉን ጓል ኣቡበከር(ረ.ዓ) ዝኾና ምስሉያት(ሙናፊቃን) ብናይ ዝሙት ቅጥፈት ሸመን ኣፀለምወን፡፡ ኣብዚ ግዜ ካብዞም ነዚ ናይ ሓሶት ዜና መበፃዕሕትን መዝዛመትን ዝነበሩ ሰባት ሓደ እዚ ናይ ኣቡበከር ዘመድ ዝኾነ እንደገና ድማ ብኣቡበከር ዝድጎም ዝነበረ ሚስጣሕ ከም ዝተሳተፈ ተወረየ፡፡ ኣላህ ከኣ ነዚ ናይ መናፍቃን ቅጥፈት እናሰምዐን እናረኣየን ስቕ ኣይበለን እኳደኣስ ንናይ ነቢ ፣ ሰበይቶም ዓኢሻን ከምኡዉን ንናይ ኣቡበከር(ረ.ዓ) ክብረትን ንፅህናን ክብል ቁርኣን ኣዉረደ፡፡ ከምዝስዕብ፡-

إِنَّ الَّذِينَ يَرْمُونَ الْمُحْصَنَاتِ الْغَافِلَاتِ الْمُؤْمِنَاتِ لُعِنُوا فِي الدُّنْيَا وَالْآَخِرَةِ وَلَهُمْ عَذَابٌ عَظِيمٌ (23) يَوْمَ تَشْهَدُ عَلَيْهِمْ أَلْسِنَتُهُمْ وَأَيْدِيهِمْ وَأَرْجُلُهُمْ بِمَا كَانُوا يَعْمَلُونَ (24)

*እቶም ነተን እርኑባትን ዝንጉዓትን ምእመናት ዘነዉሩ ኣብ ቀረባን ዳሕረወይትን ዓለም ካብ ምሕረት ኣላህ ተሰጎጉ(ተረገሙ) ፣ ዝዓበየ መቅፃዕቲ ኣለዎም(23) ልሳኖምን ኣኢዳዎምን ኣንእጋሮም ይገብርዎ*

*ዝነበሩ ኣብኦም ኣብዝምስክርዎ መዓልቲ ከኣ(ዓቢ መቕፃዕቲ ኣለዎም) (ኣልኑር 24)*

إِنَّ الَّذِينَ يُحِبُّونَ أَنْ تَشِيعَ الْفَاحِشَةُ فِي الَّذِينَ آمَنُوا لَهُمْ عَذَابٌ أَلِيمٌ فِي الدُّنْيَا وَالْآخِرَةِ وَاللَّهُ يَعْلَمُ وَأَنْتُمْ لَا تَعْلَمُونَ (19)

*እቶም ካብቶም ዝኣመኑ ክፉእ ወረ ንክትዝርጋሕ ዝፈትዉ ኣብቀረባን ዳሕረወይትን ዓለም ዘሳቒ መቕፃዕቲ ኣለዎም። ኣላህ ይፈልጥ ንስኻትኩም ግና ኣይትፈልጡን(19) (ኣልኑር 19)*

ኣብቲ ግዜ ኣቡበከር(ረ.ዓ) ነቲ ናይ ኀሎም ክብረት ዘዋርድ ዝነበረ ሚስጣሕ ድሕሪ እቲ ሰዓት ምንም ዓይነት ድጎማ ኮነ ዉህብቶ ንክይህብዎ መሓሉ። ናይ ዓለማት ጎይታ ግና ነዚ ናይ ኣቡበከር ስጉመቲ ባህ ከምዘይበሎን ከምኡ ክገብሩ ከምዘይብሎም ዘረድእ ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ ኣዉረደ።

وَلَا يَأْتَلِ أُولُو الْفَضْلِ مِنْكُمْ وَالسَّعَةِ أَنْ يُؤْتُوا أُولِي الْقُرْبَى وَالْمَسَاكِينَ وَالْمُهَاجِرِينَ فِي سَبِيلِ اللَّهِ وَلْيَعْفُوا وَلْيَصْفَحُوا أَلَا تُحِبُّونَ أَنْ يَغْفِرَ اللَّهُ لَكُمْ وَاللَّهُ غَفُورٌ رَحِيمٌ (22)

*ካባኹም ስለ ልግሲን ሃብቲን ንቐረባ ኣዝማድን ድኻታትን ብመንገዲ ኣላህ ንዝተሰደዱን ንክይህቡ ኣይምሓሉ። ይቕረ ይበሉ፣ ይሕደጉ ፣ ይምሓሩ። ኣላህ ክምሕረኩም ኣይትፈትዉን ዲኹም? ኣላህ መሓርን ርህሩህን እዩ። (ኣልኑር-22)*

ምስ እዚ ርእሲ ዝሰማማዕ ካልእ ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ

وَلَا تَجْعَلُوا اللَّهَ عُرْضَةً لِأَيْمَانِكُمْ أَنْ تَبَرُّوا وَتَتَّقُوا وَتُصْلِحُوا بَيْنَ النَّاسِ وَاللَّهُ سَمِيعٌ عَلِيمٌ (224)

*ሰናይ ንክይትገብሩ ፣ ንኣላህ ንክይትፈርሑን ኣብሞንጎ ሰባት ንክይትዓርቁን ን(ስም) ኣላህ ማሕላታትኩም ዕርዲ ኣይትግበሩ ፣ ኣላህ ሰማዕን ፈላጥን እዩ። (ኣልበቀራህ 224)*

ኣቡበከር(ረ.ዓ) ንናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ነቐፌታ ተኸቲሎም ከምዚ በሉ፡- ጎይታይ ክምሕረኒ ይደሊባ ከመይከ? ዘይደሊ”:: ንሚስጣሕ ዘመዶም ዝህብዎ ዝነበሩ ሓገዝ እዉን እስካብ ዕለተ ሞቶም ከየቋረፁ ቀፀልሉ። ምእመናን ኣብ ናይ መዓልታዊ ናይ ዲኖም ኮነ ዱንያኦም ጉዕዞን ስራሕን ካብዓያሹን ሃሳሳትን በደልን ሞራል ዝጎድእ ፀገም ክበፅሖም ናይ ግድን እዩ። ኣብዚ ግዜ እዚ ግን ክህልዎም ዝግቦኦም ባህሪ ኣላህ ኣብዝስዕብ ናይቁርኣን ዓንቀፃቱ ብዝሓቆፍዎ ባህሪያት ክኸዉን ኣለዎ ይብለና።

وَسَارِعُوا إِلَى مَغْفِرَةٍ مِنْ رَبِّكُمْ وَجَنَّةٍ عَرْضُهَا السَّمَوَاتُ وَالْأَرْضُ أُعِدَّتْ لِلْمُتَّقِينَ ( 133)

الَّذِينَ يُنْفِقُونَ فِي السَّرَّاءِ وَالضَّرَّاءِ وَالْكَاظِمِينَ الْغَيْظَ وَالْعَافِينَ عَنِ النَّاسِ وَاللَّهُ يُحِبُّ

الْمُحْسِنِينَ (134)

*ናብ ምሕረት ጎይታኹምን ናብ ግፍሓ ክንዲ ሰማያትን ምድርን ዝኾነት ገነት ንኣላህ ንዝፈርሑ ዝተዳለወት ተቀላጠፉ (133) ነቶም ኣብራህዋ ይኹን ኣብሽግር ዝልግሱ ፣ ዓገትቲ ቁጠዐኦም ኣብሰባት ከዓ ይቕረ በሃልቲ ንዝኾኑ(ተዳሊያላ) ፣ ኣላህ ሰናያት ይፈቱ(134) (ኣል ዒምራን 133-134)*

ነዚ ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ ዝሓዞ መልእኽቲ ብተግባር ይሰርሕዎን የንፀባርቕዎን ካብዝነበሩ ናይ ኢስላም ቀደምቲ ወለዲ(ስለፍ ኣልሳሊሒን) ጀዕፈር ኣልሲዲቅ ዝተብሃሉ ምጥቃስ ይከኣል። እዞም ብሩኽ ዝኾኑ ናይኣላህ ባርያ ሓደእዋን ባርያኦም(ኣገልጋሊኦም) ምግቢ ኣብዘቕርበሎም ግዜ እናመፀ ናሃለወ ተዓንቂፉ እቲ ምግቢ ናብ ልዕሊኦም ደፍኦ። ኣብዚ ግዜ ንሶም ድማ ቁጠዐኦም ውሕጥ ኣቢሎም ይቕረ በልዎ። ይቕረ ጥራሕ ኢሎምዎ እዉን ኣየብቅዑን እኳደኣስ ክንከባኸብዎን ብፅቡቅ ክተኣታተዉዎን ጀመሩ። ካልእ ከምዚኦም ዓይነት ዝተባረኹ ናይ ኣላህ ባርያ ሓሰነል-በስሪ ዝተብሃሉ ሰብ ድማ ሰባት ከም ዝሓመይዎም ወረ ኣብ ዝመፃም ግዜ ብቕልጡፍ ነቶም

ሰባት ይኞረ በልዎም ነቶም ሰባት እዉን ምእንታን ካብ ወንጀል(ሓሜት) ክፅገሱ ዉህብቶ ለኣኽሎም፡፡

ስብእንኡ (ስነ-ምግባሩ) ብናይ ኢስላም መሰረታትን ዝቀረፀ ሰብ ንኣላህ ምምላኽን ሰናይ ስራሕ ምስራሕን መዓልታዊ ስርሑ እዩ፡፡ ንኣላህ ምንፃህ(ተስቢሕ) ድማ ካብ ኣፉ ከምትንፋስ ኣይፍለዮን ሰባት ምስከምዚ ዓይነት ሰብ ኣብዝዉዕልሉ ግዜ እኳ ሕማኞ ዘረባን ስራሕን ዘይረብሕ ነገር ኣይርእዩሉን ኣይሰምዕሉን፡፡ እኳደአስ ትምህርቲን ዝጠቓሞም ነገር ሰኒቖም እዮም ዝፍለይዎ፡፡ ክምኡዉን ሰባት ንዕኡ ሪኦም ኣኺራ ንክዝክሩ ይሕግዞም፡፡ ብሓፂሩ እዚ ሰብ ህይወቱ ብቑምነገር ፣ ሰናይ ርክብን ተግባርን ከምኡዉን ናብኀይታ ብዝቐረቡ ስራሕቲ ዝተሓፀረ'ዩ፡፡ ነዚ ድማ ኣላህ ንከምዚ ዓይነት ሰባት ኣብዱንያን ኣኺራን ዝተሳኸዐሎም ሰባት ሙኻኖም 'ዩ ዝነግረና፡፡ እዞም ሰባት ኣብዱንያ ናይ ኣላህ ፈተዉቲ(ኣዉልያኡላህ) እንትኾኑ ኣብኣኺራ ድማ ፍርሓት ኮነ ጓሂ ኣይጋጥሞምን፡፡ ኣላህ ከምዚስዕብ ይብል፡-

أَلَا إِنَّ أَوْلِيَاءَ اللَّهِ لَا خَوْفٌ عَلَيْهِمْ وَلَا هُمْ يَحْزَنُونَ (62)

*ፈተዉቲ ኣላህ ፍርሒ የብሎምን ፣ ንሳቶም እዉን ኣይጉህዩን፡፡ (62-ዩኑስ)*

# ምዕራፍ ሰለስተ

## ኣብ ናይ ኣላህ መንገዲ ምፅናዕ (ቀጥ ምባል)

ኢስቲቃማ ማለት(ቀጥ ምባል) ኣብዝሓዝካዮ ነገር ምፅናዕ ዝብል ትርጉም ይሕዝ። ስለዚ ሓደ ናይ ኣላህ ባርያ ናይ ጎይትኡ ባህሪ ፣ ዝተፈጠረሉ ዓላማን ንእስልምና ከወፍዮም ግዴትኡ ዝኾኑ ነገራት ብደንቢ ድሕሪ ምፍላጡ ቀፂሉ ክገብሮ ዝግብኦ ነገራት ኣምልኾ(መግዛእቲ) እዩ። እዚ ሰብ እዚ ድሕሪ ምፍላጡ ፈሊጡ እዉን ኣምልኾ ድሕሪ ምጅማሩ ቀፂሉ ክገብሮ ዘለዎ ነገር ኣላህ(ሱ.ወ) ሓይሊ ብዝተማልኦ መተሓሳሰቢ ይሕብረና።

فَاسْتَقِمْ كَمَا أُمِرْتَ وَمَنْ تَابَ مَعَكَ وَلَا تَطْغَوْا إِنَّهُ بِمَا تَعْمَلُونَ بَصِيرٌ (112)

*ከምዝተኣዘዝካዮ ቀጥበል ፣ ምሳኻ ዝተናስሑ እዉን ፣ ደረት ኣይትሕለፉ ፤ ንሱ ንእትሰርሕዎ ተመልካቲ ’ዩ።(ሁድ 112)*

እዚ ኣብላዕሊ ዝተጠቐሰ ናይቁርኣን ዓንቀፅ ከም ዝሕብረና ኣብዒባዳ (ኣምልኾ) ቀጥ ክንብል ከምዘለና እዩ። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ነዚ ከም ዝተኣዘዝካዮ ቀጥ በል” ዝብል ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ ክብደቱ ክንደየናይ ከምዝኾነ ዝስዕብ ቃል እናተዛረቡ የግንዝቡና። ”ሱረቱል-ሁድ ብድንጋፀ ኣሰይባትኒ” ።

ሓደሰብ ብናይ ስምዒት ሕዋሳት ብዝብፅሑን ቐይብ(ዘይብፅሑን) ነገራት ድሕሪ ምእማኑ ከምቲ ኣላህ ዝደልዮ ዓይነት ፅንዓት ክፀንዕ(ቀጥ ክብል) ኣለዎ።

ናይ ኣቡ ዓምር(ሱፍያን ኢብን ዓብደላህ) ዝተበሃሉ ናይ ነቢ(ሰ.0.ወ) ብፃይ(ሰሓባ) ወግዒ ንከታተል። ሓደግዜ ናብ ነቢ(ሰ.0.ወ) መፂአ ከምዚስዕብ በልክዎም። ኣንቱም ናይ ኣላህ ልኡኽ እስቲ ካባኹም ንኻልእ ምሕታት ዘየድልየኒ ጉዳይ(ዘብቃዕቅዐኒ) ነገር ንገሩኒ። ንሶም ድማ "ብኣላህ ኣሚነለኹ በል ፧ ብድሕሪኡ ድማ ቀጥ በል(ፅና)። ኢማሙ ሙስሊም ፀብፂበምዎ። ነቢ(ሰ.0.ወ) ፀጉሮም ሙሉእ ብሙሉእ ፀሊም ኢዩ ኔሩ። ድሕሪ ዛ ኣብ ሱረቱል ሁድ ዘላ ዓንቀፅ ምውራዳ ግና ሓልሓሊፎም ክስይቡ ጀሚሮም።ናይ ቁርኣን ፈሰርቲ(ተርጎምቲ) ነዛ ዓንቀፅ ከምዝስዕብ የብራህርህዎ።
ኦ! ኣንታ ነቢ ኣብቁርኣን ብዛዕባ ናይባህርን ሞራልን ዝተዘርዘሩ ደንቢታትን መምርሕታትን ተኸታላይን ተግባራይን ንሙኻን ቀዳሚ ክትከዉን ኣለካ። እዙይ ብምግባርካ እዉን ካብ ሙስሉያት(ሙናፊቃት) ኮነ ካብከሓድቲ(ኩፋር) ሽግር ከይበፅሐኒ ኢልካ ኣይትስጋእ። ዋላ ሓንቲ ነገር ኣየብፅሑልካን። ናታቶም ጉዳይ ንጎይታ ሕደጎ። ኣብ ባዕልኻ ኮነ ኣብተኸተልትኻ ብዝበፅሕ ነገር እቲ ትክክለኛ(ቀጥ ዝበለ) መንገዲ ካብምኽታል ንድሕሪት ከይትብል። ኣብግዜ ጉዕዞኻ ትኽክለኛ መንገዲ ብምኽታልካ ንዝበፅሓካ ሽግርን መከራን ፈሪሕኻ ካብቲ ትኽክለኛ መንገዲ ናብ ስሑት(ጌጋ) ዝኾነ መንገዲ ከይትዘብል። ጎይታኻ እዉን ኩሉ ግዜ ሓጋዚኻ 'ዩ።
ነዚ ዓንቀፅ ኢብኑ ዓባስ(ረ.ዓ) ናብ ነብዩ ካብ ዝወረዱ ዓንቀፃት እቲ ከቢድን ናይ ነቢ ማእገር ዘጉበጠን መፍራሓይ ዓንቀፅ'ዩ ብምባል ሰይሞምዎ። ዝገርም ነገርግን እዚ ኣብሱረቱል ሁድ ዝወረደ ናይ ቀጥ በል ትእዛዝ ምስ ነቢ(ሰ.0.ወ) ዝነበሩ ኣሚና ኢና ኢሎም ኢስላም ዝተቀበሉ ኣብቲ ግዜ እቲ ዝነበሩ ሰባት ኮኑ ድሕሪኦም (ክሳብ ዕለተ ትንሳኤ) ዝመፁ ሰባት ዝምልከት ሙኻኑ'ዩ ዘመልክት። እንበር ነቢ(ሰ.0.ወ) ፅንዓት ዘለዎምን ነቲ ዝተላኣኹሉ ዓላማ ዓቕምን ጥንካሬን ከም ዘለዎም ኣላህ(ሱ.ወ) ከምዚ ክብል ኣረጋጊፅሎም ኢዩ፡-

إِنَّكَ لَمِنَ الْمُرْسَلِينَ (3) عَلَى صِرَاطٍ مُسْتَقِيمٍ (4)

*ንስኻ ብርግፅ ካብ ልኡኻቱ ኢኻ(3) ኣብ ቅኑዕ መንገዲ(4) (ያሲን 3-4)*

ስለዚ ናብኣላህ(ሱ.ወ) ክቃረብ ዝደለየ ሰብ ትቅኑዕን ትኽክለኛን መንገዲ ብምስዓብ ሰናይ ስራሕ ምስራሕ 'ዩ:: ነቲ ቅኑዕ መንገዲ ዝስዕቡ ድማ ምስ ነቢታት ፣ ሹሃዳእ (ሰማእታት) ፣ ፃዲቓት ናይ ኣላህ ባራዩ እንትኾኑ እዚኣቶም'ዉን እዮም ቶም ብጎይታ ዝተመረፁ::

وَإِنَّكَ لَتَهْدِي إِلَى صِرَاطٍ مُسْتَقِيمٍ (52) صِرَاطِ اللَّهِ الَّذِي لَهُ مَا فِي السَّمَاوَاتِ وَمَا فِي الْأَرْضِ أَلَا إِلَى اللَّهِ تَصِيرُ الْأُمُورُ (53)

*ንስኻዉን ብርግፅ ናብ ቅኑዕ መንገዲ ትመርሕ ኢኻ (52) ናብ መንገዲ እቲ ኣብሰማያት ኣብምድርን ዘሎ ናቱ ዝኾነ ኣላህ(ትመርሕ ኢኻ) ኩነታት ናብ ኣላህ ይምለሱ:: (ኣልሹራ 52-23)*

إِنَّ اللَّهَ رَبِّي وَرَبُّكُمْ فَاعْبُدُوهُ هَذَا صِرَاطٌ مُسْتَقِيمٌ (51)

*ኣላህ ጎይታይን ጎይታኹምን እዩ ተገዝእዎ ፤ እዚ ቁኑዕ መንገዲ'ዩ(በሎም)51 (ኣል ዒምራን 51)*

وَمَنْ يَعْتَصِمْ بِاللَّهِ فَقَدْ هُدِيَ إِلَى صِرَاطٍ مُسْتَقِيمٍ (101)

*ናብ ኣላህ ዝፅጋዕ ናብቅኑዕ መንገዲ ብርግፅ ተመርሐ(101) ኣል ዒምራን 161*

ብዛዕባ እቲ ቅኑዕ መንገዲ ብዝበለፀ ኣብሱረቱል ኣንዓም ተዘርዚሩ ይርከብ::

قُلْ تَعَالَوْا أَتْلُ مَا حَرَّمَ رَبُّكُمْ عَلَيْكُمْ أَلَّا تُشْرِكُوا بِهِ شَيْئًا وَبِالْوَالِدَيْنِ إِحْسَانًا وَلَا تَقْتُلُوا أَوْلَادَكُمْ مِنْ إِمْلَاقٍ نَحْنُ نَرْزُقُكُمْ وَإِيَّاهُمْ وَلَا تَقْرَبُوا الْفَوَاحِشَ مَا ظَهَرَ مِنْهَا وَمَا بَطَنَ وَلَا تَقْتُلُوا النَّفْسَ الَّتِي حَرَّمَ اللَّهُ إِلَّا بِالْحَقِّ ذَلِكُمْ وَصَّاكُمْ بِهِ لَعَلَّكُمْ تَعْقِلُونَ (151) وَلَا

تَقْرَبُوا مَالَ الْيَتِيمِ إِلَّا بِالَّتِي هِيَ أَحْسَنُ حَتَّى يَبْلُغَ أَشُدَّهُ وَأَوْفُوا الْكَيْلَ وَالْمِيزَانَ
بِالْقِسْطِ لَا نُكَلِّفُ نَفْسًا إِلَّا وُسْعَهَا وَإِذَا قُلْتُمْ فَاعْدِلُوا وَلَوْ كَانَ ذَا قُرْبَى وَبِعَهْدِ اللَّهِ
أَوْفُوا ذَلِكُمْ وَصَّاكُمْ بِهِ لَعَلَّكُمْ تَذَكَّرُونَ (152) وَأَنَّ هَذَا صِرَاطِي مُسْتَقِيمًا فَاتَّبِعُوهُ وَلَا
تَتَّبِعُوا السُّبُلَ فَتَفَرَّقَ بِكُمْ عَنْ سَبِيلِهِ ذَلِكُمْ وَصَّاكُمْ بِهِ لَعَلَّكُمْ تَتَّقُونَ (153)

*ምፅሑ ጎይታኹም ኣባኹም ክልኩል ንዝገበርልኩም ክንብበልኩም በሎም ፧ ብእኡ (ብኣላህ) ዝኾነ ነገር ኣይተሻርኩ ፧ ንወለዲ ሰናይ ግብሪ (ግበሩ) ፧ ብሰንኪ ድኽነት ደቅኹም ኣይትቕተሉ ፧ ንሕና ንዓኹምን ንዕኦምን ንምግበኩም ኢና ፧ ክፉእ ተግባራት ካብኣ ንዝተገሃደን ንዝተሃበአን ኣይትቕረቡ ፧ ነታ ኣላህ ዝሽልከላ ነፍሲ ብሕጊ እንተዘይኮይኑ ኣይትቕተሉ ፧ እቲኹም ምእንታን ክትፈልጡ (ኣላህ) ብእኡ ተላበወኩም(151) ገንዘብ ዘኽታም ክሳብ ዝዓብቢ በታ ሰናይ ኩነታት እምበር ኣይትቕረቡ ፧ ስፍርን ሚዛንን ብትትኽክል ምልኡ ፧ ንነብሲ ክእለታ እምበር ኣይነግድዳን ፧ እንተተዛረብኩም ኣብኣዝማድኩምእውን እንተኾነ (ሓቂ ብምዝራብ) ኣተኻኽሉ ፧ ኣብኪዳን ኣላህ ምልኡ ፧ እቲኹም ምእንታን ክትዝክሩ ተላበወኩም(152) እዚ ቀጥታዊ መንገደይ'ዩ ሰዓብዎ ፧ መንገድታት ጥምመት (ኣይትስዓቡ) ካብቅኑዕ መንገዲ ይፈላልዩኹም 'ዮም። እቲኹም ምእንታን ክትጥንቀቑ ተላበወኩም (153) ኣልዒምራን (151-153)*

ወድሰብ ንኣላህ ብደንቢ ካብምፍላጥን ምኽባርን(ምፍራሕን) ዝተልዓለ ንጎይትኡ (ንኣላህ) ዘለዎ ፍቕሪ ካብ ንካልኦት(ፍጡራት) ዘለዎ ፍቕሪ ክሳብ ዘይበለፀ እቲ ትኽክለኛ መንገዲ ኣይምራሕን። ምኽንያቱ እዉን እንድሕር ብደንቢ ዘይፈሊጥዎ ክንዲ ዝግባእ ዝኣክል ስለዘይግዝኦ 'ዩ። ካብ ሽይጣንን ካብቲ ኣባና ዘሕድሮ ፅገም

ንምሕላዉ እዉን ካብ ናይ ጎይታ ሓይሊ ወፃኢ ካልእ ከምዘየለ ምእማን እዉን ኣገዳሲ'ዩ።

ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ንኣላህ ብምፍላጥን ብምፍራሕን ዓቢ ዝኾነ ኣብነት(መርኣያ) ንብፆታቶም ገዲፎሙልና ከይዶም 'ዮም። ስለዚ ድማ ሓደ ሙስሊም ክንዲ ዝደኸመ እንተደኸመ ክንዲ ዝፀዓረ ይፅዓር እንድሕር ስርሑ በቲ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዝኸድዎ ዓይነት ኣካይዳ ዘይኮይኑ ሙሉእ ብሙሉእ ስርሑ ዉዱቕ ይኸዉን። ነዚ ድማ ኣላህ፡-

لَقَدْ كَانَ لَكُمْ فِي رَسُولِ اللَّهِ أُسْوَةٌ حَسَنَةٌ لِمَنْ كَانَ يَرْجُو اللَّهَ وَالْيَوْمَ الْآَخِرَ وَذَكَرَ اللَّهَ كَثِيرًا (21)

*ኣብኣላህን ዳሕረወይቲ መዓልቲን ተስፋ ጌሩ ንኣላህ ብዙሕ ንዝዝክር ንዓኹም ብርግፅ ኣብሰናይ ኣርኣያ ልኡኽ ኣላህ ኣለኩም(21) (ኣሕዛብ 21)*

ልኡኽ ኣላህ ዝኾኑ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ናይ ህይወቶም ኣካይዳኦም ንኹሉሰብ እኹል ኣብነት ካብሙኳን ሓሊፉ ንኹሉ ዓይነት ናይ ህይወት መዳይ እዉን ዝሳነ(ዝስማዕማዕ) 'ዩ። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ነዛዓለም ዘሕለፍዋ ዋላኳ ከም ማንማ ተራ ናይ ቤተሰብ መመሓደሪ ፣ ፅቡቕ በዓልሓዳር፣ ተፈታዊ ኣቦ ፣ ምችዉ ጎረቤት ፣ ውፍይ ዓርኪ(ብፃይ) ፣ ገርሂ መራሒን ካልእን ባህሪ ዝተላበሱ እንተኾኑ ነዚኩሉ ድማ ካብጎይታ ዝተለገሶም ሺሻይ ንሙኳኑን ክንክተሎም ከምዘለናን ኣላህ ኣብቁርኣኑ ይዛረብ።

وَمَا آَتَاكُمُ الرَّسُولُ فَخُذُوهُ....

*እቲ ልኡኽ ዝሃበኩም (ዝኾነ) ነገር ሓዝዎ... (7) (ኣል ሓሽር-7)*

قُلْ إِنْ كُنْتُمْ تُحِبُّونَ اللَّهَ فَاتَّبِعُونِي يُحْبِبْكُمُ اللَّهُ وَيَغْفِرْ لَكُمْ ذُنُوبَكُمْ وَاللَّهُ غَفُورٌ رَحِيمٌ (31)

*ንኣላህ ትፈትዉ እንተኾይንኩም ኣላህ ንኽፈትዉኩምን ንሓጢኣትኩም ንክምሕርን ሰዓቡኒ በሎም ፤ ኣላህ መሓርን ርህሩህን'ዩ (31) (ኣል ዒምራን 31)*

لَقَدْ كَانَ لَكُمْ فِي رَسُولِ اللَّهِ أُسْوَةٌ حَسَنَةٌ لِمَنْ كَانَ يَرْجُو اللَّهَ وَالْيَوْمَ الْآَخِرَ وَذَكَرَ اللَّهَ كَثِيرًا (21)

*ኣብ ኣላህን ዳሕረወይቲ መዓልትን ተስፋ ጌሩ ንኣላህ ብዙሕ ንዝዝክር ንዓኹም ብርግፅ ኣብሰናይ ኣርኣያ ልኡኽ ኣላህ ኣለኩም(21) (ኣሕዛብ 21)*

فَلَا وَرَبِّكَ لَا يُؤْمِنُونَ حَتَّى يُحَكِّمُوكَ فِيمَا شَجَرَ بَيْنَهُمْ ثُمَّ لَا يَجِدُوا فِي أَنْفُسِهِمْ حَرَجًا مِمَّا قَضَيْتَ وَيُسَلِّمُوا تَسْلِيمًا (65)

*ብጎይታኻ ይምሕል ኣብሞንጎኦም ብዝተኻትዕሉ ነገር ፍርዲ ክሳብ ዘፍርዱኻን ካብኡ ካብቲ ዝፈረድካዮ ኣብነብሶም ስኽፍታ ከይረኽቡ ክሳብ ዝቕበልዎ ኣይኣምኑን(65) (ኣል ኒሳእ) (65)*

ስለዚ ድማ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣከያይዳ ሓዲግና ናብካልእ መንገዲ እንተኣተና ክሳራ እንበር ዋላሓንቲ ትርፊ ኣይንረክብን። ካብ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ትእዛዝ ወፂና እዉን ሓዲሽ ነገር እንተፈፀምና ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዘይኣዘዝዎ ነገር ብምዉሳኽና ቢድዓ (ምህዞ ፤ ፈጠራ) ስለ ዝኸዉን ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ድማ ኣጥቢቖም ከልኪሎምና እዮም ከይዶም።

ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ጉዳይና(ሃይማኖትና) ካብኡ ዘይኮነ ናይባዕሉ ምህዞ እንተኣምጺኡ እቲ ዘምፅኦ ነገር ዉዱቕ ይኸዉን።

ወድሰብ ካብዝፍጠር ጀሚሩ ክሳብሕዚ ብዙሕ(ሓያሎ) ናይ ፀልማት (መሃይምነት) እዋን እናሕለፈ ኣብዝመፀሉ ቁሩብ ናይ ኣላህ ምሩፃትን ብባህሪኦምን ስርሖምን መርኣያ ክኾኑ ዝኽእሉ ሰባት(ባሮት) እንተትተርፉ መብዛሕትኡ ንስምዒቱን ድልየቱን ዝስዕብ እናኾነ እዩ መፂኡ። እቶም ምሩፃት ባሮቱ ግና ነዞም ዝስዕቡ ሓላፊነት እናተሸከሙ 'ዮም ነቢሮም።

1. ናይ ኣላህ ዓንቀፃት ንደቂሰባት እናንበቡን(እናምሀሩን) ኣብ ተግባር ከዉዕሉ ምግባር
2. ናይ ኣላህ መፃሕፍቲን ናይ ሃይማኖት ሕግጋት ንደቂሰብ የብራህርሁ ከምእዉን ካልኦት ጥበባት የምህሩ
3. ደቂሰባት ናይ ጎይትኦም ሕግጋት ሓሊዮም ኣብእዉን ክፀንዑ የበረታትዑዎም ነዚ ንምስኻዕ ድማ ብባዕሎም ቀደምቲ ምሳሌ ይኾኑ።

ብከምዚ መልክዕ ድማ ካብ ኣቦና ኣደም(ዓ.ሰ) ኣትሒዙ ዝጀመረ ናይ ሰማያዊ ኣገዛዝኣ ሕጊ ደስ ብዝብልን ብዝተማልኣን መልክዕ ድማ ብነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ተዛዚሙ።

ስለዚ ሰናይ ስራሕ ንምፍፃም ብኽልተ ነገራት ክምርኮዝ(ክንድረኽ) ኣለና።

1. ንናይ ኣላህ ትእዛዛት ብምንእኣስን ክብረትን ክንፍፅም ኣለና
2. ናይ ኣላህ ፍቕሪ ብምድላይ ንዕኡ ክንብል እዉን ንደቂሰባት ኮነ ንካልኦት ፍጥረታት ርህሩሃትን ሰናያትን ክንከዉን ኣለና።

ብሓፂሩ ቅኑዕ መንገዲ ምስዓብ ማለት ንኣላህን ንነቢን ካብልቢ ምፍታዉ ፣ ዝኣዘዝዎ ነገር ብዝተኻኣለና መጠን ምትግባርን ዝኸልከሉና ነገራት ድማ ሙሉእ ብሙሉእ ብምኽልካል ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣካይዳ(ርጋፅ) ምስዓብ ማለት'ዩ።

ካብቲ ቅኑዕ መንገዲ ምዝባልን ንኣላህ ኢልካ ሰናይ ስራሕ ዘይምፍፃምን ንሓቂ ዝፃርሩን ናይ ስራሕ ዋጋ ድማ ዘባላሽዉን እዮም።

ናይ ኢስላም ብኹሪ ዝኾኑ ጀግና መራሒ ዑመር(ረ.ዓ) ኢብን ኸጣብ ኣብመጀመርያ ግዜ ናይኢስላም ሓላፊነት ተሸኪሞም ናብ ስልጣን ኣብዝወፅሉ ግዜ ዝተዛረብዎ ዘረባ ዝቐፅል ኔሩ።

ኣንቱም ሰባት ካብ ናይ ኣላህ መንገዲ እንተዘቢለ ወይድማ ናብ ጌጋ መንገዲ እንተዝጠምም እንታይ ምገበርኩም? ኣብዚ ግዜ ሓደ ወዲ ሃገረሰብ ካብ ማእኸል ተሲኡ ከምዚ በሎም። ኦ! መራሒና ዑመር ንሶም ኣብዝጠምሉ ግዜ ንሕና እንታይ ከምንገብር ኣየጨንቐኩም። ምኽንያቱም እንድሕር ጠሚምኩም ብሴፍ(ጉራዴ) ኢና ነቐንዐኩም።

ኣብዚ ግዜ ዑመር(ረ.ዓ) ብናይቲ ወዲ ሃገረሰብ መልሲ ተሓጒሶም ከምዚ በሉ። ጎይታይ ኣብ ዝጠምመሉ ግዜ ዘቐንዑኒ ሰዓብቲ ስለዝገርካለይ ምስጋና ይገባእኻ በሉ።

ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ካብ ብፆቶም መንኦም ምስሉያት(ሙናፋቃት) ከምዝኾኑን ሙስሊም ኡማህ እውን ክጥቀቐም ከምዘለዎምን ብምሕባር ንብፃዮም ሑዘይፋ(ረ.ዓ) ነጊሮሙዎ ኢዮም ሓሊፎም። ሰይድ ዑመር ድማ ኣብ ግዜ ስልጣኖም ንሑዘይፉ ከምዚ ብምባል ሓተትዎ። ኦ ኣንታ ሑዘይፋ! ኣብልዕለይ እንድሕር ናይ ሙናፌቕ (ምስሉይነት) ምልክት ርኢኻለይ ብኣላህ ይኹንካ ንገረኒ ኢኻ። ሑዘይፋ ድማ መራሒና ዑመር(ረ.ዓ) ዋላ ሓንቲ ናይ ሙናፊቅ (ምስሉይ) ምልክት ኣይረኣኹልኩምን ኢሉ መለሰሎም።

ሓሰነል በስሪ ዝተባሃሉ ታቢዒ ጣዉስ ንዝተበሃለ ናይ ሓዲስ ምሁርን መምህርን እንድሕርደኣ ሓዲስ ብምምሃርካ ትዕቢት ዝስመዓካ ኮይኑ ምምሃር እንተዝተርፈካ( እንተትገድፎ) ይሕሸካ ኢሎም ማዓድዎ።

ኢማመል ቐዛሊ ሰለስተ ሚኢቲ ዝኣኽሉ ተመሃሮ ኣብዘምህርሉ ሰዓት ኣብዉሽጢ ልቦም ብዝተፈጠረ ናይ ሓሳብ ኩርዓት ተጨኒቖም ከምዚበሉ፡-

እዞም ተመሃሮ ብምምሃረይ ናይ ኣላህ ፍቶት ድየ ደልየ? ወይስ ናይ ነፍሰይ ክብረትን ዝናን 'ዩ ድልየተይ? ከምዚድሕሪ ምባሎም ነቶም ተመሃሮ ሓዲጎም ፣ ዘለዎም ሃፍቲ ንብረት 'ዉን ንድኻታት ኣከፋፊሎም ሃገር ገዲፎም ንበይኖም ክነብሩ ጀመሩ። እዚ ብምግባሮም እዉን ኣላህ መወዳእትኡ ክፍለጥ ዘይከኣል ናይ ሓንጎል ስፍሓትን ከምኡዉን ፍሉይ ዝኾነ ስብእናን ጥበብን ዓደሎም። ድሕሪ እዙይ እንደገና ናብ ዓዶም ተመሊሶም ንኢስላም ከገልግሉ ጀመሩ።

ሱልጣን ያቩዝ ሳሊም ዝተባሃሉ መራሒ ዉግእ ንግብዒ ካብ ክሕደት ነፃ ኣዉፂኦም ናብ ዓዶም ቱርኪ ኣብዝምለሰሉ ግዜ ህዝቦም ኣብዋና ከተማ ቱርኪ(ኢስታንቡል) ተኣኪቦም ንክቕበልዎም ይፅበይዎም ነበሩ። ነዚ ወረ ዝሰምዑ መራሒ ያቩዝ ቅድሚ ናብ ኢስታንቡልን ምብፀሖም ከሚላ ኣብ ዝበሃል ግድሚ ዓሪፎም ነቲ ህዝቢ ናብ ገገዝኡ ክሳብ ዝኣቱ ፀንሑ። እቲ ህዝቢ ናብ ገገዝኡ ድሕሪ ምእታዉ መራሒ ያቩዝ ድማ ብለይቲ ሰብ ከይፈለጠ ናብታ ከተማ ኣተዉ። እዙይ ዝገበርሉ ምኽንያት 'ዉን በቲ ዝረኸብዎ ዓወትን በቲ ናይ ህዝቦም ዝገብረሎም ኣቀባብላን ኣብልቦም ኩርዓት ከይፍጠር ስለ ዝሰግኡ'ዮም። ኣብ ንሰርሖ ስራሕ ልብና ንኣላህ ጥራሕ ንከፍቱ ብምሕሳብ ክኸዉን ኣለዎ። ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

يَوْمَ لَا يَنْفَعُ مَالٌ وَلَا بَنُونَ (88) إِلَّا مَنْ أَتَى اللَّهَ بِقَلْبٍ سَلِيمٍ (89)

*ገንዘብን ቆልዑን ኣብዘይጠቕመሉ መዓልቲ(88) ናብ ኣላህ ብንፁህ ልቢ ዝመፅአ እንተዀነ እምበር(89) (ኣል ሹዓራእ 88-89)*

ምስዚ ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ ዝቀራረብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከምዚ ቅፅል ይብሉና።

*ኣላህኮ መልክዕኹም ኮነ ገንዘብኩም ኣዩርኢን(ኣየግድሶን) ፤ ነገርግን ልብኹምን ስራሕኹምን 'ዩ ዝርኢ(ዝዕዘብ)።*

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

## ምስ ሰናያትን ሓቀኛታትን ምዃን

ኣነስ ኢብኑ ማሊክ ዝቐፅል ሓዲስ ካብ ነቢዩ(ሰ.ዐ.ወ) የዋግዑና፡-

ንኣላህ(ሱ.ወ) መላኢካታት ኣለዉዎ። ስርሖም ከኣ ኣብመሬት እናዘሩ ንኣላህ(ሱ.ወ) ተሰብሲቦም ዝዝክሩ ሰባት ምድልላይ ኢዩ። ነቶም ንኣላህ(ሱ.ወ) ዝዝክሩ ሰባት ምስዝረኽብዎም ድማ ብክንፎም የካብብዎም ፤ ከምዚ ድማ ይብሉ። ኦ ኣንታ ጎይታና! እዞም ሰባት ናትካ ሽም እናዘከሩ ናትካ ቁርኣን እናንበቡ ናይ ቀረባን ዳሕረወይቲን ህይወቶም ክተስተኻኽለሎም ይልምኑኻ ኣለው። ኣላህ(ሱ.ወ) ድማ ከምዚ ይብሎም '' ንስኻትኩም መስከርተይ ኢኹም ንኩሎም ሚሒረዮም ኣለኹ። ኣብዚግዜ እቶም መላኢካታት ከምዚ ብምባል ይሓትዎ። ኣንታ ጎይታና ኣብመንጎኦም ግን ናዓኻ ክዝክር ከይኮነስ ንካልእ ዓላማ ዝመፀ ሰብ ኣሎ ። ኣላህ(ሱ.ወ) መልሱ ይቐፅል። ፀገም የለን ምኽንያቱ ምስሰናያት ሰባት ዝተቐመጠ ሰብ ቅርሱስ ኣይኸውንን።

ካብዚ ሓዲስ እንግንዘቦ ነገር ምስሰናያት ሰባት ተሰብሲብካ ኮፍ ምባል ጥቕምን ከስብን ከም ዘለዎ'ዩ። ናይ ወዲሰብ ልቢ ብተፈጥሮኣ ምስናይ ከባቢኣ ኩነታት ተኣታታዊነትን ተመሳሳሊትን ብምዃና እንድሕርደኣ ናብ ትኽክለኛ ኣንፈት ዝመርሓን ካብሕማቕ ስራሕቲ

ዝከታተላን ዝቆፃፀራን ዘይረኺባ ካብቲ ብርሃን ናብ ፀልማትን ጌጋን ምዉዳቓ ኣይተርፋን። ነዚ ናይ ቀልብና(ልብና) ብፀልማትን ጌጋን ንከይትመልእ ዝሕግዘና ነገር ምስ ሰብ ፍልጠትን ናይ ኣላህ ሰናያት ባራዩ ምቕማጥን ምስብሳብን'ዩ፡ ናብዚ ዝመርሐና ነገር ድማ ሰባት እንድሕር ነንባዕሎም ንኣላህ ክብሉ ተፋትዮምን ከሙኡዉን ኣብሞንጎኦም ዘሎ ምትእስሳር(ረኽቢ) ብናይ ዱንያ ጥቕሚ ዘይኮይኑ 'ዩ።

ኣብግዜ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ምስኦም ዝሰባሰቡ ዝነበሩ ብፆቶም ተቀዲሖ ዘይዉዳእን ካብኡ እናተጨለፈ ንኡመት እናተኸፋፈለ ዝነብር ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ናይ ህይወቶምን ዘረብኦምን መኣዲ ኣትኩሮም ይሰምዕዎምን ይከታተልዎምን ነይሮም። ነዚ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብፆት ምስ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዝነበሮም ኩነታት እዉን ሓደ ካብቶም ብፃይ ከምዚስዕብ ኢሉ ይገልፆ።

ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዘረባ ክነዳምፅ ከለና ብጣዕሚ ካብ ምምሳጥ ዝተለዓለ ኣትኩርና ብዘይሓንቲ ምንቅስቓስ ነዳምፅ ኔርና ፤ ልክዕ ኣብርእስና ዒፍ ከምዝተቐመጠት ንከይትበርር ኢልና ንጥንቀቕ ዘለና ንመስል ኔርና።

ምድረበዳ(በረኻ) ኣብሓጋይ ደረቕን ኣቦራን ኮይኑ ፀኒሖ ኣብክረምቲ ማይ ኣብ ዝወቅዐሉ ግዜ ዛሕልን ልምሉምን ሙኻን ከምዝጅምር ልክዕ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዘረባ እዉን ኣብብፆቶም ልክዕ ከምዝሑል ማይ ልቦም የትረርክስ,ሶን የለምልሞን ኔሩ። ህዝቢ ዓለም (በተለይ ናይ ዓረብ) ኣዝዩ ዝወደቐን ዝተሓተን ኣተሓሳስባን ሰብአዉነትን ኣብ ዝነበርሉ ግዜ ደቂ ኣንስትዮ ክሳብ ብህይወተን ይቐብርወን ዝነበርሉ ኢዩ ኔሩ ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ብናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ትምርትን ምንክብኻብን ምቁፅፃርን ግና ዓለም ቅድሚቲ ሪኣቶ ዘይትፈልጥ ብርሃንን ፍልጠትን ርህራሄን ዝመልኦ ወለዶ ተዓደለት። ኣብቲ ናይ ምድረበዳ ክፍለዓለም ተዘርጊሖ ዝነበረ መሃይምነት(ድንቁርና) እዉን

ለገሰ። እዚ ጥራሕ እዉን ኣይኮነን እቶም ቅድሚ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ምልኣኾም ጨካናት ፣ ዕቡያትን ስነምግባር ዘይነበሮም ሰባት ድሕሪ ናይ ነቢይ(ሰ.ዐ.ወ) ትምህርቲ ግና ትሑታትን ርህሩሃትን ሰናይ ስነምግባር ዘለዎም ሰባት ኮኑ። ኣብ ዝኸድዎ ቦታ እዉን ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ትምህርትን ስነምግባር ከስፋሕፉሑን ከንፀባርቑን ጀመሩ። ወድሰብ ክበፅሖ ዝኽእል ቲ ዝለዓለ ናይ ሰብኣዉነት ደረጃ እዉን ተጎፎናፀፉ። ኣላህ(ሱ.ወ) እዉን ነዞም ህዝቢ ዘመጉስን ዝንእድን ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ ኣዉረደ።

وَالسَّابِقُونَ الْأَوَّلُونَ مِنَ الْمُهَاجِرِينَ وَالْأَنْصَارِ وَالَّذِينَ اتَّبَعُوهُمْ بِإِحْسَانٍ رَضِيَ اللَّهُ عَنْهُمْ وَرَضُوا عَنْهُ وَأَعَدَّ لَهُمْ جَنَّاتٍ تَجْرِي تَحْتَهَا الْأَنْهَارُ خَالِدِينَ فِيهَا أَبَدًا ذَلِكَ الْفَوْزُ الْعَظِيمُ (100)

*ካብ ስደተኛታትን እቶም ቀዳሞት(መጀመርታ ዘስለሙ) ሓገዝቶም እቶም ኣብ ሰናይ ተግባር ዝሰዓብዎም ኣላህ ንዓታቶም ፈትዩ ፣ ኣብ ትሕትኤን ወሓይዝ (ሩባታት) ዝፈስወን ገነታት ኣብኣ ንዘልኣለም ነበርቲ ክኾኑ ኣዳልይሎም ኣሎ ፣ እቲ ዓቢ ዓወት እዩ። (ኣል ተዉባ-100)*

ብዙሓት ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብፆቶም ካብ ናይ ነቢ ዘረባን ፣ ስራሕትን ፣ ስነ-ምግባርን ምስ ነቢ እናተጎዓዙ ኮነ ምስኦም እናተሰባሰቡ ብዙሕ ትምህርቲ ይምገቡ ኔሮም። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት እዉን ምስ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ተቀሚጥካ ምምሃርን ምስብሳብን ካብ ናይ ጀነት ገምገም(መናፈሻ) ምዃኑ ካብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ልሳን ስለዝሰምዑ 'ዩ። ነዚ ናይ ጀነት መናፈሻ ዝኾነ ዲናዊ ትምህርቲ ድማ ይቀዳደሙሉ ነይሮም። ዝቃዳደምሉ ምኽንያት ዉን ልቢ ብርሃን ትመልኣሉን ስነ-ምግባር ዝስተኻኽለሉን ብናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ትምህርቲ ከም ዝኾነ ብደንቢ እምነት ስለ ዝነበሮም'ዩ።

ሓደ ኣማኒ ዝኾነ ሰብ እንድሕር ደኣ ኣብ ናይ መንፈሱ ጥንካረ ፀገም ከየጋጥሞ ደሊዩ ኣብ ዝሰርሖ ወንጀል(ሓጢያት) ሽለልተኛ ክኸዉን የብሉን። ብፆቱን ኣዕርኽቱን እዉን ኣብ ሓጢያት ዝሸቀዳደሙ ሰባት ክኾኑ የብሎሙን ፤ ምኽንያቱ እንድሕር ሓጢኣተኛታት በዚሖም እቲ ከባቢ መሬቱ ንፋሱ ኮታስ ኩሉ ነገር ዝተበላሸወ ስለዝኸዉን ኣብ ከምዚ ዓይነት ከባቢ ምንባር ዉን ከቢድ ስለዝኾነ እዩ።

ሓደ ሸይኽ ዑበይዱላህ ዝተባሃሉ ዓሊም ንብፆቶም ክመኽሩ ከለዉ ከምዚስዕብ ይብሉዎም፡- መዋዕልቲ (ሓጢያተኛታት) ምኻን ናይ መንፈስ ጭንቀት ፣ ጓሂን ናይ ልቢ ዘይምርግጋእን ኢዩ ዘስዕብ ሞ ተጠንቀቑ። እስቲ ሓንቲ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ካብ ህይወት ዛንታ ቆንጢርና ንመልከት፤-

ሓደእዋን ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ምስ ብፆቶም ብሓደ ሽንጥሮ ኣብ ዝሓልፍሉ ወቅቲ ብፍጥነት (ቀልጢፎም) እናሸኮሉ ሓለፍዎ። ብፆቶም ድማ ተገሪሞም ከምዚ ብምባል ሓተትዎም ፤ *ኣንቱም ልኡኽ ኣላህ ንምንታይ ደኣ ሓዲግኩምና ቐልጢፍኩም ትረመዱ? ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ድማ ከምዚ ኢሎም መለሱ።*

*ኣላህ(ሱ.ወ) ነቲ ጨቋኒ ኣብርሃን ንወታደራቱን ዝደምሰሶምን ሓሙክሽቲ ዝገበሮምን ኣብዚ ስንጭሮ ስለ ዝነበረ ኢየ ኣነ ድማ ዝሸኮልኩ።*

*ኣብካልእ ታሪኽ እዉን ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ካብ ናይ ተቡክ ዉግእ ኣሸኒፎም ኣብ ዝምለሱሉ እዋን ብፆቶም ኣዝዮም ከምዝደኸሞም ስለዝተረድኡ ኣብሓደ ቦታ ክዓርፉ ደልዩ። ግን ብኣጋጣሚ እቲ ዝዓርፉሉ ቦታ ናይ ቀደም ሰሙድ ዝተባሃሉ ዓመፀኛታት ኡመት ዝተደምሰሱሉ ከተማ'ዩ ኔሩ። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣላህ(ሱ.ወ) ነቶም ዓመፀኛታት ናይ ሰሙድ ህዝቢ ዝደምሰሶምን ዝረገሞምን ቦታ ኣብዚ ቦታ እዩ ። ስለዚ ድማ ካብቲ ናቶም ቦታ ማይ ትበሃል ከይትቀድሑ ምእንታን እቲ ናታቶም ቅርሱስነትን ቅፅዓትን ከይረኽበኩም(ከይወርደኩም) ኢሎም ንብፆቶም*

*ኣጠንቀቅዎም። ነገርግን እቶም ብፆቶም ካብቲ ማይ ተጠቒሞም ቢሖ ቕ እውን ከምዘብኩዑን (ከምዝለወሱን) ኳደኦም እዉን ከምዝመልኡን ንነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ነገርዎም። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) እቲ ብሒቛ ነግማልኩም ሃብወን ይብልዕኦ ፤ እቲ ማይ ግን ድፍእዎ ኢሎም ኣዘዙ። (ኢማሙ ቡኻሪ)*

ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ)ን ናይ ኣቡበከር(ረ.ዓ) ፍቕርን ዕርክነትን ካብካልኦት ብዝተፈለየ ብጣዕሚ ዝገርም'ዩ ኔሩ። ኣቡበከር(ረ.ዓ) ንነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዝነበሮም ወሰን ዘይብሉ ፍቕሮም እንኳንዶ ተረሓሒቖም ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣብ ጎኖም(ምስኦም) እናሃለዉ እኳ ፍቕሮም ዝዝሕል ኣይነበረን። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ንናይ ገለ ወፍሪ ጅሃድ ብፆቶም ገንዘብ ንከወፍዩ ኣብ ዘለዓዕሉ ግዜ ኣቡበከር ሙሉእ ንብረቶም ኣምፂኦም ኣወፈዩ። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ድማ ብጣዕሚ ብናይ ኣቡበከር ስራሕ ተገሪሞም ቀልቦም እዉን ተነኽኡ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ድማ ንኣቡበከር ዘለዎም ፍቕርን ክብረትን እንትገልፁ ከምዚ ይብሉ። ኣላህ(ሱ.ወ) ፈታዉን(ዓርክን) ጌሩ እንተዘይሕዘንን ካብ ብፆተይ ዓርኪ ክሕዝ እንተዝደሊን ንኣቡበከር ፈታዉን ዓርክን ጌረ ምሓዝክዎ ኔረ። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣብግዜ ምማቶም ናይ ኣቡበከር ዝኣትወሉ በርኣፍ(ደገአፍ) እንትተርፍ ካልኦት ደገኣፍ መስጂዶም ብምሉኦም ክዕፀዉ ኣዚዞም ነይሮም። እዚ ዘመልክተና ድማ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ንኣቡበከር ፍልይ ዝበለ ክብረትን ፍቕርን ከምዝነበሮም'ዩ።

# ምዕራፍ ሓሙሽተ

## ሰናይ ስራሕ ብኢሕሳን(ኣንፃሂሀኻ) ምስራሕ

ኢኽላስ(ምንፃህ) ማለት ሓደ ስራሕ ኣላህ(ሱ.ወ) ጥራሕ ክፈትወልካ ኢልካ ምስራሕ ናይ ኢኽላስ(ንፅሃት) ዉፅኢት ድማ ኢሕሳን(ምፅባቐ-ምምልኻዕ) ማለት'ዩ። ብዛዕባ ኢሕሳን ድማ መላኢካ ጂብሪል ናብ ነቢ መፂኡ ትርጉሙ እንታይ ከምዝኾነ እንትሓቶም ዝመለስሉ መልሲ ንተዓዘብ። ኢሕሳን ማለት ንኣላህ ከምእትሪኦ ዘለኻ ኮይንካ ክትግዝኦ 'ዩ። እንተዘይረኣኻዮ እኳ ንሱ ይርእየካ እዩ። ኣላህ(ሱ.ወ) ድማ ብዛዕባ ኢኽላስ(ምንፃህ) ከምዚስዕብ ይብለና፡-

ንአላሀ ሃይማኖት ድማ ንዕኡ ጥራሕ አንፂሆምን ቀጥ ዝበሉን/ቅኑዓት/ ኮይኖም ክግዝእዎ፣ ሰላት እዉን አስተካኪለሎም ክሰግዱ፣ ዘካት እዉን ክህቡ እንበር አይተሰዘዙን። እዙ ድማ ናይታ ትክክለኛ ዝኮነት (ሃይማኖት) ሕንፃፅ እዩ። (አልባይናዕ-5)

لَنْ يَنَالَ اللَّهَ لُحُومُهَا وَلَا دِمَاؤُهَا وَلَكِنْ يَنَالُهُ التَّقْوَى مِنْكُمْ كَذَلِكَ سَخَّرَهَا لَكُمْ لِتُكَبِّرُوا اللَّهَ عَلَى مَا هَدَاكُمْ وَبَشِّرِ الْمُحْسِنِينَ (37)

*ንኣላህ ስጋኣን ደማን ፈፂሙ ኣይበፀሖን ፣ ግን ፍርሒ ካባኹም ይበፀሖ (ኣል-ሓጅ 37)*

قُلْ إِنْ تُخْفُوا مَا فِي صُدُورِكُمْ أَوْ تُبْدُوهُ يَعْلَمْهُ اللَّهُ وَيَعْلَمُ مَا فِي السَّمَاوَاتِ وَمَا فِي الْأَرْضِ وَاللَّهُ عَلَى كُلِّ شَيْءٍ قَدِيرٌ (29)

*ኣብ ልብታትኩም ዝዘሎ እንተሓባእኹም ወይ እንተጋሂድኩም ኣላህ ይፈልጦ (ኣል-ዒምራን-29)*

ዓምር ኢብን ለይስ ዝተባሃለ ናይ ኹራሳን መራሒ ዉግእ ንኣላህ(ሱ.ወ) ዝፈርሕን ሰናይሰብን ኔሩ ድሕሪ ምሟቱ ድማ ካልእ ኣላህ ዝፈርሕ ባርያ ንዓምር ብሕልሚ ርኢዎ ከም ዝስዕብ ይሓትቶ፡-

ኣላህ ከመይ ፀኒሑካ (እንታይ ኣጋጢሙካ)?

ዓምር፡- ኩሉ ሓጢያተይ ምሒሩኒ፡፡

ብኸመይ(ብምንታይ ክምሕረካ ክኢሉ)?

ዓምር፡- ሓደ መዓልቲ ንሰራዊተይ ኣብልዕል ዝበለ ቦግድሚ ኮይነ ንታሕቲ ይምልከቶም ኔሬ፡፡ ምብዝሖምን ሓይሎምን ድማ ብጣዕሚ ኣብ ነፍሰይ ደስ በለኒ፡፡ ድሕርዚ ንባዕለይ ከምዚ ኢለ ሓሰብኩ ፤ እዚ ኹሉ ሰራዊት ሒዘ ኣብ ናይ ነቢ ዝሕለፍዎ ወፍሪታት(ዉግኣት) ተረኺበ ንፀላእቶም ሓመድ ኣፍንጭኦም ኣውዒአዮም እንተዝኸውን ኔረ ክንደይ ፅቡቕ መኾነ ኔሩ፡፡ እዚ ሓሳብ ድማ ናይ ኩሉ ግዜ ተስፋይ ኔሩ፡፡ ነዛ ንፅህቲ ዝኾነት ሓሳበይ ክብል ድማ ኣላህ ምሒሩኒ ከምእዉን ንሽልማት ኣብቂዑኒ፡፡

እዚ ታሪኽ ዘረድኣና ንኣላህ(ሱ.ወ) ክተፍቱ ኢልካ ስራሕካ ጥራሕ ዘይኮነስ ንያኻ (ሓሳብ) ንፁህ ምግባር ካብኣላህ ዓብይ(ኣጅሪ) ከምዘለዎ እዩ፡፡ ነዚ ዘብራህርሀልና ድማ ዑመር ኢብኑል ኸጣብ ካብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዘመሓላልፉልና ሓዲስ ንመልከት፡፡

ናይ ሓደሰብ ስራሕ ዝልካዕ(ዝምዘን) ብናይ ሓሳቡ ዓላማ(ንያ)'ዩ፡፡ ዓስቡ(ኣጅሩ) ድማ ብንያኡ(ብዝነበሮ ዓላማ) መጠን ይኽፈል፡፡ እንድሕርደኣ ስደቱ(ዓላማኡ) ንኣላህ ንነቢን ከፍቱ እንተኾይኑ ስደቱ(ዓላምኡ) ወይ ናይድኻሙ ዓስቢ(ክፍሊት) ካብ ኣላህ(ሱ.ወ)

መንገዱ ድማ ብናይ ነቢ ይኸዉን። እዚ ተሪፉ ግና ዝተሰደደሉ ዓላማ ጥቕሚ ናይ ዱንያ ወይም ሓዳር ንኽገብር ናብ ሰበይቲ እንተተሰዲዱ ዓስቡ(ክፍሊቱ ወይ ኣጅሩ) ካብቲ ዝተሰደደሉ ኣካል ይኸዉን።
ስለዝኾነ ድማ ሓደነገር ክንሰርሕ እንድሕር ደሊና መጀመርያ እቲ ስራሕ ንናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ፍቶት ክንብል ምኻና ክንምርምር ኣለና። ምኽንያቱ ነዚ ስራሕ ክንሰርሖ ዝደለናሉ ዓላማ እንድሕርደኣ ንኣላህ(ሱ.ወ) ክነፈቱ ዘይኮና ከም ሓዲሽ ተናሲሕና(ተዉበት ጌርና) ነቲ ስራሕ ንናይ ኣላህ ፍቶት ክንብል ክንሰርሖ ኣለና። ኢኽላስ ማለት ድማ እዚ እዩ። ብዝርዝር አካይዳ ስራሕ ማለት ከም ኣካል እንትንወስዶ ንያ(ዓላማ፣ሓሳብ) ድማ ከም ህይወት(ሩሕ) ክንወስዶ ንኽእል ኢና። ስለዚ ድማ እንድሕር ደኣ ሩሕ ሓሚማ ናይ ሰዉነት ኣካል እዉን ምሕማሙ ኣይቐርዮን። ከምኡድማ ሩሕ እንድሕር ካብ ኣካልና ተፈልያ ኣካልና ይመዉት ማለት'ዩ። እዙይ ድማ ዓላማ ዘይብሉ ስራሕ በተለይ ናይ ሃይማኖት ስራሕ ዋጋ የብሉን ማለት'ዩ። ነዚ መመዘኒ ድማ ሓደሰብ ኣብዝሰርሖም ናይ ኢስላም ስራሕቲ (ሶላት ፣ ፆም ፣ ዘካት ፣ ሓጂ.......) እንድሕርደኣ ንያኡ(ዓላማኡ) ንፁህ ዘይኮነ እዚሰብ እዚ እንኳንዶ ናይ ስርሑ ዓስቢ(አጅሪ) ክግንይ እንድያዉም በቲ ዝሰርሖ ስራሕ ንኣላህ ከፍቱ ኢሉ ጥራሕ ክኸዉን ዝነበሮ እዚ ተሪፉ ግን ካብ ኣላህ(ሱ.ወ) ወፃኢ ዘለዉ ኣካላት ከፍቱ ኢሉ ብምስርሑ'ዩ። እዚ ድማ ነዚ ሰብ ሽርክ ሰሪሑ ብምባል ስለዘኽስሶ 'ዩ። ሽርክ ድማ ነቲ ሰብ ብዘይሓንቲ ዓስቢ(ዋጋ ክፍሊት) እዩ ዘትርፎ። ብካልእ ድማ ንኣላህ(ሱ.ወ) ክተፍቱ ኢልካ እንኳንዶ ፈርዲ(ፍዴታ) ተራ ኣናእሽተይ ስራሕ ምስራሕ ዓስቢ(ክፍሊት) ከምዘግኒ'ዩ።
ወድሰብ ዋላኳ ምስ እንስሳት ዘመሳስሎ ስምዒት ዝበሃል ነገር ኣብዉሽጡ እንተሃለዎ ብካልእ ጎኑ ድማ ነዚ እንስሳዊ ስምዒቱ ንምቁፅጻር ዘኽእሎ ዓቕሊ(ሕሊና) ዝበሃል መሳርሒ ተዋሂብዎ 'ዩ።

ነዚ ድማ(ብምኽንያት ዓቕሊ(ህሊና)) እዩ ወድሰብ ካብ እንስሳ ኮነ ካብ ካልኦት ፍጡራት ዝበለፀ ደራጃ ዝወሃቦ፡፡ ወድሰብ ዋላኳ ዓለማዊ ስምዒቱ (ከም ድቃስ፤ ምምጋብ፣ ሓዳር ምግባር.....) ከማልእ እንተተፈቀደሉ ግን ነዚ ዓለማዊ ናይ ህይወቱ ኣድለይቲ ነገራት ብናይ ዓቕሉ መምርሒ እናመረሐ ናብ ናይኣላህ ፍቶት ከምፅኦ ድማ ግዴትኡ እዩ፡፡ እንተዘይኮይኑ ምብልዑን ምህራሱ ፣ ስምዒቱ ምርክዑ ካብ እንስሳ ዝፈልዮ ኣይኮነን፡፡

ስለዚ ሓደ ኣማኒ ሰብ ካብነፍሱ እትፈትዎም ነገራት ንላዕሊ ኣላህ ዝፈትዎ ነገር ከቐድም ይግበኦ፡፡ ናይ ኢኽላስ(ምንፃህ) ዝለዓለ ደረጅኡ ድማ ኢሕሳን(ምምልኻዕ ፣ ምፅባቕ) ማለት ኮይኑ እዚ ድማ ሓደ ስራሕ ኣብዝስርሓሉ ግዜ ንኣላህ ትሪኦ ከምዘለኻ እናሓሰብካ ብምስራሕ እንተ ዘይኪኢልካ ድማ ኣላህ ይሪኤልካ ከምዘሎ እናሓሰብካ ምስራሕ ማለት'ዩ፡፡ ኣላህ ከምዚ ይብለና፡-

إِنَّا أَنْزَلْنَا إِلَيْكَ الْكِتَابَ بِالْحَقِّ فَاعْبُدِ اللَّهَ مُخْلِصًا لَهُ الدِّينَ (2) أَلَا لِلَّهِ الدِّينُ الْخَالِصُ

*ንሕና ናባኻ ነቲ መፅሓፍ ብሓቂ ኣዉሪድናዮ ፣ ንኣላህ ሃይማኖት ኣንፂህካ ተገዛኣዮ(2) ፍፁም ንፁህ ሃይማኖት ንኣላህ ኢዩ(3) (ኣልዙመር-2-3)*

قُلْ إِنِّي أُمِرْتُ أَنْ أَعْبُدَ اللَّهَ مُخْلِصًا لَهُ الدِّينَ (11)

*ሃይማኖት ንኣላህ ንዕኡ ኣንፂሀ ንክግዝኦ ተኣዚዘ በል፡፡ (ዙመር-11)*

ኢብሊስ(ሸይጣን) እዉን ካብ ዳኣላህ ዝነበሮ ቅርበት ክስጎግ ከሎ ከምዚ ኢሉ ተዛረበ፡፡

قَالَ رَبِّ بِمَا أَغْوَيْتَنِي لَأُزَيِّنَنَّ لَهُمْ فِي الْأَرْضِ وَلَأُغْوِيَنَّهُمْ أَجْمَعِينَ (39) إِلَّا عِبَادَكَ مِنْهُمُ الْمُخْلَصِينَ (40)

*(ኢብሊስ ከኣ) ኦ! ጎይታይ ንዓይ ብምጥማምካ ይኹነኒ ፣ ንዕኦም ኣብምድሪ(ሓጢኣት) ክሽልመሎም ንብምልኦም ከጥምሞም እየ በለ(37) ብዘይካ ካብኦም ንፁሃትን ምእዙዛትን ባሮትካ(40)(ኣልሒጅር 39-40)*

ኣብዚ ዓንቀፅ እንግንዘቦ እቶም ንፁሃትን እንትተርፉ ሸይጣን ኣብቶም ካልኦት ናይ ኣላህ ባራዩ ፀገምን ፅዕንቶን ክስዕብ ከም ዝኽእል'ዩ። ሸይጣን ኣብቶም ንፁሃት ናይ ኣላህ ባራዩ ስልጣንን ሓይልን ዘይብሉ ምኻኑ ባዕሉ ኣላህ ይዛረብ።

قَالَ هَذَا صِرَاطٌ عَلَيَّ مُسْتَقِيمٌ (41) إِنَّ عِبَادِي لَيْسَ لَكَ عَلَيْهِمْ سُلْطَانٌ إِلَّا مَنِ اتَّبَعَكَ مِنَ الْغَاوِينَ (42)

*(ኣላህ ከኣ) እዚ ኣባይ ቀጥታዊ መንገዲ እዩ በለ(41) ኣብባሮተይ ስልጣን የብልካን ብዘይካ ሰብ ሰሓትያን (ግጉያት) ዝሰዓበካ(42)። (ኣልሒጅር 41-42)*

ኣብ ሱረቱል ኢስራእ ዓንቀፅ 65 ነዚ ላዕለዋይ ዓንቀፅ ኣላህ እንተጠናኽሮ ከምዚስዕብ ይብለና።

إِنَّ عِبَادِي لَيْسَ لَكَ عَلَيْهِمْ سُلْطَانٌ وَكَفَى بِرَبِّكَ وَكِيلًا (65)

*ኣብባሮተይ ስልጣን የብልካን መመከሒ ብጎይታኻ ኣኺሉ65 (ኣልኢስራእ-65)*

ሓደእዋን ሓደ መንእሰይ ሓንቲ ጓል ንጉስ ኣፍቂሩ ናብ ደገኣፍ ገዝኣ ከይዱ ኣንኳሕኩሐ። ንሳ እዉን ከፈተትሉ ብድሕሪኡ ከምዘፍቅራ ነገራ። ንሳ ድማ ሓደ ሽሕ ዲርሃም ሃብዎ እሞ ኣባሩሩለይ በለት። ኣቶም ሓለዉቲ ወታደራት እዉን ሓደ ሽሕ ሂቦም ሰጎግዎም። እቲ መንእሰይ ግን ምምልላስ ኣይሓደገን ሓደ ማዓልቲ መፂኡ ነታ ጓል ንጉስ ብሓደ ግዜ ዓሰርተ ሽሕ ዲርሃም እንተሂባቶ ከምዘይምለስን ከምዘይጭቅጭቓን ኣብዝነገራ እዋን ከምዚስዕብ በለት። እምበኣር ንዓይ ዘይኮንካስ ንገንዘበይ ፈቲኻ ኢኻ ትመላለስ

ዝነበርካ በለት፡፡ እምበኣር ንዓይ ዘይኮንካስ ንገንዘበይ ፈቲኻ ኢኻ ትመላለስ ዝነበርካ፡፡ ካባይ ንላዕሊ ንካልእ ነገር ኣብሊፁ ዝፈተወ ከምይ ዓይነት ቅፅዓት ዝቐፅዖ ይመስለካ? ኢላ ሓተተቶ፡፡ ነቶም ወታድራታ ክቐትልዎ ኣዘዘት ከኣ ተቐተለ፡፡ ነዚ ዛንታ ዝሰምዐ ዝነበረ ሓደ በሊሕ ህሊና ዘለዎ ሰብ ኣእምርኡ ስሒቱ ወደቐ፡፡ ምስ ነቐሐ እዉን ከምዚ በለ፡፡ ኦ! ኣዕሩኽተይ እስኪ ተዓዘቡ ናይ ሓሶት ፍቕሪ ቅፅዓቱ ኣብዛ ዓለም እንታይ ከምዝኾነ? ንኣላህ ንፈትዎ ኢና እናበሉ ነገርግን ናይ ኣላህ ፍቕሪ ብዘይረብሕ ዝልዉጡ ሰባት ኣብ ዳሕረወይቲ ዓለም እንታይ ዓይነት ቅፅዓት ዝፅበዮም ይመስለኩም?

ኣብ ናይ እስልምና ኣምልኾ(ዒባዳ) ናይ ስራሕ ክፍፍል (ምደባ) ከምኢኽላስ (ምንፃህ) ከቢድን ወሳንን ነገር የለን፡፡ ነዚ ድማ ኣላህ ከምዚ ይሕብር፡፡

إِنَّكُمْ لَذَائِقُو الْعَذَابِ الْأَلِيمِ (38) وَمَا تُجْزَوْنَ إِلَّا مَا كُنْتُمْ تَعْمَلُونَ (39) إِلَّا عِبَادَ اللَّهِ الْمُخْلَصِينَ (40) أُولَئِكَ لَهُمْ رِزْقٌ مَعْلُومٌ (41) فَوَاكِهُ وَهُمْ مُكْرَمُونَ (42)

*ንስኻትኩም ዘሳቒ መቕፃዕቲ ኣስተማቐርቲ ኢኹም(38) ትገብርዎ ንዝነበርኩም እምበር ካልእ ኣይትዕሰቡን(ኣይትኽፈሉን)(39) ብዘይካ ዝነፅሁ ባሮት ኣላህ(መቅፃዕቲ ኣይጥዕሙን)(40) ንሳቶም ፍሉጥ ሺሻይ ኣለዎም(41) ፍረታት ኣለዎም(ንሳቶም ዝኽበሩ እዮም)(42) (ሳፋት 38-42)*

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا عَلَيْكُمْ أَنْفُسَكُمْ لَا يَضُرُّكُمْ مَنْ ضَلَّ إِذَا اهْتَدَيْتُمْ إِلَى اللَّهِ مَرْجِعُكُمْ جَمِيعًا فَيُنَبِّئُكُمْ بِمَا كُنْتُمْ تَعْمَلُونَ (105)

*ኦ! ኣንቱም ዝኣመንኩም ነፍስኹም(ካብ ሓዊ) ሓዙ (ሓልዉ) እንተተመራሕኹም ዝስሓተ ኣይጉድኣኩምን ናይ ኩሉኹም መምለሲ ናብኣላህ እዩ፡፡ ትገብርዎ ዝነበርኩም ከኣ ይነግረኩም (105) (ማኢዳ-105)*

ኢኽላስ(ምንፃህ) ንሓደሰብ ኣብስርሑ ካብኣላህ ወፃኢ ንዘለዉ ኣካላት ንክይድርብ ፣ ንከየሽርክ ዝጠቕሞ'ዩ። ዓለማዊ ኮነ ሃይማኖታዊ ጥቕምታት ዓላማ ጌርና ንክይንሰርሕ ይሕልወና። ስለዚ ኢኽላስ ማለት ካብ ጌጋ(ረሳሕ ኒያን)) ዝነፅህ ብምኳኑ ልክዕ ከምፀባ ካብ ናይ ደምን ፈረስን ተፃርዩ ንፁህ ኮይኑ ዝወፅእ ስራሕ'ዩ።

وَإِنَّ لَكُمْ فِي الْأَنْعَامِ لَعِبْرَةً نُسْقِيكُمْ مِمَّا فِي بُطُونِهِ مِنْ بَيْنِ فَرْثٍ وَدَمٍ لَبَنًا خَالِصًا سَائِغًا لِلشَّارِبِينَ (66)

*ኣብማል(መጓሰኹም) ብርግፅ ኣብነት ኣለኩም። ኣብ ከስዕእን ካብዘሎ ካብሞንጎ ፈርስን ደምን ፅሩፍ ፀባ ንሰተይቲ ምቑዉ ነስትዮም (66) (ኣልነሕል-66)*

ናይ ቁርኣን ፈሰርቲ እዚ ኣብላዕሊ ዘሎ ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ እንተብራህሩሁ ፀባ ካብ ደምን ፈርስን ከምዝወፅእ ልክዕ ኢኽላስ ድማ ስራሕና ንምንፃህ(ንምዕራይ) ይጠቕመና።

ነቢ ሙሳ(ዓ.ሰ) ካብህዝቦም ሰብዓ ዓበይቲ ዓዲ ክመርፁ ክለልዩ ኣላህ(ሱ.ወ) ኣዘዞም። ነቢ ሙሳ እዚ ናይ ኣላህ ትእዛዝ ንህዝቢ ኣብ ዝእዉጅሉ እዋን ሰለስተ ሰባት ካብህዝቦም ንሕና ዝሓሸና ኢና ኢሎም ንባዕሎም ስለዝሓሰቡ ንነፍሶም ጠቆሙ። ኣብቲ ግዜ ቲ ኣላህ(ሱ.ወ) እንደገና ናብ ነቢ ሙሳ ወሕዩ ኣዉረደ። ከምዚስዕብ እዉን በለ ፣ እዞም ሰለስተ ሰባት ካብ ህዝቢ ብሙልኡ ናባይ ብጣዕሚ ፅሉኣት 'ዮም። ምኽንያቱ ካብ ህዝቢ ንላዕሊ ንነፍሶም ከም ንፁሃትን ሓቀኛታትን ጌሮም ስለዝሓሰቡ።

ናይ ነቢዩ ዒሳ(ዓ.ሰ) ሓወያት ኢክላስ ዘለዎ ስራህ ማለት እንታይ ከምዝኮነ ተጠይቆም ብከምዚ ይምልሱ፣ ዋላ ሓንቲ ናይ ዓለማዊ ጥቕሚ ዓላማ ከይገበርካ ንኣላህ ፍቶት ጥራይ ኢልካ ዝስራሕ ስራሕ ብምባል መለሱ።

ኩሉ ኣማኒ ክፈልጦ ዝግብኦ ነገር ኢኽላስ ዘበላሹ(ኢ-ኢኽላስ) ነገራት እንመን ምዃኖም 'ዩ። ኢኽላስ ዘበላሸዉ ነገራት ሙናፊቅነት(ምስሉይነት) ፣ ክርአ(ርአዩለይ) በሃላይነት፣ ንኣላህ ንክተፍቱ ኢልካ ዘይኮነስ ንናይ ዓለማዊ ጥቅሚ ኢልካ ስራሕ ምስራሕ (ማለት እዉን ካብ ኣላህ ወፃኢ ዘለዉ ኣካላት ክፈትወልካ ፣ ክንእዱና ፧ ከመስግኑና ተባሂሉ ዝስራሕ ስራሕ ዉሽጣዊ(ሽፋን) ሽርኪ ይበሃል። እስኪ ናይ ሙናፊቅና ናይ ክርእየሉ ኢሉ ዝሰርሕ ሰብ ናይ መወዳእታ ሕማቕ ዉፅኢት ንምርዳእ ነዚ ዝቕፅል ሓዲስ ንታዓዘብ።

ኣቡሁረይራህ ካብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዘመሓላለፍዎ ሓዲስ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከምዚ ኢሎም ይብሉና፦ ኣላህ(ሱ.ወ) ቂያማ መዓልቲ ኣብሰለስተ ሰባት ቅድሚ ኩሉ ፍርዱ የስፍን። ንሳቶም እዉን እቲ ናይ መጀመርያ ሰብ ኣብዱንያ ዝተሰወአ ሰብ እዩ። ከምዚ ዝቕፅል ኣላህ የዘራርቦ።

ኣላህ(ሱ.ወ) ኣብዱንያ ብዙሕ ዓይነት ሽሻይን ፀጋን ገይረልካዶ ኔይረ? እቲ ሰብ፦ እወ! ብደንቢ ብዙሕ ሺሻይ
ኣላህ(ሱ.ወ) ነዚ ዝገበርኩልካ ፀጋታት ክትብል እንታይ ኣወፈኻ?
እቲ ሰብ፦ ጎይታይ ንዓኻ ክብል ሽሂድ ኮይነ(ተሰዊአ)

ኣላህ(ሱ.ወ) ሓሲኻ(ሓሶት ተዛሪብካ) ንስኻ ዝተዋጋእኻን ዝሞትካን ንዓይ ኢልካ ዘይኮነስ ሰባት ክንእዱኻን ጀግና ክብሉኻን ኢኻ። ከምኡ ድማ ኢሎምኻ እዮም። ካብኡ ኣላህ(ሱ.ወ) ንመላኣይካታቱ ነቲ ሰብ ናብ ሓዊ ክዉርዉርዎ ይእዝዞም ፧ ከኣ ይዉርዉርዎ።

ካብኡድማ ኣላህ(ሱ.ወ) ናብቲ ካልኣይ ሰብ (ኣብ ዱንያ ዓሊም(ምሁር)) ዝነበረ ድማ የዘራርቦ፦ ኣላህ(ሱ.ወ) ከምዚ ፣ ከምዚ ዓይነታት ሽሻታተይ ሂብካዶ? ኔረ እናበለ ኣላህ ፀጋታቱ ይዝርዝረሉ። እቲ ሰብ ፣ እወ ጎይታይ ብደንቢ እምበር ኢሉ ይምልስ።

ኣላህ(ሱ.ወ) እስኪ እዚ ኹሉ ሽሻይ ስለ ዝሃብኩኻ ንዓይ ክትብል እንታይ ሰሪሕካ? ኢሉ ይሓቶ። እቲ ሰብ፦ ጎይታይ ኣነ ናትካ ፍቕሪ ደልየ ተማሂረ ንሰባት እዉን የምህር ኔይረ።

ኣላህ(ሱ.ወ)፦ ሓሲኻ (ሓሶት ተዛሪብካ) ንዓይ ኢልካ ዘይኮንካስ ሰባት ዓሊም ፣ ምሁር ክብሉኻ ደሊኻ ኢኻ ዝተማሃርካ ንሰባት'ዉን ዘምሃርካ። ድማ ከምኡ ኢሎምካ 'ዮም። ኣላህ ይኞፅል ስለዚ ሎማዓንቲ ምሳይ ሓንቲ ዓስቢ (ኣጅሪ) የብልካን። ነቶም መልኣይካታቱ ናብ ሓዊ ክድርብይዎ ይእዝዞም። ድማ ይድርብይዎ። ድሕርዚ ኣላህ(ሱ.ወ) ነቲ ሳልሳይ ሰብ ናብ ፍርዲ ኣቕሪቡ የዘራርቦ። እቲ ሰብ ሃብታም ዝነበረ እዩ ከምዚ ይኞፅል

ኣላህ(ሱ.ወ)፦ ብዙሕ ዓይነት ፀጋ ሂበካዶ ኔረ? ኢሉ ፀጋታቱ ይዝርዝረሉ

እቲ ሃብታም፦ እወ ጎይታይ፦ ኢሉ ኣላህ ብዝሃቦ ፀጋ የስተማቕር ከምዝነበረ ይኣምን

ኣላህ(ሱ.ወ)፦ ነዚ ኩሉ ዝገበርኩልካ ፀጋታት ክትብል ንዓይ ኢልካ እንታይ ሰሪሕኻ?

እቲ ሃብታም፦ ንስኻ ኣብትፈትዎ ነገራት ገንዘበይ የወፊ ኔረ ድኻ የብልዕ ኔረ።

ኣላህ(ሱ.ወ)፦ ሓሲኻ (ሓሶት ተዛሪብካ) ገንዘብ ተዉፅእን ትህብን ዝነበርካሉ ምኽንያት ንዓይ ኢልካ ከይኮንካስ ሰባት ወሃባይ ለጋስ ክብሉኻ እዩ። ከምኡ ድማ ተባሂልካ ኢኻ። ስለዚ ሎማዓንቲ ኣባይ ዓስቢ(ኣጅሪ) የብልካን። ኣላህ ነቶም መልኣይካታት ናብ ሓዊ ክድርብይዎ ይእዝዞም። ድማ ይድርብይዎ። ኣብ ኢስላም ዓብዪ ቦታ ዘለዎ ስራሕታት ብጣዕሚ ዉሑዳት 'ዮም። ይኹንደኣ እምበር ካብዚ ሓዲስ ክንርድኦ ኩሉ ዓይነት ናይ ኢስላም ስራሕ ብኢኽላስ እንተዘይኮይኑ መወዳእትኡ ክሳራ ከምዝኾነ 'ዩ። ኢማን(እምነት) ብኣፍ ጥራሕ ዝዝረብ ዘይኮነስ ኢስላም ዝኣዘዞን ኩሉ ዝኸልከሎን

ሕግጋት ሙስሊም ወዲተባዕታይ ኮነ ጓልኣንስተይቲ ብኣፍ ዝዝረብ ብቐልቢ ዝእመን ብናይ ሰዉነት ክፍለ ኣካላት ድማ ዝትግበር እዩ። ሙስሊሚን ካብ ናታቶምን ድሌት ናይ ጎትኦም ድሌት የቐድሙ። ሙናፊቓን (ምስሉያት) ድማ ቅድሚ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ድሌት ናይ ነፍሶም ዓለማዊ ድሌቶም የቐድሙ። ንሳቶም ዘይረብሕ ስምዒቶም ከምጎይታ ገይሮም ብምሓዝ ብስም ኢስላም ኣብኢስላምን ሙስሊሚኒን ተንኮል ምፍሓስን ፀገም ምፍጣር እዩ ዓለማኦም ከምኡዉን ስርሖም። ነዚ ድማ ብዝምልከት ኣላህ(ሱ.ወ) ዝቐፅል ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ ኣዉሪዱ እዩ።

أَفَرَأَيْتَ مَنِ اتَّخَذَ إِلَهَهُ هَوَاهُ وَأَضَلَّهُ اللَّهُ عَلَى عِلْمٍ وَخَتَمَ عَلَى سَمْعِهِ وَقَلْبِهِ وَجَعَلَ عَلَى بَصَرِهِ غِشَاوَةً فَمَنْ يَهْدِيهِ مِنْ بَعْدِ اللَّهِ أَفَلَا تَذَكَّرُونَ (23)

*ንዝንባለኡ(ስምዒቱ) ኣምላኽ ዝገበረን ኣላህ ከኣ ምስ ፍልጠቱ ዘስሓቶን ኣብልቡን ኣብእዝኑን ዝሓቶምን ኣብዓይኑ እዉን ሽፋን ዝገበረሉ ርኢኻዶ? እሞ ድሕሪ ኣላህ ዝመርሖ መን'ዩ? ኣይትመዓዱን? (23 ኣልጃሲያህ)*

ኣላህ ኣብዚ ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ ዝምድና ንዕኡ ኣብእንገዝኣሉ ከይዲ ዘይረብሕ ዝኾነ ድልየትን ስምዒትን ክንክተል ከምዘለና'ዩ።

ነቢዩ(ሰ.ዐ.ወ) ኣብሓዲሶም ከምዝነግሩና ኢኽላስ ዘለዎ ቁሩብ ስራሕ ኢኽላስ ካብዘይብሉ ብዙሕ ስራሕ ኣዝዩ ከምዝበልፅ 'ዩ። ከምዚ ድማ ይብሉ፡- ስራሕካ ኣፅሪ(ኣንፅህ) ምኽንያቱ ቁሩብን ፅሩይን እኹል 'ዩ። ኣብ ካልእ ሓዲስ ኣቡሁረይራ ዘመሓላልፍዎ ሓዲስ ድማ ከምዚ ይብሉና፡- ኣላህ ኮ ኣካልኩም ኮነ ቅርፅኹም ኣይርኢን። እኳደኣስ ስራሕኹምን ልብኹምን'ዩ ዝርኢ። ኣላህ(ሱ.ወ) ንወድሰብ ዝፈጠረሉ ምኽንያት ኣየኒኦም ኣፀቢቖም ስራሕ ከምዝሰርሑ ንምዕዛብ'ዩ።

الَّذِي خَلَقَ الْمَوْتَ وَالْحَيَاةَ لِيَبْلُوَكُمْ أَيُّكُمْ أَحْسَنُ عَمَلًا وَهُوَ الْعَزِيزُ الْغَفُورُ (2)

*እቲ መንክም ተግባሩ ዝሓሸ ምኳኑ ክፍትነኩም ሞትን ህይወትን ዝፈጠረ ኢዩ ፧ ንሱ ክቡርን መሓሪን 'ዩ(2) (ኣል ሙልክ 2)*

ኣላህ(ሱ.ወ) ባሮቱ ኣብዝሰርሕዎ ስራሕ ንፅህና ኣለዎ የብሉን ንምፍታሽ(ንምዕዛብ) ዘኽእሎ ዝተፈላለየ መንገዲ ኣለዎ፡፡ ገሊኡ ነቲ ፅቡቕ ስራሕ ዝሰርሕ ሰብ ፀገምን ፈተናን ክበፅሖ ይግበር እንድሕርደኣ ተዓጊሶም ብፅንዓት ሓሊፎምዎ ንፁሃት ባሮቱ ምኳኖም ይረጋገፅ፡፡ ከምዚ ድማ ይብል፡-

أَحَسِبَ النَّاسُ أَنْ يُتْرَكُوا أَنْ يَقُولُوا آمَنَّا وَهُمْ لَا يُفْتَنُونَ (2) وَلَقَدْ فَتَنَّا الَّذِينَ مِنْ قَبْلِهِمْ فَلَيَعْلَمَنَّ اللَّهُ الَّذِينَ صَدَقُوا وَلَيَعْلَمَنَّ الْكَاذِبِينَ (3)

*ሰባት ኣሚና ብምባሎም ጥራይ ንሳቶም ከይተፈተኑ ክግደፉ ሓሲቦም ድዮም?(2) ነቶም ብቕድሚኦም ዝነበሩ ብርግፅ ፈቲንና ፧ ነቶም ብሓቂ ዝኣመኑ ኣላህ ብርግፅ ይፈልጥ ፣ ንሓሰዉቲ ከኣ ይፈልጥ(3) (ኣል-ዓንከቡት 2-3)*

እዚ ማለት ግን ርእዩለይን ስምዑለይን ከይኣትወና ፈሪሕና ሰናይ ስራሕ ካብ ምስራሕ ክንሓድግ የብልናን፡፡ ምኽንያቱ ሸይጣን ንወዲሰብ ሰናይ ስራሕ ንከይሰርሕ ካብዝጥቀመሉ መንገዲ ሓደ ነቲ ሰብ ሪያእ(ርእዩለይን ስምዑለይን) ፈሪሑ ስራሕ ጠጠዉ ከብል ይገብሮ፡፡ እዚ ድማ እቲ ሰብ ብዛዕባ ኢኽላስ (ንኣላህ ኢልካ ስራሕ ኣፅሪኻ ምስራሕ) ብዝግባእ ኣይተረደኦን ማለት'ዩ፡፡ ኣብዚ ግዜ ክንገብሮ ዘለና ስራሕ ዘይኮንና ጠጠዉ ነብል እኳደኣስ ነቲ ስራሕ ኣብ ንሰርሐሉ እዋን ንያና(ዓላማና) ምክትታል 'ዩ፡፡ ስለዚ ስራሕ ኣፅሪኻ ምስራሕ ቀሊል ከምዘይኮነ ተረዲእና ኣብ ግዜ ስራሕ ብሰንኪ ናይ ሕማቕ ዝኾነ ናይ ነፍስያ(ስምዒት) ዕንቅፋት ተደናጊፅና ስራሕ ክነቋርፅ የብልናን፡፡ እንድያውም ምስ ስምዒትና እናተቃለስና ኒያና(ሓሳብና/ዓላማና) እናንፃህና ኣብስራሕና ኢኽላስ ክህልዎ ምፅዓር'ዩ፡፡ ድሕርዚ ድማ እቲ ዝድለ ናይ ኢኽላስ ዝለዓለ ደረጃ

ንጎናፀፍ ማለት'ዩ። ነዚ ኩሉ ዝሕግዘና ድማ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ሓገዝ ክንሓቶ ኣለና።

# ምዕራፍ ሸዱሸተ

## ንኣላህ ምፍራሕን ንርህራሄኡ ተስፋ ምግባር

أَتُهْلِكُنَا بِمَا فَعَلَ السُّفَهَاءُ مِنَّا

*ካባና ደናቁር ብዝገበርዎ ተጥፈኣና?(155-ኣልዕራፍ)*

ኢብኑል ቀይም(ረ.ሐ) ዝተባሃለ ናይ ኢስላም ምሁር ብዛዕባ ሙእሚን እናተዛረቡ ከምዚ ይብሉ፡- ሓደ ሙእሚን ኣብዛ ዓለም ልክዕ ርእስን ክልተ ክንፊ(መንፈሪ) ዘለዎ ዒፍ'ዩ። እቲ ርእሲ ከም ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ፍቕሪ እንትኸዉን እቲ ክልተ መንፈሪ ድማ እቲ ሓደ ናይ ኣላህ ፍርሒ እንትኾነ እቲ ካልኣይ ድማ ካብ ኣላህ(ሱ.ወ) ዘለዎ ተስፋ'ዩ። ሙስሊም እዞም ክልተ ናይ መንፈስ መስርሕን እዚ ናይ ኣላህ ፍቕሪ ኣማሊኡ እዩ ናብ ኣላህ ብሰላም ክበርርን ክዓርግን ዝኽእል። እንተዘይኣለ ሓዲኡ መንፈሪኡ እንተበሊፁ ወይም እንተተሰቢሩ ብሰላም ኣይበርርን። ንኣብነት እንድሕርደኣ ንኣላህ(ሱ.ወ) ተስፋ ቆሪፁ ምስኣላህ ዘለዎ ርክብ የበላሽዎ። ከምዚ ልክዕ ድማ ኣብ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ሕዝነቱ ዘለዎ ተስፋ እንድሕርደኣ በዚሑ ኣላህ(ሱ.ወ) መሓራይ እዩ እናበለ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሓጢያት ብምዉዳቕ ናብ ክሳራ ይወድቕ። ስለዚ ድማ ሙስሊም ማለት ብዝሰርሖ ወንጀል ንኣላህ(ሱ.ወ) እናፈርሐ ጎኒንጎኒ ድማ ካብ ናይኣላህ ራሕመት ተስፋ እናገበረ ኣብማዕሪ ዝኾነ ሚዛን 'ዩ ዝነብር። ካብዚ

ሓሊፉ ግና ሓደ ሙስሊም ከም ከሓድቲ(ካፊራት) ካብ ኣላህ(ሱ.ወ) ረሕመት ተስፋ ሙሉእ ብሙሉእ ኣይቆርፅን ብኡ ልክዕ ድማ ትሉላት (ሽዉዳት) ኣብ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ረሕመት ተደሪኹን ንኣላህ ዘለዎ ፍርሓት ሙሉእ ብሙሉእ ካብ ልቡ ኣዉፂኡ ከምባህ ዝበለ ኣይዕንድርን። ሙስሊም ክጥንቀቕ ዝግብኦ ነገር ካብልክዕ ንላዕሊ ተስፋ ምግባርን ካብልክዕ ንላዕሊ ንኣላህ ምፍራሕን እዩም።

تَتَجَافَى جُنُوبُهُمْ عَنِ الْمَضَاجِعِ يَدْعُونَ رَبَّهُمْ خَوْفًا وَطَمَعًا وَمِمَّا رَزَقْنَاهُمْ يُنْفِقُونَ (16)

*ንጎይትኦም ብምፍራሕን (ረሕመቱ)ብምድላይን እናፀዉዑ ጎድንታቶም ካብ መጋደሚታቶም (ካብ መሃረሲኦም) ይፈናተቱ (ይለዓሉ) ፤ ካብ ዝለገስናዮም(ፀጋ) የዉፅኡ።*

ካብዚ እንርድኦ ሓደ ሙስሊም ካብ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ርሕመት ተታሊሉ ዝተሓንፀፀሉን ዝተኣዘዞን ናይ ኢስላም ግዴታት ካብ ምምላእ ኣይዘናጋዕን ፤ ከምእዉን ዘለዎ ርክብ ከቋርፅ የብሉን።

ብተፈጥሮ ኣብዘጋጥሙ ፀገማት (ምንቅጥቃጥ መሬትን፡ እሳተ ጎመራ) ናይ ወድሰብ (ሙስሊም) ህይወት ኣብፀገምን ተስፋ ምቁራፅን ከዉድቆ እዩ ዝርአ።

ሓደ ሙስሊም ጀነት ዝኣቱ ሓደሰብ ጥራይ እዩ። እንተዝበሃል ካብ ንኣላህ ዘለዎ ተስፋ ዝተላዕለ እቲ ሓደ ሰብ ኣነ ክከዉን ይኽእል'የ ኢሉ ተስፋ ምግባር። ከምኡዉን ሓደሰብ ጥራይ እዩ ጀሃነም ዝኣቱ እንተዝበሃል ድማ ካብ ንኣላህ(ሱ.ወ) ዘለዎ ፍርሓት ዝተላዕለ እቲ ሰብ ኣነ እየ ዝኸዉን ኢሉ ክሰግእ ኣለዎ። ብከምዚ ዓይነት ሚዛናዊ ኣካይዳ ድማ ክኸይድ ኣለዎ።

እቲ ሓያል ኣላህ(ሱ.ወ) ንደቂሰባት በብግዚኡ ብዝተፈላለዩ ዓይነት መቕፃዕቲ ንኣብነት ናይ መሬት ምንቅጥቃጥ ፣ እሳትጎመራ ፣ ምጥልቕላቅ ዉሕጅን ካልኦት ሰባትን ናይ ህይወት ዘድልዮ ነገር ኣብዝወድሙ ግዜ እዞም ነገራት ብኣጋጣሚን ብናይ ተፈጥሮ ሰበብ እዮም ተኸሲቶም እናበልካ ናይ ክትነቕሓሉን ክትጥንቀቀሉ ዝግባእ

ግዜ ምጥፋእ'ዩ። እኳደኣስ እዞም ኩሎም ዝኾኑ ደቂሰባት ኣብሓጢኣት ጠሊቖም እንትሕምሱን ካብ ኣላህ ርሒቆም እንተጉዓዙን ኣብዚ ግዜ ደቂሰባት ንኽነቅሑን ናብኣላህ(ሱ.ወ) ንክምለሱን ኢሉ ዘዉርዶ ቅፅዓት'ዩ። እንተዘይኣለ እዞም ኣብልዕሊ ወዲሰብ ዝበፅሑ ናይ ተፈጥሮ ችግራት ካብ ኣላህ(ሱ.ወ) ዝወርዱ እንተዘይኮይኖም ማለት እዉን ብናይ ባዕሎም መልዓሊ እንተኾይኖም ዝፍጠሩ (ካብ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ድሌት ትእዛዝን ወፃኢ) ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ሓይሉን ጥበቡን ትርጉም የብሉን ማለት'ዩ። ነገርግን እዚኩሉ ፀገም ኣብ ወድሰብ ዝበፅሐ ብናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ድሌት ትእዛዝን'ዩ። እዚ ድማ ዘሪአና ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ወሰን ዘይብሉ ሓይልን ጥበቡን ላዕለዋይነትን እዩ።

ፀሓይ በሪቓ ኣይትዓርብን ብዓይንና ወይ ድማ ብዜና ናይ ኣብ ዓለም ዘጋጥሙ ናይ ሰባት ምጥፋእ ምሟት ደም ምፍሳስ ፣ ገዛወቲ ምዕናዉ ፣ ካልኦት ፀገማት ክንሰምዕን ክንርኢን እንተኾይና ደኣምበር። እዚ ድማ ብናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ትንቢታዊ ኣዘራርባ ማለት እዉን ናይ ፍርዲ መዓልቲ እንትቃርብ እዞም ምልክታት ከምዝበዝሑ ዘረጋግፀልና'ዩ። ኣብዚ ግዜ ንናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዘረባ እናስተወስና ክንወስዶ ዘለና ስጉምቲን ክንዘጋጅዎ ዘለና ምዝግጃዉ ካብ ምቅልጣፍ ሓሊፍና ብናይ ሓደ ናይዚ ዘመን ምሁራት ብዝብልዎ ዘረባታት ነዚ ክስተት ዘይኮነ ትርጉም እናሃብና ግዜ ክነጥፍእ የብልናን። ነዚኩሉ ነገር ዝግንዘቡን ዘስተዉዕሉኑን ሰባት ግና እቶም ሰብ ዓቕሊን ህሊናን ጥራሕ እዮም።

እዚ ዩኒቨርስ (ሰፊሕ ዓለም) ብደንቢ ክንስተዉዕሎ እንተጀሚርና ኩሉነገር ማለት እዉን ካብታ ንእሽተይ ነገር ጀሚሩ ክሳብ እቲ ዓብዪ ዝበሃል ነገር ብናይ ስምዒት ሕዋስና እንበፅሖ ይኹን ዘይንበፅሖ ክስተታት ብምልኡ ብናይ ዉሳኔኡ ተወሲኑ ዝሓለፈን ብዝተወደአን ነገር ተኸቲሉ ይኸይድን ይክሰትን ከምዘሎ ምርዳእ ቀሊል'ዩ።

እዚ'ኹሉ ናይ ጎይታ ዝርአን ዝስማዕን ዘሎ ተኣምራት ኣይንቅበልን ኢሎም ናይ ኣላህ ሓያልነትን ምህላዉን ክክሕዱ ዝደልዩ ሰባት ነዚ ክስተት ብናይ ጎይታ ትእዛዝን ድልየትን እዩ ዝኸዉን ዘሎ ካብምባል ሓሊፉ "ተፈጥሮ እዩ" ዝብል ዘይኮነ ሽም ይሰይምዎ፡፡

እዚ ናይዚ ዓለም ዝርአ ክስተታትን ምንቅስቃስን ብምኽንያታዊን (ሰበብ) ሳዕቤንን(ዉፅኢቱን) ብናይ ጎይታ ድልየትን ሓይልን ዝንቀሳቀስ ምዃኑ ምእማንን ምርዳእን 'ዩ፡፡ ብርግፅ ጎይታ ነዚ ዝፍጠሩ ዝክስቱ ነገራት ኩሉ ሰበቡን ዉፅኢቱን ንኽነፅዕ እንተዝፈቅድ ኔሩ ዋላ ሓደሰብ ሰበቡን ዉፅኢቱን ንምፍላጥ ንምርዳእን ኣይምደፈረን፡፡ ስለዚ ድማ እቶም ሕሊና ዘለዉወም ምሁራት ሰባት ሓደ ነገር ካብ ዝፍጠር ነቲ ዝተፈጠረ ዘይኮነ ዝምልከቱ ነቲ ነገር ዘኸሰተ ዝኾነ ኣካል ኣላህ(ሱ.ወ) እዮም ዝምልከቱ፡፡ ኣላህ ምህላዉ ዝክሕዱ ሰባት ግና ናይቲ ዝተፈጠረ ነገር መልዐሊኡን ምኽንያቱን ንምርካብ ብዓይኒ ዝርአ ሰበብ እናደላለዩ ሓደሻዕ ናይ ከባቢ ኣየር ምዝባዕ ይብሉ ፣ ሓደሻዕ ናይ መሬት ዙረት ብምዝባዕ እዩ እናበሉ ነቲ መንፈሳዊ ሓቂ ይዝንግዑ፡፡ ኣላህ(ሱ.ወ) ንደቂሰባት ካብቲ ትእዛዙ ወፂኦም ኣብ ዝዕንርድሉ ግዜ ነዞም ሰባት ክእርሞም ክደሊ ከሎ ጭጉራፍ(በትሪ) ምልዓሉ(ምጥቃም) ዘይቐሪ እዩ፡፡ ጭጉራፍ እዉን ከም ዝናብ ፣ መሬት ምንቅጥቃጥ ፣ ኣዉሎንፋስ ፣ ሓዊን ካልኦትን ዝመሳሰሉ ቅፅዓት'ዮም፡፡

ኣላህ(ሱ.ወ) ነቶም ሓቀኛታት ኣብዱንያ ብዝተፈላለዩ ፈተናን ፀገምን ብምፍታን ናይ ኢማኖም ጥንካረ ይፍትን የረጋግፅ፡፡ ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

وَلَنَبْلُوَنَّكُمْ بِشَيْءٍ مِنَ الْخَوْفِ وَالْجُوعِ وَنَقْصٍ مِنَ الْأَمْوَالِ وَالْأَنْفُسِ وَالثَّمَرَاتِ وَبَشِّرِ

الصَّابِرِينَ (155)

*ብገለ ካብፍርሕን ጥምየትን ክምእዉን ካብገንዘብን ካብነብስን ካብፍረታትን ብምጉዳል ብርግፅ ክንፍትነኩም ኢና ፤ ንፅጉሳት (ብገነት) በስሮም(በቀራ 155)*

ካልእ ይትረፍ ነቢታት(ዓ.ሰ) ምንም ወንጀል ዘይሰርሑ ኮይኖም እናሃለዉ ካብፈተና ግና ኣየምልጡን እንድያዉም ካብ ደቂሰባት ከቢድ ፀገም ዝበፅሖም ነቢታት'ዮም። እስቲ ነቢዩላህ ኣዩብ እንመልከት ነቢዩላህ ኣዩብ ኣብህዝቦም ተቐባልነት ዝነበሮምን ሃፍታምን እዮም ኔሮም። ግን ኣላህ ኣብዝነበሮም ናይ ኢማን ጥንካሬ ክፍትኖም ደልዩ። መጀመርያ ዝነበሮም ሃፍትን ኣሓታት ኣባግዕ ብምልኦም ብዉሑጅ ፀራሪጉ ኣጥፍኦም። ኣልሓምዱሊላህ ኢሎም ፀንዑ። ኣብ ዝቐፅል ድማ ዝነበሮም ናይ ኣዝመራ መሬት ብንፋስ ኣጥፈኦ። እንደገና ሰብሪ ገብሩ። ኣላህ በዚ ጠጠዉ ኣየበለን ፤ ኣብዝቐፅል ድማ ዝነበርዎም ደቅታቶም ብመሬት ምንቅጥቃጥ ጨረሶም። ነቢዩላህ ኣዮብ ግን ሕዚ እዉን ትዕግቲ ገበሩ። ኣላህ(ሱ.ወ) ናይ መጨረሻ ፈተና ክፍትኖም ደልዩ ሰዉነቶም ብምልኡ መልሓሶምን ዓቕሎም እንትተርፍ ኣቑሶሎም። ንብዙሕ ዓመታት እዉን ኣብስቃይ ብትዕግስቲ ኣሕለፍዎ። እቲ ርህሩህ ኣላህ ነዚ ኩሉ ትዕግስቶም ክክሕሶም ደልዩ ናይ ሰዉነቶም ዓፍያ እዉን መለስሎም። ቶም ዝነበሩን ካልኦት ዝበለፁ ደቅታት ለገሶም። ካብዚ ታሪኽ እንርድኦ ነገር ሓደሓደ ፀገማት ፈተናታት ኣብዝበፅሓና (ከም ዉልድ ምሟት ፣ ኣላህ ዝፈርሕ ዓርክኻ ፣ ሓዉካ ፣ መምህርካ ምሟት) ግን ትዕግስቲ ብምግባር ካብ ኣላህ(ሱ.ወ) ዓስብና(ኣጅሪ) ክንፅበ ከምዘለና'ዩ። እዚ ድማ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ሓዲስ ንመልክት፡-

ኣላህ(ሱ.ወ) ንሓደ ባርይኡ ካብ ቀደም ዝለዓለ ደረጃ ንክህቦ (ንከጎናፅፎ) ይዉስነሉ እሞ እዚ ሰብ እዚ ግን ነቲ ኣላህ ዘዘጋጀወሉ ቦታ ንኣላህ ብዝገበሮ ስራሕ (ሰላት፣ፆም፣ዘካት...) ኣይበፅሖን። ኣብዚ

ግዜ ኣላህ ሓደሓደ ፀገማት የብፅሓሉሞ እቲ ሰብ ድማ ብምዕጋሱ ነቲ ዝደለየሉ ቦታ የብፅሖ። (ሙስነድ ኣቡ የዕላ፡ሰሒሕ ኢብንሒባን)

ነቢዩላህ(ሙሳ) ንኣላህ ከዘራርቡ ናብ ናይ ሲና እንባ እናኸዱ እናሀለዉ ሓደሰብ ኣብ መንገዲ ይረኽቦም እሞ የዘራርቦም፡-

ኣንቱም ናይ ኣላህ ነቢ ናብ ኣለህ እንትትዘራርብዎ ናተይ ጉዳይ እዉን ክትጥይቁለይ ዝደልዮ ነገር ኣሎ በሎም። ነቢ ሙሳ ድማ እንታይ እዩ ጉዳይካ በልዎ? እሱ ድማ ኣይ እዚ ማ ናተይ ምስጢር 'ዩ በሎም። ነቢ ሙሳ(ዓ.ሰ) ኣብቲ ጫፍ ጎቦ ምስበፅሑ ንኣላህ ኣዘራሪቦም ምስ ወድኡ እቲ ሰብኣይ ዝነገሮም ነገር ንኣላህ ምእንታን ክህቦ ሓተትዎ(ለመንሉ) ፣ ኣላህ እዉን እሺ በለ። ነቢ ሙሳ ተመሊሶም ካብቲ እንባ ኣብዝወረድሉ ግዜ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ምስቲ ሰብአይ ዝተራኸብሉ ቦታ ምስ በፅሑ ጠጠዉ በሉ። ነቲ ሰብኣይ ኣላህ ከምዝተቐበሎ ክነግርዎ እዮም ሓሲቦም ኔሮም ፣ ነገርግን ኣብቲ ቦታ ዝፀንሖም እቲ ሰብኣይ ዘይኮነስ ናይቲ ሰብኣይ ሰዉነት ብናይ ዱር ኣራዊት ተበሊዑ ተርፍመረፍ ኣካሉ'ዩ። ኣብዚ ግዜ ነቢ ሙሳ(ዓ.ሰ) ንኣላህ ተመሊሶም ከምዚ በልዎ። ኣንታ ጎይታይ ናይዚ ነገር ምሽጥር እንታይ'ዩ? ናይቲ ሰብኣይ ልመናስ እንታይ'ዩ ኔሩ? ኣላህ ድማ ከምዝስዕብ በሎም።

እዚ ባርያይ ፅቡቕ ሰራሕ ሰሪሑ ክበፅሖ ዘይኽእል ደረጃ ሓቲቱኒ ኔሩ ፣ ኣነ ድማ ነቲ ቦታ ከብፅሖ ስለዝደለኹ ነዚ ፀገም ክሽከም ገበርክዎ።

ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ሓደ እዋን ከምዚ በሉ፡-

ኣላህ(ሱ.ወ) ንሓደ ባርያ ፀገም እንድሕር ኣብዒሕሉ ወይ ወንጀሉ ይሓጠሉ ፣ ወይ ድማ ደረጅኡ ልዕል የብሎ። (ሙስነድ ኣሕመድ)

ስለዚ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ኣብዛ ዓለም ዘዉርዶ ፈተናን ፀገምን ተስፋ ከቁርፀና ከምዘይግብኦ ልክዕ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ርሕመቱ ስፍሓት

እዉን ንዕኡ ብፅናዓት ካብ ምምእዛዝን ምግዛእን ንድሕሪት ከብለና የብሉን፡፡

ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ቅፅዓት ኣብደቂሰባት ዝወርድ ብዝሰርሕዎ ናይ ሓጢኣት ዓይነትን ክብደትን እና ተመዘነ'ዩ፡፡ ከምኡዉን ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ርሕመትን ፀጋን ሽሻያትን ዝወርድ ብናይ ደቂሰባት ናብ ኣላህ(ሱ.ወ) መንገዲ ብዝተመለሱ ልክዕ'ዩ፡፡

ካብዚ እንርድኦ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ቅፅዓት ዝጅምርን ዘብቅዕን እንድሕርደኣ ናይ ደቂሰባት ኣብ ኣላህን ምስኡን ዘለዎም ርክብን ምዝባዕ እንትጀሚሩን ምስሰማይ ዘለዎም ርክብ እንተቋሪፁን 'ዩ፡፡ ነዚ ድማ ኣላህ(ሱ.ወ) ከምዚ ይብለና፡፡

إِنَّ اللَّهَ لَا يُغَيِّرُ مَا بِقَوْمٍ حَتَّى يُغَيِّرُوا مَا بِأَنْفُسِهِمْ

*ኣላህ(ሱ.ወ) ኣብህዝብታት ንዘሎ ፀጋ ኣብነብሶም ንዘሎ(ሱናታት) ክሳብ ዝቕይሩ ኣይቕይርን፡፡ (ኣልራዕድ-11)*

ኣብመሬት ዝፍጠርን ብኽለትን ፀገማትን ዕንወትን ብናይ ደቂሰባት ብዝሰርሕዎ ሓጢያትን ወንጀልን ሙኳኑ ኣላህ(ሱ.ወ) ከምዚ የርድአና፡፡

فَكُلًّا أَخَذْنَا بِذَنْبِهِ فَمِنْهُمْ مَنْ أَرْسَلْنَا عَلَيْهِ حَاصِبًا وَمِنْهُمْ مَنْ أَخَذَتْهُ الصَّيْحَةُ وَمِنْهُمْ مَنْ خَسَفْنَا بِهِ الْأَرْضَ وَمِنْهُمْ مَنْ أَغْرَقْنَا وَمَا كَانَ اللَّهُ لِيَظْلِمَهُمْ وَلَكِنْ كَانُوا أَنْفُسَهُمْ يَظْلِمُونَ (40)

*ንኹሉ ብሓጢያቱ ሒዝናዮ ፣ ካብኦም ፀፀር ሓዘል ንፋስ ዝለኣኽናሉ ፣ ካብኦም ብርትዕቲ ድምፂ ዝሓዘቶ ፣ ካብኦም ምድሪ ዝገምጠልናሉ ፣ ካብኦም ዘይሓዝናዮ ኣሎ ፣ ኣላህ በዳሊኦም ኣይነበረን ግን ነፍሶም ይብድሉ ነበሩ(41) (ኣል-ዓንከቡት(41)*

**ظَهَرَ الْفَسَادُ فِي الْبَرِّ وَالْبَحْرِ بِمَا كَسَبَتْ أَيْدِي النَّاسِ لِيُذِيقَهُمْ بَعْضَ الَّذِي عَمِلُوا لَعَلَّهُمْ يَرْجِعُونَ (41)**

*ብሰንኪ እቲ ኣኢዳዉ ሰባት ዝገበርዎ ክፍል(ቅፅዓት) ክጥዕሞም (ከም ምንቅጥቃጥ ምድሪ ወዘተ…) ምእንታን ክምለሱ እቲ መዓት ኣብመሬትን ኣብባሕርን ተጋህደ (42) ኣል ሩም (42)*

**ኣላህ(ሱ.ወ) ደቂሰባት ብዝሰርሕዎ ሕድሕድ ወንጀል እንተዝተሓሳስቦምን እንተዝቀፅዖምን ኣብመሬት እንኳን ወድሰብ እንስሳ(ህይወት ዘለዎነገር) ኣይምተረፈን ፤ ኩሉ ምሃለቐ ኔሩ። ግና ኣላህ(ሱ.ወ) ብዙሕ ነገር ዓዉፍ(ይቕሪ) ስለ ዝብል ደኣምበር። ነዚድማ ኣላህ ከምዚስዕብ ይብል፡-**

**وَلَوْ يُؤَاخِذُ اللَّهُ النَّاسَ بِظُلْمِهِمْ مَا تَرَكَ عَلَيْهَا مِنْ دَابَّةٍ وَلَكِنْ يُؤَخِّرُهُمْ إِلَى أَجَلٍ مُسَمًّى فَإِذَا جَاءَ أَجَلُهُمْ لَا يَسْتَأْخِرُونَ سَاعَةً وَلَا يَسْتَقْدِمُونَ (61)**

*ኣላህ ንሰባት ብበደሎም እንተዝሕዞም ኣብ ልዕሊኣ(መሬት) ካብ ተንቀሳቃሲ ኣይምገደፈን ግን ክሳብ እቲ ዝተወሰነ ግዜ የፅንሖም ፤ ግዜኦም ኣብዝመፅሉ ሓንቲ ሰዓት ኣይድሕሩን ኣይቕደሙን(61) (ኣልነሕል-61)*

**ነዚ ብተፀራሪ ድማ ደቂሰባት እንድሕርደኣ ንኣላህ(ሱ.ወ) ተኣዚዞምዎም ብዝግባእ ተገዚኦምዋ ኣላህ ብዙሕ ሺሻይ ከም ዘውርደሎም ቃል ኣትዩ። ነዚ እዉን፡-**

**وَلَوْ أَنَّ أَهْلَ الْقُرَى آمَنُوا وَاتَّقَوْا لَفَتَحْنَا عَلَيْهِمْ بَرَكَاتٍ مِنَ السَّمَاءِ وَالْأَرْضِ وَلَكِنْ كَذَّبُوا فَأَخَذْنَاهُمْ بِمَا كَانُوا يَكْسِبُونَ (96)**

*ሰባት እታ ቑሸት እንተዝኣምኑን እንተዝጥንቀቑን ካብሰማይን ካብምድርን በረኸታት (ፀጋታት) ምኸፈትናሎም ፤ ግን*

*ኣሐሰዉ (ሓሶት በሉ) በቲ ዝገብርዎ ዝነበሩ ኣህሊ ቐናዮም። (ኣዕራፍ-96)*

ስለዚ ኣብልዕሊ ደቂሰባት ዝወርድ ፀገም ኢዶም ብዝሰርሐቶ ሓጢያት እዩ። ናይ ካብ ነዚድማ እቲ ናይ ዉሽጣዉን ጋህዳዉን ፈላጣይ ዝኾነ ኣላህ(ሱ.ወ) ከምዚ ይብል፦

*መፍትሕታት ስዉር ፍልጠት ምስኡ እዮም ፤ ብዘይክኡ ማንም ኣይፈልጣን ፤ ኣብምድርን ኣብባሕሪን ንዘሎ ይፈልጥ ፣ ካብቆፅሊ ሓንቲ እኳ ኣይትረግፍን ዝፈልጣ እንተኾነት እምበር ፤ ዋላ ዝደቐቐት ፍረ ኣብፀልማታት መሬት ካብ ጥልሱን (ርሕሱን) ንቑፅን ኣብመፅሓፍ (ዝተመዝገበ) እንተኾነት እምበር ሓንቲኳ የላን።*

ብሰንኪ ጠንካራ ብዘይኮኑ ዝተሰርሑ ኣቑሕትን ጥረነገራትን ህንፃን ወይ ካልኦት መሰረተልምዓት ኣይፈርሱን ወይም ኣይፀድፉን ማለትና ኣይኮነን ብኻሊእ ኣበሃህላ ዋላኳ ወንጀል(ሓጢያት) እንተዘይበዝሐ እንድሕርደኣ እቲ ዝተሰርሐሉ ጥረነገር ፅቡቕን ጠንካራን እንተዘይኮይኑ ህንፃ ይድርመሱ መራኽብቲ ይሰጥማ ፤ መኪናታት ይግምጠላ እየን። ነዚ ጎኒንጎኒ ግን ህንፃታት ናይ መንዓዝያታትን ካልኦት ናይዛ ዓለም ምህዞታት ኮነ ፍጥረታት ዋላኳ ካብ ጠንካራ ዝኾነ ጥረነገር ዘተሰርሑ ይኹኑ ደኣምበር ብኡልክዕ ግን ወንጀል እንድሕር በዚሑ ምድርማሶምን ምድምሳሶምን ኣይቐርዮምን።

ብኻልእ *መንገዲ ንመፃኢ* ክፍጠሩ(ክኸሰቱ) እዮም ተባሂሉ ግምት ዝተወሃበሎም ፀገማት ንዖኦም ዝግጅት ምግባር ኣየድልን ማለትና ኣይኮነን። ነገርግን ድሕሪ ቲ ነገር ምፍፃሙ ግን ኩሉነገር ናብኣላህ ኢና ክነፅግዖ ዘለና። ነዚ ድማ ሰይድ ዑመር ናይ ሙእሚኒን ካልኣይ ኸሊፋ ብኽወድቕ ዘዛዘወ መንደቕ እናጎይዩ ኣብዝሓልፍሉ ግዜ ተኸተልቶም ከምዚ በልዎ። ኣንቱም ናይ ምእመናት መራሒ ኣላህ(ሱ.ወ) ካብ ዝወሰነልኩም (ቀደር) ክተምልጡ ብምሕሳብ ዲኹም

ዝኀየኹም? ሰይድ ዑመር (ረ.ዓ) ብከምዚ መለሱ፡- ካብቲ ሓደ ናይ ኣላህ ቀደር ናብቲ ካልኣይ ናይ ኣላህ ቀደር እየ ዘምለጥኩ። ምኽንያቱ እቲ መንደቕ ዝፀድፍ ብኣላህ ቀደር እዩ። እቲ ዝፀድፍ መንደቕ ከየርክበካ ምህዳም እዉን ናይ ኣላህ ቀደር እዩ። ብቁስ ኣካል ዝኣምኑ ሰባት (ሃይማኖት ዘይብሎም ሰባት) ናይ ተፈጥሮ ፀገም ኣብዝብፅሖም ግዜ ኣብቲ ፀገም ንምክልኻል ኣብዝገብርዎ ቅድመ ዝግጅትን ኣብቲ ናይቲ ፀገም(ፈተና) መልዐሊን ዝተጋነን ዝተዛብዐን እምነት እዩ ዘለዎ። ነዚ ድማ እዩም ሓደፀገም ኣብ ዘጋጥሞም ግዜ ከምዚ እንተዝኸዉን ኔሩ ከምዚ እንተዝኸዉን ነይሩ እናበሉ ሓዘን ኣየቋርፁን። ከምዚ ዝኾኑሉ ምኽንያት ድማ ነቲ ነገር ናብ ኣላህ(ሱ.ወ) ስለዘየፅግዕዎ እዩ። ነዚ ዘብራህርህልና ኣብነት ድማ፡-
ሓደ እዋን ኣብጃፓን ኣብክንዲ ናይ 7.4ሬ.ስ(ሬክተር ስኬል) 11.4ሬ.ስ ዓቐን ዘለዎ ናይ መሬት ምንቅጥቃጥ ኣጋጢሙ እንበል ፤ ነዚ ምእንታን ክፃወሩ ተባሂሎም ዝተሃነፁ ህንፃታት እውን ብሰንኪ ነዳዲ ትቦታት ምፍንዳእ እቶም ህንፃታት ሓሙኽሽቲ ብምኻኖም ኣብ20 ሰኮንድ ውሽጢ ሽድሽተ ሽሕ ህዝቢ ክሃልቁ ኪኢሎም ። ስለዚ ኣብዚ ግዜ ክንብሎ ዘለና እንታዩ እዩ? ቀደረላሁ ማሻአ ፋዓል(ኣላህ ወሲንዎ ዝደለዮ ነገር ድማ ገይሩ)

ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ባሮታት እስካብ ዝኾኑ ሓደ ፀገም ቅድሚ ምብፅሑ ጥንቃቀን ዝግጅትን ክንገብር ግዴታና ኢዩ ነገርግን ድሕሪ እቲ ፀገም ምኽሳቱ ዋይታ ክንሰምዕ የብልናን። ምኽንያቱ እቲ ነገር ዝቐሪ ኣይነበረን። እኳደኣስ ዋላኳ ቀዲምና ዝግጅት እንተገበርና እዚ ዝግጅትና ዝጠቕመና ነቲ ክኽሰት ዝኽእል ፀገም እንድሕር ብናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ውሳኔን ድሌትን ሙኻኑ እምነት ሃልዩናን ምስ ኣላህ(ሱ.ወ) ዘለና ርክብ እውን እንተተስተኻኺሉ 'ዩ። ካብዚ ሓሊፉ ግና አካይዳና ነዚ ብግልባጡ እንድሕር ኮይኑ መወዳእታና ምስ ናይ ሰሙድን ዓድን ህዝቢ ሓደ ዓይነት'ዩ ዝኸውን። ናይ ሰሙድ ህዝቢ

ንናይ ዓድ ህዝቢ ዝጠፍኡሉ ምኽንያት ብኣላህ(ሱ.ወ.) ዘይምእማኖምን ንናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ኩራ ስለዝተጋለፁን እዮም ካብምባል ገዲፎም እቲ ዝሰርሕዎ መንበሪ ህንፃታቶም ካብ እንባ ተኻዒቱን ተፀሪቡን ስለዘይተሰርሑ ኢዮም ዝብል እምነት ኔርዎም።እቲ ናይዓድ ህዝቢ ዝሰርሕዎ ህንፃታቶም ብጣዕሚ ዘይረብሕን ደካማን ህንፃ ስለዝነበረ እዩ ይብሉ ኔሮም። ቀዲሎም እውን ህንፃታቶም ልክዕ ከም ናትና ካብ እምባታት ተፀሪቦምን ተፈልፊሎምን ዝተሰረሑ እንተዝኾኑ ኔሮም ኣይምጠፍኡን ይብሉ ነበሩ። ስለዚ እውን ገዛውትና ብጣዕሚ ካብጠንካራ ዝኾኑ እንባ ምስራሕና ንናይ ተፈጥሮ ዝመፅእ ዝኾነ ዓይነት ፀገም ክንፃወሮ ኢና ይብሉ ነበሩ።

ብርግፅ ናይ ሰሙድ ህዝቢ ገዛዉቶም ብጣዕሚ ጠንካራ ምዃኑ ኣይከሓድን ግን ድማ ካብ ምዉዳምን ሒዝዎም ካብ ምድርማስን ምፍራስን ዓዲ ኣይወዓለን። እቲ ጠንካራ ገዛዉቶም ሒዝዎም ዝጠፍአሉን ዝተደርመሰሉን ምኽንያት ደካማ ስለዝነበረ ዘይኮነስ እቶም ህዝቢ ምስ ኣላህ(ሱ.ወ) ዝነበሮም ተፃራሪ ርክብን ካብመንገዱ ዝዘበሉ ምዃኖምን 'ዩ። ነዚድማ እዩ ዘይተገመተ ካብ ትሕቲ መሬት ብዝወፀ ሓያል ድምፂ ዝዓነዉ። ኣላህ እዉን ከምዚ ይብል፡-

وَأَخَذَ الَّذِينَ ظَلَمُوا الصَّيْحَةُ فَأَصْبَحُوا فِي دِيَارِهِمْ جَاثِمِينَ (67) كَأَنْ لَمْ يَغْنَوْا فِيهَا

أَلَا إِنَّ ثَمُودَ كَفَرُوا رَبَّهُمْ أَلَا بُعْدًا لِثَمُودَ (68)

*ነቶም ዝበደሉ ብርቱዕ ድምፂ ሒዝዎም ፤ ኣብ ኣባይቶም ተንበርኪኾም ሞይቶም ኣዉግሑ(67) ኣብኣ ከምዘይነበርዋ ኮኑ ፤ ሰሙድ ንጎይትኦም ከሓዱ ንሰሙድ(ካብ ርህራሄ ኣላህ) ምርሓቅ ተገበኦም (68) (ሁድ 67-68)*

ስለዚ ናይ ጠንካራ ገዛዉቲ ምስርሖም ብነፍሱ ካብ ናይ ኣላህ ቅፅዓት ኣይድሕንን። ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ኩራን ቅፅዓትን ካብዝስዕቡ

ነገራት ዓመፅ (በደል) ፣ ክፍኣት ፣ ክሕደት ሽፈጥን ካብኣላህ ወፃኢ ንኻልእ ምምላኽን ካልኦትን 'ዮም። በዞም ዝተዘርዘሩ ሓጢኣታት ድማ ኣብመሬትን ባሕርን ዓለምና እንድሕር ተባላሽያ ደቂሰባት ንፀገምን ቅፅዓትን ይጋለፁ። ኣላህ ከምዚ ይብሉና፦

ظَهَرَ الْفَسَادُ فِي الْبَرِّ وَالْبَحْرِ بِمَا كَسَبَتْ أَيْدِي النَّاسِ لِيُذِيقَهُمْ بَعْضَ الَّذِي عَمِلُوا لَعَلَّهُمْ يَرْجِعُونَ (41)

*ብሰንኪ እቲ ኣእዳዉን ሰባት ዝገበርዎ ሓጢኣት ናይቲ ዝገበርዎ ክፍል(ቅፅዓት) ኣጥዐሞም (ከምምንቅጥቃጥ ምድሪ ወዘተ...) ምእንታን ክምለሱ እቲ መዓት ኣብመሬትን ኣብባሕርን ተጋህደ(41) (ሩም 41)*

ስለዚ ካብዚ እንርድኦ ኣብዛ ዓለም ዝወርድ ቅፅዓትን መዓትን ክፍሉ ጥራይ እዩ። እዙይ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ቀንዲ ቅፅዓት ኣብኣኺራ ስለዝፅበዮም እቲ ኣብዱንያ ዝወርድ ግና ነቶም ዝበደሉ ቅፅዓት ነቶም ዝቐፅዑ ወለዶ ድማ ትምህርቲ ክኸዉን ትደልዩ እዩ። ነዚ ድማ ኣላህ(ሱ.ወ) ከምዚ ይብል።

وَمَا كَانَ اللَّهُ لِيُعَذِّبَهُمْ وَأَنْتَ فِيهِمْ وَمَا كَانَ اللَّهُ مُعَذِّبَهُمْ وَهُمْ يَسْتَغْفِرُونَ (33)

*ኣላህ ከዓ ንስኻ ኣብሞንጎኦም እናሃለኻ ዝቐፅዖም ኣይኮነን ፣ ኣላህ ንሳቶም ምሕረት እናለመኑ ዝቐፅዖም ኣይኮነን(33) (ኣንፋል 33)*

ምስኣላህ(ሱ.ወ) ዘለና ርክብ ዝፅብቐ እንድሕርደኣ ሶላት ኣብግዜአን ኣፀቢቐና ሰጊድና እዩ። ኣብዚ ነገር እዙይ እዉን እንተተዓጊስና እዩ። ብርግፅ ሶላት ነቶም ንኣላህ ዘይፈርሑ ሰባት ብጣዕሚ ትኸብዶም'ያ። ኣላህ እዉን ከምዚ ይብል፦

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا اسْتَعِينُوا بِالصَّبْرِ وَالصَّلَاةِ إِنَّ اللَّهَ مَعَ الصَّابِرِينَ (153)

*ኦ! ኣንቱም ዝኣመንኩም ሰባት ብምዕጋስን ብስግደትን ተሓገዙ ፣ ኣላህ(ብሓገዙ) ምስ ዕጉሳት እዩ። (153) (ኣልበቀራ 153)*

ሓደ ፀገም(ፈተና) ኣብልዕሊ ደቂሰባት እንድሕርደኣ በዒሑ እናድማ ብዙሕ ሰባት በቲ ፀገም እንድሕርደኣ ጠፊኦም ፣ እቶም ዝቐረዩ(ዝተረፉ) ሰባት ነቲ ዝረኸብዎ ዕድል ተጠቒሞም ናብኣላህ(ሱ.ወ) ክቃረቡን ዘሕለፍዎ ዝተበላሸወ ህይወት ክስተኻኽሉን ንጎይትኦም ከመስግኑን ይግብኦም። ምኽንያቱ ነቶም ቅድሚኦም ዝጠፍኡ ሰባት ዘጥፈኣቶም ዓይነት ቅፅዓት እንደገና እንድሕር ተኸሲታ ከምኦም ልክዕ ድማ እንተተጠፍኦም ክናስሕሉን ናብ ኣላህ(ሱ.ወ) ዝምለስሉ ካልኣይ ዕድል ስለዘይረኸቡ በቲ ኣላህ ዝሃቦም ዕድል ተጠቒሞም ካብ ዝንጋዐኦም ክነቅሑ ይግብኦም። ናይ ሞትን ድሕሪ ሞትን ዘሎ ዓለም እናዘከሩ እዉን ስርሖም ኣለዎም።

ነቢዩላህ ሙሳ (ዓ.ሰ) ኣብ እንባሲና እንከለዉ ብዝተፈጠረ ናይ መሬት ነዉጺ ዝገብርዎ ዱዓ ተጠቀምቲ ምእንታን ክንከዉን እነሆ ታሪኹ ቁርኣን ይነግረና።

وَاخْتَارَ مُوسَىٰ قَوْمَهُ سَبْعِينَ رَجُلًا لِّمِيقَاتِنَا ۖ فَلَمَّا أَخَذَتْهُمُ الرَّجْفَةُ قَالَ رَبِّ لَوْ شِئْتَ أَهْلَكْتَهُم مِّن قَبْلُ وَإِيَّايَ ۖ أَتُهْلِكُنَا بِمَا فَعَلَ السُّفَهَاءُ مِنَّا ۖ إِنْ هِيَ إِلَّا فِتْنَتُكَ تُضِلُّ بِهَا مَن تَشَاءُ وَتَهْدِي مَن تَشَاءُ ۖ أَنتَ وَلِيُّنَا فَاغْفِرْ لَنَا وَارْحَمْنَا ۖ وَأَنتَ خَيْرُ الْغَافِرِينَ [١٥٥]

*ሙሳ ኸኣ ካብህዝቡ ኣብቆፀራና ሰብዓ ሰባት ሓረየ(መረፀ) ፣ ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ መሬት ምስሓዘቶም ፣ ሙሳ ኦ! ጎይታይ እንተትደሊ ቅድሚ ሕጂ መጥፋእካዮም ፣ ንዓይ ዉን (መጥፋእካኒ) ካባና ደናቁር ብዝገበርዎ ተጥፈኣና? ንሳ (እታ ፈተና) ናትካ ፈተነ እያ ፣ ብኣ ዝደለኻዮ ተስሕት ፣ ዝደለኻዮ ትመርሕ ፣ ንስኻ ኣላዪና ኢኻ ፣ መሓረና ራህርሀልና ንስኻ ካብ መሓርቲ ዝበለፀካ መሓሪ ኢኻ በለ (155) (ኣዕራፍ 155)*

ካብዚ እንርድኦ ነገር ነቢያት እዉን እንተኾኑ ካብ ናይ ኣላህ ፈተና ዘየምልጡ ምኻኖም’ዩ። እንድያዉም ካልኦት ደቂ ሰባት ካብ ዘጓንፎም ንላዕሊ ዝኸነ ፀገም ከምዘጋጥሞም ’ዩ። ምስዚ ፈተና ጎኒንጎኒ ግና ንሳቶም ንኣላህ ኣብሞንጎ ተስፋን ፍርሓትን ኮይኖም ንህዝቦም ምፍራሖም ከም ዝቐፅሉ’ዩ። ኩላህና ድማ ኣብራህዋ ግዜ ኮነ ኣብፀገም ንናይ ኣላህ ረሕመት ተስፋ ንቅፀዓቱ ድማ እናፈራሕና ክንጓዓዝ ከምዘለና ግልፂ’ዩ።

# ምዕራፍ ሸዉዓት

## ሸለልተኛነት

ሓደእዋን ኣብፅዉ ዝበለ በረኻ ሓደ ሰብኣይ ይጓዓዝ ነበረ። ዘይተሓሰበ ዓቢ ኣራዊት ድማ ኣጋጠሞ። እዚ ሰብኣይ ድማ ምህዳም ጀመረ እቲ ኣራዊት ደድሕሪኡ ክኽተሎ ጀመረ እቲ ሰብኣይ ግልፅ ኢሉ እንተረኣየ እቲ ኣራዊት ከምዘይምሕሮ ዋላኳ እንተተረድአ ምህዳሙ ግና ኣየቋረፀን። ኣብሞንጉኡ ድማ ዓቢይ ገደል ፀንሖ። ናብቲ ገደል እዉን ዘለለ። ኣብቲ ናይቲ ገደል ጫፍ ቅድሚ ምብፅሑ ናይ ሓደኦም ሱር ሒዙ ተንጠልጠለ። ናብቲ ገደል እግሩ ግልፅ እንተበለ ዓበይትን ሓራግፅን ኣትማንን ኣፎም ከፊቶም ይፅበይዎ ረአዩ፡ ግና እቲ ሰብኣይ ተስፋ ኣይቆረፀን። እንደገና ንላዕሊ እንተቋመተ ዓበይቲ ኣናፁ ነቲ ዝተንጠልጠለሉ ናይ ኦም ሱር ንኽቖርፅኦ ይከራኸራ ረኣየ። ሕዚ እዉን ተስፋ ኣይቆረፀን ንጎኒ ድማ ግልፅ እንተበለ ናይ መዓር ቆፎ ረአየ። ኣብዚ ግዜ ምሟቱ ከምዘይተርፎ ወላኳ እንተተረድአ ካብታ ብጎኑ ዝነበረት ናይ መዓር ቆፎ ክልሕስ ጀመረ። ኣብ መወዳእታ እታ ዝተንጠልጠለላ ሱር ተበጊሳ ህይወቱ ሓለፈ። ዝገርም ነገርግን እቲ ሰብ እታ ዝተንጠልጠለላ ሱርኦም ብምሓዝ ናብላዕሊ ክንዲ ምዉፃእ(ምሕኻር)

በቲ ናይቲ መዓር መቐረት ተታሊሉ ህይወቱ ክሳብ እትሓልፍ ኣብቲ መዓር ምድሃቡ'ዩ።

ኣብዚ ታሪኽ እቲ ጉድጓድ ናይዛ ዓለም መከራን ፀበባን ዝተወሃባ ኣብነት ፣ ኣትማንን ገበልን ድማ ከም ናይ ደቂሰብ ሕማቕ ባህሪ ፣ እቲ መዓር ድማ ናይዛ ሓላፊት ዓለም ደስታ (ራህዋ) እተን ፃዓዱን ፀለምትን ኣናፁ ድማ ወድሰብ ዘሕልፎም ለይትን ቀትርን 'ዮም። እቲ ሰብኣይ ግና ዓላማ ዘይብሉን ስንቂ ገበላትን ምኻኑ ጥራይ እዩ። ካብዚ ታሪኽ ክንመሃሮ ዝተደለየ ነጥቢ ወድሰብ ናብዛ ዓለም ዝተለአኸሉ ዋና ዓላማ ንዓብይ ዓለም ኮይኑ እሃለወ ወድሰብ ግን ብሸለልትነት ኣብ ዘይረብሕ ጠፋኣይ ጥቕሚ ግዜኡ ዝወድኦ ምኻኑ እዩ።

ስለዚ ወድሰብ ካብዛ ዓለም ኮነ ኣብቀፃሊት ዓለም ራህዋ ክረክብን ካብ ፀበባ ክድሕንን ዝኽእለሉ መንገዲ ድማ ነፍኡ ብፅቡቕ ባህርያት ቀሪፁ ግዜኡ ብደንቢ ተጠቒሙን ሰናይ ስራሕ እንድሕር ሰሪሑ'ዩ። ብርግፅ እንስሳታት ኣብዚ ዓለም ኣብዝነበሩ ግዜ ደስታ(ርኽዓት) ዝረኽቡ እንድሕርደኣ ዝተፈጠረሉ ዓላማ ፈሊጡ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ሕግታት ኣኽቢሩ ተኣዚዙን ንኣላህ ኣፍትዩ እንድሕር እንተኔሩ'ዩ። ካብ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ወፃኢ ዘሎ መንገዲ(ሸሪዓ) ናይ ድንቁርና(መሃይምነት) ካብ ሙኻኑ ሓሊፉ ንበዓል ቤቱ ድማ መከራን ስቓይን እዩ ዘስዕበሉ። ስለዚ ድማ ነቲ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ናይ ብርሃን መንገዲ ገዲፉ ናብ ካልእ መንገዲ ዝምራሕ ሰብ ሸለልተኛ ይበሃል፡ ወድሰብ ንዝተፈጠረሉ ዓላማ ኣብዚ ሕዚ ዘለዎ ኩነታት ፣ ብህይወት ናይ ምህላዉ(ምፅንሑ) ምሽጥርን ነዚ ኹሉ ጥበብ ዘይምስትዉዓሉን ምዝንጋዑን ድማ ከንቱነት'ዩ። ብጣዕሚ ዝገርም ነገር ሓደ ሓንጎል ዘለዎ በሊሕ ሰብ ነዚ ናይ ከምዘይምንባር ናብ ምንባር ዝመፀሉ ዋና ዓለማን ጥበብን ክግንዘብ ዘይምኽኣሉ'ዩ።

ሓደሰብ ኣብባዕሉ ዘለዎ ናይ ሽለልተኛ ሕማም ንከግልስ ክገብሮ ዘለዎ ነገር መጀመርያ ዝተፈጠረሉ ዋና ዓላማ ክፈልጥን ናይ ህይወትን ሞትን ዋና ጥበብ ክርዳእን 'ዩ። ነዚ ዝሕግዝ ድማ ልቢ ብፍልጠትን ብሓቀኛ መንፈስን ንያን(ሓሳብ-ዓላማ) ዝተመለአ እንተኾይኑ እዩ። ናይ ሓደሰብ ተፈጥራዊ ዝኾኑ ናይ ሽለልተኛነቱ ፣ ኩርዓቱ ፣ ዝተጋነነ ተስፋ፣ ህርፈት፣ ቅንኢ ፣ ብኽነት ፣ ንደትን ካልኦትን ናይ ወድሰብ ስምዒታዊ ዝኾኑ ባህርያት ናይ ዝንጉዕነት መግለፂ'ዮም።

እዞም ባህርያት ድማ ንወድሰብ ኣብልቡ ፀብለልታ ኣሕዲሮም በዚን በቲን ወጢሮም (ገቲሮም) ሒዞም እንድሕር ከምድልየቶም ዘሸከርክርዎ ኮይኖም ብርግፅ እዚ ሰብ ኣብዓቢ ጥፍኣት ወዲቑ ኣሎ ማለት 'ዩ። ምኽንያቱ ወድሰብ ሓደ ግዜ በዞም ባህርያትን ስምዒቱን እንድሕር ተኣሲሩ ብድሕሪኡ ናይ ሓቂ(ብርሃን) መንገዲ ኣይስዕብን። ብድሕሪዚ እዉን እዩ ንናይ ጎይታ ትእዛዝ ዘሕስዉ ኣብዱንያን ኣኺራን ድማ ናይ ፀልማትን ዉርደትን ግዜ የሕልፍ። ነዞም ከምዚ ዓይነት ሰባት ዝፀበዮም ቅፅዓት ድማ ኣላህ ከምዝስዕብ ይገልፆ።

فَوَيْلٌ لِلْقَاسِيَةِ قُلُوبُهُمْ مِنْ ذِكْرِ اللَّهِ أُولَئِكَ فِي ضَلَالٍ مُبِينٍ (22)

*ልብታቶም ካብ ምዝካር ኣላህ ዝነቐፀ ወይለኦም ፣ ንሳቶም ኣብግልፂ ስሕተት 'ዮም(22) (ዙመር22)*

وَمَنْ كَانَ فِي هَذِهِ أَعْمَى فَهُوَ فِي الْآَخِرَةِ أَعْمَى وَأَضَلُّ سَبِيلًا (72)

*ኣብዛ ዓለም (ልበ) ዕዉር ዝኾነ ኣብ ዳሕረወይቲ (ዓለም) ኣዝዩ መንገዲ ዝሰሓተ ዕዉር'ዩ። (ኢስራእ 72)*

أَفَرَأَيْتَ مَنِ اتَّخَذَ إِلَهَهُ هَوَاهُ وَأَضَلَّهُ اللَّهُ عَلَى عِلْمٍ وَخَتَمَ عَلَى سَمْعِهِ وَقَلْبِهِ وَجَعَلَ عَلَى بَصَرِهِ غِشَاوَةً فَمَنْ يَهْدِيهِ مِنْ بَعْدِ اللَّهِ أَفَلَا تَذَكَّرُونَ (23)

*ንዝንባለኡ(ስምዒቱ) ኣምላኽ ዝገበረን ኣላህ ከኣ ምስ ፍልጠቱ ዘስሐቶን ኣብልቡን ኣብእዝኑን ዝሓተሞን ኣብዓይኑ እዉን ሽፋን ዝገበረሉን ርኢኻ'ዶ? እሞ ድሕሪ ኣላህ ዝመርሖ መን 'ዩ? ኣይትመዓዱን? (ኣል ጃሲያህ 23)*

ሓደሰብ ናይ ዉሽጣዊ ሞራሉ(ወኔኡ) ጥንካረ እንትደክምን እንትቐንስን ብኡልክዕ ድማ ንመንፈሳዊ ዝኾኑ ነገራት ባህርያት ዝህልዎ ኣመለኻኽታን ዋጋን ይቐንስ፡፡ ከምዚ ዓይነት ሰብ ድማ በተለይ ንጎይታ ኣብ ምምእዛዝን (ኣምልኾ) ኢስቲቃማ (ቀፃላይ ፡ ቀጥምባል) ኣይህልዎን፡፡ ኣብ ናይ ወንጀል ረግረግ ዝጥለቐ ሰብ ድማ ዓይኑ ስለዝዕዉር ዘለዎ ኩነታት ጌጋ ምዃኑ ኣየስተዉዕልን፡፡ ዝንጉዓት ዝኾኑ ሰባት ብናይ ነፍሶም ስምዒት ድሌትን ስለዝሰኸሩ ሓቂ ንኽይርእዩ ዓይኖም ይሽፈን ሓቂ ንኽይሰምዑ እዉን እዝኖም ይፀምም ማለት 'ዩ፡፡

ኢዱ ዝቐሰለ(ዝረሰሐ) ሰብ ምግብ ኣብዝበልዕ ግዜ ዋላኳ ኢዱ ኣየሕምሞ ወይ ኣየፀይፎ ደኣምበር እቶም ምስኡ ዝበልዑ ሰባት ግና ቁስሉ ወይ ርስሓቱ እናረአዩ ክበልዑ ኣየኽእሎምን ኣዝዩ የፅልኦም፡፡ በዚልክዕ እዉን ከምዚሰብ እዚ ዓይነት ህይወት ዝምራሕ ሰብ ብዙሓት'ዮም፡፡ ብዛዕባ ናታቶም ናይ ስምዒትን ድልየትን ምምላእ እንተኾይኑ እምበር ናይ ካልእሰብ ኣየግድሶምን፡፡ እዚኦም ድማ ልክዕ ከም ሓደ ናይ ዉግእ ተዋጋኣይ ወታደር ናይ ዉግእ ክዳን ተኸዲኑ ዝዋጋእ ንሳቶም እዉን ነፍሶም ብወንጀል ዓፊኖም ከምደስ ዝበሎም ክኾኑ እዮም ዝደልዩ፡፡ ስለዚ እዞም ሰባት ንናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ፃዉዒታት ተኣምራትን እዝኖም ሽፊኖም ዓይኖም ዓሚቶም ልቦም ዝዓፀዉ'ዮም፡፡

ኣቡያዕላ ሽዳድ ኢብን ኣዉስ(ረ.ዐ) ብዘመሓላለፉልና ሓዲስ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከምዚ ይብሉና፡-

*መስተዉዓላይ(በሊሕ) ሰብ ማለት ነፍሱን ስምዒቱን ተቖፃፂሩ ንድሕሪ ሞት ዘሎ ዓለም ህይወት ዝግጅት ዝነብር እዩ፡፡ ሰነፍ(ድኹም) ሰብ ማለት ድማ ናይ ስምዒቱ ድሌት ተኸቲሉ ኣብ ናይ ጥፍኣት ጎደና እናወዓለ ናይ ጎይታ ራሕመት ብሸንቱ ተስፋ ዝገብር'ዩ፡፡(ቲርሚዚ)*

# ምዕራፍ ሸሞንተ
# ናብ ኣላህ ምቕራብ

ሓደ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ባርያ ካብ ወንጀል(ሓጢኣት) እናረሓቀ እንድሕር መፂኡ ኣላህ(ሱ.ወ) ድማ ናብኡ እናቐረበ ይመፅእ፡፡ ነዚ ድማ እዚ ዝቕፅል ሓዲስ እንመልከት፡-
ኣነስ(ረ.ዐ) ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣላህ ከምዚ ብምባል ኣዉርየሙና ይብሉና፡፡
ሓደ ባርያይ ሓደ ስድሪ ናባይ እንተቐሪቡ ኣነድማ እመት ይቐርቦ፡፡ ሓደ እመት እንተቐሪቡ ድማ ሓደ ስጉምቲ ይቐርቦ፡፡ እናሰጎመ ናባይ እንተመፂኡ ድማ እናጎየኹ ይቐርቦ፡፡
ስለዚ ድማ ናብኣላህ ክቐርብ ዝደልይ ሰብ እዞም ዝቕፅል ነጥብታት ኣስተዉዒሉ ተረዲኡ ክገብር ይግብኦ፡፡

## ተዉበት ምግባር (ምንሳሕ)

ወንጀል(ሓጢያት) ኣብልቢ ካብ ዘትርፍ በሰላ ሰባት ናይ ጃሂልያ(መሃይምነት) ባህሊታት፣ ናይ ፃታዊ ረኽቢ ድሌት ፣ ኩርዓት ፣ ንደት(ምብስጫዉ) ፣ ፅልኢ ፣ ዘይረብሕ ትምኒት፣ ቅንኢ ፣ መልክዕ ዘይብሉ ብኽነትን ይርከብዎ፡፡ እዞም ዝዘርዘርናዮምን ካልኦት

ናታቶም ዝመፅሉ ሕማኽ ባህርያት ንሓደባርያ ካብ ኣላህ እናረሓኽዎ እዮም ዝመፁ። ሓደሰብ ስራሓቱ ካብግዜ ናብግዜ ዘይምርምር እንተኾይኑን ኣካይድኡ እዉን ከምቲ ኣላህ ዝደልዮ እንተዘይኮኑን ልቡ(ዉሽጡ) በቲ ዝሰርሖ ወንጀል ምርባሽን ምጭንናኽን ኣዩቀርዮን። ኣላህ ኣብውሽጢ ዘስፈረሉ ሕሊና ዝበሃል ነገር ናይቲ ሓጢያቱ ሕማኽነት እናጋዉሐ ድቃስ የስእኖ። ኣብዚ ግዜ ልክዕ ዝናብ ምሽካም ከምዝኸበዶ ደበና ዉሽጡ እናጨናነቆ መንፈሱ እናተረበሸ ካብዚ ኩሉ ፀበባ መድሕን ደልዩ እናበኸየ ናብ ኣላህ ንኽምለስ ይገብሮ። እዚ ብሓዘንን ብጭንቅን ተዓጂቡ ብኽያት እናሰዓበ ዝመፅእ ጉዕዞ ተዉበት ኣብሞንጎ ኣላህ(ሱ.ወ)ን ባርይኡን ንዝግበር ምቅርራብ ናይ መጀመርያ እርምጃ ዝኾነሉ ምኽንያት ሓጥያት ንልቢ ናብጎይታኣ ከይትምለስን ከይትቐርብን ዝዓፅዋ ከምእዉን ሓቂ ካብጌጋ እትፈልየሉ ኣእምሮ(ሕሊና) ስለ ዘድክም 'ዩ። እዚ ድማ ከም ዝረስሐ መስትያት እዩ። ምኽንያቱ እቲ ዝረስሐ መስትያት ብደንቢ እንተዘየፅሪናዮ መልክዕና ከርእየና ኣይኽእልን። ስለዚ መልክዕና ምንታን ከርእየና ነቲ መስትያት ኣፅሪና ክንዉልዉሎ ኣለና። እዚዉን ተዉበት ምግባር ማለት እቲ ንልቢ ጌጋኣ ንኸይትርኢ ዘፀልመታ ወንጀል ከም ምፅራይ ይኸዉን። ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

ثُمَّ تَابَ عَلَيْهِمْ لِيَتُوبُوا إِنَّ اللَّهَ هُوَ التَّوَّابُ الرَّحِيمُ (118)

*- ካብኡ ምእንታን ክናስሑ ናብ ነስሓ መርሖም፡ ኣላህ ንሱ ሓደ መሓሪ'ዩ118 (ኣል ተዉባ 118)*

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا إِنْ تَتَّقُوا اللَّهَ يَجْعَلْ لَكُمْ فُرْقَانًا وَيُكَفِّرْ عَنْكُمْ سَيِّئَاتِكُمْ وَيَغْفِرْ لَكُمْ وَاللَّهُ ذُو الْفَضْلِ الْعَظِيمِ (29)

*ኦ! ኣቱም ዝኣመንኩም ኣላህ እንተተጠንቂቕኩም (እንተፈራሕኩም) መፍለይ ሓቂ ብርሃን ልቢ ይገብረልኩም ፣ ንኽፉእ ተግባርኩም*

*ይድምስሰልኩም ፣ ይምሕረኩም ፣ ኣላህ በዓል ዓቢ ልግሲ'ዩ። (29 ኣንፋል)*

## ዙህድ(ምትእኽኻል - ምብቅዕቃዕ)

ዙህዲ ማለት ናይዛ ዓለም ሽልማታት ብምፍታዉ ኣኺራ ዘይምርሳዕ ወይ ድማ ብኻልእ ኣገላልፃ ኣኺራ ካብዱንያ ኣብሊፅካ ብምርኣይ ንኣኺራ ምጉያይን ናብዱንያ ዘይምምርኳዝን 'ዩ። እዚ ማለት ግና ነቲ ኣብዱንያ ንኽትረኽቦ ኣላህ ዝወሰነልካ ሺሻይ ገዲፍካ ኢድካን እግርኻን ኣጣሚርካ ከፍ ምባል ማለት ኣይኮነን። ሓደሰብ ናይ ዱንያ ስራሕ ምስርሑ እዉን ዛሂድ ኣይኮነን ኣየብልን። እኳደኣስ ናይ ዱንያ ሽሻይ እናደለኻ ንኣኺራ ስራሕ ምስራሕ።

ነዚ ብደንቢ ዘብራህረሀልና ድማ ኣቡል ዓባስ ሰህል ኢብን ሰዕድ ኣባሰዒድ(ረ.ዓ) ካብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዘመሓላለፉልና ሓዲስ'ዩ።

ሓደሰብ ናብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) መፂኡ ከምዚ በሎም። ኣንቱም ናይ ኣላህ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣብ ኣላህን ኣብሰባት ዘፍትወኒ ስራሕ እስቲ ይሐብሩኒ በሎም። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ድማ ከምዚ በልዎ :- *ኣላህ ክፈትወካ እንተደሊኻ ዛሂድ ኩን(ዱንያ ሽለል ኢልካ ኣኺራ ኣብልፅ)። ሰባት ምእንታን ክፈትዉኻ ድማ ኣብኢዳዎም ንዘሎ ሽሻይ ኣይትጠምት(ኣይትሕተት ፣ ኣይትድለ)። (ኢብን ማጃህ)*

ስለዚ ካብዚ ሓዲስ እንርድኦ ነገር ዙህድ ማለት ሙሉእ ዓላማኻን ህርፈትካን ናብ ኣኺራ ምግባር ማለት ደኣምበር ኢድካ ኣጣሚርካ ዱንያ ገዲፍካ ናብልመና ገፅካ ምዝዋር ከምዘይኮነ 'ዩ።

ሓደሰብ ኣብዛ ዓለም ዝፀንሓ(ዝነብራ) ዕድመ ሓፃር ምኳና ረሲዑ ኣብዱንያ ንዘልኣለም ከምዝነብር ልክዕ ኣኺራ ረሲዑ ገንዘብ ንኽረክብ ሓመድ ኣፍንጭኡ እናወፀ እንተዉዒሉን ከም እዉን ናይዛ ዓለም ጠፋኢት ምኳና ረሲዑ ዓበይቲ ህንፃታት ናብ ምስራሕ እንተድሂቡን እዚ ሙሉእ ብሙሉእ ምስ ዙህድ ዘጋጭዉ'ዩ። ምኽንያቱ እንድሕርደኣ እቲ ዝሰብሰብናዮ ገንዘብ ናብ ኣኺራ እንተዘየሕሊፍናዮ

ጥቕሙ እንታይ'ዩ፡፡ መዓዝ ከም ንመዉት ኣይንፈልጥን ጎኒንጎኒ ድማ ኣሕዋትና ዝበልዕዎ ዝኽደንዎ ስኢኖም ብጥሜትን ብፅምእን ብዕርቃንን እናሞቱ እንከለዉ ንሕና ድማ ገንዘብ ክንክዝንን ህንፃታት ክነቕድምን የብልናን፡፡ ነዚ ድማ ነቢ(ሰ.0.ወ) ኣብ ዝነገሩና ሓዲስ ኢብን ዑመር(ረ.0) የጫዉቱና፡፡ ሓደእዋን ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ነቢ(ሰ.0.ወ) ማእገሬይ ሕዝ ኣቢሎም ከምዚ በሉኒ፡-

*ኣብዛ ዓለም ክትነብር ከለኻ ከምጋሻ ወይ ድማ ሓላፊ መንገዲ ኹን በሉኒ፡፡ ኢብኑ ዑመር ድማ ከምዚ ይብሉ ኔሮም፡-*

*እንተምሲኻ ንኽትሓድር ኣይትፀበ ፤ እንተሓዲርካ ድማ ክተምስይ ኣይትፀበ(ክፀንሕ እየ ኢልካ ኣይትሕሰብ)፡፡ ኣብ ግዜ ጥዕናኻን ሕማምካ ፣ ካብ ግዜ ህይወትካ ድማ ንድሕሪ ሞትካ ተዳለው፡፡*

## ተወኩል (ብኣላህ ምምካሕ)

ተወኩል ማለት ሓደ ባርያ ኩሉነገሩ(ምንቅስቃሱ) ንኣላህ(ተገዛኣይ ብምዃን) ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ሓለዋን ሕብሓበን ምድላይ ማለት'ዩ፡፡ ነዚ ድማ ብዛዕባ ተወኩል ኣላህ(ሱ.ወ) ከምዚ ይብለና፡-

وَلَمَّا رَأَى الْمُؤْمِنُونَ الْأَحْزَابَ قَالُوا هَذَا مَا وَعَدَنَا اللَّهُ وَرَسُولُهُ وَصَدَقَ اللَّهُ وَرَسُولُهُ وَمَا زَادَهُمْ إِلَّا إِيمَانًا وَتَسْلِيمًا (22)

*ኣመንቲ ንማሕበራት ምስ ረአዩ እዚ ኣላህን ልኡኽን ዝቆፀሩናን ኣላህን ልኡኽን ዘረጋግፅዎን ሓቂ እዩ በሉ ፣ (እቲ ዝርኣይዎ) እምነትን ምእዛዝነትን እምበር ካልእ ኣይወሰኸምን፡፡ (22-ኣሕዛብ)*

الَّذِينَ قَالَ لَهُمُ النَّاسُ إِنَّ النَّاسَ قَدْ جَمَعُوا لَكُمْ فَاخْشَوْهُمْ فَزَادَهُمْ إِيمَانًا وَقَالُوا حَسْبُنَا اللَّهُ وَنِعْمَ الْوَكِيلُ (173)

*እቶም ሰባት ንዕኦም ሰባት ናባኹም (ኣዕዋር) ኣኪቦም ኣለዉ፣ሞ ፍረሕዎም ምስበልዎም እምነት ወሲኽዎም ኣኻሊና ኣላህ ዝሓሸ ወኪል'ዩ። ዝበሉ እዮም። (ኣልዒምራን-173)*

وَتَوَكَّلْ عَلَى الْحَيِّ الَّذِي لَا يَمُوتُ

*ብዘይመዉት ሕያዉ ኣላህ ተመካሕ (58 ፉርቃን)*

وَعَلَى اللَّهِ فَلْيَتَوَكَّلِ الْمُؤْمِنُونَ (160)

*ኣብ ኣላህ ምእመናን ይመክሑ (160 ኣልዒምራን)*

فَإِذَا عَزَمْتَ فَتَوَكَّلْ عَلَى اللَّهِ إِنَّ اللَّهَ يُحِبُّ الْمُتَوَكِّلِينَ (159)

*ቁርፂ ሓሳብ ኢንተጌርካ ኣብኣላህ ተመካሕ (160 ኣልዒምራን)*

وَمَنْ يَتَوَكَّلْ عَلَى اللَّهِ فَهُوَ حَسْبُهُ

*ኣብ ኣላህ ዝዕቆብ (ዝምካሕ) ንሱ ኣኻሊኡ'ዩ። (ጠላቅ 3)*

إِنَّمَا الْمُؤْمِنُونَ الَّذِينَ إِذَا ذُكِرَ اللَّهُ وَجِلَتْ قُلُوبُهُمْ وَإِذَا تُلِيَتْ عَلَيْهِمْ آيَاتُهُ زَادَتْهُمْ إِيمَانًا وَعَلَى رَبِّهِمْ يَتَوَكَّلُونَ (2)

*ፍፁም ምእመናን እቶም ኣላህ ምስተዘከረ ልብታቶም ዝፈርሑ ኣያቱ(ዓንቀፃቱ) እንትንበበሎም ከኣ እምነት ዝዉስኽሎምን ኣብጎይትኦም ጥራሕ ዝምካሕ 'ዮም። (ኣንፋል-2)*

**ሓደሰብ ንኣላህ ጥራይ እንተኾይኑ ዝፈቱ ንኣላህ ጥራሕ ዝደልን ኩሉ ነገር ናብኣላህ ዘዕግዕን'ዩ ዝኾን። ኣላህ(ሱ.ወ) ንነቢ ሙሳ(ዓ.ሰ) ናብ ጨቋኒ ዝኾነ ፊርዓዉነ ክልእኾም ኣብዝደሊ ግዜ ንነቢ ሙሳ(ዓ.ሰ) እታ ብየማናይ ኢዶም ሒዞምዋ ዝነበረት በትሪ እንታይ ምኳናን ጥቕማን ምስ ሓተቶም ነታ በትሪ ክድርብይዋ ኣዘዞም። ምስ ደርበይዋ ድማ ዓባይ ኣራዊት ማለት ገበል ኾነት። እዚ ድማ ንነቢ ሙሳ(ዓ.ሰ) ዓቢ ዝኾነ ዓርሰእምነት ኣሕደረሎም። ኣላህ(ሱ.ወ) ከምዚ ይብል፡-**

وَعَلَى اللَّهِ فَتَوَكَّلُوا إِنْ كُنْتُمْ مُؤْمِنِينَ (23)

*ምእመናን እንተኾይንኩም ኣብ ኣላህ(ሱ.ወ) ተመክሑ በሎም።(23-ማኢዳ)*

ብናይ ሰነፋትን ክርታታት ኣተረጓጉማ ተወኩል ማለት ስራሕ ፀሊእኻ ፣ ኢድካ ኣጣሚርካ ኣላህ ዝበሎ እዩ ዝኸዉን እናበለ ግዜኡ ብኸንቱ ክሓልፍ'ዩ። ግን ተወኩል ማለት ነዚ ናይ ሰነፋት ኣተረጓጉማ ተፀራሪ ዝኾነ ትርጉም'ዩ ዝሕዝ። ነዚ ናይ ተወኩል ትርጉም ብደንቢ ኣብነት ዝኾነልና ድማ ኣብልፅሊ ከሓድቲ ዘሸንፍሉን ዝሰዓርሉን 'ዩ። "ሓስቡነላህ ወኒዕመል ወኪል" ኣላህ(ሱ.ወ) እኹልና 'ዩ። ባህ ዝብል መመክሒ እዉን እዩ። እዚ ቃል እዚ ነቢ ኢብራሂም ናብ ሓዊ ክድርበዩ ከለዉ ኢሎምዋ ረቢ ድማ ኣድሒንዎም። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ድማ ናይ ቁረይሽ ከሓድቲ ኣፅዋር ኣዳልየሙልኩም ኣለዉሞ ፍርሕዎም ኣብ ዝተባሃለሉ ግዜ ዝበልዎ ቃል'ዩ። ካልእ ኣቡሁረይራህ(ረ.ዓ.) ካብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዘመሓላልፍዎ ሓዲስ ከምዚ ይብሉና።

*ልቦም ከምናይ ኣዕዋፍ ልቢ ዝኾኑ ሰባት (ብጣዕሚ ርህርህቲ ፈራሕ ኣላህን ኩሉነገር ናብ ኣላህ ትምካሕ ዝኾነት ልቢ) ናይ ጀነት ይኣትዉ እዮም። ኢሎምና።*

*ብኻልእ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ድማ ከምዚ ይብሉና፦ ኣብ ኣላህ(ሱ.ወ) ትኽክለኛ ዝኾነ ምምካሕ እንተትምክሑ ኔርኩም ጎይታኹም ልክዕ ከምቲ ነተን ኣዕዋፍ ጥራሕ ከብደን ገስጊሰን ወፂአን ፀጊበን ከምዝምለሳ ከምናተን ጌይሩ ሽሻዩ ምሃበኩም ኔሩ።*

## ዚክር (ንኣላህ ምዝካር)

ኣላህ(ሱ.ወ) ኣብቁርኣኑ ብዛዕባ ምዝካር ይነግረና፡

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آَمَنُوا اسْتَعِينُوا بِالصَّبْرِ وَالصَّلَاةِ إِنَّ اللَّهَ مَعَ الصَّابِرِينَ (153)

*(ብምምእዛዝ) ዘክሩኒ ፣ (ብምሕረት) ክዝክረኩም ፣ ኣመስግኑኒ(ኣል በቀራህ 153)*

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا اذْكُرُوا اللَّهَ ذِكْرًا كَثِيرًا (41) وَسَبِّحُوهُ بُكْرَةً وَأَصِيلًا (42)

*ኦ! ኣቱም ዝኣመንኩም ንኣላህ ብዙሕ ምዝካር ዘክርዎ (41) ንጉሆን ምሸትን ኣንፅህዎ (42) (ኣሕዛብ 41-42)*

وَالذَّاكِرِينَ اللَّهَ كَثِيرًا وَالذَّاكِرَاتِ أَعَدَّ اللَّهُ لَهُمْ مَغْفِرَةً وَأَجْرًا عَظِيمًا (35)

*ንኣላህ ብዙሕ ዘክርቲ ሰብኡትን ብዙሕ ዘክርቲ ኣንስትን ኣላህ ምሕረትን ዝዓበየ ዓስቢ ን(ኣጅርን) ኣዳልዩሎም ኣሎ(35)(ኣሕዛብ 35)*

إِنَّ الَّذِينَ عِنْدَ رَبِّكَ لَا يَسْتَكْبِرُونَ عَنْ عِبَادَتِهِ وَيُسَبِّحُونَهُ وَلَهُ يَسْجُدُونَ (206)

*እቶም ምስ ጎይታኻ ዘለዉ(መላእኽቲ) ንዕኡ ካብ ምግዛእ ኣይዕበዩን ፣ ይዉድስዎ ፣ ንዕኡ (ጥራይ) ከኣ ይሰገዱ(206) (ኣዕራፍ 206)*

ንኣላህ(ሱ.ወ) ምዝካር ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ፍቶት ካብ ዘግንዩ መንገድታት ኮይኑ ብተወሳኺ ድማ ንዕኡ ንምፍራሕን ንምጥንቃቕን(ተቅዋ) ድማ ብሕታዊ መንገዲ እዩ። ብዛዕባ ዚክር ክንዛረብ ከለና ድማ ሶላት ፣ ፆም ፣ ዘካት ፣ ሓጂን ክልኦት ናይ ኣምልኾ ተግባራትን ካብ ዚክሪ ከምዝቑፀሩ'ዩ። ነዚ ድማ ኣላሀ(ሱ.ወ)

الَّذِينَ آمَنُوا وَتَطْمَئِنُّ قُلُوبُهُمْ بِذِكْرِ اللَّهِ أَلَا بِذِكْرِ اللَّهِ تَطْمَئِنُّ الْقُلُوبُ (28)

*እቶም ዝኣመኑ ልቦም ንኣላህ ብምዝካር ዝቖስኑ እዮም ፤ ንኣላህ ብምዝካር ልብታት ይቖስኑ (28) (ኣልረዕድ 28)*

ነዚ ዝቕፅል ካብ ኣቡሁረይራህ ዝተገነየ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ሓዲስ ንመልከት፡- ንሓደ ሙእሚን ካብ ፀበብኡ ዝገልገለ ሰብ ኣላህ ድማ ካብ ናይ ቂያማ መዓልቲ ፀበባ የገላግሎ። ንዝተፀገመ ሰብ ዝረድአ ድማ ጎይታ ኣብዛ ዓለም ኮነ ኣብ ዳሕረወይቲ ዓለም ፀገም የቕልለሉ(የፍኩሰሉ)። ናይ ሓደ ሙስሊም ነዉሪ ዝሓበአ ኣላህ ድማ ንዕኡ ኣብዛ ዓለም ኮነ ኣብ ዳሕረወይቲ ዓለም ነዉሩ ካብ ፍጡራት ይሓብኣሉ። ፍልጠት ደልዩ ጉዕዞ ዝጀመረ ሰብ ከኣ ኣላህ መንገዲ

ጀነት የግርህሉ፡፡ ሰባት ተኣኪቦም ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ቁርኣን እንተንበቢዖም ናይ ኣላህ(ርሕመት) ሰኪና(ምርግጋእ) የዉርደሎም፡፡ ናይ ኣላህ ሕዝነት ድማ ይኸብቦም፡፡ መላእኽቲ እዉን ይዕጅብዎም፡፡ ስርሑ(ንድሕሪት) ዘትርፎ ዘርኡ ኣየቐድሞን፡ (ሙስሊም ፀብፂቦምዎ)

## ሰብር (ትዕግስቲ)

ሰብሪ(ትዕግስቲ) እንብሎ ነገር ሓደሰብ ንናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ዉሳነን ድሌትን ነፍሱን ስምዒቱን ኣካሉን ምንብርካኽን ምፍታዉን እዩ፡፡ ናይ ሓደሰብ ሰብሪ ዝልካዕ ኣብሰላም ግዜ ዘይኮነስ ኣብ ፀገም ግዜ'ዩ፡፡ ሓደሰብ ሰብሪ ገይሩ(ኣለዎ) እንብሎ እንድሕርደኣ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ዉሳነ ኮይኑ ኣብህይወቱ ፣ ቤተሰቡ ፣ ገንዘቡ ፀገም በፂሕዎ ናይ ዉሽጢ ባህሪ ኮነ ናይ ደጊኡ ባህሪ ከይተቐየረ ነቲ ዝመፀ ፀገም እንድሕር ተፃዊርዎን ብኡልክዕ ድማ ንኣላህ እንተመስጊኑ 'ዩ፡፡ ትዕግስቲ ዘድልዮ ነገር ኣብዘጋጥመና ግዜ ንባዕልና ብይቕረ ባሃይልነት ፣ ሕዝነት ፣ ርህራሄ ፣ ምክእኣል ዝመሳሰሉ ባህርያት ክንዳለዉ ኣለና፡፡ ኣላህ ከምዚ ይብለና፡-

وَاتَّبِعْ مَا يُوحَى إِلَيْكَ وَاصْبِرْ حَتَّى يَحْكُمَ اللَّهُ وَهُوَ خَيْرُ الْحَاكِمِينَ (109)

*ናባኻ ዝሰረፀ ሳዓብ ኣላህ (ኣብኦም) ክሳብ ዝፈርድ ተዓገስ ፡ ንሱ ኸኣ ካብ ኩሎም ፈረድቲ ዝሓሸ እዩ፡፡ (109-ዩኑስ)*

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا اصْبِرُوا وَصَابِرُوا وَرَابِطُوا وَاتَّقُوا اللَّهَ لَعَلَّكُمْ تُفْلِحُونَ (200)

*ኦ! ኣቱም ዝኣመንኩም ተዓገሱ ፣ ተዓጋገሱ (ኣብግዜ ዉግእ) ተሰለፉ ፣ ንኣላህ ፍርሑ ፣ ምእንታን ክትዕወቱ(200 ኣልዒምራን)*

وَلَنَبْلُوَنَّكُمْ بِشَيْءٍ مِنَ الْخَوْفِ وَالْجُوعِ وَنَقْصٍ مِنَ الْأَمْوَالِ وَالْأَنْفُسِ وَالثَّمَرَاتِ وَبَشِّرِ الصَّابِرِينَ (155)

*ብገለ ካብ ፍርሕን ጥምየትን ከምኡዉን ካብ ገንዘብን ካብነብስን ካብ ፍረታትን ብምጉዳል ብርግፅ ክንፍትነኩም ኢና ፣ ንፅጉሳት (ብገነት) በስሮም። (155-ኣልበቀራ)*

*ፅጉሳት ዓስቦም (ኣጅሮም) ብዘይዓቐን ይወሃቡ። (910-ዙመር)*

ኣላህ(ሱ.ወ) ኣብቁርኣን ብዙሕ ብዛዕባ ናይ ትዕግስቲ ምዝራቡ ትዕግስቲ ናብ ኣላህ ካብቶም ዘቕርቡ ም'ኳኖም ከርድኣና ስለዝደለየ 'ዩ። ስለዚ ብተወሳኺ ከምዚ ይብል፡-

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا اسْتَعِينُوا بِالصَّبْرِ وَالصَّلَاةِ إِنَّ اللَّهَ مَعَ الصَّابِرِينَ (153)

*ኦ! ኣንቱም ዝኣመንኩም ብምዕጋስን ብስግደትን ተሓገዙ ኣላህ (ኣብሓገዙ) ምስ ፅጉሳት'ዩ። (153-ኣልበቐራ)*

ትዕግስቲ ኣብቁርኣን ብዙሕ ግዜ ተዘርዚሩ ይርከብ። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) እዉን ኣብሓዲሶም ብዛዕባ ትዕግስቲ ካብ ዝነገሩና ሓዲስ ሓደ ሱሀይብ ኢብን ሲናን(ረ.ዐ) ከምዚ ይብለና።

*ሙእሚን ሰብ'ኮ ነገሩ ኹሉ ዝዓጅብ (ደስ ዝብል) እዩ። ኩሉ ነገር ንዕኡ ፅቡቕ እዩ።*

*እዙይ ድማ ንሙእሚን እንበር ንኻልእ ኣይተወሃቦን። ፅቡቕ ነገር እንተረኺብዎ ንኣላህ የመስግን እሞ ብምምስጋኑ ፅቡቕ ይኾነሉ። ሕማቕ ነገር ይረኽቦ እሞ ይዕገስ ብምዕጋሱ እዉን ፅቡቕ ነበር ይኾነሉ።*

## ሙራቀባህ (ምቁፅፃር)

*ሙራቀባህ ማለት ብዉሽጥና ኮነ ብደገና እንገብሮም ነገራት* ኣላህ(ሱ.ወ) ከምዝሪኤና ፈሊጥና ንባዕልና ኣብ ናይ ኣላህ ትእዛዝ ንኽነዉዕል ቁፅፅር ምግባር ማለት'ዩ።

وَتَقَلُّبَكَ فِي السَّاجِدِينَ [٢١٩]

*ኣብ ሰጋደ ምዕዛብካ (219-ሹዓራእ)*

مَعَكُمْ أَيْنَ مَا كُنتُمْ ۚ وَاللَّهُ بِمَا تَعْمَلُونَ بَصِيرٌ [٤]

*ንሱ ኣብ ዝሃለኹም እንተሃሊኹም ምሳኹም'ዩ። ንእትገብርዎ ኩሉ ተመልካቲ'ዩ። (4 ሓዲድ)*

إِنَّ اللَّهَ لَا يَخْفَىٰ عَلَيْهِ شَيْءٌ فِي الْأَرْضِ وَلَا فِي السَّمَاءِ [٥]

*ኣላህ ኣብ ምድሪ ምንም ነገር ዋላ ኣብ ሰማይ ካብኡ ኣይስወርን (ዒምራን-5)*

ኣብዚ ዝርአ ዝርጉሕ ዓለም ካብ ኣላህ ወፃኢ ኩሉ ጠፋኣይ እዩ። ካብ ዝንቀሳቀስ ብሙሉኡ ሞይቱ ዝትስእ እዩ። ምህላዉ ምጥፋእ ፣ ምሟት ምሕያዉ ናይ ኩሉግዜ ዝርአ ነገር'ዩ። ኣብ ነንሕድሕድ ቅፅበት ኣብ ዉሽጢ ሰዉነትና ብሚልዮናት ዝቑፀሩ ዋህዮታት ይሞቱ ብቅፅበት ከዓ ብሚልዮናት ዝቑፀሩ ዋህዮታት ይፍጠሩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ድማ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ሰባት ንኣላህ ዘኹርይ ስራሕ ይሰርሑ ይርከቡ። ናብ ኣላህ ይቐርቡ። ግን ድማ እዚኣቶም ኮኑ እቲኦም ናብ ቀብሪ ካብ ምዉራድ ዓዲ ኣይዉዕሉን።

ንኣላህ(ሱ.ወ) ምፍራሕን ንኣላህ ኢልካ እቲ ትሰርሖ ስራሕትታት ጥንቃቐ(ቁፅፅር) ምግባር ቀንዲ ናይ ኢማን ክፍሊ ኮይኑ ሙራቀባህ(ቁፅፅር) ይበሃል። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብዛዕባ ሙራቀባህ(ቁፅፅር) ዝተዛረብዎ ሓዲስ ኣቡዘርን ሙዓዝ ኢብን ጀበልን ከምዚስዕብ የዋግዑና፦

ኣብ ዝኾንካ ኹን ንኣላህ ፍርሓዮ ፣ ንሕማቕ ስራሕኻ ድማ ፅቡቕ ስራሕ ኣስዕበሉ፡ ምስ ሰባት ድማ ብፅቡቕ ባህሪ(ፀባይ) ተኣታቶ።

ኣቡሁረይራ(ረ.ዓ) ካብ ነቢይ(ሰ.ዐ.ወ) ዘዋግዑና ካልእ ሓዲስ ድማ ከምዚ ዝስዕብ ይብሉና፡

እቲ ሓያል ኣላህ እኮ ይቐንእ'ዩ። ቅንኣቱ ድማ ሓደ ባርይኡ እቲ ሓላል ዝገበረሉ ገዲፉ ናብ ሓራም እንትትጉዓዝ 'ዩ። (ቡኻሪን ሙስሊምን)

# ሞት ምዝካር

ሞት ብዘይድሌትካን ከይፈተኻን ካብቶም እትፈትዎም ቤተሰብካን ገንዘብካን ሓደ መዓልቲ ከምዝወስደካ ተረዳእ። ስለዚ ንስምዒት ምንብርካኽ ገዲፍካ ንድሕሪ ሞት ዘሎ ዓለም ተዳለዉ። ነዚ ድማ ብዒልም ዝተመስረተ መደያይቦን(መሳሊል) ኣእምሮኻ ድማ ብደንቢ ክትጥቀም ኣለካ። ናይዛ ዓለም ጠፋኣይ ሽልማትን ዘይሳኽዑ ተስፋታትን ሓላፋይ ደስታን ልክዕ ኣብልዕሊ ቀብሪ ከምዝረገፉ ቆፅልታት 'ዮም። ኩሎም ቀብርታት ክንሪኦም ከለና ስቕ ዝበሉ ይመስሉና ነገር ግን ኣብዉሽጦም ብዙሕ ጉድ ዝሓብኡ 'ዮም። ነዚ ድማ ተባሂሉ ማለት ወድሰብ ደጋጊሙ ምኽንያትን ክዝክር ብዙሕ ግዜ መቃብር ኣብሰባት ዝበዝሐሉ ቦታታት ፣ ኣብልዕል ዝበለ ቦታን ዝኾኑ። ብርግፅ ቃላታት ተሓባቢሮም ናይ ሞት እንታይነት ክገልፅዎ ኣይኽእሉን። ነገርግን ርግፀኛ ኮይና ክንብሎ ንኽእል ነገር ሞት ማለት ክንቆፃፀሮ ዘይንኽእል ምንቅስቃስናን ዕድልና ብፍጥነት ዝቆርፅ ቆራፃይ እዩ። ሞት እንድሕርደኣ መፂኡ ካብ ኣህን ብኽያትን ሓሊፉ እንገብሮ ነገር የለን።

ስለዚ ወድሰብ ንስምዒቱ ምስዓብ ገዲፉ ናብቲ ኣላህ ዘፍቱ ነገር እንተዝመፅእ ምሓሾን ኣላህ ድማ ርህሩህን ሓዛንን ኮይኑ መግነዮ ኔሮ። ኣላህ ከምዚ ይብለና፡-

أَوَمَن كَانَ مَيْتًا فَأَحْيَيْنَاهُ وَجَعَلْنَا لَهُ نُورًا يَمْشِي بِهِ فِي النَّاسِ كَمَن مَّثَلُهُ فِي الظُّلُمَاتِ

لَيْسَ بِخَارِجٍ مِّنْهَا ۚ كَذَٰلِكَ زُيِّنَ لِلْكَافِرِينَ مَا كَانُوا يَعْمَلُونَ [١٢٢]

*ምዉት ዝነበረ ህያዉ ጌርና ኣብሞንጎ ሰባት ዝኸደሉ ብርሃን ዝገበርናሉ ከምቲ ኣብፀልማታት ካብኣ ከምዘይወፅእ ክኾኑ ዘሎ ድዩ? ከምኡ ንከሓድቲ ይገብርዎ ዝነበሩ ተሸለመሎም። (ኣንዓም 122)*

እዛ ዓለም ከም ናይ ወጋሕታ ግመ ተራእዩ ከም ዝጠፍእ ልክዕ ዘይትጭበጥን ጠፋኢትን እያ። ትክክለኛ ዓለም ድማ ኣኺራ'ያ። ሞት

ናይ ሓደሰብ ናይ ብሕትኡ ቂያማ ጠጠዉ ዝብለሉ ክስተት'ዩ። ምኽንያቱ ሞይቱ ማለት ቂያማ እንተኾይኑ እምበር ካልኣይ ደጊሙ ዝትስኣሉ ግዜ ስለዘየለ ኢዩ። ስለዚ ድማ ዋላ ሓደ ካብ ናይ መልኣይካታት ምክትታል ከምዝይምልጥ ተረዲኡ ደቂሱ እናሀለወ ቅድሚ ምምፅኦም ክንነቕሕ ኣለና። ክንሃድም እንተበልናስ ናበይ ኢና ንሃድም? ስለዚ ወድሰብ ንናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ርህራሄን ሕዝነትን ንምርካብ ንናይ ኣኺራ መዓልቲ ሒሳብ ክዳለዉ ኣለዎ። ኣላህ ድማ ከምዚ ብለና፡

فَفِرُّوا إِلَى اللَّهِ إِنِّي لَكُمْ مِنْهُ نَذِيرٌ مُبِينٌ (50)

*ናብ ኣላህ ሀደሙ ፣ ኣነ ካብኡ ግልፂ ኣጠንቃቒኹም ኢየ(በሎም) (ዛርያት 50)*

ሓደሰብ ግን ንስምዒቱ እንተኸተለ ክሰርሖ ዝግብኦ ሓዲጉ ኣብ ረብሓት ዘይግነየሉ ነገር ዕድሜኡ እንተጨሪስዎ ዝፅበዮ ነገር ፀልማት ፣ ፀቢብን ፣ ከቢድ ጉድጓድ'ዩ።

# ምዕራፍ ትሽዓተ

## ሪዝቅ (ሺሻይ)

ኣቡ ሓዝም(ዓምር ኢብኑ ዲናር) ዝተብሃሉ (ዓሊም) ምሁር ብዛዕባ ሺሻይ (ሪዝቅ) ከምዚ ዝስዕብ ይነግሩና ፧ እዛ ዓለም ብደንቢ እንተተዓዘብኩዋ ክልተ ነገር ጥራይ እዩ ዘለዋ። እቲ ሓደ ናይ ባዕለይ ሺሻይ እንትኾዉን እቲ ካልኣይ ድማ ናይ ካልእ ሰብ ሺሻይ እዩ። እቲ ናተይ ሪዝቅ ከም ንፋስ እኳ በሪሩ እንተዝኸይድ ዋላሓደ ካባይ ኣየሕድገንን። ንናይ ካልእ ሪዝቅ ከሕድግ ወይ ክወስድ ኢለ ክንዲ ንፋስ እኳ ፈጢነ እንተዝበርር ኣይምረኸብክዎን።

ንወድሰብ ኣብሂወቱ ፀበባን ጓሂን ካብ ዘስዕበሉ ነገራት ምስኣን ፣ ድኽነት ፣ ናይ ከስቢ ሰበባት ምስኣን ቀንድታት 'ዮም። ነገርግን ናይ ወድሰብ ሪዝቅ ኣብ ከብዲ ኣዲኡ ምፅናስ ካብ ዝጅምር እስካብ ተወሊዱ ዝሞት ግዜ ሪዝቅ ኣይስእንን። ነዚ ድማ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብዛዕባ ናይ ሓደሰብ ሪዝቅ(ሺሻይ) ቅድሚ ምዉላዱን ምፍጣሩን ዝተሓንፀፀ ምኻኑ ኣብዝቕፅል ሓዲሶም ነገሩና። ከምዚ ይብሉና፡-

ብርግፅ ናይ ነንሕድሕድኩም ፍጥረቱ ኣብ ናይ ኣዲኡ ማህፀን (ይጅምር ፣ ንኣርብዓ ናይ መጀመርያ መዓልቲ ብናይ ዘርኢ መልክዕ

ኮይኑ ይፀንሕ። ንቐፀልቲ ኣርብዓ መዓልትታት ድማ ደም ይኸዉን። ንዘቕፅል ኣርብዓ መዓልቲ ድማ ዘተሓየኸ ስጋ ይመስል። ድሕሪ 120 መዓልቲ ኣላህ(ሱ.ወ) መልኣይካ ይልእኸሉ ሩሕ እዉን ይንፈሐሉ። ነቲ መልኣይካ ብዛዕባ ኣርባዕተ ነገራት ንኽፅሕፍ ይእዘዝ። ብዛዕባ ሪዝቂ(ሺሻይ) ፣ ዕድሚኡ ፣ ስራሕ ፣ ዕድለኛ ወይ ቅርሱስ ብዝብል ይፀሓፈሉ።

ኣብዚ ክነስተዉዕሎ ዘለና ነገር ናይ ወድሰብ ሺሻይ ጥራሕ ዘይኮነ ቅድሚ ምዉላዱ ዝውሰን ናይ ኩሉ ዝንቀሳቀስ ህይወት ዘለዎ ነገር ቅድሚ ምፍጣሩ ዝዉስን ምዃኑ 'ዩ። ካብ ዝተወሰነሉ ድማ ኣይቕንስን ኣይዉስኽን። ኣላህ(ሱ.ወ) ናይ ፍጡራን ብምልኦም መጋባይ ምዃኑን ኩሎም ፍጡራቱ ካብኡ ደለይቲ ምዃኖም ይነግረና።

وَمَا مِنْ دَابَّةٍ فِي الْأَرْضِ إِلَّا عَلَى اللَّهِ رِزْقُهَا وَيَعْلَمُ مُسْتَقَرَّهَا وَمُسْتَوْدَعَهَا كُلٌّ فِي كِتَابٍ مُبِينٍ (6)

*ኣብምድሪ ዝኾነት ተንቀሳቃሲት ምግብ ካብ ኣላህ 'ዩ። መዕረፊኣን መዋህለሊኣን ይፈልጥ። ኩሉ ኣብ ግልፂ መፅሓፍ ኢዩ። (ሁድ-6)*

ዋላኳ ኣላህ(ሱ.ወ) ንፍጡራቱ ብምልኦም ዝምግቦም እንተኾነ ካብቶም ባሮቱ ግን ነቲ ዝሃቦም ኣመስጊኖም ንጌታ ዘፍትዉ ዉሑዳት 'ዮም። ንሳቶም ድማ ንይ ኣላህ ፈተዉቲ እዮም። ኣብ ዝቕፅል ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ ድማ ኣላህ(ሱ.ወ) ምግቦም ካብቦታ ናብቦታ ክሸከሙ ንዘይኽእሉ ፍጡራት ባዕሉ ዝምግብ ይነግረና።

وَكَأَيِّنْ مِنْ دَابَّةٍ لَا تَحْمِلُ رِزْقَهَا اللَّهُ يَرْزُقُهَا وَإِيَّاكُمْ وَهُوَ السَّمِيعُ الْعَلِيمُ (60)

*ካብ ተንቀሳቓሲት ምግባ ዘይትሽከም ብዙሕ ኢያ ፣ ኣላህ ይምግባ ፣ ንዓኻትኩም እዉን ንሱ ሰማዒን ፈላጢን 'ዩ። (ዓንከቡት-60)*

ናይዛ ዓለም ናይ ሓደሰብ ሽሻይ ሰፊሕ ናይቲ ኻልእ ፀቢብ ምኻኑ ዓብይ ጥበብ ዘለዎ ክፍፍል 'ዩ። ኣብዛ ዓለም ናይ ሓደሰብ ሽሻይ ምስፍሑ ናይቲ ሓደ ድማ ምፅባቡ ደቂሰባት ነንባዕሎም ክፃልኡን ክቀናንኡን ዘይኮነ ዝገብርስ እኳደኣስ ናይ ኣኣህ ጥበብ ዝተማልአ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ሽሻይ ከመይ ከም ዝከፋፈልን ናቱ ከምዝኾነን ኣብሽሻይ ከምዝደለዮ ክገብር ዝኽእል ምኻኑ እዩ ዘመልክተና። እዚ ናይ ሪዝቅ ናይ ኣመዳድባ ፕሮግራም ድማ ቅድሚ ደቂ ሰባት ኮነ ፍጡራት ምፍጣሮም ተወሲኑ ዝተወድአ'ዩ። ስለዚ ኣላህ(ሱ.ወ) ናይ ደቂሰባት ሪዝቂ ከምዝምችወሎምን ከምዝጠቕሞምን ጌይሩ ከም ዝመደቦ ክንኣምን ይግብአና። ናይዛ ዓለም ምንቅስቃሳት ኮነ ድርጊታት ፕሮግራማት ኣብ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ዉሳኔን ድልየትን ዝተወሰነ እንተዘይኸዉን ነይሩ ደቂሰባት ከም ደስ ዝበሎም ክዕንድሩ ኔሮም፣ ናይዛ ዓለም ከይዲ ህይወት ምዝባዕ እዉን መጋጠመ ኔይሩ። ኢ-ስርዓታዊ ምንቅስቓስ እዉን ምበዝሐ ኔሩ ፣ ነዚ ድማ ኣላህ ከምዚ ይብለና፡-

أَهُمْ يَقْسِمُونَ رَحْمَةَ رَبِّكَ نَحْنُ قَسَمْنَا بَيْنَهُمْ مَعِيشَتَهُمْ فِي الْحَيَاةِ الدُّنْيَا وَرَفَعْنَا بَعْضَهُمْ فَوْقَ بَعْضٍ دَرَجَاتٍ لِيَتَّخِذَ بَعْضُهُمْ بَعْضًا سُخْرِيًّا وَرَحْمَةُ رَبِّكَ خَيْرٌ مِمَّا يَجْمَعُونَ ( 32)

*ንሳቶም ንርህራሄ ጎይታኻ ይዕድሉዶ? ንሕና ኣብዛ ቀረባ ህይወት ንናብርኦም ኣብሞንጎኦም መቓቒልና ፣ ክፍሎም ንክፍሉ ምእንታን ክሰርሕ ንክፋሎም ኣብ ክፍሉ ብደረጃታት(ሃገር) ኣብሊፅና፡ ፤ ርህሩህ ጎይታኻ (ገነት) (ካብ ዝእክብዎ (ሃብቲ) ዝሓሸት ኢዩ። (ዙኽርፍ 32)*

قُلْ لَوْ أَنْتُمْ تَمْلِكُونَ خَزَائِنَ رَحْمَةِ رَبِّي إِذًا لَأَمْسَكْتُمْ خَشْيَةَ الْإِنْفَاقِ وَكَانَ الْإِنْسَانُ قَتُورًا (100)

*ንስኻትኩም ንመኻዝናት ርህራሄ ጎይታይ እንተትዉንኑ እዚ ግዜ ብምሃብ ክይውደአኩም ምፍራሕኹም ሰብ በቃቅ (ቆቃዕ) ኢዩ። (100-ኢስራእ)*

በብመዓልቱ ብሰማይ ንዝበሩ ብመሬት ንዝንቀሳቀሱ ኣብባሕሪ ዉሽጢ ንዝሕምሱ ናይ ኣላህ ፍጡራት ናይ ነንሕድሕዶም ሺሻዮም ተዳሊዩሎም'ዩ። ነዚ ናይዞም ኩሎም ፍጡራት ሽሻይ ድማ ንኹሎም ዝተመደበሎም ዓቐን በብመዓልቱ ምብፃሕ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ላዕላዋነት'ዩ ዘሪኤና። ብተወሳኺ ድማ ናይቲ ሓደ ሺሽይ ካልእ ክረኽቦ ዘይኽእል ሙኳኑ ነቲ ናይ ሺሻይ ኣከፋፍላ ስርዓት መልክዕ ክህልዎ ይገብር።

ደቂሰባት እንታይ ኮን ክንበልዕ ኢና ኢሎም ከይሓስቡ ኣላህ ዝቐፅል ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ ብምዉራድ የፅናዕነዐና።

وَلَا تَقْتُلُوا أَوْلَادَكُمْ خَشْيَةَ إِمْلَاقٍ نَحْنُ نَرْزُقُهُمْ وَإِيَّاكُمْ إِنَّ قَتْلَهُمْ كَانَ خِطْئًا كَبِيرًا (31)

*ንደቅኹም ድኽነት ብምፍራሕ ኣይትቕተሉ ፣ ንሕና ንምግቦም ፣ ንዓኻትኩም እዉን ፤ ንዕኦም ምቕታል ዝዓበየ ሓጢኣት'ዩ። (ኢስራእ-31)*

ንኣላህ ምግዛእ፣ ሶላት ምስጋድ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ሪዝቅ (ሺሻይ) ንምርካብ ዝሕግዝ ምኳኑ ኣላህ ኣብ ቁርኣን ይነግረና።

وَأْمُرْ أَهْلَكَ بِالصَّلَاةِ وَاصْطَبِرْ عَلَيْهَا لَا نَسْأَلُكَ رِزْقًا نَحْنُ نَرْزُقُكَ وَالْعَاقِبَةُ لِلتَّقْوَى ( 132)

*- ንስድራቤትካ ብስግደት ኣዝዝ ፣ ኣብ ምዝዉታራ ተዓገስ ፣ ሺሻይ ኣይንሓተካን፡ ንሕና ንህበካ ፤ ዕብቕቲ መወዳእታ ንጥንቁቓት ኢያ(ጣሃ-132)*

ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ልኡኽ ድማ ብዛዕባ ሪዝቅ (ሺሻይ) ከምዚ ዝስዕብ ይብሉና፤

ሓደ ካባኻትኩም እድሕርደኣ ካብኡ ዝበለፀ ሃፍቲ ዘለዎ ሰብ ኣጋጢምዎ ፣ ካብኡ ዝተሓተ ደረጃ ዘለዎ ሰብ ይዘክር። ከምዚ

ምግባርኩም እቲ ኣላህ(ሱ.ወ) ዝሃበኩም ፀጋ ኣንኢስኩም ንኽይትረኦዎ ይሕግዘኩም'ዩ። (ቡኻሪ .ሙስሊም.ቲርሚዚ)
ስለዚ ኣብዛ ዓለም ብታሕጓስ ክንነብር እንተደሊና ነቲ ኣላህ(ሱ.ወ) ዝሃበናን ዝመረፀልናን ፀጋ ዝሓሸ ምኻኑ ክንኣምን ይግብኣና ምኽንያቱ ኣብዚ ዓለም ደጊሉ ክትሪኦ ከለኻ ሕማቕ ዝመስል ነገር ዉሽጡ ግና ፅቡቕ ዝኾነ ብዙሕ'ዩ።

ንኣብነት ሓደሰብ ኣብዱንያ ብፀገም እንተ ኔሩ ቅያማ መዓልቲ ግና ናብ ጀነት ክኣቱ ይኽእል'ዩ። ብኻልእ ወገን ድማ ኣብዱንያ ብራህዋ ዘሕለፈ ሰብ ቅያማ መዓልቲ ናብ ሓዊ ክኣቱ ይኽእል እዚ ድማ ዘረድአና ብዙሓት ነገራት ፅቡቕ መሲሎም ዝረኣዩና መጨረሻኦም ሕማቕ ዝኾኑ ነገራት ከምዘለዉ እዩ።

وَلَا تَمُدَّنَّ عَيْنَيْكَ إِلَى مَا مَتَّعْنَا بِهِ أَزْوَاجًا مِنْهُمْ زَهْرَةَ الْحَيَاةِ الدُّنْيَا لِنَفْتِنَهُمْ فِيهِ وَرِزْقُ رَبِّكَ خَيْرٌ وَأَبْقَى (131)

*ንክፍልታት ካሓድቲ ብእሉ ንኽንፍትኖም ናብ ዘጣቐምናሉ ሽልማት ቀረባ ህይወት ኣዒንትኻ ኣይትዘርግሕ ፣ ሺሻይ ጎይታኻ ዝሓሸን ነባሪን'ዩ። (ጣሃ 131)*

ኣላህ ብተወሳኺ ኣብ ካልእ ዓንቀፅ ከምዚ ይብል፡-

كُلُوا مِنْ طَيِّبَاتِ مَا رَزَقْنَاكُمْ وَلَا تَطْغَوْا فِيهِ فَيَحِلَّ عَلَيْكُمْ غَضَبِي وَمَنْ يَحْلِلْ عَلَيْهِ غَضَبِي فَقَدْ هَوَى (81)

*ካብ ዝሃብናኩኩም ሺሻይ ካብፅቡቕ ብልዑ ፣ ብእሉ ደረት ኣይትሕለፉ ፣ ቁጣዐይ ይወርደኩም'ዩ ቁጣዐይ ዝወርዶ ብርግፅ ፀደፈ። (81 ጣሃ)*

ኣላህ(ሱ.ወ) ሺሻይ ንደቂሰባት ኣብ ዘውርደሎም ግዜ ብሃበተረኽበ ዘይኮነስ ናይቲ ዝወሃብ ሰብ ኩነታት ፣ ባህሪ ፣ ናይ ገንዘብ ኣጠቓቕምኡ እናረኣየ ሙኻኑ ባዕሉ ይነግረና።

وَلَوْ بَسَطَ اللَّهُ الرِّزْقَ لِعِبَادِهِ لَبَغَوْا فِي الْأَرْضِ وَلَكِنْ يُنَزِّلُ بِقَدَرٍ مَا يَشَاءُ إِنَّهُ بِعِبَادِهِ خَبِيرٌ بَصِيرٌ (27)

*ኣላህ ን(ኹሎም) ባሮቱ ሺሻይ እንተዝዝርግሕ ኣብምድሪ መበላሸው ግን ዝደልዮ ብዓቐን የዉርድ ንሱ ኣብባሮቱ ዉስጠ ፈላጥን ተመልካቲን'ዩ። (27-ሹራ)*

ናይ ሓደሰብ ሺሻይ እቲሰብ ቅድሚ ምፍጣሩ ጀሚሩ ከምዝተወሰነ ተገንዚቡ ነፍሱ ንናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ዉሳኔን ድሌቱን ብምምራኽን ብምንብርካኽን ናይ ኢማን ጣዕሚ(መቐረት) ከስተማቕር ይግብኦ። ነዚድማ እዚ ዝቕፅል ሓዲሰል ቁድሲ ንመልከት፡-

*ኣላህ(ሱ.ወ) ነቶም ናይ ደቂሰባት ሺሻይ ዘከፋፍሉ መልእኽቲ ከምዚ ይብሎም፡- ሓደ ባርያየ ብናይ ኣኺራ (ዳሕረወይቲ) ዓለም ተመሲጡ እንተረኺብክምዎ ናይ ሰማይን ናይ መሬትን በረኸት ክፈትሉ። ከምእዉን ዝተወሰነሉ ሺሻይ ንምርካብ ቅኑዕ መንገዲ እንዳሰዓበ እንተረኺብክምዎ ንዕኡ መንገዲ ኣግርህሉ፡፤ (ነዋይረልኢኩል)*

ካብዚ ሓዲስ እንርደኦ ነገር ሓደባርያ እንድሕርድኣ ንኣላህ እንተኾይኑ ናቱ ትእዛዝን ሕግታትን እንተኽቢሩን እንተተኣዚዙን ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ፍቶት ንምግናይ እንተኾይኑ ዝጓየይ ካብቶም ናይ ኣላህ ፈተዉትን ፈራሕትን (ዝፈርሑን) ይኸዉን። ንኸምዚ ዓይነት ባርያ ድማ ካብ ሰማይን መሬትን ናይ ኣላህ በረኻታት ይኽፈተሉ። ነዚ እዉን ኣላህሱ.ወ) ከምዚ ይብል፡-

ሓቀኛን ዝግብኦን ምምካሕ ካብ ኣላህ እንተትምክሑ ኔርኩም ነተን ወጋሕታ ጥራሕ ከብደን ወፊረን ኣጋምሸት ፀጊበን ዝምለሳ ኣሞራታት(ኣዕዋፍ) ከምኣተን ጌይሩ ንዓኻትኩም እዉን ሸሻይ ምሃበኩም ኔይሩ።

ኣብዚ ዩኒቨርስ(ሰፊሕ ዓለም) ካብዘለዉ ፍጥረታት ከም ፃፀ ንክረምቲ ኣዋርሕ ምግቦም ዘቐምጡ ፍጡራት ኣዝዮም ዉሑዳት'ዮም፡፡ መብዛሕትኡ ፍጥረት ንኽረምቲ ኢሉ ምግቢ ዝኽዝን ኣይኮነን፡፡ ኮይኑ ግና ክረምቲ ሓሊፎም ንቀዉዒ እዉን ዘፅንሖም ሓይሊ ኣይስእኑን፡፡ ኣብትሕቲ እዚ ብቁዑን ተስማዕማዓይን ዝኾነ ናይ ኣላህ ግዝኣት ዝነበሩ ፍጡራት ከመይ ኢሎም ምግቢ ክስእኑ ተባሂሉ ይጥርጠር? ኮይኑ ግና ናይ ወድሰብ ስንፍና ፣ ህርፈት ፣ ቅንኢን ቁቋዐን ካብ ኣላህ ንዝወርድ ሪዝቂ ንምቕናስ ዋና ምኽንያት'ዮም፡፡

ስለዚ ኢስላም ዘምህረና ናይ ኵሉሰብ መዓልታዊ ሺሻይ(ሪዝቅ) ቅድሚ ምፍጣር ተወሲኑ ዝተወድአ ነገር'ዩ፡፡ ወዲሰብ ካብ ዝተፈጠረላ(ዝተወለደላ) ሰከንድ ጀሚሩ ክሳብ ዝመዉት ዘሎ ግዜ ዝትንፍሶ ኾነ ዝምገቦ ልክዕ ተወሲኑ ዝተቐመጠ'ዩ፡፡ ኣይቕንስ ኣዉስኽ፡፡ እዚ ማለት ግና ኵሉነገር ተወሲኑ ዝተወድአ ነገር እዩ ኢሉ ኢዱ ኣጣሚሩ ኮፍ ክብል ማለት ኣይኮነን፡፡ እኳደኣስ ክሰርሕ ክፅዕር ከምዘለዎ'ዩ፡፡ እዚ ማለት ከምቲ ንኣላህ ክንእዘዞ ግዴታ ዝኾነና ልክዕ ነቲ ኣላህ ዝወሰነልና ሺሻይ ንምርካብ እዉን ምፅዓር ግዴታና'ዩ፡፡ ቱርካዉያን ዝብልዎ ኣባሃህላ ኣሎ፡- መጀመርያ እኹል ዝኾነ ፃዕሪ ከየቐደምካ ዳሕራይ ብሓሶት ብቀደር ኣይተማኻኒ(ኣይተሳብብ)፡፡ ነቲ ኣላህ(ሱ.ወ) ዝሃበና ፀጋታት ከም ናይ ምህዞ ክእለታት ሓላፊነት ንምሽካም ፣ ናይ ምምራፅ ዕድል ነዚኩሉ ገዲፍና ኣብ ናይ ኣላህ ቀደር እናመኽነና ካብ ምስራሕ ኢድና ብምስሓብ ካብ ሰብ ምፅባይ ኣብ ልዕሊ ኣላህ ከም ምዕማፅ'ዩ፡፡

ንባዕልና(ንነፍስና) ካብ ዘጋጥማ ፀገም ምፍዋስን ምሕላዉን ብተፈጥሮ ዝለመድናዮ ነገር'ዩ፡፡ ንኣብነት ኣብግዜ ሕማም መድሓኒት ከም ምጥቃም ፣ ናይመሬት ምንቅጥቃጥ እንተጋጥም ከም ምህዳም ዝመሳሰሉ ነገራት ዝተለመዱ'ዮም፡፡ በዚልክዕ ድማ ንሪዝቅና ንምግናይ ክንጓየ ከምዘለና 'ዩ፡፡ ንዝተወሰነልና ሺሻይ ንምግናይ ኢልና

ምጉያይና ድማ ብቀደር ዘለና እምነት ኣይፃረርን። ሓደ ዘድልየና ነገር ንምርካብ ኮነ ዘፀገመና ነገር ንምልጋስ ኣብ እንገብሮ ፃዕሪ ብቀደር ምኽሓድ እዩ ኢልና ሰበብ ምግዳፍ ምስ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ሕጊ(ሱና) ምፅራር'ዩ። ነዚ ድማ ኣላህ ከምዚ ይብለና፦

وَأَنْ لَيْسَ لِلْإِنْسَانِ إِلَّا مَا سَعَى (39)

*ንሰብ ኣብ ቀዳመይቲ ዝገበሮ እምበር (ኣብደሕረወይቲ) (ካልእ) የብሉን(39) ነጅሚ 39)* ነዚ ቁርኣን ዘብራህርህ ድማ ነቢ(ሰ.0.ወ) ከምዝስዕብ ብሉና።

*ሓደሰብ ካብ ሰባት ካብ ክልምን ገመድ ሒዙ ንበረኻ ከይዱ ዕንጨይቲ ጠሚሩ እናወረደ እንተዝመሓዳደር ይሕሾ። ዋላኳ ሰባት ዝደልዮ ዝኣክል ሃብዎ ወይ ኸልእዎ።*

ኢብን ኣል-ፈራሲ ዝተበሃሉ ሰብ ኣቦኦም ምስ ነቢ(ሰ.0.ወ) ዝገበርዎ ዝርርብ ብኸምዚ የዋግዑና። ኣንቱም ናይ ኣላህ ልኡኽ ሓደሓደ ዘድልየኒ ነገራት ካብሰባት ክሓትት ይኽእል ዶ?(ይፍቀደልይ ዶ?) ኢሉ ሓቲተዮም። ነቢ(ሰ.0.ወ) ድማ ከምዚ ኢሎም መለሱለይ። ኣይይ! ዋላ ሓደ ኣይትሕተት። ነገር ግን እንድሕርደኣ ንምልማን(ምሕታት) ተገዲድካ ንምእመናን ሕተት። (ነሳኢ ፡ ኣቡ ደዉድ ፡ ኢብማጃህ) ብተወሳኺ ድማ ኣላህ(ሱ.ወ) ሓደ ፍጡር ነቲ ሓደ ፍጡር ናይ ሺሻይ ኣፍደገ እዩ ፈጢርዎ። በዚ ምኽንያት ድማ ሃፍታም ንድኻ ፡ ዝተመቸዎ ንዝፀገሞ ብምሕጋዝ ብምክንኻን ኣላህ(ሱ.ወ) ኣብ ልዕሌና ዘቐመጦ ግዴታ ብምፍፃም ካብኣላህ ዓቢ ዓስቢ(ኣጅሪ) ከምልጠና የብሉን። ነዚ ድማ መልኣይካ ጂብሪል(ዓ.ሰ) ከምዚ ይብል፦

ኣነ ከም ናይዛ ዓለም ደቂሰባት እንተዝኾን ነይረ(ሰብ እንተዝኾን ነይረ) ሰለስተ ነገራት ክፈቱ ኔረ። መንገዲ ዝጠፍኦም ሰባት ምሕባር ፣ ድኻ ኮይኑ እናሃለወ ንኣላህ ኣፀቢቑ ዝግዛእ (ዘምልኽ) ፣ ብዙሓት ቆልዑ ዘለዎም ናይ ድኻ ቤተሰብ ምርዳእ(ምሕብሓብ)።

# ፍቑዳት(ሓላል) ምግብታት

ሓደሰብ ናብ ኣላህ(ሱ.ወ) ኣብ ዝገብሮ ጉዕዞ ኮነ ስራሕ(መንገዱን ስርሑን) ዝፀበቑን ዝተስተኻኸለን ንክኸዉን ናይ ግድን ዝበልፆ ሪዝቕ (ሺሻይ ፡ ምግቢ) ሓላላት ምኳኑ ከረጋግፅን ክጥንቀቕን ኣለዎ፡፡ ዝበልፆ ምግቢ ሓላል ንክኸዉን ዝፅዕር ሰብ ድማ ብኣላህ ኣማናይ(ሙእሚን) ምኳኑ እዩ ዘመላኽተና፡፡ ሓላል ምግቢ ምምጋብ ድማ ንህይወትካ ብርሃን ፡ ንልብኻ ደስታ (ራህዋ) ፡ ንኣምልኾ (ዒባዳ) ድማ መቐረት ዘግንይ እዩ፡፡ ብኻልእ ገፅ ድማ ሓራም (ክልኩል) ምግቢ ምምጋብ ንህይወት ዘበለሹን መርዛምን ኮይኑ ንልቢ ከኣ የፀልምታ፡፡ ኣብዛ ዓለም ዝርአ ዝተጨማለቐ ስርዓትን ኣብመፃኢ ዓለም ዘጋጥም ወርደት ብምኽንያት ሓራም(ክልኩል) ሺሻይ 'ዩ፡፡ ፍቑዳት ኣታዉን ምግብን ምጥቃም ናብ ኣላህ ዘቕርብ እንትኾን ሓራም(ክልኩል) ዝኾኑ ኣታዊ ኮነ ኣታዊ ምጥቃም ድማ ካብኣላህ ዘርሕቕን ንቁጠዕኡ ዘጋልፅን'ዩ፡፡ ሓደ ናይ ኣላህ ባርያ ልቡ ኣብክንዲ ብኣላህን ብናይ ኣላህ ፍቕሪ ምምላእ እንድሕርድኣ ብናይ ገንዘብን ዉሉድን ፍቕሪ መሊኡዎ መወዳእታኡ ናብ ጓህን ተስፋ ምቑራፅን'ዩ ዝጉዕዝ፡- ነዚ ድማ ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

يَا أَيُّهَا النَّاسُ أَنْتُمُ الْفُقَرَاءُ إِلَى اللَّهِ وَاللَّهُ هُوَ الْغَنِيُّ الْحَمِيدُ (15)

*ኦ! ኣንቱም ሰባት ንስኻትኩም ናብ ኣላህ ድኻታት ኢኹም ፣ ኣላህ ከኣ ሃብታምን ምስጉንን'ዩ፡፡ (ፋጢር-15)* ዑመር ኢብኑል ኻጣብ ከኣ ዝቕፅል ዱዓ ይገብሩ ኔሮም፡

*ጎይታይ ካብ ዉሸጥና እቶም ፀገም ዘለዎም ሰባት ምእንታን ክርድኡ ነቶም ለጋሳት ሸሻይካ ኣግፍሖሎም፡፡*

ብኻልእ ገፅ ድማ ሓራም ዝኾነ ገንዘብ ዘካ ኾነ ሰደቃ ክወፃ ኣይኽእልን፡፡ ኣብዱንያ ኮነ ኣብ ኣኺራ ድማ ጓሂን ዋይታን ኢዩ ዘስዕብ፡፡ ሓላል ዝኾነ ምግቢ ግና ንልቢ ፅቡቕ ካብ ምኳን ሓሊፉ

ጥበብን ንኣላህ ፍርሕን ንክህልወና ይሕግዘና። ሙሉእ ናይ ሰዉነት ኣካል ድማ ንናይ ኣላህ ትእዛዝ ዝግዱ ይኸዉን።

እንክርዳድ ዝኾነ እኽሊ ዘሪእኻ ፅቡቕ ዝኾነ ኣዝመራ ምሕፋስ ከምዘይከኣል ልክዕ ብናይ ሓራም ገንዘብ ኮነ ምግቢ ድማ ዓስቢ(ኣጅሪ) ኮነ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ፍቶት ምግናይ ኣይከኣልን። ስለዚ ሙእሚን ንኽነብር ዘድልይዎ ነገራት ካብ ሓላል ዝኾኑ ፍልፍላት ንኽረክብ ክፅዕር ኣለዎ። ምኽንያቱ ነቲ ብሩህ(ቅኑዕ) መንገዲ ንኽምራሕ ይሕግዞ'ዩ። ሓላል ምግቢ ናይ ምምጋብ ቀንዲ ጥቕሙ ድማ ካብዚ ናይዛ ዓለም ፀበባኣ ጓህን ናይ መንፈስ ማእሰርትን ሓራ (ናፃ) ምውጻእ ኢዩ። ካብኡ ሓሊፉ እዉን ንልቢ መብራህቲ ኢዩ።

ምእመናን (ሙእሚናት) ከትኩሩሉ ዝግብኦም ካልእ ነገር ድማ ኣብሞንጎ ሓራምን ሓላልን ዝርከቡ ሽቡሃት(ተመሳሰልቲ) ነገራት'ዮም። ነዚኦም ምርሓቕ ድማ ናይ ሙስሊም ዋና ዓላማን ፃዕርን ክኸዉን ኣለዎ። ነዚ ድማ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከምዚ ይብሉና፡-

*ሓላል ዝኾነ ነገር ግልፂ እዩ። እቲ ሓራም ዝኾነ ነገር እዉን ግልፂ'ዩ። ኣብ ሞንጎኦም ግና ብዙሕ ሰብ ዘይፈልጦም መዋቃዕቲ(መደናገርቲ) ነገራት ብዙሓት ኣለዉ። ስለዚ ነዞም ኣብሞንጎ ሓላላትን ሓራማትን ዘለዉ መዋቃዕቲ ነገራት ነፍሱ ዘውደቐ ድማ ብርግፅ ኣብ ሓራም ወደቐ። ንነፍሱ ካብዞም መደናገርቲ ነገራት ዝርሐቐ ከኣ ክብረቱን ሃማኖቱን ሓለወ። ኣብነቱ ድማ ኣብጥቓ ዝተኽልከለ ሓፁር(ደንበር) ከም ዝሕሉ ጓሳ እዩ። ኣዋጅ ንኹሉ ንጉስ እኮ ሓፁር(ደንበር) ኣለዎ። ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ደንበር(ሓፁር) ድማ እቶም ዝኽልከሉም ነገራት 'ዮም። ኣዋጅ ኣብ ሰዉነትና ዉሽጢ ሓንቲ ቁራፅ ስጋ ኣላ። ንሳ እንተተስተኻኺላ ዝተረፈ ኣካል ይስተኻኸል። እንድሕር ደኣ ንሳ ተባላሽያ ዝተረፈ ኣካል ይበላሾ። ኣዋጅ እዛ ቁራፅ ስጋ ልቢ(ቀልቢ) እያ። (ቡኻሪን ሙስሊምን)*

ኣብዛ ዓለም ዘሎ ኩሉ ዓይነት ፀጋ ዉሱንን ካብ ኣላህ ዝተረከብናዮ ሓደራ ስለዝኾነን ኣብ ነውዕሎ ብደንቢ ክንክፈልጥ ኣለና። ከምኡዉን ክነብክዮ የብልናን። ኣላህ(ሱ.ወ) ድማ ነቲ ዝሃበና ፀጋኡ ቀያማ መዓልቲ ኣበይን ከምይን ከምዘጥፋእናዮ ክተሓሳስበና ምዃኑ ክንፈልጥ ኣለና። ከም ምዕራባዉያንን ኣዉሮፓዉያንን ናይ ሕጂ ዘለዉ ርእስ-ማላዉያን ገንዘብና ኣብሓራምን ትዉልዲ ኣብ ዘበላሸዉ ነገር እንድሕር ነዉፅእ ኮይና ናይ መፃኢ ትዉልዲ ህይወቱን ተስፍኡን ዝተበላሸወ ይኸዉን። ዝገርም ነገር ካብ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ፍጡራት ወድሰብ ጥራይ እዩ ብዝረኸቦ ነገር ዘይዓግብ እንበር ካልኦት ናይ በረኻ ኣራዊት እንተረኢና ንጥሜቶም ዝመልሰሎም ነገር እንተግንዮም ንካልእ ኣይጭነቑን። ሓደግዜ ሃዲኖም መዓልታዊ (ግዝያዊ) ሸሻዮም ምስ ሓዙ ግና እንደገና ናብ ካልእ ክሃድኑ ኣይኸዱን። ወድሰብ ግና ንድሌቱ (ንህርፈቱ) መዕፀዊ የብሉን። ነዚ መዕፀዊ ዘይብሉ ህርፈቱ (ድሌቱ) ክእድብ(ክእርሞ) እንተደልዩ ምብካን ዝበሃል ነገር ጠጠዉ ከብል ኣለዎ። ምኽንያቱ እተን ኣላህ(ሱ.ወ) ዝወሰነሉ ሺሻይ ኣይዉስኻን ኣይቅንሳን።

وَإِنْ مِنْ شَيْءٍ إِلَّا عِنْدَنَا خَزَائِنُهُ وَمَا نُنَزِّلُهُ إِلَّا بِقَدَرٍ مَعْلُومٍ (21)

*ናይ ዝኾነ መኻዚኖታት ምሳና እዩ ፣ ብፍሉጥ ዓቐን እምበር ኣይነዉርድን(ሒጅር-21)* ናይ ወድሰብ ድሌት(ህርፈት) መዕገቲ ዘይብሉ ምዃኑ ብዝምልከት ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣብ ዝቕፅል ሓዲስ ከምዝስዕብ ይነግሩና።

*ወዲኣደም እኮ ሓደ ሸንጥሮ ወርቂ እንተሃልይዎ ካልኣይ ናይ ወርቂ ሸንጥሮ ንክህልዎ ይምነ። ናይ ወዲኣደም ኣፍ ዝመልኦ(ህርፈቱ ዝዓግተሉ) ሓመድ ጥራይ'ዩ።* ናይ ሓደሰብ ምግብታትን ኣታዉን ኣብሓላ ዝኾነ ጥራሕ ክኸዉን ከምዘለዎ ኣቡሁረይራህ ካብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዘመሓላለፍልና ሓዲስ እንርእ፡-

እቲ ሓያል ዝኾነ ኣላህ(ሱ.ወ) ፅቡቕ ኢዩ። ብኡልክዕ ከኣ ፅቡቕ ዝኾነ ነገር እምበር ኣይቕበልን። ኣላህ(ሱ.ወ) ከምዚ ይብል፡- “ኣንቱም ልኡኻት ኣላህ ካብፅቡቕ ምግብታት ብልዑ ፣ ሰናይ ስራሕ እዉን ስርሑ ከምኡዉን ኣንቱም ዝኣመንኩም ሰባት ካብቲ ዝሃብኩኹም ፅቡቕ ምግቢ ብልዑ....... ኢሉ ነቶም ልኡኻት ብዝኣዘዞም ነገር ነቶም ዝኣመኑ እዉን ኣዚዝዎም።” ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ቀጺሎም ከምዚ በሉና ሓደ ነዊሕ ጉዕዞ ዝጎዓዘ ሰብ ፣ ፀጉሩ ዝተንጨባረረ ፣ ኣቦራ ዝተኸደነ ሰብ ኢዱ ናብ ሰማይ ዘርጊሑ ጎይታይ! ጎይታይ! ጎይታይ! ዝብል ናይ ኣላህ ባርያ እሞ ኸዓ ዝበልዖ ሓራም ፣ ዝሰትዮ ሓራም ፣ ዝኽደኖ ሓራም፣ ዝተነድቀ ብሓራም ኮይኑ እናሃለወ ኣላህ ከመይ ኢሉ ዱዓኡ ዝቕበሎ? ኢሎም ኣዉግዑና።

# ምዕራፍ ዓሰርተ

## ብርሃንን ፀልማትን

እቲ ሓያል ዝኾነ ኣላህ(ሱ.ወ) ንወድሰብ ናይ ፍልጠትን ናይ ምስትዉዓልን ክእለት ዓዲሉ ዝፈጠሮ ምኽንያት እዞም ክልተ ነገራት (መሳርሕታት) ተጠቒሙ ነቲ ሓቂ ምእንታን ከለሊ እዩ። ስለዚ ናይ ሓደነገር ፅቡቕነት ፣ ጠቃማይነት ፣ ክንፈልጥን ክንፈልይን እንኽእል እቲ ነገር ምስ ተፃራሪኡ (ንኣብነት ፀልማት ምስ ብርሃን ፣ ላዕሊ ምስ ታሕቲ ፣ ትኽክለኛ ምስ ጌጋ...) እናነፃፀርና እዩ። ስለዚ ናይ ወድሰብ ሓንጎል(ኣመላኻኽትኡ) ብናይ ዝሪኦን ዝፈልጦን ነገራት ነንባዕሎም እናነፃፀረ ዝተነደቐ ’ዩ። ስለዚ ድማ ናይ ኢማን መቐረት እንርድኦ እንድሕር ናይ ክሕደት ክፉእነትን ጎዳእነትን ብደንቢ እንተተረዲእና ’ዩ። ስለዚ ቁርኣን ንፍጡራን ካብ ናይ ክሕደት ፀልማትን ዓዘቕቲን ናብ ናይ ኢማን ብርሃንን ሜዳን ዝመርሕ

ብርሃን 'ዩ። ኣላህ(ሱ.ወ) ንደቂሰባት ብዛዕባ ባዕሉ ብኽልተ መንገዲ ኣፋሊጡዎም 'ዩ። እቲሓደ ኣብዛ ገፋሕዓለም ብዝርከቡ ብጣዕሚ ብዙሓትን ዝገርሙን ፍጥረታትን ተኣምራቱን እቲ ካልኣይ ድማ ኣብ ቁርኣን ብዝነግረና ታኣምራዊ ዝኾነ ሽማቱን ፍጥረታት ክስተታት 'ዮም። እዞም ክልተ ናይ ኣላህ ምህላዉን ሓያልነቱን ዘርእዩና መዝገባት ዋላኳ ክልቲኦም ነንበይኖም ኣላህ ንምህላዉ ክእዉጁ እንተኽኣሉ ኮይኑ ግና እቲ ሓደ ነቲ ሓደ የረጋግኦን ይድግፎን የብራህርሆን። እዚ ዝርአ ገፊሕዓለም (ህዋ) ናይ ኣላህ ምህላዉን ሓድነት ማስረጃ (መረዳእታታት) ዝሓዘ ኮይኑ ወድሰብ እንተኾነ እዞም ክልተ ነገራት ኣብዉሽጡ ዝሓዘ 'ዩ።

ወድሰብ ብዝፈጥረሉ ናብሕማኞ ኮነ ናብፅቡኞ ናይ ምዝባል ባህሪ ይረኣዮ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ እቲ ኣብዉሽጡ ዝሰረፀ ናይ ብርሃንን ፀልማትን መንፈስ'ዩ። ናይ ወድሰብ ሓላፍነት ድማ መሃይምነትን(ዘይፍለጥን) ጌጋን ዓለም ምሉእ ከይሽፍን ድማ ናይ ኩሉሰብ ሓላፊነት ይኸዉን ይኸዉን።

أَفَلَمْ يَسِيرُوا فِي الْأَرْضِ فَتَكُونَ لَهُمْ قُلُوبٌ يَعْقِلُونَ بِهَا أَوْ آذَانٌ يَسْمَعُونَ بِهَا فَإِنَّهَا لَا تَعْمَى الْأَبْصَارُ وَلَكِنْ تَعْمَى الْقُلُوبُ الَّتِي فِي الصُّدُورِ (46)

*ኣብኦም ዘስተዉዕሉሎም ልብታት ወይ ዝሰምዕሎም ኣእዛን ምእንታን ክህልዎም ኣብ ምድሪ ዘይከዱ? እዚ ኣዒንቲ ኣይዓወራን ግን እተን ኣብኣፍ ልብታት ዘለዉ ልብታት ይዓዉራ። (ኣልሓጅ 46)*

ብናይ እምነት ብርሃን እናተሓገዙ ቁርኣን ካብጎይታ ዝኾነ ሓቂ ንምኻኑ ምርግጋፅ ዝኣበዮም ሰባት ኣላህ ደቂሰባት ልቦም ከፊቶም መንፈሶም ኣረጋጊኦም ንናይ ቁርኣን ዓንቀፃት ብምስትንታን እናገላበጡ እንተዘግንዘብዎን ናይዛ ገፋሕ ዓለም ታኣምራት እንተዘምርምሩን ኔሮም ዓቢ ዝኾነ ሓቂን ብርሃንን ምተዓዘቡን መግነዩን ኔሮም። ኣላህ (ሱ.ወ) ከምዚ ይብል፦

سَنُرِيهِمْ آيَاتِنَا فِي الْآفَاقِ وَفِي أَنْفُسِهِمْ حَتَّى يَتَبَيَّنَ لَهُمْ أَنَّهُ الْحَقُّ أَوَلَمْ يَكْفِ بِرَبِّكَ أَنَّهُ عَلَى كُلِّ شَيْءٍ شَهِيدٌ (53) أَلَا إِنَّهُمْ فِي مِرْيَةٍ مِنْ لِقَاءِ رَبِّهِمْ أَلَا إِنَّهُ بِكُلِّ شَيْءٍ مُحِيطٌ (54)

*ንሱ(ቁርኣን) ሓቂ ሙዃኑ ክሳብ ዝግለፀሎም ኣብ(ዝረሓቑ) ዞባታት ኣብ ነፍስታቶምን ተኣምራታትና ክነርኦም ኢና ፣ ጎይታኻ ንሱ ነገራት ኩሉ ተዓዛቢ ሙዃኑ ኣይኣኽሎምን? (53) ንሳቶም ካብ ምርኻብ ጎይታኦም ኣብምጥርጣር ኢዮም ፤ ንሱ ኣብኩሉ ነገራት(ብኽእለቱ) ኣኻባቢ'ዩ(54) (ፍሲለት 53-54)*

ኣላህ(ሱ.ወ) ንናይ ወድሰብ ኣይሰምዕን ኢሉ እዝኑ ዓፅዩን ገፁ መሊሱ ምኽዱን ብኽምዚ ይነቅፍ፡-

يَا أَيُّهَا الْإِنْسَانُ مَا غَرَّكَ بِرَبِّكَ الْكَرِيمِ (6) الَّذِي خَلَقَكَ فَسَوَّاكَ فَعَدَلَكَ (7) فِي أَيِّ صُورَةٍ مَا شَاءَ رَكَّبَكَ (8)

*ኦ! ኣንታ ሰብ ኣብቲ ሓላዩ ጎይታኻ እንታይ ኣታሊሉካ(6) ኣብቲ ዝፈጠረካ ሙሉእ ኣካል ዝገበረካ ኣብ ዘመዓራርየካ(7) ኣብዝደለዮ ቅርፂ ኣጋጠመካ(8)(ኢንፊጣር 6-8)*

ረቢ(ሱ.ወ) ካባና እደልዮ በቲ ዘዉረዶ ሰማያዊ ሕጊ ኣብኩሉ ናይ ህይወት መዳይ እናተግበርና እናተፈረድና እናተኣዘዝና ክንነብር እዩ፡ ናይ ወድሰብ ናብራ ካብ ዘበላሽዉ (ዘዕንዉ) ሕማቓት ተግባራትን ባዕሉ ብዘምፅኦም ከም ስንፍና ፣ መሃይምነት ፣ ጨቋናይነትን ናይ ክሕደት ወንጀላትን ካልኦት ከምኦም ዝበሉ ነገራት 'ዮም። ቁርኣን ግና ነዚኦም ተፃራሪ ዝኾኑ ባህርያት ንምምሳል እዩ ዘበረታትዕ።

ኣላህ(ሱ.ወ) ንወድሰብ ፈጢሩ ህይወቱ ዝምርሐሉ ዘብርሀሉ መብራህቲ ከይሃበ ኣገድፎን። እኳደኣስ ብፅሑፍን(ብቓልን) ብተግባር ዝርአ ብርሃን እዩ ሂብዎ። ንሳቶም እዉን ቁርኣንን ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ)

ናይ ህይወት ኣካይዳ(ሱና) ኢዮም፡ ኣብ ዘመነ ጃሂልያ(መሃይምነት) ዝነበረ ዝተበላሸወን ጎዳኢይ ባህል ኮነ ባህሪ ዝፈረሰሉን ዝዓነወሉ ድማ ብቁርኣንን ብሱናን'ዩ። ነዚ ድማ ኣላህ ከምዚ ይብለና፡-

فَآمِنُوا بِاللَّهِ وَرَسُولِهِ وَالنُّورِ الَّذِي أَنْزَلْنَا وَاللَّهُ بِمَا تَعْمَلُونَ خَبِيرٌ (8)

*ብኣላህን ልኡኽን በቲ ዘዉረድናዮ ብርሃንን እመኑ። ኣላህ ኣብትገብርዎ ዉስጠ ፈላጥ'ዩ (በሎም)(ተቓቡን 8)*

እቶም ህይወቶም ኮነ ምንቅስቓሳቶም ብናይ ቁርኣን ብርሃን እናመርሑ ክነብሩ ዘይደልዩ ሰባት ነፍሶም ኣብስቓይን ሰቐቓን ፀገምን ጭንቀትን ከንብርዋ ዝመረፁ እዮም። ነዚ ብግልባጡ ግና ንሕና(ሙስሊሚን) ነፍስና ኮነ ቤተሰብና ካብ ሓዊ ነፃ ክነውፅእ ክንፅዕር ኣለና። ነዚ ኣላህ ከምዚ ይብለና፡-

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا قُوا أَنْفُسَكُمْ وَأَهْلِيكُمْ نَارًا وَقُودُهَا النَّاسُ وَالْحِجَارَةُ عَلَيْهَا مَلَائِكَةٌ

غِلَاظٌ شِدَادٌ لَا يَعْصُونَ اللَّهَ مَا أَمَرَهُمْ وَيَفْعَلُونَ مَا يُؤْمَرُونَ (6)

*ኦ! ኣንቱም ዝኣመንኩም ነብስታትኩምን ስድራቤትኩምን መቀፃፀሊኣ ሰባትን ኣእማንን ካብ ዝኾነት ሓዊ ሓልዉ ፣ ኣብኣ ተረርቲ ሓያላት መላእኽቲ ኣለዉ ፤ ንኣላህ ዝኣዘዞም ኣይኣብዩን ዝተኣዘዝዎ ይገብሩ(6) (ተሕሪም 6)*

ሓደ ሙስሊም መጀመርያ ክገብሮ ዝግብኦ ነገር ንደቁ (ዉላድ) ብናይ ኢስላም ማእዘናት ፣ ናይ ኢማን ዓምድታትን ክሕዙን ክህነፁን ምግባር እዩ። ነዚ ድማ ዝሕግዘና ኣብገዛ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ናይ ፍልጠት ቦታታት እናኸዱ ክመሃሩ ምግባር'ዩ።

ኢስላም ንናይ መፃኢ ትዉልድ (ወለዶ) ካብ መጀመርታኡ እናኮርኮመ ብምምሃር ንናይ ደቂሰባት ባህሪ ዓቢይ ጨዋታ እዩ ዝጫወት። እዚ ድማ ምፅቡቕ ዘርኢ ኣብ ልምሉም ቦታ ከም ምዝራእ ማለት'ዩ። እቲ ዘርኢ ፈርዩ ምስ ዓንበበ ደስዝብል ልክዕ ብቁርኣንን ሱናን ዝተሃነፀ ትዉልዲ እዉን ከምኡ ማለት'ዩ። ነዚ

ዝሕግዘና መረዳእታ እዉን ነቢ(ሰ.ዓ.ወ) ንደቅና ገና ደቂ ሽዉዓተ ዓመት እናሃለወ ንክሰግዱ ክንገብሮም ከምዘለና ኣብ ዝመኸሩና ሓዲሶም ምርዳእ ይከኣል። ንደቅና ብትኽክልን ፍቕርን ርህራሄን ብዝተማልአ መንገዲ ኣብትኽክል ሰዓቱ እንድሕር ደኣ ተንከባኺብና ሓብሒብና ብቁርኣንን ሱናን ቀሪፅናዮም ልፍዓትና ልክዕ ኣብ እምኒ ከም ዝተፃሕፈ(ቅርሲ) ዘይጠፍእ ይኸዉን። ዝቕፅል ታሪኽ ንመልከት

ኣቡበከር ኣልወራቅ ዝተበሃለ ኣላህ ዝፈርሑ ዓሊም ወዶም ናብ ቁርኣን መምህሪ መድረሳ ይልእኽዎ ነበሩ። ሓደመዓልቲ ደኣ እቲ ቆልዓ ኣዝዩ ገፁ ተቐያይሩ ጉህዩ መፀ። ኣብዚ ግዜ ኣቡኡ እንታይ ከምዘጋጠሞ ሓተትዎ። እቲ ቆልዓ ድማ ከምዚ በለ፡- ኣንታ ኣቦይ ሎማዓንቲ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ዝብል ዓንቀፅ ኢና ቀሪእና፡-

فَكَيْفَ تَتَّقُونَ إِنْ كَفَرْتُمْ يَوْمًا يَجْعَلُ الْوِلْدَانَ شِيبًا (17)

*ነቲ ንቆልዑ ዘሰይብ መዓልቲ እንተኺሕድኩም ብኸመይ ትጥንቀቑ? (17) ሙዘሚል*

ስለዚ ነዚ ናይቁርኣን ዓንቀፅ እንተተገንዘብክዎ ድማ ኣብ ዉሽጠይ ፍርሒ ስለዝፈጠረለይ 'ዩ ፤ በሎም። ድሕሪ ከምዚ ኢሉ ምዝራቡ ድማ እቲ ቆልዓ ብዙሕ ከይፀንሐ ሞተ። ብድሕሪዚ እቶም ሰብኣይ ብዙሕ ግዜ ናብናይ ወዶም ቀብሪ እናተመላለሱ ይዝይሩ(ይጉብንዩ) ከምኡዉን ከምዚ እናበሉ ይበኽዩ ነበሩ። ናይ ኣላሀ(ሱ.ወ) ቁርኣን ንብዙሕ ዓመታት የንብቦ ኔረ እየ። ነገር ግን ነዚ ዓንቀፅ እዚ ብደንቢ ኣድሂበሉ ኣይፈልጥን ኔረ። ከመይ ዓይነት ዘይረብሕ ሰብ እየ። ወደይ ግና ብሓደ ግዜ ኣንቢቡ ተረዲእዎ እናበሉ ይበኽዩ ኔሮም።

ቁርኣን ንዘንብቦ ሰብ ንክርድኦን ክምርምሮን ንዝደሊ ሰብ ከም ናይ ዉቅያኖስ ግፍሒ ኣለዎ። ስለዚ ቁርኣን ብምስትንታንን ብምድሃብን ኣብሶላት ኮነ ካብሶላት ወፃኢ ምንባብ ካብ ዝዓበዩ ኣምልኾ(ዒባዳ) እዩ። ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

أَوْ زِدْ عَلَيْهِ وَرَتِّلِ الْقُرْآنَ تَرْتِيلًا [٤]

*ወይ ወሰኽሉ ንቁርኣን እዉን ብህድኣት ኣንብብ(4) (ሙዘሚል 4)* እንደገና ድማ ቁርኣን ኣብ ዝቅረአሉ ግዜ ብፅሞና ክነዳምፅ ከምዘለና ኣላህ የለዓዕለና፡፡

وَإِذَا قُرِئَ الْقُرْآنُ فَاسْتَمِعُوا لَهُ وَأَنْصِتُوا لَعَلَّكُمْ تُرْحَمُونَ (204)

*ቁርኣን ምስ ዝንበብ ንዕኡ ስምዑ ህድኡ ምእንታን ክርህረሃልኩም(ኣዕራፍ-204)*

ቁርኣን ኣብ ዝንበበሉ ብፅሞና ምድማፅ ነቲ ቁርኣን ንኽንርዳእ ይሕገዘና፡፡ ምርዳእና ድማ ናይ ቁርኣን ፍልጠት ክህልወና ይገብር፡፡ ናይ ቁርኣን ፍልጠት ዘለዎ ሰብ ድማ ካብቶም ኣላህ ዝርህርሀሎም ሰባት 'ዩ፡፡ ነዚ ድማ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ባዕሎም ንዓብዱላህ ኢብኑ መስዑድ(ረ.ዓ) ቅርኣለይ ኢሎምዎ ኣብ ዝቐርአሎም ግዜ ብፅሞና እናዳመፁ ይበኽዩ ኔሮም፡፡ እዚ እዉን ንዓና ዓቢ ኣብነት'ዩ፡፡ ከምእዉን ደቆም ደስ ብዝብል ድምፅን ናይ ምንባብ ክእለት ኣብ ዘንብበሎም ግዜ ዘዳምፁ ወለዲ ብሓቂ ናይ ዓቢ ዕፃ ዋናታት እዮም፡፡ ዉላድካ ምፍታዉ ዋላኳ ዓቢ ናይ ተፈጥሮ ፀጋ እንተኾነ ንኣላህ ምፍታዉ ግና ተወዳዳራይ ዘይብሉ ዓቢ ፀጋ'ዩ፡፡ እዚ ናይ ውላድ ፍቕሪ ድማ ልዕሊ ኩሎም ዓይነት ፍቕሪታት ፀብለልታ ኣለዎ፡፡ ወላኳ ንደቆም ዓቢ ፍቕሪ ይሃልዎም እምበር ኣላህ ድማ ንወላዲ ዘጠንቅቖም እዚ ንደቆም ዘለዎም ፍቕሪ ካብ ንደቆም ኣደብ ምትሓዝ ከየዘናግዖምን ከየርስዖምን'ዩ፡፡ ወለዲ ንደቆም ብናይ ቁርኣን ሕግ ኮትኲቶም ብምዕባዮም ኣላህ ድማ ዝህብዎም በረካ ኣሎ፡፡ እዚ ተሪፉ ግና ከምደስ ዝበሎም ክዕንድሩ እንድሕር ለቂቖምዎም እንኳን ንባዕሎም ንሕብረተሰብ እዉን ናይ ፀገምን መከራን ፍልፍል'ዮም ዝኾኑ፡፡

ወለዲ ንደቆም ብቁርኣን እንድሕርደኣ ሃኒፀምዎም ቀሪፀምዎም ካብ ኣላህ ዝሸለምዎ ሽልማት ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከምዚ ይገልፅዎ፡፡

*ቁርኣን ብደንቢ ዘንብቡ ቆልዑ ዘለዎም ወለዲ ቂያማ መዓልቲ ናይ ኑር(ብርሃን) ዘዉዲ ይገብሩ፡፡ ናይ ኑር(ብርሃን) ካብ(ኮት) እዉን ይኸደኑ፡፡ (ኣቡ ዳወድ ፣ ኣህመድ ፣ ኣል-ሃሺም)*

ብዙሓት ወለዲ ድማ ከምዚ ዓይነት ዉልድ ክህልዎም ይምነዩ 'ዮም፡፡ እዚ ልሙድ ኮይኑ እናሃለወ ነዚነገር እቶም ደቆም ንኽበፅሑን ንኽነናፀፉን ግና ዝኽፍልዎም መስዋእቲን ክገብርዎ ዝግብኦም ፃዕር ግን ብደንቢ ክርድእዎ ኣለዎም፡፡

ሓደሰብ እንድሕር ደኣ ደቁ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ቁርኣን ንክሸምድዱ ገይሩ ፅዒሩ ናይ ኣላህ ዓቢ ዝኾነ ዓስቢ(ኣጅሪ) ይረክብ፡፡ እንኳን እዚ ቤተሰብ(ስድራቤቱ) ናይ ሓላል ዝኾነ ሪዝቂ (ሺሻይ) ንሽምፀሎም ላዕልን ታሕትን ዝብል እንተኾይኑ ናይ ድኻሙ ዋጋ(ዓስቢ) ካብ ኣላህ(ሱ.ወ) ኣብ ዱንያን ኣኺራን የግንይ፡፡ ካብ ወንጀሉ እዉን ይቅነሰሉ (ይድምሰሰሉ)፡፡ ደቁ ድማ በተለይ ብቆልዕቶም ዝሞቱ እንተኾይኖም ኣብ ቅያማ መዓልቲ ካብ ናይ ጀሃነም ሓዊ መከላኸሊ እዮም ዝኾንዎ፡፡ ደቅና ካብቶም ኣላህ(ሱ.ወ) ዝሃበና ፀጋታት ዝዓበዩ ስለዝኾኑ ካብ ጎዳኢ ነገር ክንሕልዎም ኣለና፡፡ በተለይ ድማ ካብ ናይ መንፈሳዊ ፀገማት፡፡

ግን ድማ ደቅና ካብ ሕማቕ መንፈስ ክንሕልዎም እንኽእል ነዓኣቶም ፅቡቕ ብምብላዕን ብምስታይን ዘይኮነስ ኣላህ ከመይ ከምዝፍራሕ እንተምሂርናዮም 'ዩ፡፡ እዚ ናይ መንፈሳዊ ምግቢ ንኣላህን ነቢን ብደንቢ(ብዝግባእ) ንኽፈትዉን ንክኽተሉን ይገብሮም፡፡ እዚ እንድሕር ኣማሊኦም ድማ እቲ ኣላህ(ሱ.ወ) ኣብ ልዕሊኦም ዘዉረዶ ግዴታ ብደስታን ድሌትን ይትግብርዎ፡፡ እንተዘይኣለ ግና ሶላት ኮነ ካልእ ዒባዳ ተሰላችዮምን ከይፈተዉን እዮም ዝፍፅምዎ፡፡

ኣብ ዘመና ብዙሓት ሙስሊሚን ንደቆም ኢስላማዊ ኣብቁርኣን ዝተደረኸ መንፈሳዊ ስልጠና ዘይገብርሎም ምኻኖም ኣዝዩ እዩ ዘሕዝን። እዚ ስልጠና ብዘይምግባሮም ድማ ንደቆም ካብ ናይ ሰማያዊ ብርሃን የርሕቅዎም ከምዘለዉ ኣይዕዘቡን። ብዓብይኡ ድማ ናይ መፃኢ ናይ ሙስሊም ወለዶ ናብፀገም ከምዘዉድቅዎ ኣይምልከቱን።

ምንታን ንደቅና ደሕንነትን ባህርን ክንብል እንመርፆ/ፃ በዓል(ቲ) ሓዳርና ብደንቢ ክንፈሊ ኣለና። ቅድሚ ሓዳር ምምስራትና ክንሓስበሉ ዘለና እቲ እንመርፆ/ፃ በዓል/ቲ ሓዳር ምስ ኣላህ ከምእዉን ምስ ቁርኣን ዘለዎ/ዋ ርክብ ክንምርምር ኣለና። እቲ ዘቅምጥዎ መመዘኒታት ንኣላህ ኣብ ምፍራሕን ንነቢ ኣብምስዓብን ኣብዝበሉ ርእሲ ዝተመርኮዘ ብዘይምኻኖም ዘንጊዑ ኮነ ቀልጢፉ እቲ ሓዳር ዝብተን ምኻኑ ኢና ንዕዘብ ብሓፂሩ ደቅና ካብዚ ኣብ ዘመና ካብ እንሪኦ ፈሳድ(ብልሽት፣ግርዝይና) ክንሕልዎም ኣለና ፣ ክንሕልዎም ካብ ዘለዉና ነገራት ድማ ኣማሲኻ ምእታዉ፣ ግዜን ገንዘብን ምብካን፣ ግዕዙይ ፊልሚ ምርኣይ ፣ ስርቂ ሓሺሽ ካብ ምዉሳድ ፣ ቑማር ፣ መስተ፣ ወዘተን ይርከብዎም።

እዞም ነገራት ድማ ዘለዉዎ ዘመን ንደቅና ኣዝዩ ክፉእ ምኻኑ ክንርድኦ ኣለና። ኣላህ እዉን ንነፍስና ኮነ ስድራቤትና ካብ ናይ ሓዊ ቕፅዓት ከነድሕኖም ከምዘለና ይሕብረና።

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا قُوا أَنْفُسَكُمْ وَأَهْلِيكُمْ نَارًا وَقُودُهَا النَّاسُ وَالْحِجَارَةُ عَلَيْهَا مَلَائِكَةٌ

غِلَاظٌ شِدَادٌ لَا يَعْصُونَ اللَّهَ مَا أَمَرَهُمْ وَيَفْعَلُونَ مَا يُؤْمَرُونَ (6)

*ኦ! ኣንቱም ዝኣመንኩም ነብስታትኩምን ስድራቤትኩምን መቀፃፀሊኣ ሰባትን ኣእማንን ካብ ዝኾነት ሓዊ ሓልዉ ፣ ኣብኣ ተረርቲ ሓያላት መላእኽቲ ኣለዉ ፧ ንኣላህ ዝኣዘዞም ኣይኣብዩን ዝተኣዘዝዎ ይገብሩ(6) (ተሕሪም 6)*

ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ንደቂሰባት ናይ ፀገሞም መፍትሒ እቲ ኣላህ ዘዉረዶ ናይ ኢስላም ናይ ስለምግባር ትምርህቲ ምኳኑ ክደሃበሉ ኣለዎ።

يَا أَيُّهَا النَّاسُ قَدْ جَاءَتْكُمْ مَوْعِظَةٌ مِنْ رَبِّكُمْ وَشِفَاءٌ لِمَا فِي الصُّدُورِ وَهُدًى وَرَحْمَةٌ لِلْمُؤْمِنِينَ (57)

*ኦ! ኣንቱም ሰባት ካብ ጎይታኹም ኣጠቓላሊ ኣብ ኣፍልብታት ንዘሎ(ሕማም ጥርጥር) ፈዉሲ ንምእመናን ከኣ መምርሕን ርህራሄን ብርግፅ መፂእኩም (ዩኑስ-57)*

ስርዓት ኣልቦነትን፣ ገበንን ካልኦት ጎዳእቲ ነገራት ንምዉጋድ ቀንድን ብሕታዊን መንገዲ ናይ ኢስላም ትምህርቲ ኢዩ። ስስዑነትን ካብ ዉሸጥና ከነልግሰሉ እንኽእል መሳርሒ ኢስላም ጥራይ እዩ፡ ምኽንያቱ ናይ ኢስላም መልዐሊታት(መሰረታት) ካብ ናይግላዊ ጥቕሚ ንላዕሊ ኣብ ናይ ማሕበራዊ ጥቕሚ እዮም ዘድህቡ። ብርግፅ ናይ ቁስኣካል ፍቕሪ ዝስፋሕፋሕ እንድሕር ደኣ ናይ ኢስላም ትምህርቲን ሕግታትን ተረሲያም'ዩ። ምኽንያቱ ቁሳዊ ስርዓት (ድሌት) ንሕብረተሰብ ክመርሕ ኣይኽእልን በተለይ ኣብዚ ዘለናሉ እዋን ከሓድቲ ሓንጎሎም ኮነ ናይ ስምዒት ሕዋሳቶም ብቲ ትኽክል ዝኾነ ኣይከይዳ ስለ ዘይጥቀሙሉ ንሓቂ ክነፅጉ ብዙሕግዜ ይረኣዩ ካልእ ተሪፉ ኣላህ የለን ኢሎም ክረትዑ ይምነዩ። ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

أَوَلَمْ يَرَ الْإِنْسَانُ أَنَّا خَلَقْنَاهُ مِنْ نُطْفَةٍ فَإِذَا هُوَ خَصِيمٌ مُبِينٌ (77)

*እዚ ሰብ ንሕና ካብ ንጣብ ፍትወት ከም ዝፈጠርናዮ ኣይርእይን ድዩ? ንሱ (ትንሰኣኤ ብምክሓድ) ግልፂ ተኻታዒ እዩ። (77 ያሲን)*

يَا أَيُّهَا الْإِنْسَانُ مَا غَرَّكَ بِرَبِّكَ الْكَرِيمِ (6) الَّذِي خَلَقَكَ فَسَوَّاكَ فَعَدَلَكَ (7) فِي أَيِّ صُورَةٍ مَا شَاءَ رَكَّبَكَ (8)

*ኦ! ኣንታ ሰብ ኣብቲ ሓላይ ጎይታኻ እንታይ ኣታሊሉካ (6) ኣብቲ ዝፈጠረካ ሙሉእ ኣካል ዝገበረካ ኣብ ዘመዓራረየካ(7) ኣብ ዝደለዮ ቅርፂ ኣጋጣጠመካ(8) (ኢንፊጣር 6-8)*

ከሓድቲ ልቦም ዝሞተ ብምኻኑ ነቲ ኢስላም ሒዝዎ ዝመፀ ሓቂ ኣይቕበሉን። ፃዉዒት (ዳዕዋ) ኣብ ዝግበረሎም እዋን ድማ ከምዚ ይብሉ፡- “ንሕና ንነብር ዘለና ሳይንስ ኣብ ዝማዕበለሉ ግዜ ንስኻ ድማ ትፅዉዓና ዘለኻ ናይ ቀደም ሰባት ናብ ዝፈጠርዎ ናይ ነበረያነበረ ወግዒ ኢዩ። እዚ ድማ ድፍትርና (ሲሕሪ) እምበር ካልእ ኣይኮነን” ይብሉ። ቁርኣን ግና ንናታቶም ቅጥፈት ብትሪ መልሲ ኣቐሚጥሎም’ዩ። ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

يَعْلَمُونَ ظَاهِرًا مِنَ الْحَيَاةِ الدُّنْيَا وَهُمْ عَنِ الْآخِرَةِ هُمْ غَافِلُونَ (7) أَوَلَمْ يَتَفَكَّرُوا فِي أَنْفُسِهِمْ مَا خَلَقَ اللَّهُ السَّمَاوَاتِ وَالْأَرْضَ وَمَا بَيْنَهُمَا إِلَّا بِالْحَقِّ وَأَجَلٍ مُسَمًّى وَإِنَّ كَثِيرًا مِنَ النَّاسِ بِلِقَاءِ رَبِّهِمْ لَكَافِرُونَ (8)

*ካብ ቀረባ ህይወት(ዱንያ) ንግሁድ(ግልፂ ዝርአ ዝኾነ ነገር) ይፈልጡ ካብ ዳሕረወይቲ ዓለም(ኣኺራ) ንሳቶም ዝንጉዓት እዮም(7) ኣብ ኩነታት ነብሶም ዘይሓሰቡ? ንሰማያትን ንምድርን ኣብ ሞንጎሶም ንዘሎን ኣላህ ብሓቂ ንዝተወሰነ ግዜ ፈጠሮም ፣ ካብሰባት መብዛሕትኦም ምስ ጎይትኦም ኣብ ምርኻብ ከሓድቲ እዮም(8) (7-8 ሩም)*

ንሕና ንደቅና ናይዱንያ ኮነ ናይ ቀፃሊት ዓለም(ኣኺራ) ህይወቶም ፅቡቕ ክኾነሎምን ንሸይጣን ኮነ ንተንኮሉ ንከይሸነፉን ክነዉርሶም ዘለና ናይ ኢስላማዊ(ቁርኣናዊ) ባህርን ኣካይዳን እዩ። ነዚ

ንክኸዉን ድማ ኩሉግዜ ኢስላማዊ ትምህርቲ ናብ ዝርከብሉ ቦታ(መድረሳ) ክንልእኾም ኣለና።

ኣብዚ ሕዚ ግዜ ወለዲ ደቆም ናብትምህርቲ ቤት ኣብዝልእኽሉ ግዜ ደቆም ናይ ኢስላም ፍልጠት ይቐስሙ ምህላዎምን ዘይምህላዎምን ኣይግደሱን። ወለዲ ዝምልከቱን ዘድህቡን ኣብቲ ናይ ትምህርቲ ክፍሊት ዉሑድ ክኾነሎም ጥራይ እዩ። ነዚድማ ብዙሓት ወለዲ ደቆም ኢስላማዊ ትምህርቲ ናብ ዘይወሃበሉ ትምህርቲ ቤት ክልእኽዎም ንዕዘብ። በዚ ምኽንያት ድማ ብዙሓት ናይ ኢሰስላማዊ ትምህርቲቤታት ብሰንኪ ዋሕዲ ተመሃራይ እናተዓፀዉ ይርከቡ።

ኣብዚ ሕዚ ዘመን ደቅና ብናይ ኢስላም ዓንቀፃት እንተድኣ ዘይቀሪፅናዮምን ኣብ ናይ ኢስላም ትምህርቲ ቤት ተኮትኩቶም እንተዘይዓብዮም ካብቲ ኣብዘመና ዝርአ ናይ ስነምግባር (ፀባይ) ምብልሻዉ ሕማም ክድሕኑ ተስፋ ኣይግበርን። ኢስላም ነቶም ኣብ ዝሓለፉ ዘመናት ዝነበሩ ሰባት ኣስተኻኺሉ ኣፀቢቑ ባህርያቶም ዝቐረፆም ልክዕ ናይዚ ዘለናሉ ዘመን ሰብ እዉን ብፅቡቕ ኣካይዳን ባህርን ናይ ምቕራፅ ዓቕሚ ዘለዎ ሃይማኖት እዩ።

وَنُنَزِّلُ مِنَ الْقُرْآنِ مَا هُوَ شِفَاءٌ وَرَحْمَةٌ لِلْمُؤْمِنِينَ وَلَا يَزِيدُ الظَّالِمِينَ إِلَّا خَسَارًا (82)

*ካብ ቁርኣን ንምእመናን ፈዉሲ ርህራሄ ነዉርድ ፤ ንበደልቲ ክሳራ እመበር ኣይዉስኽሎምን (82) (ኣል ኢስራእ-82)*

ብኻልእ ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ ከኣ፦

فَآمِنُوا بِاللَّهِ وَرَسُولِهِ وَالنُّورِ الَّذِي أَنزَلْنَا ۚ وَاللَّهُ بِمَا تَعْمَلُونَ خَبِيرٌ [٨]

*ብኣላህ ልኡኹን በቲ ዘውረድናዮ ብርሃንን እመኑ ፣ ኣላህ ኣብትገብርዎ ዉሽጠ ፈላጥ'ዩ (በሎም)8 (ተቓቡን-8)*

ኣብታሪኽ ብዙሕ ግዜ ከም ዝተነገረና ነቲ ነቢታት ዘምፅእዎ ሕጊ (መምርሒ) ተቐቢሎም ኣሚኖም ኣብ ተግባር ዘዉዕሉ ሰባት ናይዛ ቀረባ ዓለም ኮነ ናይ ኣኺራ ህይወቶም ዝተሳኽዐ ከምዝኾነ'ዩ። ስለዚ

ድማ ኣብዛ ዓለም ክነብር ከለና ናይዛ ዓለም ጥቕምታት ንምርካብ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ደቅና ናይ መፃኢ ህይወት ንክስተኻኽል ክኸዉን ኣለዎ።

ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከም ዝነገሩና ካብ ኡመቶም(ህዝቦም) ነቲ ቁርኣን ብምሓዞም ዓቢ ደረጃ ዝህቦም ሰባት ከም ዘለዉን ነቲ ቁርኣን ብምግዳፎም (ብምድርባዮም) ድማ ዘጥፍኦም ሰባት ከም ዘለዉ ኢዮም።

وَقَالَ الرَّسُولُ يَا رَبِّ إِنَّ قَوْمِي اتَّخَذُوا هَذَا الْقُرْآَنَ مَهْجُورًا (30)

*ልኡኽ፦ ኦ ጎይታይ! ህዝበይ ነዚ ቁርኣን ዝተገድፈ ገይሮም ሒዞሞ(በለ)(30) (ኣል ፍርቃን 30)*

እዛ ዓለም ብዙሕ ዓይነት ምግቢ ከም ዝተቐመጠሉ ዓቢ ጠረጴዛ ማለት እያ። ስለዚ ንሕና ዝተፈጠርናሉ ዓላማ ድማ ነዚ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ዝኾነ ፀጋ እናስተማቐርና ከም ባህ ዝበለና ክንዕንድር ኣይኮነን። እኳደኣስ ነቲ ዝሃበና ሽሻይ እናመስገና ንጎይታና ክንግዛእ 'ዩ። እዚ ረሲዑ ግና ኣብ ዱንያ ከምደስ (ባህ) ዝበሎ ዝዕንድር ሰብ ኣብ ቀፃሊት ዓለም ዓቢ ቅፅዓት'ዩ ዝፅበዮ። ዝገርም ነገር ግና ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ረሕመት (ልግሲ) ሰፊሕ ምኳኑ'ዩ። ምኽንያቱ ካብዚ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ዱንያዊ ፀጋ(ሺሻይ) ክበልዑን ክሰትዩን ዝተፈቐደሎም ኣመንቲ ጥራይ ኣይኮኑን። ከሓድቲ እዉን ከምደስ ዝበሎም ክዕንድሩን ክበልዑን ምፍቓዱ'ዩ። ይኹንደኣ እመበር ነዚ ኹሉ ሒሳብ ዝገበርሉ መዓልቲ ግና ቀረባሽ'ዩ። ሙስሊም ኮነ ከሓዲኡ

ወድሰብ ዳሕራይ ኣብቲ ናይ ፍርዲ መዓልቲ" እታ መህደሚ ዶ የለን?" ኣናበለ ካብ ከእዊ ሕዚ ኣብዚ ዓለም ዝግጅት እንተዝገብር ይበልፀሉ። ኣላህ ብዛዕባኦም ከምዚ ይብል

مَا سَلَكَكُمْ فِي سَقَرَ (42) قَالُوا لَمْ نَكُ مِنَ الْمُصَلِّينَ (43) وَلَمْ نَكُ نُطْعِمُ الْمِسْكِينَ (44) وَكُنَّا نَخُوضُ مَعَ الْخَائِضِينَ (45) وَكُنَّا نُكَذِّبُ بِيَوْمِ الدِّينِ (46) حَتَّى أَتَانَا الْيَقِينُ (47)

*(ይብልዎም ከኣ) ኣብ ሰቐር (ናይ ሓዊ (ጀሃነም) ረግረግ) እንታይ ኣእተወኩም?(42) (ንሳቶም ከኣ) ካብ ሰገድቲ ኣይነበርናን ይብሉ(43) ድኻታት እዉን ንምግብ ኣይነበርናን(44) ምስዘባራቕቲ (ሓዋወስቲ) ኮንቱ ንዛረብ ኔርና (45) ንመዓልቲ ፍርዱ ነሕሱ (ንኽሕድ) ኔርና (46) እቲ ርግፀኛ (ሞት) ክሳብ ዝመፀና (47) (42-47 ኣል-ሙደሲር)*

# ምዕራፍ ዓሰርተሓደ

## ኢሕሳንን(ምፅባቕ) ሙራቀባን(ምቁፅፃር)

ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኢሕሳን (ምፅባቕ) ዝብል ቃል ንኣላህ ከምእትሪኦ ኮይንካ ክትግዝኦ ዋላኳ ኣይትርኣዮ ደኣምበር ንሱ ግና ይርኤካ ሙኻኑ'ዩ። ብዝበል እዮም ኣብራህሪህምዎ። ሙራቀባህ (ምቁፅፃር) ዝብል ቃልድማ ምስ ኢሕሳን(ምፅባቕ) ዝብል ቃል ረኽቢ ኣለዎ። ሙራቀባህ ማለት ብግሁድ(ግልፂ) ኮነ ብሕቡእ እትሰርሖ ኣላህ ከም ዝቆፃፀረካ ዘሎን ከምዝርኤካን ኣሚንካ ነቲ ትሰርሖ ስራሕ ቁፅፅር

ምግባር'ዩ። ነዚ ድማ ኣላህ ብካዕባ ኢሕሳንን(ሙራቀባን) ብዝምልከት ከምዚ ይብል፦

الَّذِي يَرَاكَ حِينَ تَقُومُ (218) وَتَقَلُّبَكَ فِي السَّاجِدِينَ (219)

*ንስግደት ምስቆምካ ዝርእየካ (218) ኣብ ሰጋድቲ ምዕዛብካ (ምቁፅፃርካ) 219 (ሹዓራእ 218-219)*

وَلَقَدْ خَلَقْنَا الْإِنْسَانَ وَنَعْلَمُ مَا تُوَسْوِسُ بِهِ نَفْسُهُ وَنَحْنُ أَقْرَبُ إِلَيْهِ مِنْ حَبْلِ الْوَرِيدِ (16)

*ንሰብ ነፍሱ(ብሓሳቡ) ንእተወስዉሶ እናፈለጥና ብርግፅ ፈጢርናዮ ፤ ንሕና ካብ መትኒታት ሰራውር ደም ናብኡ ዝቐረብና ኢና(ቃፍ-16)*

وَهُوَ مَعَكُمْ أَيْنَ مَا كُنْتُمْ

*ንስኹም ኣብዝሃለኹም ሃሊኹም ምሳኹም'ዩ (4) ኣልሓዲድ 4)*

እቲ ነቲ ኢሕሳን (ምፅባቐ) ዝብል ቃል ብደንቢ ዝተረድኦ ሰብ ንሱ እዩ እቲ ንኣላህ ብሓቂ ዝፈርሕ። ሓደሰብ ኣብ ዝኾነ ቦታ እንተኾነ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ እንተሰርሕ ናይ ኣላህ ትዕዝብቲን ቁፅፅርን ኣብ ልዕሊኡ ከምዝኾነ እንተተረዲኡን እንተኣሚኑን እናፈለጠ ንኣላህ ኣይውንጅሎን። ኣላህ ድማ ከምዚ ይብል፦

إِنَّ اللَّهَ لَا يَخْفَى عَلَيْهِ شَيْءٌ فِي الْأَرْضِ وَلَا فِي السَّمَاءِ (5)

*ኣላህ ምንም ነገር ኣብ ምድሪ ዋላ ኣብ ሰማይ ካብኡ ኣይስወርን (5- ኣልዒምራን)*

እቶም ምንታን ናይ ደቂሰባት ፀርፍን ዉርደትን ዕልኢት ከይስዕቦም ብምፍራሕ ገበን ዘይፍፅሙን ካብሓጢኣት ዝእገዱን ሰባት ምስቶም ኣላህ(ሱ.ወ) ከምዝሪኦምን ከም ዝቆፃፀሮምን ክቐፅዖም ከም ዝኽእልን ኣሚኖም ንዕኡ ብምፍራሕ ጠጠዉ ዝብሉን ማዕረ'ዶ ይኾኑ? እንኳንዶ ማዕረ ክኾኑ ናታቶም መንገዲ እኳ ኣይስዕቡን። እቲ ንኣላህ ብምፍራሕ ወንጀል ዝርሕቐ ሰብ ናይ ኢሕሳን ደረጃ ዝበፅሐ'ዩ።

يَعْلَمُ خَائِنَةَ الْأَعْيُنِ وَمَا تُخْفِي الصُّدُورُ (19)

*(ኣላህ) ንኽዳዕቲ ቆላሕታን ንኣፍልብታት ዝሓብእዎን ይፈልጥ (ቓፊር-19)*

እዚ ናይ ኢሕሳን ባህሪ ዝተጎናፀፉ ሰባት ግና ብናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዘበን ኮነ ድሕሪኦም እናተተግበረ ፀኒሑ እዩ። ነዚ ድማ እዚ ዝስዕብ ታሪኽ ንመልከት

ሓደእዋን ኣብግዜ ዑመር ኢብኑል ሸጣብ(ረ.ዐ) (መራሒ-ሙእሚኒን) ባዕሎም ዑመር ኢብኑል ኸጣብ ሓደ ምሸት ካብ ገዝኦም ወፃኢኦም ኣብከተማ ናይ ህዝቢ ህልዉና ንምስትውዓልን ኩነታትቶም ንምዕዛብን ይዞሩ ነበሩ። ብድንገት ብናይ ሓንቲ ኣዴ(ሰበይቲ) ገዛ እናሓለፉ እታ ኣደ ንጓላ ከምዚ ክትብላ ሰምዑ። "ኣንቲ ጓለይ እቲ ፀባ ብዙሕ ዋጋ ምንታን ከዉፅኣልና ቁሩብ ማይ ወስኽሉ" እታ ጓላ ድማ " ኣቲ ኣደ ናይ ሙእሚኒን መራሒ ዑመር(ረ.ዐ) እኮ ናብ ፀባ ማይ ወሲኽካ ምሻጥ ከልኪሎም 'ዮም ፣ ኢላ መለሰትላ። ኣዲኣ ከኣ "ኣንቲ ጓለይ ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ግን እኮ ዑመር ኣበይዶ ክሪኡና 'ዮም? እታ ጓላ ከኣ "ኣንቲ ኣደ ኣብዚ ግዜ ዑመር ኮነ ካልእሰብ ኣይርእየናን ነገር ግና እቲ ንዑመር ዝፈጠረ ጎይታኸ ኣይርእየናን ዶ? በለታ። ነዚ ዝሰምዑ ዑመር(ረ.ዐ) ብናይዛ ቆልዓ ዘረባ ተገረሙ። ካብ ዘረባኣ ድማ ንኣላህ ከም ትፈርሕ ተረድኡ። ንናይ ወዶም ሰበይቲ ክትኾኖ እዉን ሓሲቦም ንፅባሒቱ ነታ ናይታ ቆልዓ ቤተሰብ ሓቲቶም ምስ ወዶም ኣመርዓዉዋ። ካብዞም ክልተ ኣላህ ዝፈርሑ ሰባት ድማ ናይ ሙስሊሚን ዋናን ናይ ኸሊፋ ዝኾኑ ዑመር ኢብን ዓብደልዓዚዝ(ረ.ዐ) ካብ ዘርኦም ተገነዩ።

ካብዚ ታሪኽ እንመሃሮ ኣብ ዝኾንና እንተኾንና ካብኣላህ(ሱ.ወ) ትዕዝብትን ቁፅፅርን ክንርሕቅ ከምዘይንኽእል ፈሊጥና ንሰርሖ ስራሕታት ክንቆፃፀር ከም ዘለና 'ዩ። ኣላህ ከምዚ ይብል

*ንስኻትኩም ኣብዝሃለኹም ሃሊኹም ምሳኹም'ዩ (4) (ሓዲድ 4)*

ኣላህ(ሱ.ወ) ናይ ፍጥረታቱ ምንቅስቃስ ብደንቢ እዩ ዝፈልጥ ፤ ነገርግን ኣላህ(ሱ.ወ) ኩሉነገር ፈለጥን ተቆፃፃራይ ምዃኑ ዘንጊዕና እንድሕርደኣ ኣብሓጢኣት ወዲቕና ንኣላህ ዘለና ንእሽተይ እምነት ምዃኑ'ዩ ዘመልክት። ኣላህ ድማ ብእኡ ዘለና እምነት ምእንታን ክጥንክር ኣብ ሰማያትን ምድርን ዘለዉ ነገራት ብደንቢ ከምዝፈልጥ ኢዩ ዝነግረና። ከምዚ ድማ ይብል፡-

وَعِنْدَهُ مَفَاتِحُ الْغَيْبِ لَا يَعْلَمُهَا إِلَّا هُوَ وَيَعْلَمُ مَا فِي الْبَرِّ وَالْبَحْرِ وَمَا تَسْقُطُ مِنْ وَرَقَةٍ إِلَّا يَعْلَمُهَا وَلَا حَبَّةٍ فِي ظُلُمَاتِ الْأَرْضِ وَلَا رَطْبٍ وَلَا يَابِسٍ إِلَّا فِي كِتَابٍ مُبِينٍ (59)

*መፍትሒታት ስዉር ፍልጠት ምስኡ እዮም ፣ ብዘይክኡ ማንም ኣይፈልጣን ፣ ኣብምድሪን ኣብባሕሪን ንዘሎ ይፈልጥ ፤ ካብቆፅሊ ሓንቲ እኳ ኣይትረግፍን ዝፈልጣ እንተኾነት እምበር ዋላ ዝደቀቐት ፍረ ኣብፀልማታት መሬት ካብ ጥሉልን(ርሑስ) ንቑፅን ኣብ ግልፂ መፅሓፍ (ዝተመዝገበት) እንተኾነት እምበር ሓንቲኳ የላን። (59- ኣል-ኣንዓም)*

ሓደ ናይ ኣላህ ፈታዊ (ወልዩላህ) ከምዚ ብሉና፡- ብባቡር ክጉዓዝ ዝደለየ ሰብ ኣብቲ ናይ ባቡር ጣብያ ዝርከብ መዕረፊ እንድሕርደኣ ሃሪሱ ባቡር ከምዘምልጦ ፍሉጥ እዩ። እዛ ዓለም ድማ ናብ ኣኺራ እንኻዓዘላ ባቡር ማለት'ያ። ስለዚ ድማ እታ ባቡር ከይተምልጦ ነቂሑ ክፅበ ኣለዎ።

ኣብዝኾንና ቦታ እንተኾንና ዝተዛረብና እንተተዛረብና ኣላህ ከምዝሪኤናን ከምዝሰምዓናን ከምዝቆፃፀረናን ንምዕዛብ እዛ እትቕፅል ናይ ኣላህ ዘረባ ንመርምር፡-

أَلَمْ تَرَ أَنَّ اللَّهَ يَعْلَمُ مَا فِي السَّمَاوَاتِ وَمَا فِي الْأَرْضِ مَا يَكُونُ مِنْ نَجْوَى ثَلَاثَةٍ إِلَّا هُوَ رَابِعُهُمْ وَلَا خَمْسَةٍ إِلَّا هُوَ سَادِسُهُمْ وَلَا أَدْنَى مِنْ ذَلِكَ وَلَا أَكْثَرَ إِلَّا هُوَ مَعَهُمْ أَيْنَ مَا كَانُوا ثُمَّ يُنَبِّئُهُمْ بِمَا عَمِلُوا يَوْمَ الْقِيَامَةِ إِنَّ اللَّهَ بِكُلِّ شَيْءٍ عَلِيمٌ (7)

*ኣላህ ኣብሰማያትን ኣብምድርን ንዘሎ ዝፈልጥ ሙኳኑ ኣይትሪኢን ዲኻ? ሰለስተ (ሰባት) ሕሹኽሹኽ ኣይህሉን ንሱ ራብዓዮም እንተኾነ እምበር ፣ ሓሙሽተ እዉን ንሱ ሻድሻዮም እምበር (እንተኾነ) ኣይህሉን ፣ ካብኡ ዝወሓደን ዝበዝሐን ኣብዝሃለዉ እንተሃለዉ ንሱ ምስኦም እንተኾነ እምበር ፤ ካብኡ ኣብመዓልቲ ትንሳኤ ዝገብርዎ ይነግሮም ኣላህ ንኹሉ ነገራት ፈላጥ ኢዩ። (7- ኣል ሙጃደላህ)*

እስቲ ሕዚ ድማ ናብቲ ናይ ሰይድ ዑመር(ረ.ዐ) ዘመን ንመለስ። ዑመር(ረ.ዐ) ንሙዓዝ ኢብኑ ጀበል(ረ.ዐ) ሓደ ጉዳይ ክሰርሐሎም ናብ ዝኾኑ ቑሸት ይልእኽዎ። እቲ ስራሕ ድማ ከምዚ ነይሩ፡- ካብቲ ናይቲ ቁሸት ሃፋትም ዘካት ሰብሲቡ ንድኻታት ምክፍፋል ፣ ሓደሓደ ስራሕቲ ንዝስርሑ ሰባት ድማ ዓስቦም ክህቦም (ክኽፍሎም) ፣ ሓደሓደ ዘድልዩ ኣቅሓታት ምጉዕዓዝን 'ዩም።

ሙዓዝ ኢብን ጀበል(ረ.ዐ) ነዚ ዝተለኣኽዎ ትእዛዝ ተጠንቂቑምን ኣፀቢቑምን ኣሳኺያም ኣብዝምለስሉ እዋን ናይ ደቅሰባት ልቢ ዝማርኹሉ ስራሕታት እዉን ጎኒንጎኒ ፈፂሞም 'ዮም። ንገዝኦም ኣብዝምለስሉ ሰዓት ካብ ፀሓይ ዘፅልሉለ ጨርቂ ኣብ ርእሶም ጌሮም እዮም ተመሊሶም።

ሓደ መዓልቲ ግና ሰበይቶም ብኸምዚ ሓተትኦም፡- "ከምቲ ንስኻ ዝሰራሕኻዮ ስራሕ (መልእኽቲ ፈፂሞም) ዝሰርሑ ሰባት ካብቲ ዝኸፈልዎ ዓስቢ ንኣንስቶም ሓደሓደ ነገር ገዚኦም እንተምለሱ ኢና ንርኢ ንስኻግና እንታይ ሒዝካልና መፃኻ? ሙዓዝ ኢብኑ ጀበል ብኸምዚስዕብ መለሱላ ፤ ኩሉግዜ ምሳይ ኮይኑ ዝሰርሖ ስራሕቲ

ዝቆፃፀረኒ ኣካል ስለ ዝነበረ እየ ዋላሓንቲ ዘይገዛእኩልኪ ዝመፃኹ ፧ ሰበይቶም ድማ ተቆጢዓ ከምዚ በለቶም ፧ እምበኣር እስካብ ሎማዓንቲ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ፣ ኣቡበከር ፣ ዑመር ፣ ኣብ ዝልእኹኻ ግዜ ኣይኣምኑኻን ኔሮም ማለት ድዩ? ሙዓዝ ኢብኑ ጀበል ካልእ ከይተዛረቡ ስቅ በሉ። ነገርግን ነዚ ነገር እዚ ናይ ዑመር(ረ.ዐ) ሰበይቶም ብምስምዐን ዑመር(ረ.ዐ) እቲ ወረ ይበፅሖም። ካብኡ ንሙዓዝ ፀዊዖም ከምዚ በልዎ፡-

እንታይ ዓይነት ወረ እዩ ዝበፅሐኒ? ምሳኻ ተቆፃፃራይ ልኢኽ ድየ? ዘይኣምነካ ጌርካ ኢኻ ትሓስብ ማለት ድዩ? በልዎ። ኣብዚ ግዜ ሙዓዝ ኢብኑ ጀበል ከምዚ በሎም። ኣንቱም ክቡር ናይ ሙእሚኒን መራሒ ኣብቲ ግዜቲ ንሰበይተይ ዝብላ ስለዘይነበረኒ እየ ኮምኡ ዝበልክዋ። ተቆፃፃራይ ኔይሩ ዝበልክዋ ድማ ኣላህ(ሱ.ወ) ማለተይ እየ። ድማ እቲ ንኣላህ ኢለ ዝደኸምክዎ ድኻም ካብ ኣላህ እምበር ካብ ካልእ ዓስቢ ኣደልን ማለተይ ኢየ በልዎም። ናይ ሙእሚኒን መራሒ ናይ ሙዓዝ ኣበሃህላ ተረዲኦዎም ነዛ ዓለም ድማ ዋላ ሓንቲ ስስዒት ከምዘይብሉ ስለ ዝፈልጡ ካብ ናይ ባዕሎም ገንዘብ ኣልዒሎም ሃብዎ ከምዚ ከኣ በልዎ። እንካ እዚ ሒዝካ ኺድ ንሰበይትኻ ሃባ እሞ እንደገና ድማ ንእሽተይ ኣፃዉታ (ኣቃባጥረላ) በልዎ።

ከም እንሙዓዝ(ረ.ዐ) ዝበሉ ንኣላህ ዝፈርሑ ሰባት ከም ኡዉን ናይ ዳሕረወይቲ ዓለም ናይ ሒሳብ መዓልቲ ዘስግኦም በብመዓልቱ ንዝሰርሕዎ ስራሕ ካብ ምምርማር ኣይዓርፉን። ነዚ ድማ ናይ ሙእሚኒን መራሒ ዑመር(ረ.ዓ) ከምዚ ይብሉና። ኣብ ቅድሚ ኣላህ ቀሪብኩም ቅድሚ ዘይተሓሳሰበኩም እናሃለወ ኣብዚ ባዕሉኹም ነፍስኹም ተሓሳሰብዋ።

ኣቡሰዒድኒል ኹድሪ(ረ.ዐ) ካብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዝስዕብ ሓዲስ የዋግዑና፡- ነቢ (ሰ.ዐ.ወ) ከምዚ ይብሉ፡- እዛ ዓለም (ዱንያ) ምቅርቲን

ሓምለወይቲ (ለምለም) እያ። ኣላህ(ሱ.ወ) ድማ ንዓኻትኩም ናቱ ተወከልቲ (ኸሊፋ) (ተተካእቲ) ጌይሩኩም። እንታይ ከምትሰርሑ ክዕዘብ። ብናይ ዱንያ ስስዐ ካብ ምዕባድን ምስ ደቂኣንስትዮ ክግበር ካብዝኽእል ግዕዙይ ስራሕ ተጠንቀቑ። ንኣላህ(ሱ.ወ) እዉን ፍርሕዎ። ምኽንያቱ ናይ ደቂኢስራኤል (በኒ-እስራኤል) ቀንዲ መጥፊኦኦም እኮ ናይ መጀመርያ ፈትና ብሰንኪ ደቂ ኣንስትዮ 'ዩ። ስለዚ ኩሉግዜ ጥንቁቃት ኮይና ብለይቲ ኮነ ብቐትሪ ንኣላህ ዘፍቱ ስራሕ ብገፊሑ ንምርዳእ ዝኣክል እዚ ኣቡሁረይራህ(ረ.ዐ) ካብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዝነግሩና ሓዲስ ንገንዘብ። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከምዚ ብሉና፦ ናይ ኩሉ ሰብ ናይ ሰዉነቱ መገጣጠሚታት (ኣዕፅምቲ) ብምልኦም ንኣላህ(ሱ.ወ) ሰደቃ (ውህብቶ) ከብፅሑ ኣለዎም። ፀሓይ ኣብ ዝወፀትሉ መዓልቲ ኣብሞንጎ ክልተ ሰባት ብትኽክል ምፍራድ ሰደቓ እዩ። ንሓደሰብ ናብ መጓዓዓዚኡ ክትሽከሞን ኮነ ኣቅሑኡ ክትፅዕነሉ ሰደቃ 'ዩ። ፅቡቕ ዘረባ ንባዕሉ ሰደቃ 'ዩ። ነንሕድሕድ ናብ መስጂድ ዝግበር ስጉምቲ ሰደቃ'ዩ። ካብ መንገዲ ጎዳኢ ነገር ምልጋስ ሰደቃ እዩ። እቶም ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ሓቀኛታት ባሮት ዝኾኑ ኣብ ናብኣላህ ዝገብርዎ ጉዕዞ ዝኾነ ይኹን ናይ ሸይጣን ዕንቅፋት ካብ ምጥሓስ ንድሕሪት ኣይብሉን። ኣላህ ድማ ንኽምዚኦም ዝበሉ ባሮት እዩ ናብቲ ቅኑዕ መንገዲ ዝመርሖምን ዘፍልጦምን ብናቱ መንፈሱ እዉን ዘጠንክሮም። በዚ ዝልግሶም ናይምምራሕን ፍልጠትን ፀጋ ተጠቒሞም ኣብዚ ስፊሕ ህዋ ዘሎ ተኣምራታት ይምርምሩን የስተዉዕሉን ፧ ኩሉነገር ድማ ብዓላማ ከም ዝተፈጠረ የረጋግፁ።

إِنَّ فِي خَلْقِ السَّمَاوَاتِ وَالْأَرْضِ وَاخْتِلَافِ اللَّيْلِ وَالنَّهَارِ لَآيَاتٍ لِأُولِي الْأَلْبَابِ (190)

الَّذِينَ يَذْكُرُونَ اللَّهَ قِيَامًا وَقُعُودًا وَعَلَى جُنُوبِهِمْ وَيَتَفَكَّرُونَ فِي خَلْقِ السَّمَاوَاتِ وَالْأَرْضِ

رَبَّنَا مَا خَلَقْتَ هَذَا بَاطِلًا سُبْحَانَكَ فَقِنَا عَذَابَ النَّارِ (191)

*ንሰማያትን ንምድርን ኣብ ምፍጣር ንለይትን ቀትርን ኣብ ምፍልላይ ንበዓል ኣእምሮታት ብርገፅ ምልክታት ኣለዉ(190) (ንሳቶም) እቶም ቆይሞም ተቐሚጦምን ተጋዲሞምን ንኣላህ ዝዝክሩ ብኣፈጣጥራ ሰማያትን ምድርን ዘስተንትኑ ፣ ኦ ጎይታና! ነዚ ብከንቱ ኣይፈጠርካዮን ፤ ንፁህ ኢኻ ፤ ካብ መቕፃዕቲ ሓዊ ኣድሕነና ዝብሉ'ዮም(191) (ኣል ዒምራን 190-191*)

ንነቢዩላህ ዩሱፍ(ዓ.ሰ) ካብ ዚና(ዝሙት) ዝሓለዎም እዚ ኣብ ዉሽጦም ዝነበረ ናይ ኣላህ ፍርሒ እምበር ካልእ ኣይኮነን። ኣብዚ ዓቢ ዝኾነ ናይ ፀበባ ግዜኦም ኣላህ ናይ ከምዝረኦምን ከምዝዕዘቦምን እምነት(ኢሕሳን) ኣብልቦም እንተዘየስርፀሎም ነይሩ ኣብ ዓቢ ገበን ክወድቑ ምኻኣሉ ኔሮም። ምኽንያቱ ድማ ነፍሲ ብተፈጥሮኣ ናብ ግዕዙይ ነገር እያ ትደፋፍእ። ነቢዩላህ ዩሱፍ(ዓ.ሰ) ዝተዛረብዎ ንመልከት ፤ ኣላህ ከምዚስዕብ ይብለና፡-

وَمَا أُبَرِّئُ نَفْسِي إِنَّ النَّفْسَ لَأَمَّارَةٌ بِالسُّوءِ إِلَّا مَا رَحِمَ رَبِّي إِنَّ رَبِّي غَفُورٌ رَحِيمٌ ( 53)

*ነፍሰይ ኣየንፅህን ብዘይካ ጎይታይ ዝራህረሀላ ፣ ነፍሲ ኣብ ፀይቂ ኣዛዚት ኢያ ፤ ጎይታይ ኣዝዩ መሓርን ርህሩህን'ዩ (በለ) (53-ዩሱፍ)*

ካብጎቦታት ናብ ከዉሕታትን ሸንጥሮታትን ዝዉርወር ዉሕጅ(ማይ) ምስቲ ከዉሒ እናተጋጨወ ድምፂ ከስምዕ ግዴትኡ'ዩ። ነገርግን እንድሕር ምድማፁ ጠጠዉ ኣቢሉ ናብ ዝሃረሰ ባሕሪ ምሕዋሱ ርዱእ ኢዩ። ድሕሪ እዙይ ድማ ዉሑጅ ተባሂሉ ኣይፅዋዕን። ኢሕሳን ማለት ሓደሰብ ኣብ ጠቕላላ ምንቅስቃሱ ኣላህ(ሱ.ወ) ይሪኦ ይሰምዖ ይቆፃፀቀሮ ከምዘሎ ኣሚኑ ተረዲኡ ዝስርሖም ስራሓቱ ብምልኡ ንኣላህ (ሱ.ወ) ዘፍትዉ ክኸዉን ምፅዓር'ዩ።

ተቅዋ (ንኣላህ ምፍታሕ) ናይ ኢማን ቀንዲ ፍረ እዩ። ሓቀኛ ምኳን፣ ኣብ ሶላት ኹሹዕ ምግባር ፣ ዱዓ ምግባር ዝመሳሰሉ ዒባዳታት ኣላህ(ሱ.ወ) እንድሕርደኣ ዘይወፊቑካ (ዘይገጢሙካ)

ኣይገርሁን። ብተቅዋ እንተኸይኑ ደኣምበር ብዛዕባ ተቅዋ ድማ ኣላህ(ሱ.ወ) ከምዚ ይብለና፦-

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آَمَنُوا اتَّقُوا اللَّهَ حَقَّ تُقَاتِهِ وَلَا تَمُوتُنَّ إِلَّا وَأَنْتُمْ مُسْلِمُونَ (102)

*ኦ! ኣንቱም ዝኣመንኩም ፣ ንኣላህ ዝግባእ ምጥንቃቕ ተጠንቀቕዎ ፤ ንስኻትኩም እዉን ከይመስለምኩም ኣይትሙቱ(102) (ኣል ዒምራን 102)*

فَاتَّقُوا اللَّهَ مَا اسْتَطَعْتُمْ

*ንኣላህ ከምዝከኣለኩም ፍርሕዎ (16-ተቓቡን)*

وَمَنْ يَتَّقِ اللَّهَ يَجْعَلْ لَهُ مَخْرَجًا (2) وَيَرْزُقْهُ مِنْ حَيْثُ لَا يَحْتَسِبُ

*ንኣላህ ዝፈርሕ መዉፅኢ ይገብርሉ(2)ካብ ዘይሓስቦ ሸነኽ ሲሳይ ይህቦ(3) (ጠላቅ 2-3)*

ሓደእዋን ኡወይሰል ቀረኒ ዝተብሃለ ዓቢ ንኣላህ ዝፈርሑ ታቢዒን ኣዴኦም ከምዚ ክብላ ሐተትኦም ኣንታ ወደይ ሙሉእ ለይቲ እናሰግድካ እትሓድረሉ ዓቕሚ ካበይ ኢኻ ተምፅኦ? ኡወይሰል ቀረኒ ከምዚ ክብሉ መለሱለን። ኣንቲ ፍትዉቲ ኣደይ! ንኣላህ ክግዝኦ ከለኹ ዓቢ ፍርሓት'ዩ ኣብ ልበይ ዝፍጠር ስለዚ ድማ ብምኽንያት ፍርሒ ኣላህ ኣብሰውነት ንዘጋጥሙኒ ድኻም ኣይፍለጠንን ከምእዉን እቲ ለይቲ ሓፂር እዩ ዝኾነኒ። ምኽንያቱ ብኹሹዕ እየ ዝሰግድ።
ኣዲኡ ድማ ኣንታ ወደይ ኹሹዕ ማለትከ እንታይ ማለት እዩ? በለኦም። ንሶም ድማ ቅፅል ኣቢሎም፡ ኣንቲ ኣዴይ ኹሹዕ ማለት ሓደሰብ ኣብዒባዳ እንድሕር ኣትዩ ብናይ ቀስቲ (ፍላፃ) በሊሕ እንተዝወግእዎ ዘይስምዖ እንተኸዉን እዩ።

እስኪ ነዚ ዝዓጅብ ናይ ኢስላም ታሪኽ ንመልከት፦- ሓደእዋን ሰይድ ዓሊ(ረ.ዐ) ናይ ኢስላም ራብዓይ ኸሊፋ ኣብዉግእ እግሮም ብቀስቲ ተወግኡ። ምስ ሰይድ ዓሊ ዝነበሩ ብፆቶም ነቲ ቀስቲ ከዉፅእሎም እንተፀዓሩ እምባ በሎም። ምኽንያቱ እናሕመመ

ስለዘፀገሞም ቃንዝሉ ኣይከኣልዎን፡፡ ኣብዚ ግዜ ሰይድ ዓሊ ሓደ ሓሳብ መፅእሎም፡፡ ከምዚ እዉን በሉ፡፡ "ኣብ ሶላት ጠጠዉ እንተብል ሽዑ ካብ እግረይ ነቒልኩም ኣዉፅእዎ" በሉ፡፡ እቶም ብፆቶም ድማ ከምዚ ኣዘዝዎም ኣብ ሶላት ጠጠዉ እንትብሉ ነቲ ቀስቲ ነቀልሎም፡፡ ሰይድ ዓሊ ሶላቶም ድሕሪ ምዉድኦም ከምዚ በሉ፡ እናሰገድኩ እናሃለኹ እንታይ ዝተኸስተ ነገር ኣሎ? እቶም ብፆቶም ድማ ነቲ ቀስቲ ከም ዝነቐልሎም ነገርዎም፡፡

እዚ ታሪኽ ኣንቢብና ከም እንድነቅ ርግፅ 'ዩ፡፡ ግን ንምንታይ ብሓቂ ዝተኸሰተ ድዩ? እንብል ሰባት ኣይንስኣንን፡፡ ነገር ግን ናይዚ ዘመን ሰባት ሶላትን ከመይ ዓይነት ስፍራ(ዋጋ) ከም ዝፅበያ እንመርምር፡- ሰይድ ዓሊ(ረ.0) ናይ ሓፂን ቁራፅ ካብ እግሮም ኣብ ዝምዘዙሉ ሰዓት ዋላ ሓንቲ ነገር(ቃንዛ) ክስምዖም ዘይከኣለ ምኽንያት ምስ ኣላህ(ሱ.ወ) ኣብሶላት ዉሽጢ ኮይኖም ወግዒ(ዒባዳ) ሒዞም ስለ ዝነበሩ እዩ፡፡ እዚ ዘመልክተና ድማ ናይ ሰይድ ዓሊ(ረ.0) ንኣላህ ዘለዎም ዓሚቅ ፍርሒ'ዩ፡፡

ኩላህና ኣብ ሶላትና ዉሽጢ ክንኣቱ ከለና ዕረፍትን ራህዋን ክህልወና ንደሊ ኢና፡፡ ነገር ግን ነዚዓቢ ሽልማት ንኽንረክብ እንኽፍሎ መስዋእቲ የፍርሐና 'ዩ፡፡ ንሱእዉን ኹሹዕ ይበሃል ነዚ ድማ ኣላህ(ሱ.ወ) ብዛዕባ ኹሹዕ ከምዚ ይብለና፡-

قَدْ أَفْلَحَ الْمُؤْمِنُونَ (1) الَّذِينَ هُمْ فِي صَلَاتِهِمْ خَاشِعُونَ (2)

*ምእመናን ብርግፅ ተዓዊቶም (1) እቶም ንሳቶም ኣብ ስግደቶም (ንኣላህ) ሓነኽቲ (ተመሰጥቲ-ፈራሕቲ)(2) (ሙእሚኒን 1-2)*

ሰባት ንባዕሎም ብኢሕሳንን ሙራቀባን ክሃንፁ እንተደልዮም ንኣላህ ምዝካር ከብዝሐ ኣለዎም፡፡ ንኣላህ ምዝካር ልቢን ኣእምሮን ምስ ኣላህ የራኽብ፡፡ ናይ ቀልቢ ዕረፍት እዉን የጎናፅፍ፡፡ ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

الَّذِينَ آمَنُوا وَتَطْمَئِنُّ قُلُوبُهُمْ بِذِكْرِ اللَّهِ أَلَا بِذِكْرِ اللَّهِ تَطْمَئِنُّ الْقُلُوبُ (28)

*እቶም ዝኣመኑ ልቦም ንኣላህ ብምዝካር ዝቐሰኑ እዮም። ንኣላህ ብምዝካር ልብታት ይቕስኑ (ኣል- ረዕድ 28)*

ኣላህ(ሱ.ወ) ዝዝክሩ ሰባት ኣላህ ጥበበኛታትን መስተውዐልትን ይገብሮም። ነዚ ድማ እዩ ኣላህ ንሙሳ(ዓ.ሰ) ምስ ሃሩን(ዓ.ሰ) ሓዎም ናብ ፈርዓዉነ ክልእኾም ከሎ ከምዚ ዝበሎም:-

اذْهَبْ أَنْتَ وَأَخُوكَ بِآيَاتِي وَلَا تَنِيَا فِي ذِكْرِي (42)

*ንስኻን ሓዉካን ብተኣምራተይ ኪዱ ፣ ንዓይ ካብ ምዝካር ኣይትድከሙ(42)(ጣሃ 42)* ንኣላህ ብደንቢ እተስታዉስ (እትዝክር) ቀልቢ ንኣላህ ንምፍራሕ ቀላላ እዩ (ልምዲ እዩ) ከምዚ ዓይነት ቀልቢ ድማ ኣላህ ኣብ ቁርኣኑ ብኸምዚ ይገልፆ:-

يَوْمَ لَا يَنْفَعُ مَالٌ وَلَا بَنُونَ (88) إِلَّا مَنْ أَتَى اللَّهَ بِقَلْبٍ سَلِيمٍ (89)

*ገንዘብን ቆልዑን ኣብዘይጠቕመሉ መዓልቲ (88) ናብ ኣላህ ብንፁህ ልቢ ዝመፀአ እንተኾነ እምበር (89) (ኣልሹዓራእ 88-89)*

እዚዓቢ ደረጃ ንምጉንፃፍ ናይ ነፍስያና (ስምዒትና) ዕንቅፋት ተፃዊርና ብምሕላፍን ንኣላህ ብምዝካር ብትዕግስቲን ብኻልኦት ፅቡቓት ተግባራት ክንሕገዝ ኣለና።

ሃይማኖትና ወይ ድማ ናይ ሃይማኖትና ምንቅስቃሳት ብኽልተ ምድብ ምኽፋል ይከኣል። እቲ ቀዳማይ ደጋዊ(ዝርአ) ዝኾነ ናይ ዒባዳ ዓይነት (ከም ሶላት ፡ ዘካት ፣ ሓጂ) እንተኸዉን እቲ ካልኣይ ድማ ኣላህ(ሱ.ወ) እንተኾይኑ ደኣምበር ዋላ ሓደኣካል ክዕዘቦ ወይ ክቆፃፀር ዘይኽእል ናይ ዒባዳ ዓይነት'ዩ። ንሱ ድማ ዉሽጣዊ (ሕቡእ-ናይ ልቢ) ዒባዳ እዩ (ከም ንኣላህ ምፍራሕ ፣ ምፍታዉ ፣ ምስትንታንን ምዕጋስን ዝበሉ እዮም። ነዚ ክልተ ክፋላት ብኣብነት ክንሪኦም ንኽእል ኢና። እቲ ቀዳማይ ከም ኣብሓደ ህንፃዘሎ ዓምድታት ማለት ነቲ ህንፃ ደጊፎም ዝሕዝዎ ማለት እንተኾነ እቲ

ካልኣይ(ዉሽጣዊ) ድማ ከም ኣብዉሽጢ ህንፃ ዘሎ መመላኽዒታት ማለት እዉን ገይፅታት ማለት ይኸዉን። ስለዚ ድማ ናይ ኢስላም ምሁራት እዚናይ ደጋዊን ዉሽጣዊን ዒባዳ ክዳሃበሉ ከምዘለዎ እዮም ዝሞዕዱ።

ንኣብነት ሓደሰብ ክሰግድ እንተድልዩ መጀመርያ ደጋዊ ኣካሉ ካብ ንጃሳ ክፀሪ ኣለዎ። ከምእዉን ክዳኑን ዝሰግደሉን ቦታ ንፁህ ክኾን ኣለዎ። ይኹን ደኣምበር ሶላቱ ኣብኣላህ ተቀባልነት ንክህልዎ ኣብግዜ ሶላት ኹሹዕ(ሕንኽት-ፍርሒ) ክህልዎም ኣለዎም። ኣላህ(ሱ.ወ) ነቶም ኣብ ግዜ ሶላት ዝዘናግዑ ብኸምዚ የጠንቅቆም።

فَوَيْلٌ لِلْمُصَلِّينَ (4) الَّذِينَ هُمْ عَنْ صَلَاتِهِمْ سَاهُونَ (5)

*ንሰገድቲ ወይልኦም(4) ቶም ንሳቶም ዝንጉዓት ዝኾኑ(3)(ማዑን 4-5)*

ብኻልእ ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ ድማ ኣላህ ኣብግዜ ሶላት ኹሹዕ ኣድላዩ ምዃኑ የለዓዕለና

قَدْ أَفْلَحَ الْمُؤْمِنُونَ (1) الَّذِينَ هُمْ فِي صَلَاتِهِمْ خَاشِعُونَ (2)

*ምእመናን ብርግፅ ተዓዊቶም (1) እቶም ንሳቶም ኣብ ስግደቶም (ንኣላህ) ሓነኽቲ ተመሰጥቲ (2) (ሙእሚኒን 1-2)*

ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ን23 ዓመት ዝኣክል ኣብዝገበርዎ ልፍዓትን ወፍርን ብዙሕ ፀገም ኣሕሊፎምን ደኺሞምን እዮም። ተፀሪፎም ፣ ጠምዮም ፣ ተሓሲዮም ፣ ተቐጥቂጦም ፣ ገንዘቦምን ንብረቶምን ተወሲዱ ፣ ፈርሲ ተደፊእዎምን ተሰዲዶምን 'ዮም። ብዝፀገም ኩሉ እዚ ምኽንያት እዉን ኣዝዮም ዝፈትዉወን ዝነበሩ ሰበይቶም ኸዲጃ ሞይተንኦም'ዮን። እዚ ኣይተገላገሉን ከሓድቲ ኣይዓረፍሎምን እንደገና ኩናት ከፊቶሙሎም 'ዮም። በዚ ዉግእ ምኽንያት'ዉን ኣዝዮም ዝፈትዉዎም ሓምዛ(ረ.ዐ) ከምእዉን ጃዕፈር ኢብኑ ኣቡ ጣሊብ(ረ.ዐ) ኣሕዋቶምን ቤተሰቦምን ሞይተምዎም 'ዮም።

ኮይኑ ግና ከብዚ ኩሉ ፀገም ንላዕሊ ኣስ ሱረቱል-ሁድ ዝወረድት ዓንቀፅ ዘብፀሐትሎም ድንጋፀን ፍርሕን ይብእስ፡፡

*ከምዝተኣዘዝካዮ ቀጥበል ምሳኻ ዝተናስሑ እዉን(112- ሁድ)*

በዚን ብኻልኦት ተመሳሰልቱ ዓንቀፃትን ድሕሪ ምዉራዱን ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ፀጉሮም ብሙሉኡ ፀሊም ዝነበረ ብሓደ ግዜ ሓለሓሊፉ ብሰንኪ ናይዘን ዓንቀፃት ክብደት ዝተለዓለ ስይበት ወፂእዎም'ዩ፡፡ ስረቱል ሁድ እኮ ኣሰዩባትኒ ክብሉ እዉን ተደሚፆም 'ዮም፡፡ ናይ ኣላህ (ሱ.ወ) ሕግታት ኣኽቢርካ ቀጥ ኣቢልካ ምሓዝ መጀመርያ ንስምዒት ምሽናፍ ዝብል ዓቢ ሓላፊነት ስለዘጥይቕ ቀሊል ኣይኮነን፡፡

فَأَمَّا مَنْ طَغَى (37) وَآَثَرَ الْحَيَاةَ الدُّنْيَا (38) فَإِنَّ الْجَحِيمَ هِيَ الْمَأْوَى (39) وَأَمَّا مَنْ خَافَ مَقَامَ رَبِّهِ وَنَهَى النَّفْسَ عَنِ الْهَوَى (40) فَإِنَّ الْجَنَّةَ هِيَ الْمَأْوَى (41)

*ዝረኸሳ እሞ (ደረት ዝሓለፈ)(37) ቀረባ ህይወት ዝመረፀ(38) ብርግፅ ገሃነም መንበሪቱ ኢያ(39) ኣብቅድሚ ጎይትኡ ደዉ ምባል ፈሪሑ ንነብሱ ካብ ዝንባለኣ ዝኸልከላ(40) (ኣልናዚዓት 37-40)*

ስለዚ ናይ ኢሕሳንን-ሙራቀባህን ደረጃ ንምግናይ ልብና ክነፅሪን ነፍስና እዉን ካብ ስምዒታ ክንዓግታ ግዴታ እዩ፡፡ ኣላህ(ሱ.ወ) ድማ ከምዚ ይብል፡-

وَنَفْسٍ وَمَا سَوَّاهَا (7) فَأَلْهَمَهَا فُجُورَهَا وَتَقْوَاهَا (8) قَدْ أَفْلَحَ مَنْ زَكَّاهَا (9) وَقَدْ خَابَ مَنْ دَسَّاهَا (10)

*ብነፍሲ ብዝሰርሓን (7) ሕንጋደኣን (እንቢ ምባላን) ምጥንቃቓን ብዘፍለጣን(ኣላህ ምሕል) (8) (ካብ ሓጢኣት) ዘንፀሃ ብርግፅ ተዓዊቱ (9) (ብሓጢያት) ዝሓብኣ ብርግፅ ፈሺሉ (10) (ኣልሸምሲ 7-10)*

እዞም ዝስዕቡ ነጥቢታት ብደንቢ እንድሕርደኣ ተግቢርናን ሒዝናን ኣብቲ ዝድለ ናይ ዝተዓደሉ ሰባት ደረጅ የብፅሐና 'ዩ፡፡

ኣብ እንበልዖ ኮነ ንኽደኖ ሺሻይና ሓላል (ፍቑዳት) ክኸዉን ኣለዎ ፣ ናይ ደቂ ሰባት ኮነ ናይ ካልኦት ፍጡራት መሰል ምሕላዉ ፣ ቅድሚ ፈጅሪ(ወጋሕታ) ኣብዘሎ ግዜ ናብ ኣላህ(ሱ.ወ) ብምቕራብ ይቕረትኡ ምሕታት ፤ኣላህ(ሱ.ወ) ዝፈቀዶን ዝኣዘዞን ምስራሕ እቲ ዝኸልከሎ ነገር ድማ ምርሓቕ ፤ ኣብ ናይ ዝተፈላለዩ ናይ ሕብረተሰብ ጉዳያት እዉን ሓላፍነት ወሲድካ ምንቅስቓስ። ንኣላህ(ሱ.ወ) ኢልካ እዉን ንዝተፀገሙ ሰባት ምርዳእ(ምሕጋዝ) ፣ ንኣላህ(ሱ.ወ) ካብ ልብና ክንልምኖን ክንማሕፀኖን ፤ ኢ-ሞራላዊ ዝኾነ ፀባያት ከም ሓሜት ፣ ዓርሰ ፍትወት (ስሱዕነት) ፣ ህርፈት ፣ ምብኻን ፣ ሕስዲ ፣ ከንቱ ተስፋ ምብዛሕ፣ ንፍቅነት (ምስሉይነት) ዝመሳሰሉ ጎዳእቲ ሕማቓትን ባህሪ ምዉጋድ ፤ ደጋጊምና ድማ ሞት ምዝካርን ንድሕሪት ሞት ዝኾነ ስራሕ ምስራሕ።
ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ንናይ ኢሕሳንን ሙራቀባህን ካልኦት ናይ ምሩፃት ባህሪን ከም ዓቢ መርኣያና (ኣብነት)'ዮም።

لَقَدْ كَانَ لَكُمْ فِي رَسُولِ اللَّهِ أُسْوَةٌ حَسَنَةٌ لِمَنْ كَانَ يَرْجُو اللَّهَ وَالْيَوْمَ الْآخِرَ وَذَكَرَ اللَّهَ كَثِيرًا (21)

*ኣብ ኣላህን ዳሕረወይቲ መዓልቲን ተስፋ ገይሩ ንኣላህ ብዙሕ ንዝዝክር ንዓኹም ብርግፅ ኣብ ሰናይ ኣርኣያ ልኡኽ ኣላህ ኣለኩም(21) (ኣሕዛብ 21)*

# ምዕራፍ ዓሰርተ ክልተ

## ንወድሰብ ዝምልከቱ ሓቅታት

ናይ ዓለማት ጎይታ ዝኾነ ኣላህ(ሱ.ወ) እዚ ኣብመሬት ዝፈጠሮም ነገራት ብምልኣም ወድሰብ ክጥቀመሎም ከምዝኾነ ብዝቕፅል ናይ ቁርኣን ዓንቀፁ ይገልፅ።

وَسَخَّرَ لَكُم مَّا فِي السَّمَاوَاتِ وَمَا فِي الْأَرْضِ جَمِيعًا مِّنْهُ ۚ إِنَّ فِي ذَٰلِكَ لَآيَاتٍ لِّقَوْمٍ يَتَفَكَّرُونَ [١٣]

*ኣብሰማያትን ኣብምድሪን ዘሎ ብምልኡ ካብኡ ኮይኑ ኣብዚ ንዝሓስቡሉ ህዝብታት ተኣምራታት ኣለዉ(13) ኣልጃሲያ 13)*

እዚ ኩሉ ፀጋታት ምስ ምዉሃቡ ግና ካብ ልዕሊ ወድሰብ ብዙሕ ግዴታታት ከም ዝተገበረሉ ይነግረና።

أَيَحْسَبُ الْإِنْسَانُ أَنْ يُتْرَكَ سُدًى (36) أَلَمْ يَكُ نُطْفَةً مِنْ مَنِيٍّ يُمْنَى (37)

*ሰብ ብዘይቁፅፅር (ሒሳብ) ክፍኖ (ክግደፍ) ይሓስብ?(36) ካብ ዝፈስስ ንጣብ ፍትወት ኣይነበረን ድዩ? (37) (ኣልቂያማ 36-37)*

ናይ ጥበብን ምስትዉዓልን ዋናኡ ዝኾነ ጎይታና እዚ ሰማያዊ (መለኮት) ሕግታቱ ኣብ ዘዉፅኣሉ ግዜ ናይ ፍጡራት ዓቕምን ነፃነትን ኣመዛዚኑ ከም ዝኸእልዎ ጌይሩ'ዩ። እዚ ሚዛናዊነት ድማ ንደቂሰባት ጥራይ ዘይኮነስ ኣብዚ ገፌሕ ዓለም ህዋ(ዩኒቨርስ) ንዝርከቡ ፍጥረታት እዉን ኣብግምት ዉሽጢ ኣእትዩ እዩ ፀዲቑ። ነዚ ድማ ኣላህ ከምዚ ይብለና፡-

وَالسَّمَاءَ رَفَعَهَا وَوَضَعَ الْمِيزَانَ (7) أَلَّا تَطْغَوْا فِي الْمِيزَانِ (8)

*ንሰማይ ኣልዓለ ፣ ሚዛን (ፍትሓዊነት) ሓገገ (7) ብሚዛን ከይትብድሉ(8) (ኣል ራሕማን 7-8)*

እቶም ዝተፈጠርዎ ዓላማ ዘየስተዉዕሉ ሰባት ዉሽጦም በዛቀረባ ዓለም(ዱንያ) ፍቕሪ ዝተመልአ ብሙኻኑ ብዙሕ ግዜ ምስ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ሕግታት ኣይስማዕማዑን። ስለዚ ድማ እዞም ሰባት ህይወቶም ብመሃይምነትን ሸለልተኛነት እዮም ዝዉድእዎ።

ደቅሰባት ዝተፈጠርናሉ ጥረ ነገር ብደንቢ እንተስተዉዒልና ካብክልተ ነገር'ዩ። ካብ ናይ ዕቡቕን ሕማቕን ዝንባለ (ስምዒትን- ዓቕልን)'ዩ። እዞም ክልተ ነገራት ኣጣሚሩ(ኣማሊኡ) ዝፈጥረና ኣላህ(ሱ.ወ) ድማ ዓላማኡ እንትንግረና ከምዚ ይብለና፡-

الَّذِي خَلَقَ الْمَوْتَ وَالْحَيَاةَ لِيَبْلُوَكُمْ أَيُّكُمْ أَحْسَنُ عَمَلًا وَهُوَ الْعَزِيزُ الْغَفُورُ (2)

*እቲ መንኩም ተግባሩ ዝሓሸ ሙኻኑ ክፍትነኩም ሞትን ህይወትን ዝፈጠረ እዩ ፤ ንሱ ክቡሩን መሓርን'ዩ(12) (ኣልሙልክ 12)*

ብርግፅ ናይ ሓደሰብ ዉሽጣዊ ኮነ ደጋዊኣካል ንናይ ፁቡቕ ኮነ ሕማቅ ስራሕ ዝተገረሀ 'ዩ። ምኽንያቱ ኣላህ(ሱ.ወ) ንወድሰብ ካብ ዝሃቦም ፀጋታት ሓደን እቲ ዓቢን ዓቕሊ (ሓንጎል) 'ዩ። እዚድማ ነቲ ሕማቕ ተግባሩ ኮነ ስምዒቱ ካብቲ ዕቡቕ ስራሕ እነለልየሉ መሳርሒ'ዩ። ሓንጎል(ዓቕሊ) ናይ ወድሰብ እቲ ዝለዓለ ደረጃ ዝጎናፀፈሉ ፀጋ 'ዩ። ኣላህ እዉን ብባህ ዝብል ኣቀራርፃ(ኣሰራርሓ) ኢሉ ዝበሃጎ ደረጃ ብምኽንያት ዓቕሊ እምበር ወድሰብ ብደጋዊ ኣፈጣጥርኡ ካብኡ ዝሓየለን ዝበለፀን ፍጡር የለን ኮይኑ ኣይኮነን። እዚ ካብ ፍጡራት ዘብለፆ ፀጋ (ዓቕሉ) እንተዘይተጠቂሙ ግና ደረጅኡ ካብ እንስሳ ንታሕቲ ዝወረደ'ዩ ዝኸዉን።

ስለዚ ወድሰብ እንድሕርደኣ ዓቕሉ እንተተጠቒሙ ምኽንያታዊ ብሙኻኑን መለኮታዊ ሕጊ(ሰማያዊ ሕጊ) ብምፍፃም ህይወቱ ብምምልኻዕ ዝኽእል ኮይኑ እዚ ድማ ናብ ናይ ነቢ(ሰ.0.ወ) ናይ ህይወት ኣካይደኦም ጎደና ይመርሓና።

ኣብታሪኽ ከምእንፈልጦ ብዙሓት ግፍዐኛታት መንግስትታት ንህዝቢ ይጭቁኑን የሳቕዩን ከምዝሓለፉ እዩ። ኣብ ህዝቦም ድማ ንዘብፅሕዎ መከራን ጭቆናን ምኽንያታዉን ትኽክል ኢዩ እናበሉ እዮም ዝከራከሩ ኔሮም። እዙ ድማ ናይቲ ረሳሕ ዓቕሎም ዉፅኢት'ዩ። ንኣብነት ካብ ማእከላይ ኤስያ ተበጊሶም(ካብ ናይ ሞንጎልያ ጫካ) ብጀንጊዝኻን ዝተባሃለ መራሒ እናተመርሑ ንናይ

ሙስሊም ህዝቢ ጨፍጪፎምዎ 'ዮም። ናይ ጀንረዝኻን ወዱ ዝነበረ ሁላጉኻን ኣብቲ ግዜ ዋና ናይ ዓባሳዉያን መናፈሲት ከተማ ዝነበረት በኞዳድ ኣብ ዝወርራ ግዜ ብኢዱ 400 ሺሕ ህዝቢ ቐቲሉ እዩ። እንድያዉም ምስ ህይወቶም እዩ ናብ ናይ ኤፍራጤዝ ሩባ ኣስጢምዎም (ኣጥሊኞዎም)። ዝገርም ነገር ግን እዚ ኩሉ ኣሰቃቂ ስራሕ እንትሰርሕ ሓንጎል ዋላሓንቲ ኣይነቐፎን። ከምእዉን ቅድሚ ኢስላም (ነቢ (ሰ.ዐ.ወ) ቅድሚ ምምፅኡ) ዓረባዉያን እዉን ደቂኣንስትዮ ዉላዳቶም ምስ ህይወተን ክቐብርወን ከለዉ ሓንጎሎም ብስርሖም ኣይብፅበፅን ኔሩ። እዞም ኩሎም ግፍዐኛታት እዚ ኩሉ ግፍዒ ዝፍፅሙ ዝነበሩ ሓንጎል ስለዘይነበሮም ኮይኑ ኣይኮነን ኮይኑ ግና ኣብቲ ፀያፍ (ግዕዙይ) ሽነኽ ምጉዓዝ ስለ ዝመረፁ እዩ።እዚ ኣብነት ድማ ዘሪአና ደቅሰባት ኣብ ዉሽጥና ናይ ፅቡኞን ባህሪ (ስምዒት) ዝተሸከምና ብምኻና እቲ ሰማያዊ መምርሒ ክፍለየና ኣይግባእን። ኣላህ(ሱ.ወ) ንደቂ ሰባት ናብቲ ትኽክለኛ መንገዱ ዝመርሑን እቲ ፅቡኞ ስነ ምግባር ዘምህሩን ነቢታት እንተዘይልእኽ ኔሩ ኣብ መሬት ግፍዕን መከራን ህልቂትን ክካየድ ኔሩ'ዩ።

ብናይ ሰማያዊ መምርሒ(ቁርኣን) ዘይምራሕ ሰብ ከምደመና ሙሉእ ብሙሉእ ዝሸፈና ፀሓይ ብርሃን ከምዘይትህብ ልክዕ ናይ ዓኞሉ ብርሃን ዝተሓደገን ስምዒት ኣልቦ ፣ ድንዙዝን ጨካንን እዩ ዝኸዉን።

መለኮታዊ (ሰማያዊ) መምርሒ ዝኽተል ሰብ ኣብዓቢ ፀጋ ከም ዝነብር ንምርዳእ ናይቶም ካብ እንስሳ ዘይሕሹ ዝነበሩ ዓረብ ህዝቢ ቅድሚ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ምምፀኦም ዝነበሮም ባህሪ ምምልካት ይከኣል። ጨካናትን መሃይምነትን ንደቆም ደቅ ኣንስትዮ ቅርሱሳት እየን እናበሉ ምስ ህይወት ይቐብሩ ዝነበሩ እዮም። ኣብ ናይ ወድሰብ ታሪኽ ተወዳዳሪ ዘይብሎም ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣብዝመፀሉ ግዜ ግና ካብቲ

ሰዓት ጀሚሮም ደቆም እንኳንዶ ክቐብሩ ካብ ማንም ሰብ ንላዕሊ ናይ ደቅኣንስትዮ መሰል ዝሓልዉ ኮይኖም ተረኺቡ።

ካልእ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ዝገርም ፀጋ ድማ ድሕሪ ነቢይታት ምሕላፎም ንናይ ነቢ ህዝቢ ናብቲ ትኽክል መንገዲ እናኾብከቡ ዝመርሑ ዉሽጦም ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ፍርሒ ዝተመልኦን ምስ ኣላህ እዉን ዓቢ ምቅርራብ ዘለዎም ሓቀኛታት(ሲድዲቅ) ዝኾኑ ናይ ነቢ ተኸተልቲ ምፍጣሩ 'ዩ። ስምዒቶም ጥራይ ተኸቲሎም ዝነበሩ እንስሳታት ዓቕሎም እናተኸተሉን ካብ ናይ ኣላህ(ሰ.ዐ.ወ) ትእዛዝ ንእሽተይ እኳ ዘንበል ዘይብሉ ድማ መልኣይካታት ጥራይ ሙኻኖም ፍሉጥን ርድኡን'ዩ። ወድሰብ ግና ኣብሞንጎ እዞም ክልተ ተፃረርቲ ባህሪ እናተላግዐ ዝነብር ፍጡር'ዩ። ነዚ ባህርይ ድማ እቲ ትኽክለኛ ሽነኹ ንምትሓዝ ናይ ንነፍስያ ተዝክያ (ምንፃህ) እና ስልጠና (ተርቢያህ) ኣድላይ'ዩ። ፅቡቕ ባህሪ ዘይብሉ ሰብ ካብ ኣንበሳ ዝገደደን ዝኸፍአን ንሙኻኑ ኣላህ(ሱ.ወ) ኣብ ቁርኣን ይነግረና፡-

وَلَقَدْ ذَرَأْنَا لِجَهَنَّمَ كَثِيرًا مِنَ الْجِنِّ وَالْإِنْسِ لَهُمْ قُلُوبٌ لَا يَفْقَهُونَ بِهَا وَلَهُمْ أَعْيُنٌ لَا يُبْصِرُونَ بِهَا وَلَهُمْ آذَانٌ لَا يَسْمَعُونَ بِهَا أُولَئِكَ كَالْأَنْعَامِ بَلْ هُمْ أَضَلُّ أُولَئِكَ هُمُ الْغَافِلُونَ (179)

*ካብ ኣጋንንትን ካብ ሰባትን ብዙሓት ንገሃነም ብርግፅ ፈጢርና ፤ ልብታት ኣለዎም ዘይርድእሎም ፣ ኣዒንቲ ኣለዎም ዘይርእዩለን ፣ ኣእዛን ኣለዎም ዘይሰምዐለን ፣ ንሳቶም ከም እንስሳታት እዮም ፤ እኳደኣስ ንሳቶም ኣዝዮም ዝሰሓቱ ኢዮም እቶም ዝንጉዓት ንሳቶም ኢዮም፡ (179- ኣዕራፍ)*

ኀቦታት ንክሽከምዎ ከቢድዎም ኣይንኽእልን ንዝበልዎ ሓደራ (ዲን) ወድሰብ ግና ካብ ክልተ ተፃረርቲ ዝኾኑ ጥረ ነገራት (ስምዒትን ዓቕልን) ዝተፈጠረ ሙኻኑ እናፈለጠ ነዚ ሓደራዚ ፈትዩ ተቐቢልዎ'ዩ። ወድሰብ ዓቕሉ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ፍቕሪ ዝኸስበሉን

እቲ ትኽክል መንገዲ ዝመርሓሉን እንተኸዉን ዓቕሉ ንጎኒ ሓዲጉ ግና ስምዒቱ ምስዓብ እንተጀሚሩ ምፅዳፉ ናይ ግድን'ዩ።

ደቂሰባት ብናይ ኢስላም መምርሒ እንተዘይተገሪሁ ዉሽጡ ርህራሄ ኣልቦ ስለ ዝኸዉን ጨካንን ዉስጠ-ርቡሽ እዩ ዝኸዉን። ሓደ ሓዲኡ ከም ዉኻርያ (ቡኻርያ) ተንኮለኛ እንትኾን ገሊኡ ድማ ከምዝብኢ ከብዳም (ዉሒጥ) እዩ ዝኸዉን። ገሊኡ እዉን ከም ፃፀ ፃዕራም እንትኾን ካልኣቶም ድማ ከም ገበል መርዛማት'ዮም። ገሊኦም ከዓ ከም ቁርዲድ ኣብ ሰብ ተጠቢቆም ደሙ ይመጥዎ። ከሊኦም ድማ ክምስ እናበሉ ብድሕሪቶም ግና ካራ ሓቢኦም ክወግኡኻ ይፀናተዉ። ሰባት ናይ ኣላህ መምርሒ ገዲፎም ብናይ ነፍሶም ስምዒት ምንባር እንጀሚሮም ኣብግዜ ከይድኦም ናብ ሓዲኡ ናይ ስምዒቶም ገደል ምዝዛሞም ኣተርፎምን፣ መብዛሕትኦም ስምዒቶም ዝኽተሉ ሰባት ብዙሕ ሓይነት ናይ እንስሳ ባህሪ እዩ ዝህልዎም። ጨካን ፣ ተንኮነኛ ፣ ከብዳም ስለዚ ኣብዛ ዓለም ስምዒቱ ዝኽተል ሰብ ምስ ዓቕሉ ዝኽተል ሰብ ብሓደ ምንባሮም ልክዕ ከም ኣብ ሓደ ጫካ ዝነበሩ ሜዳቕን ጨካን ዝኾነ ኣራዊት ማለት ይከኣል። ማለት እዉን እቲ ሰናይ ዝኾነ ሰብ ምስቲ ሸይጣን ርኹስ ዝኾነ ሰብ ሓቢሩ ክነብርን ክሰርሕን ይርአ። እዚ ናይ ተፃረርቲ ነገራትን ባህርያትን ዝተመለኦ ዓለም እዩ። ይኹን ዳኣንበር ነዚ ኹሉ ፀገም ተፃዊርና ናይ ጎይታና ፍቶት ንምርካብ ክንፀዕር ኣለና። ናይ ወድሰብ ኣካል ዝተፈጠረ መሬት ካብ ዝሓዘቶ ጥረ ነገራት እዩ። ድሕሪ ናይዛ ዓለም ኩንትራት (ዉዕል) ምስ ወድአ እዉን ተመሊሱ ናብ መሬት ይኣቱ።

እንድሕርደኣ ነፍስና ካብ ስምዒትና ዓጊትና ብምሓዝ እንተዘይኣፅሪናያ (ተዝክያ) ናይዚ ዝመፅእ ዓለም (ኣኺራ) ፈተና ክትሓልፍ ኣትኽእልን። ኣላህ ከምዚ ይብል፦

وَنَفْسٍ وَمَا سَوَّاهَا (7) فَأَلْهَمَهَا فُجُورَهَا وَتَقْوَاهَا (8) قَدْ أَفْلَحَ مَنْ زَكَّاهَا (9) وَقَدْ خَابَ مَنْ دَسَّاهَا (10)

*ብነፍስን ብዝሰርሓን (7) ሕንጋደኣን(እምቢ በሃሊይነትን) ጥንቃቀኣን ብዝፍለጣን (ጎይታይ ምሕል)(8) (ካብ ሓጢኣት) ዘንፀሃ ብርግፅ ተዓዊቱ(9) (ብሓጢኣት) ዝሓበኣ ብርግፅ ፈሺሉ (10) (ኣል ሸምስ 7-10)*

# ምዕራፍ ዓሰርተሰለስተ

## ኣል-ኪሳር(ቅድሚ ነብስኻ ንካልኦት ምሕሳይ)

ሓደእዋን ዓብዱላህ ኢብን ጃዕፊር(ረ.ዐ) ብናይ ቴምር ዛፍ ዝመለአት ገረብ ክሓልፍ እንከለዉ ንእሽተይ ዕረፍቲ ክወስድ ደልዩ ናብ ሓደ ፅላል ኣዕረፈ። ብኣጋጣሚ ናይታ ተምሪ ዝመለአት ገረብ (ናይ ኣታኽልቲ ቦታ) ሓላዊኣን ሰራሕተኛን ሓደባርያ ኣብ ዉሽጣ ነበረ። ከምዚ እናሃለወ ድማ ሓደሰብኣይ መፂኡ ነቲ ድኻ ባርያ ሰራሕተኛ ሰለስተ ቅጫ ሂብዎ ከደ። ሽዑ ሓደ ዝጠመየ ከልቢ መፂኡ ናብቲ ቅጫ ዝሓዘ ባርያ ጠመተ። እቲ ባርያ ድማ እታ ሓንቲ ቅጫ ኣዉፂኡ ሃቦ። ደጊሙ ካልኣይቲ ቅጫ ደርበየሉ፡ እቲ ከልቢ ግና ክልቲአን በሊዑ ክፀግብ ኣይካኣለን። እቲ ባርያ እዉን እታ ሳልሰይቲ ወርወረሉ፡ ዓብዱላህ ኢብኑ ጀዕፈር (ረ.ዓ) ብጣዕሚ ተገሪሙ ከምዚ ኢሉ ነቲ ሚስኪን ባርያ ሓተቶ።

ንሙኻኑ ደሞዝካ ክንደይ እዩ ዝኽፈለካ? እቲ ባርያ ድማ ብኸምዚ መለሰ “እተን ዝረኣኽየን ሰለስተ ቅጫታት በብመዓልቲ” በለ። ዓብዱላህ(ረ.ዐ) ኣዝዮም ተገረሙ ፧ ታይደኣ ኩለን ነቲ ኸልቢ ሂብካዮ? በልዎ። እቲ ባርያ ግን ዝገርም መልሲ መለሰ። ኣብዚ መንደር ብዙሕ ግዜ ከልቢ ኣይረኣዩን። ስለዚ ድማ እዚ ከልቢ ካብ ርሑቕ ቦታ ከምዝመፀ እየ ዝርዳእ። እና ድማ ጠምዩ መፂኡ ጠምዩ ክምለስ ኣይደለኹን በለ። ዓብዱላህ ኢብኑ ጃዕፈር ሕትኦም ቀፀሉ

እሞ ሎማዓንቲ ደኣ እንታይ ኢኻ ክትበልዕ?

እቲ ባርያ፡- ሎማዓንቲ እኳ ብትዕግስቲ ከሓልፋ እየ ምኽንያቱ ናይ ሎማዓንቲ ስንቀይ ከም ዝረኣኻዮ ነቲ ዝጠመየ ከልቢ ሂበዮ እየ። ኣብዚ ግዜ ዓብዱላህ ከምዚ በለ “ሱብሓነላህ ዝገርም እኮ እዩ። ሰባት ንዓይ ለጋስ ይብሉኒ ፧ ግንድማ እዚ ባርያ ካባይ ንላዕሊ ኣዝዩ ለጋስ እዩ። ካብኡ ግና ዓብዱላህ ነቲ ናይ ተምሪ ገረብ (ቦታ) ምስቲ ባርያ ካብ ጎይትኡ ገዝእዎ። ነቲ ባርያ እዉን ነፃ ኢሎም እቲ ተምሪ ቦታ እዉን ኣጎናፀፍዎ። (እዚ ታሪኽ ኢማም ኣል ቐዛሊ ከሚያሰዓዳህ ኣብ ዝብል መፅሓፎም ኣስፌሮምዎ ይርከቡ። እዞም ንፁሃትን ርህሩሃትን

ዝኾኑ ናይ ኣላህ ባራዩ ተመሪቆም ዝወፅሉ ትምህርቲ ቤት ናይ ኢስላም ትምህርቲ ቤት እዩ። ነዚ ድማ እዩ ኣላህ(ሱ.ወ) ማለት እዉን ድኻ ብድኽነቱ ከይተሳቐቐ ንሃብታም እዉን ከይሓሰደ፡ ሃብታም እዉን ንድኻ ከይነዓቐ ከይቆቆዐ፣ ንዝተፀገሙ እናረደአን እናራህረሀን ክልቲኦም ጎኒ ንጎኒ ከም ክልተ ኣእዳዉ ኮይኖም እናተሓጋገዙን እናተኸባበሩን ምእንታን ክነብሩ እዩ ኣላህ ዘካት ግዴታ ዝገበረ።

ነዚ ንምእማን ዝኸብድ ዝኾነ ብርሃንን ፍቕርን ምትሕዝዛንን ዝተመለአ ህይወት ናይ ቀዳሞት ወለድና ነይረሙዎ እዮም። ወድሰብ እቲ ዝለዓለ ናይ ሰብኣዉነት ደረጀኡ ዝተጎናፀፈሉ ግዜ'ዩ ኔይሩ። ንኣብነት ዝኣክል ብናይ ኢስላም 5ይ ኸሊፋ ዑመር ኢብን ዓብደላ ዓዚዝ (ረ.ዓ) ዘመን ሰባት እንኳን ዶ ዝተፀገመ ክርከብ ዘካ ዝቕበል ሰብ ዝተስኣነሉ ዘመን'ዩ ኔይሩ። ደቂ ሰባት ነቲ ኣላህ(ሱ.ወ) ዘዉረደሎም ሃይማኖት ብዘይ ሓንቲ ዘበልበል ብዘይገለ ጥመት እንድሕርደኣ ተግቢሮም ኣላህ(ሱ.ወ) ካብ ሰማይን መሬት በረኸቱ ከም ዘፍስስ'ዩ ዝነግረና።

وَلَوْ أَنَّ أَهْلَ الْقُرَى آمَنُوا وَاتَّقَوْا لَفَتَحْنَا عَلَيْهِمْ بَرَكَاتٍ مِنَ السَّمَاءِ وَالْأَرْضِ وَلَكِنْ كَذَّبُوا فَأَخَذْنَاهُمْ بِمَا كَانُوا يَكْسِبُونَ (96)

*ሰባት እታ ቁሸት እንተዝኣምኑን እንተዝጥንቀቑን ካብ ሰማይን ካብ ምድርን ነረኻታት (ሺሻያት) ምኽፈትናሎም ግን ኣሕሰዉ (ሓሶት በሉ) በቲ ይገብርዎ ዝነበሩ ኣሕሊቅናዮም (96) (ኣዕራፍ 96)*

ድሕሪ ብናይ ኣላህ ሓድነት ምእማንን ምምስካርን ቐንዲ ዓላማን ስራሕን ንደቂ ሰባት ኣብዛ ዓለም ብሰላም ብቕሳነት ክነብሩ ምጉያይ'ዩ። ነዚድማ እዩ እቲ ጥበበኛ ጎይታና ነቶም ሃፋትም ሰባት ኣብልዕሊ እቶም ድኻታት ኣሕዋቶም ዘካት ድሕሪ ምሃቦም እንደገና ካብ ዘካት ወፃኢ ሓደሓደ ዉህብቶ (ምዉፋይ-ሰደቃ) ንክህሉ

ዘበረታትያም። ሰላምን ቅሳነትን ኣብዛዓለም ዝርከብ ስሉፅነት ተሪፉ ካብ ነፍሶም ንላዕሊ ንኣሕዋቶም ዝሓልዩ ትዉልዲ እንተህልዉ እዩ። እዚ ድማ ናይ ኢሕሳን ዉፅኢት እዩ።

ሕዝነት (ርህራሄ) ማለት ኩሉግዜ ኣብናይ ሓደ ትኽክለኛ ንረቢ ዝፈርሕ ሙስሊም ኣብ ዉሽጢ ልቡ እትቀፃፀል ናይ ፍቕሪ ጓህሪ እያ። ርህራሄ ጥራይ ዘይኮነስ ለጋስ ፣ ዝነኣኣስ፣ ንኻልኦት ዝሓልይ ፣ ዘገልግልን ቅኑዕን'ዩ። ሓደ ሙእሚን ኣብ ናይ ካልኦት ሙስሊሚን ወይ ደቂሰባት ብጠቕላላ ንዘቕስንን ንዝጠቅምን ነገር ዋላኳ ኩሉግዜ ህይወቱ ንምክፋል ኣብ ቅድሚት እዩ ዝስራዕ። ብኻልእ መንገዲ ድማ ኣብ ደቂሰባት ንዝበፅሕ ፀገምን መከራን ንምዉጋድ ዓቢ ዝኾነ ግደ እዩ ዝጫወት። መብዛሕትሉ ግዜ ምስ ደካማት ፣ ፅጉማት ፣ ዝተሸገሩን ዝተበደሉን ጎኒ እዮም ዝስለፉ።

ናይ ሓደሰብ ባህራይ ኮነ ምንቅስቃስ ዝተማልአ ክኸዉን ዝኽእል እንድሕርደኣ ቁርኣን ሕግታት ተቀሪፁ ናብ ተግባር ኣዉዒልዎ'ዩ። እንድሕርደኣ ኣላህ(ሱ.ወ) ኣዝዩ ክርህርሃልና ክሓዝነልናን ንደሊ ኮይና ንሕና እዉን ምስ ደቂ ሰባት ዘለና ርክብ ብጣዕሚ ርህራሄን ሕዝነትን ሕልየትን ዝተማለአ ክኸዉን ኣለዎ። ነዚ ድማ እዩ ኣላህ(ሱ.ወ) ኣብቁርኣን ናይ መጀመርያ ገፅ እንትንገልፃ ኣዝዩ ርህሩህን ሓዘንን ዝብል ቃላት ተጠቂሙ ንባዕሉ ዝገለፀ ፤ ንኣላህ ምፍታዉና ዘመላኽት እንድሕር ንናይ ኣላህ ባሮት ምችዋትን ርህሩሃትን ኮይና እዩ። ንኣላህ ኢልካ መስዋእቲ ምኽፋል ዝመስል ደስታ ዝህብ ነገር የለን። ስለዚ መስዋእቲ ምኽፋል ክንብል ከለና ንኣብነት ከም ሰደቃ (ወፈያ) ዝመስል'ዩ። መብዛሕትና ሰደቃ (ምዉፋይ/ምሃብ) ዝብል ቃል እንትንስምዕ ነስታዉሶ ነገር ናይ ገንዘብን ዝብላዕን ሰደቓን ጥራይ እዩ። ነገርግን ብዛዕባ ናይ ሰደቃ ዝርዝር ስፍሕ ብዝበለ ኣብ ዝሓለፈ ገሊፅናዮ ኢና። ናይ ሰደቃ (ወፈያ) እቲ ዝለዓለ ደረጃ ክትህብ ከለኻ ካብ ልብኻ ፈቲኻን ካብ ነፍስኻ ንላዕሊ ድማ ነቲ ትህቦ ሰብ መሪፅካን

ኣብሊፅካን ክትህብ እዩ። እዚ ድማ (ኣል-ኢእሳር) (ምብልፅ፡ምቕዳም) ይበሃል። ኢእሳር (ካብ ነፍስኻ ንኻልኦት ብኸይሪ ምቕዳም) ማለት ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ነዚ ባህሪ እዚ ዝፍፅሙ ሰባት እዉን እቶም ዝለዓለ ደረጃ ዝበፅሑ'ዮም። ነዚ ባህሪ ንምንፅብራቕ ድማ ንፁህ ልብን ነፍስን ሓቀኛ ምኽንን ግዴታ'ዩ ብናይ ኢእሳር ባህሪ ቀልቡ ዝመልአ ሰብ ፀገም ኮነ ድኽነት ኣየስግኦን።

ካብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኡመት(ህዝቢ) ናይ ኢእሳር (ንኻልእ ካብ ነፍስኻ ንላዕሊ ምሕላይ) ባህሪ ብደንቢ ዝተንፀባረቐሉ ኣብቶም ምሩፃት ዝኾኑ ናይ ሶሓባታት(ናይ ነቢ ብፆት) ዝኾኑ'ዩ። ኣቡሁረይህ(ረ.ዓ) ካብ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ህይወት ታሪኽ የጫዉቱና። ከምዚ ይብሉና፡-

ሓደእዋን ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ንሓደሰብ ናብ ሓዲአን ኣንስቶም ከይዱ ምግቢ ምህላዉ ክሓትት ይልእኽዎ። ነገርግን እዚ ሰብኣይ ሒዝዎ ዝመፀ መልሲ ከምዚ ነበረ። ብጎይታ በቲ ንነቢ ዝለኣኸ ጎይታ ይኹነኒ ዘይማይ ካልእ ምግቢ ከምዘየለ ኩለን ተመሳሳሊ መልሲ መለሳ። ንሱ እዉን ማይ እምበር ምግቢ ዝብላዕ የለን። ካብኡ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ንብፆቶም ካባኻትኩም መን እዩ ነዚ ሺሻይ ሎማዓንቲ ዘስተኣናግደለይ መን ኢዩ ኢሎም ሓተቱ። ካብቶም ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብፆት (ኣንሷር) ሓደ ኣንቱም ዝኸበርኩም ልኡኽ ኣላህ ኣነ ክወስዱን ከስተኣናግዶን ብማለት ንገዝኡ ወሰዶ። እቲ ነቲ ጋሻ ዝወሰደ ሰሓቢ ኣብደጋኣፍ ገዝኡ ምስበፅሐ ንሰበይቱ ምግቢ (ዝብላዕ) እንተሃልይዋ ሓተታ። ንሳ ድማ ከምዚ መለሰት። ንቆልዑት እትኾን ተኾይና እምበር የለን በለቶ። እቲ ሰሓቢ ድማ ነቶም ቆልዑ ዝገበርኪ ገይርኪ ኣድቅስዮም እሞ ብድሕሪኡ እቲ ምግቢ ኣቕርብዮ ካብኡ ብድንገት ዝተኸስተ ኣምሲልኪ እቲ መብራህቲ ኣጥፍእዮ። ንሕና ድማ ምስኡ ተቐሚጥና ንበልዕ ዘለና መሲልዎ ምንታን ብደንቢ ከይተሰከፈ ክበልዕ በላ። እታ ሰበይቲ ከም ዝበላ ገበረት። ሓቢሮም እዉን ምስኡ ተቐረቡ። እቲ ጋሻ ድማ ዝበልዑ ዘለዉ መሲልዎ እናዋግዑ

እናተፃወቱ ክሳብ ዝፀግብ በልዐ። ሰብኣይን ሰበይትን ግና ጥሜት እናሓለቦም ያሞም ሓደሩ። ንጉሆ ድማ እቲ ሰብኣይ(ጋሻ)ን እቲ ሰሓቢን ናብ መስጂድ ከዱ። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ነቲ ሰሓቢ ከምዚ በልዎ። ትማሊ ምሸት ነቲ ጋሻ ንኽትበልዑ ምስ ሰበይትኻ ዝገበርክምዎ ጥበብ ኣላህ ተገሪሙልኩም'ዩ። ከምኡ ድማ ንስራሕኹም ፈትዩልኩም።

ኢእሳር ስነ ምግባር ንምጉንፃፍ ናይ ግድን ሃፍታም ሙኳን ኣይኮነን (ኣየድልን)። እኳደኣስ ኣብ ገዛና እነቐምጦም ሓደሓደ ትርፊ ገይፅታት፣ ንጫማና መቐብኢ (መወልወሊ) ነዉፅኦ ወፃኢ (ገንዘብ)፣ ወይ ድማ ንጋዜጣ መግዝኢ ከምእዉን ክባር ምግቢ ክንበልዕ ደሊና ዝመደብናዮ ገንዘብ ቀኒስና ንፆሙ ዝሓድር ሙስሊም ሓዉና ምሃብ ጥራይ ካብቶም ኣል-ኢእሳር ደረጃ ዝበፅሑ ሰባት ክገብረና ይኽእል'ዩ። ኣልኢሳር (ንባዕልኻ ገዲፍካ ንሓዉኻ ምኳን) ካብ ለጋስ ወይ ድማ ልግሲ ካብ ዝብል ኣዝዩ'ዩ ዝፍለ:: ምኽንያቱ ልግሲ ማለት ንባዕልኻ ዘድልየካ ነገር ንባዕልኻ ድሕሪ ምሓዝካ ዝተርፈካ ነገር ምሃብ ማለት እንተኾነ። ኣልኢሳር ማለት ግና ነገር ንባዕልኻ ብሓፅሚ ኣድሊዩካ ከምእዉን ብዘይከኣ ካልእ ዘይብልካ ኮይኑ እናሃለወ ንስምዒትካ ኀፅፂፅካ (ኣንበረኪኽካ) ንሓዉካ ኣሕሊፍካ ምሃብ'ዩ። ስለዚ ካብ ልግሲ ዝበለፀ እዉን'ዩ ከምእዉን ዓስቡ(ኣጅሩ) ካብ ናይ ልግሲ ኣጅሪ ንላዕሊ'ዩ።

ኣንሷር(ናይ መዲና ሰሓባታት (ሓገዝቲ)) ኣብ ኣሕዋቶም ሙሃጂሪን (ስዱዳት) ዝገበርዎ ናይ ንነፍስኻ ገዲፍካ ንሓዉካ ሙኳን መስዋእቲ ንናይ ኣልኢሳር ደረጃ ኣጎናፀፎም። ኣላህ ድማ ስርሖም ፈትይሎም ብኽምዚ ኣመስገኖም።

وَالَّذِينَ تَبَوَّءُوا الدَّارَ وَالْإِيمَانَ مِنْ قَبْلِهِمْ يُحِبُّونَ مَنْ هَاجَرَ إِلَيْهِمْ وَلَا يَجِدُونَ فِي صُدُورِهِمْ حَاجَةً مِمَّا أُوتُوا وَيُؤْثِرُونَ عَلَى أَنْفُسِهِمْ وَلَوْ كَانَ بِهِمْ خَصَاصَةٌ وَمَنْ يُوقَ شُحَّ نَفْسِهِ فَأُولَئِكَ هُمُ الْمُفْلِحُونَ (9)

*እቶም ቅድሚኦም ነታ ሃገር መንበሪ ዝገበሩ እምነት እዉን ዝለመዱ ናብኦም ንዝተሰደዱ ይፈትዉ (እቶም ስደተኛታት) ካብ ዝተወሃቦም መንበሪ ነገር ኣብልብታቶም ቂምታ ኣይረኽቡን፡ ኣብኦም ሸግር እንተሃለዎም ካብ ነፍስታቶም ነቲ ካልእ ይመርፁ። ካብ ንፍገት (ቁቁዐ) ነፍሱ ዝሕሎ ንሳቶም እቶም ዕዉታት'ዮም። (ኣልሓሽር-9)*

ሓደ ወቕቲ እቲ ክቡር ሰይድ ዑመር ናብቲ ቅዱስ ቦታ ናይ ኢየሩሳሌም መስጂድ ጉዕዞ ጌሮም ኔሮም። ኣብመንገዲ እንተኸዱ ግና ምስኦም ግመልን ባርያን ነበሩ። እና ሰይድ ዑመርን እቲ ባርያን በቢተራ ነቲ ግመል ይጋልብዎ ነበሩ። ናይ ኣላህ ኮይኑ ናብ ኢዮርሳሌም ከተማ ኣብ ዝኣትዉሉ ሰዓት ነቲ ጊመል ዝጋልቦ ናይቲ ባርያ ተራ ነበረ። ኣብዚ ግዜ ሰይድ ዑመር ብእግሮም እቲ ባርያ ኣብ ልዕሊ ግመል ኮይኖም ናብ ከተማ ኣተዉ። እዚ ታሪኽ ዘረድኣና ሰደቃ ኮነ ኢእሳር ኣብ ገንዘብ ጥራይ ከም ዘይኮነ'ዩ፡ ኣልኢሳር ናይ ሰደቃ እቲ ዝለዓለ ደረጃ እዩ። ነዚ ደረጃ ዝጎናፀፍ ድማ ነቢያታት፣ ሓቀኛታት (ሲዲቃት)፣ ሰማእታት (ሹሃዳእ)፣ ሰናያት (ሳሊሒን) እዮም።

ካልእ ድማ ዝገርም ናይ ኢእሳር ታሪኽ ናይ ሰይድ ዓሊ(ረ.ዓ) ምስ ሰበይቶም ዝነበረ ንመልከት። ሓደ እዋን ደቂ ሰይድ ዓ (ረ.ዐ) ሓሰንን ሑሴንን(ረ.ዐ) ሓሚሞም ኔሮም። ኣብዚ ግዜ ሰይድ ዓሊ እንድሕር ደኣ ደቆም ሓዮም (ሕሽዎም) ንኣላህ ምስጋን ሰለስተ መዓልቲ ከምዝፆሙ መብፅዓ ኣተዉ። ናይ ኣላህ ፀጋ ኮይኑ ድማ ደቆም ሓሾም።

ድሕሪ እዚ ሰይድ ዓሊ(ረ.ዐ) ነቲ ንኣላህ(ሰ.ዐ.ወ) ዝኣተዉዎ መብፅዓ ንምምላእ ቀዳማይ መዓልቲ ፆይሞም ወዓሉ። ኣብ ግዜ ፍጡር ድማ ሰበይቶም ፋጢማ ቢንት ረሱሊላህ(ሰ.ዐ.ወ) ካብ ስገም ዝተሰርሐ ምግቢ ኣምፂኣ ቀረበትሎም። ከፍጥሩ ምስበሉ ሓደ ለማኒ መፂኡ ከምዝጠመየ እናተዛረበ ኣንኳሕኮሐ። ሰይድ ዓሊ(ረ.ዓ) ንባዕሎም ገዲፎም ነቲ ለማኒ ሃብዎ። ብማይ ድማ ኣፍጠሩ። ኣብቲ ካልኣይ መዓልቲ ድማ ፆይሞም ዉዒሎም ከፍጥሩ ምስተቐረቡ ሓደ የቲም(ወላዲ ዘይብሉ) ፅጉም መፂኡ ለመነ ንሶም ድማ ኣሕሊፎም ሃብዎ። ብማይ ድማ ኣፍጠሩ። እዚ ታሪኽ ዘርድኣና ካብ ነፍስና ካልኦት ዝተፀገሙ ኣሕዋትና ክነቅድም ከምዘለና 'ዩ። ነዚ ድማ ኣላህ ብኸምዚ የምግሶም:-

وَيُطْعِمُونَ الطَّعَامَ عَلَى حُبِّهِ مِسْكِينًا وَيَتِيمًا وَأَسِيرًا (8) إِنَّمَا نُطْعِمُكُمْ لِوَجْهِ اللَّهِ لَا نُرِيدُ مِنْكُمْ جَزَاءً وَلَا شُكُورًا (9) إِنَّا نَخَافُ مِنْ رَبِّنَا يَوْمًا عَبُوسًا قَمْطَرِيرًا (10) فَوَقَاهُمُ اللَّهُ شَرَّ ذَلِكَ الْيَوْمِ وَلَقَّاهُمْ نَضْرَةً وَسُرُورًا (11)

*(ንነብሶም) ዝፈትዉዋ ምግቢ ንድኻ ፣ ዘኽታም ንምሩኽን ንእሱርን ይምግቡ (8) እንምግበኩም ኣላህ ንኽፈትወልና ጥራይ ኢዩ። ካባኹም ዋጋን ምስጋናን ኣይንደሊን (9) ንሕና ካብ ጎይታና (ንገፅ) ዘፀዉግ ብርቱዕ መዓልቲ ንፈርሕ(ይብሉ) (10) ኣላህ እዉን ካብ ክፍኣት እቲ መዓልቲ ሓለዎም(ገየም) ምብራህን ምሕጓስን ኣጋጠሞም(11) (ኣል ኢንሳን 8-11)*

ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብልግሲ፣ ካብ ነፍስኻ ኣብሊፅካ ንኻልእ ኣሕሊፍካ ብምሃብ፣ ብፍልጠቶም ንሰብ ብምጥቃም ሃፍታም ብምዉፋይ፣ ኣብ ናይ ኣላህ መንገዲ ብምስዋእ፣ ንደቂሰባት ብምምራሕ፣ ዝጠመዮም ብምቕላብ ንመሃይም ብምምካር፣ ንዝተፀገሙ ብምሕጋዝን ንዝተሸገሩ ወይ ሽግራቶም ንዝኸበዶም ብምቅላልን ካልኦት ምሩፃትን

ባህሪ ዝወዳደሮም ኣይነበረን ፤ የለን እዉን ኣይክህሉን ድማ፡፡ ባህሪኦም ኣዝዩ ዝገርምን ንምእማን ዝኸብድን ነይሩ፡፡

ሓደእዋን ሰፍዋን ኢብኑ ኡመያ ዝበሃል ደጊኡ ጥራይ ሙስሊም መሲሉ ምስ ነቢ (ሰ.ዐ.ወ) ናብ ናይ ወፍሪ ሑነይን ተበገሰ፡፡ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ነቲ ወፍሪ ብዓወት ዛዚሞም ኣብዝምለስሉ ጀራና ኣብ ዝተበሃለ ቦታ(ሜዳ) እቲ ካብቲ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዝማርኽዎ ኣግማል፣ ኣሓ (ኣካፍት)ን ኣጣልን መሊኦምዎ ነበሩ፡፡ ኣብዚ ግዜዚ ሰፍዋን ዝተባሃለ ሰብ ነዚ ኹሉ ሃፍቲ ሪኡ ኣዝዩ ክገርምን (በዝሑ) ክምነይን ጀመረ፡፡ እናቋመተ እናሃለወ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ይዕዘብዎ እሞ እንታይ ከም ዝደለየ ተረዲኦም ከምዚ በልዎ፡

- ከመይ ትሪኦ ዝኸሉ ምርኮ?

ሰፍዋን፡- ኣረ በዝሑን ብጣዕሚ ዝገርም እዩ በለ፡

ነቢ (ሰ.ዐ.ወ)፡- እንባኣርከስ ንዓኻ ሂበካ ኣለኹ ፤ ኩለን ዉሰደን፡፡

ሰፍዋን፡- ናይ ነቢ ዘረባ ዉሽጡ ሓጎስ መልኦ ፤ ክኣምን እዉን ኣይከኣለን፡፡ ብቅልጡፍ ድማ ሸሃዳ ገበረ፡፡ ከምዚ ድማ እናበለ ከደ ፤ እረ ዝገርም ነቢ'ዩ፡፡ ፈፂሙ ድኽነት ኣይፈርሕን፡፡

እዚ ናይ ልግሲ እቲ ዝለዓለ ደረጃ (ኢእሳር) ፍቅርን ርህራሄን ብዝተመለአ ልቢ ተጋይፁ ይርአ ዝነበረ ኣብቶም ብሉፅ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ድሕሪኦም ድማ ብዖቶም ካብ ብዖት ነቢ ብምቅፃል ድማ ታቢዒን'ዮም፡፡ እዚ ዓቢን ምስጉንን ብልፁን ባህሪ ንብዙሓት ሰባት ናይ ምስላሞም ቀንዲ ምኽንያት ኮይኑ እዩ፡፡ ብሰንኪ እዚ ኢስላማዊ ምትሕልላይ ክንደይ ንቑፃት ቀልቢ ተርኪሶም፣ ክንደይ ጨካናት ርህሩሃት ኮይኖም ፣ ክንደይ ፀላእቲ ፈተዉቲ ኮይኖም፣ ክንደይ ጥሙማት ቑኒዖም'ዮም፡፡ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣብ ህይወቶም ተሓቲቶም ኣይህብን ኢሎም ኣይፈልጡን፡፡ ምናልባት እንተዘይሃልይዎም ደኣምበር ፤ ሓደእዋን 90 ሺሕ ኣከባቢ ገንዘብ ነይርዎም፡፡ ኣብቲ

ዝመፀሎም መዓልቲ ኣብቲ ትሕቲ ምንፃፎም ገይሮም ሰባት ድማ እናመፁ ዘድልዮም እናልዐሉ ክወስዱ ገበሩ።

## ሰናይ ስራሕ (ቢርር) እስካበይ?

ኣብቁርኣን ናይ ልግሲ ዝለዓለ ደረጃ ኣልኢሳር (ካብ ነፍስኻ ንላዕሊ ንሓዉኻ ምሕላይ) ምዃኑ ከምዝነግረና ልክዕ ናይ ፅቡቕ ስራሕ እቲ ዝለዓለ ደረጃ ቢር ሙዃኑ እዉን ኣላህ ነጊሩና 'ዩ። በዚ ባህሪይ ድማ ቀዳማይ ደረጃ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ)'ዮም። እስቲ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ምስ ሰናይ ስራሕን ምስ ካብ ነፍስኻ ኣብሊፅካ ንሓዉካ ምሕላይ ብዝብሉ ባህርያት ዝነበሮም ረኽቢ ንምርዳእ ነዚ ዝቕፅል ታሪኽ ንታዓዘብ። ሓደ መዓልቲ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ክልተ መመወፅ (ሲዋክ) እታ ሓንቲ ቅንዕቲን ፅብቕትን እንትኾን እታ ካልኣይቲ ድማ ሓባጥጎባጥ እየን ኔረን። ካብኡ እታ ፅብቕቲ ንሓደ ብፃዮም ሂቦም እታ ሕማቕ ድማ ንባዕሎም ሓዙ። እቲ ብፃዮም ድማ ከምዚ በሎም። ኣንቱም ልኡኽ ኣላህ እዚኣ ትሕሸኩም ኢሉ እታ ናቱ ፅብቕቲ መመወፅ ንኽወስድ ሓተቶም። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ግና ከምዚ በሉ "ሓደሰብ ምስ ሓደሰብ ንሓንቲ ሰዓት ጥራይ እኳ እንተኾነት ሓቢሮም ክፀንሑ ከለዉ እንድሕርደኣ ናይ ዕርክነት ሓቂ እንተገዲልሉ ኣብዳ ኣላህ ምሕታቱ ኣይተርፎን"። እስኪ ነዚ ርእሲ ብዝምልከት ሓንቲ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ታሪኽ ደጊምና ንርአ።

ሓደመዓልቲ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብፆት ኣብ መስጂድ ተኣኪቦም ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኹጥባ ትምህርቲ የዳምፁ ነይሮም። ድሕሪዚ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ነዚ ዝቕፅል ዓንቀፅ ኣንበቡ፡-

لَنْ تَنَالُوا الْبِرَّ حَتَّى تُنْفِقُوا مِمَّا تُحِبُّونَ وَمَا تُنْفِقُوا مِنْ شَيْءٍ فَإِنَّ اللَّهَ بِهِ عَلِيمٌ (92)

*ክሳብ ካብቲ እትፈትዉዎ ትምፅዉቱ ፣ ነቲ ሙሉእ ፍቶት ኣላህ ኣይትረኽቡን ፣ ዝኾነ እትምፅዉትዎ ኣላህ ይፈልጦ እዩ። (92- ኣልዒምራን)*

ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብዖት እዚ ዓንቀፅ ምስ ሰምዑ ነዚ ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ መልሲ ንምሃብ ብጣዕሚ ተጨነቑ። ኣዝዮም ዝፈትዉዎ ነገር እዉን ክስታወሱ ጀመሩ። ሓደ ካብቶም ናይ ነቢ ብዖት ተለዓለ (ተስኣ)። ኣቢ ጦልሓል ኣንሳሪ(ረ.ዓ) ይበሃል። 600 ናይ ተምሪ ዛፍ ዘለዋ ናይ ተኽል ቦታ ነበረቶ። ኣብመዲና ፍልጥትን ናብ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) መስጂድ ቀርባን እያ ኔራ። ብዙሕ ግዜ ድማ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ናብቲ ቦታ እናመፁ ካብ ፍረታት ክጥዕሙን ካብፍልፍላ ክሰትዩን ከዕርፉን ይዕድሞም ኔሩ። እና እዚ ኢማን ልቡ ዝኣተወ ብፃይ ንነቢ ከምዚ በሎም ኣንቱም ልኡኽ ኣላህ ካብ ዘለኒ ሃብተይ ንብረተይ ኣዝየ ዝፈትዋ እታ እትፈልጥዋ ናይ ተምሪ ቦታይ (ግራተይ) እያ። ስለዚ ድማ ንኣላህ ፍቶት ክብል ሂበኩም ኣለኹ ኣብ ደስ ዝበለኩም ነገር ኣዉዕልዎ። በለ ድሕሪ እዚ እቲ ሰሓቢ ካብ መስጂድ ወፂኡ ናብታ ናይ ተምሪ ግራቱ ኣምርሐ። ሰበይቱ እዉን ኣብ ዉሽጢ ግራት ፀንሐት። ንሱ ድማ ኣብ ድሕሪ ሓፁር ኮይኑ (ንዉሽጢ ከይኣተወ) ንሰበይቱ ተዳመፃ። ንሳ ድማ ታይ ኮይንካ ደኣ ደገ ጠጠዉ ኢልካ ኣይትኣቱን ዲኻ? በለቶ። ኣይኣትዉን እኳደኣስ ንብረትኪ ሒዝክዮ ዉፂ በላ። ንሳ ድማ ደንጊፃ ንምንታይ እዚ ናትና ዶ ኣይኮነን'ዩ? በለት። ኣይ ካብ ደጊም እዚ ግራት ኮነ ዝሓዘ ንብረት (ተምሪ) ንናይ መዲና መሳኪን ተዓዲሉ እዩ። በለ ምኽንያቱ እዉን ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዝነገርዎም ዓንቀፅ ነበራ። እናድማ ንሱ ድሕሪ ነዚ ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ ምድማፁ ዝገበሮ ሙኻኑ ኣፍለጣ፡ እታ ሰበይቱ ግና ኣዝያ በላሕ ነበረት ከምዚ ኢላ እዉን ሓተተቶ። ዝገበርካዮ ፀገም የብሉን ነገር ግን ብሽምካ ጥራይ ዲኻ ነይትካ መፅዊትካዮ? ወይስ ብናይ ክልቴና ሽም? ኣይ ብናይ ክልቴና ሽም እምበር በላ። ድሕሪዚ እቲ ሰሓቢ ከምዚ ክትብል ሰምዓ። ኣንታ ኣቡ ጠልሓ ብዝሰራሕካዮ ኣላህ ይፍተወልካ። ኣነ እውን ኩሉግዜ ናይ መዲና ሽግረኛታት ብዝረኣኹ ቁፅሪ ንክንምፅውቶ ይምነ ኔረ ኢየ ግን ድማ ደፊረ ክዛረበካ

ኣይካኣልኩን። ኣላህ ይቀበለና። ኣነ ዉን እቲ ቦታ ለቒቐ ይመፅካ ኣለኹ። በለት።

እስኪ ከምዚ ዓይነት ባህርን ሰብኣዉነት ዘለዎም ሰባት ኣብ ዘመና እንተዝህልዉ እንታይ ምተኸሰተ? ትብሉ። ናይ ፅጉማት ፀሓይ ትበርቀሎም ኔይራ። ደቅሰባት ህይወቶም ብሓጎስ ምወድእዎ ኔሮም። ኣቡጠልሓ ድማ ከምኡ ዝገበረሉ ምኽንያት ናይ ኣላህ ዓስቢ (ኣጅሪ) ፍቶት፣ ናይ ቐፃሊ ዓለም ክስቢ፣ ናይ ኣእምሮ ቕሳነትን ስለ ዝደለየ'ዩ።

ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ካብ ንፆቶም ዋላኳ ድኻታት እንተኾኑ ካብታ ዘላቶም ክምፅዉቱ ግና የለዓዕልዎ ነይሮም። ንኣብነት ኣቡዘር(ረ.ዓ) ካብ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ድኻታት ብፆት ሓደ እዩ። ይኹን ደኣምበር ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከምዚ ክብሉ ምኽሪ ለገስሉ፡-"ኣንታ ኣቡዘር ስጋ ክተብስል ከለኻ ማይ ኣብዝሓሉ። ተገደደ ካልእ ነገር እኳ እንተዘይረኸብካ መረቑ ግና ንጎረቤትካ ኣካፍል።" (ሙስሊም ፀብፂቦምዎ)

ሙእሚን ኣዝዩ ኣብ ዝፀልመተ ለይቲን ደበናን ሰንጢቓ ከም እትወፅእ ወርሒ ክኾን ኣለዎ። ደቅሰባት ድኽነት እናሸገሮም ፣ ሕማም እናድከሞም፣ ሽክሚ እናከበዶም እናተመልከ ስቕ ክብል ኣይግብኦን። እንድያዉም ዝተፀገሙ ምርዳእ ንዝበኽዩ ምሕብሓብ፣ ንዝጠመዩ ምፅጋብ፣ ንዝፀምኡ ምስታይ ኩሉ ግዜ ኣብጎኖም ጠጠዉ በሃላይ ክኸዉን ኣለዎ።

# ምዕራፍ ዓሰርተኣርባዕተ

## ኢስላም ንደቂ ሰባት ህይወት ይህብ

ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) እቲ ካብ ኣላህ(ሱ.ወ) ናብ ደቅሰባት ከብፅሖም ዝተሀዋቦም ሽግ ኣብ ዝዉልዑ ግዜ ናይ ዓረብ ባሕረ-መሬት (ካብ ባሕሪ እስካብ ደረቕ መሬት ዝርከብ ቦታ) ህዝቢ ኮነ ናይካልኦት ክፍለዓለማት ዝነበረ ህዝቢ ኣብ መዉፅኢ ዘይብሉ ፀልማትን መሃይምነት'ዮም፡፡ ብድሕሪ እዚ ግና ካብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ባህርን ምንቅስቃስን ዝንፀባረቕ ብርሃን ዝመለኦ ሰብኣዉነት ክማረኹ ጀመሩ፡፡ ቀስብቀስ ድማ እቲ ዝለዓለ ናይ ሰብኣዉነት ደረጃ በፅሑ፡፡

ቅድሚ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ምምፅኦም ዓለም በተለይ ዓረብዓለም ከም ናይ ጫካ ኣራዊት ነንባዕሎም ዝዋድኡን፣ ሓያል ካብ ደካማ እናሕደገን እናደቆሰን ዝነብረሉን ፣ ፍትሒ ዝበሃል እንኳን ተግባሩ ቃሉ ዘይፍለጠሉ ግዜ እዩ ኔሩ፡፡ እዚ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ማራኺን ተወዳዳራይን ዘይብሉ ባህሪ ግና ቀስብቀስ እቲ ኣብ ናይ ሰባት ልቢ ከም ከዉሒ ሰሪፁ ዝነበረ ናይ መሃይምነት ባህሪን መንፈስን ቀስብቀስ እናቐለጠ ክፀሪ ጀሚሩ፡፡ ኣብ መወዳእታ እዉን ኣብዉሽጦም ዝነበረ ዘይረብሕ ባህሪ ከም ቆቢዕ ልክዕ እናዉፅኡ ክድርብይዎ ጀመሩ፡፡ እዚ ብምግባሮም ድማ ሓዘን (ጓሂ) ኣይስምዖምን ነይሩ፡፡ በብመዓልቱ ባህሪኦም ማራኺ እናኾነ መፀ፡፡ ኣብ መወዳእታ ግና ከምናይ ሰማይ ኮኾባት ኣብ ፀልማት በሪሆም ከምዝረኣዩ ሰሓባታት እዉን ኣብ መሬት ከብርሁ ጀመሩ፡፡ ነዚ ንምግንዛብ ናይ ሙስዓብ ኢብኑ ዑመይር ታሪኽ ንርአ፡፡

ሙስዓብ ኢብኑ ዑመይር(ረ.ዓ) ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ናይ መጀመርያ ናብ መዲና ዝለኣኽዎ ኣምባሳደር እዩ፡፡ ሙስዓብ(ረ.ዓ) መዲና ምስ በፅሐ ኣብ ናይ ኣስዓድ ኢብኑ ዙራራህ(ረ.ዐ) ገዛ ዓረፈ፡፡ ድሕሪኡ እዉን ክልቲኦም ኮይኖም ኣብመዲና ኢስላም ከጋፍሑ ጀመሩ፡፡ ሙስዓብ

“ናይ ቁርኣን መምህር” ተባሂሉ ይፍለጥ ኔይሩ። ሓደ መዓልቲ ኣስዓድ(ረ.ዐ) ንሙስዓብ ናብ እንዳ በኒ ዓብደል ኣሽሀል ገዛን ናብ በኒ(ደቂ) ዘፍር ዝተበሃሉ ገዛን ሒዝዎ ከደ። ካብ ናይ በኒ ዙፍር መንደር ምስ በፅሑ ኣብ ሓንቲ “ቢክር ሙሩቕ” ዝተበሃለት በዓቲ ዓረፉ። ካልኦት ሙስሊሚን እዉን ሓቢሮም ተቐመጡ። ኣብዚ ግዜ ግና ካብ ናይ ነንሕድሕድ ቀቢላታት (ስድራቤትታት) መራሕቲ ዝነበሩ ሰባት ግና ኣይሰለሙን ኔሮም። እቶም መራሕቲ እዉን ሰዕድ ኢብን ሙዓዝን ኡሰይድ ኢብን ሑዳይር ዝተብሃሉ ነበሩ። ናይ እንሙስዓብ ምንቅስቃስ ምስፈለጡ ሰዓድ ንኡስይድ ከምዚስዕብ በሎ። ኪድ እስቲ ነቶም ዓያሹናን መሃይማትናን ከታልሉ ዝመፁ ሰባት ኣፈራራሓዮም። ናብ መንደርና እዉን ደጊሞም ንኸይመፁ ንገሮም፡ ኣስዓድ ኢብን ዙራራህ ወዲ ሓትኖይ እንተዘይኸውን ነይሩ ባዕለይ መፍራሕኩዎም ነይረ በለ። ኡሰይድ ድማ ከምቲ ሰዓድ ዝበሎ ንምግባር ጦሩን ጉራዲኡን ሒዙ ከደ። ኣብሞንጎ እቶም ተሰብሲቦም ዳዕዋ ዘዳምፁ ሰባት (ካብ ሙስዓብን ኣስዓድን) ከይዱ ገፁ ኣፀዊጉ ደዉበለ። ቅፅል ኣቢሉ ከምዚ በለ፡- ዓያሹናን መሃይማትናን ከተታልሉ ዲኹም መፂኹም? ንህይወትኩም ትሓልዩ እንተኾይንኩም ጠጠዉ ኣብሉ በለ። ኣብቲ ግዜ ኣስዓድ ንሙስዓብ ከምዚ በሎ እዚ ናይ ዘርኡ(ቀቢለኡ) መራሒ እዩ። እና ድማ ኣዘራርባኻ ኣፀቢቕካ ፅኑዕ ኩን። ሙስዓብ ድማ ንኡሰይድ ከምዚ ኣማረዖ። ፍቓደኛ እንተኾይንካ ንእሽተይ ተቀሚጥካ ወግዕና ኣዳምፅ። እንተጢዒሙካ ትቕበሎ። እንተፅሊኡካ ግን ደጊምና እትፀልኦ ነገር ኣይንሰርሕን በሎ። ኡሰይድ ድማ ድንቂ ኢሉ ተስማዕመዐ መፀ። ሙስዓብ እዉን ብዛዕባ ኢስላም ነገሮ። ቁሩብ ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ እዉን ኣንበበሉ። ኣብ ሞንጎኡ ካብ ገፁ ደስታን ናይ ምስላም ድሌት ክበርህ ጀመረ። ከምዚ እዉን በለ። ከስልም ዝደለየ ሰብ እንታይ ኢዩ ክገብር ዘለዎ?

ከምዚ ድማ በልዎ፡- መጀመርያ ኬድካ ተሓፂብካ ነዓ ካብኡ ክዳንካ ቀይር፣ ናይ ኢስላም ምስክርነት ቃል እዉን ትብል ካብኡ ክልተ ረከዓ ትሰግድ። ንሱ እዉን ከምተኣዘዞ ገበረ። መፂኡ ድማ ከምዚ በለ። እት ዝለኣኽኒ ሰብ ሰዓድ ኢብኒ ሙዓዝ ይበሃል ናባኹም ክልእኸ እየ እንድሕር ደኣ ሰሊምኩም ናይ ዘርኡ (ቀቢልኡ) ሓላፊ ስለዝኾነ ካብ ቤተሰቡ ዘይሰልም ኣይክህሉን በሎም። ካብኡ ኡሰይድ ድሕሪ ኢስላም ምቕባሉ ናብቲ ዝለኣኾ (ሰዓድ) ገዛ ከደ። እናኸደ ናሃለወ እዉን ሰዓድ ረኣዮ። ከምዚ ድማ በለ። ወላሂ ኡሰይድ ተቐይሩ ኢዩ መፂኡ ዝንሄ። ኡሰይድ ናብ ሰዓድን ምስኡ ዝነበሩን ሰባት ምስተፀገዐ እንታይ ገበርካ ኢሉ ሰዓድ ሓተቶ። ንሱ ድማ ብኸምዚ መለሰ፡- ነጊረዮም እየ። እቲ ስርሖም ድማ ጠጠዉ ከምዘብልዎ ነጊረሙኒ 'ዮም። ዘረበኦም ድማ ብዙሕ ፀገም ዘለዎ ኣይመስልን፡ እኳ ደኣስ እንዳ ባኒ ሓሪሳ ቤተሰብ ንወዲ ሓትኖኻ ኣስዓድ ኢብኑ ዙራራ ዘመድካ ሙኻኑ ፈሊጦም ምንታን ንዓኻ ከጉህዩ ክብሉ ክቐትልዋ ከምዝደለዩ ይዉረ ነይሩ በለ። ኣብዚ ግዜ ሰዓድ ኮርዩ ጦሩን ጉራዲኡን ሒዝዩ ብቕልጡፍ ናብቶም ተሰብሲቦም ዳዕዋ ዘዳምፁ ዝነበሩ ከደ። ናብኡ ምስበፀሐ እዉን ኩሉ ነገር ሰላም ሙኻኑ ምስ ረኣየ ኡሰይድ ንሰዓድ ሓስዩ ዝተዛረበ ምንታን ናይ ሙስዓብ ዳዕዋ ክዳምፅ ደልዩ ከምዝኾነ ተረድአ። ኣብ ማእኸሎም እዉን ጠጠዉ ኢሉ። ገፁ ኣፀዊጉ ከምዚ በለ። ኣንታ ኣስዓድ ወድሓትነይ ሙኻንካ ተኣማሚንካ እንበር ከምዚ ኣይምገበርካን። ንምንታይከ ደስ ዘይብለና ነገር ናብ መንደርና ሒዝካ ትመፅእ? በሎ። ሙስዓብ ከዓ ናይ ኡሰይድ ብዛዕባ ሰዓድ ዝነገሮ (ሰዓድ ናይ ዘርኡ መራሒ እዩ እንድሕር ኣስሊሙልካ ካብ ዘርኡ ዘየስልም ሰብ ኣይክህሉን ዝብል) ዘከረ። ካብኡ ሙስዓብ ከምዚ በሎ። ፍቓደኛ እንተኾንካ ንእሽተይ ተቐሚጥካ ወግዕና ኣዳምፅ እንተጥዒሙካ ትቕበሎ። እንተኣፅሊኡካ ግና ደጊምና ደስ ዘይብለካ ነገር ኣይንሰርሕን

በሎ። ሰዓድ ድማ ድንቂ ኢሉ ኮፍ በለ። ሙስዓብ ብዛዕባ ናይ ኢስላም ክነግሮ ጀመረ። ካብ ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ እዉን ንእሽተይ ከንብበሉ ምስ ጀመረ ኣብ ሞንጎኡ ኢስላም ክቕበል ዝደለየ እንታይ እዩ ክገብር ዘለዎ ኢሉ ሓተተ። ክሕፀብ፣ ክዳኑ ክቕይር፣ ሽሃዳ (ምስካር ቃል) ክምስክርን ክልተ ረከዓ ክሰግድ ከምዘለዎ ነገርዎ። ከምዝኣዘዝዎ ድማ ገበረ። ካብኡ ተመሊሱ ናብ መንደሩ ኣብ ዝኸደሉ ሰዓት ናብ ገዝኡ ምስ ቀረበ ቤይተሰቡ ብርሑቕ ረኣይዎ። ከምዚ ድማ በሉ፡- ወላሂ ሰዓድ ከምቲ ዝኸደ ኣይኮነን ተመሊሱ ዝንሄ፡ ተቐይሩ እዩ መፂኡ። ሰዓድ ገዝኡ ምስ በፅሐ ቤተሰቡ ሰብሲቡ ኣነ ኣባኹም ከመይ ዓይነት ሰብ እየ ኢሉ ሓተተ፡ ቤተሰቡ ድማ መራሒና፣ ብሉፅና፣ በሊሕና (መስተዉዓሊና)ን ቅኑዕናን ኢኻ በልዎ። ንሱ ድማ እምበኣር ብናይ ኣላህ ልኡኽ እስካብ ዘይኣመንኩም ሰበይትኹም ዓቢኹም ቆልዓኹም ምሳይ ሓራም ኢኹም በለ። ኣብቲ መዓልቲ ብምሉኦም ኣዝማዱ ኣስሊሞም ወዓሉ። ስለዚ ብዙሓት ናይ ዓረብ መራሕቲ ዋላኳ ደረቕ ልቢ እንተነበሮም ናይ ኢስላም ዳዕዋ ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ ምስ ሰምዑ ግና ናይ ልቦም ድርቀት እናተቐለጠ ምፅራይ እዩ ዝጅምር። ነዚ ናይ ቁርኣን ኮነ ኢስላም ሙዕጂዛታት (ተኣምራት) ንምርኣይ እንተደሊና ናይ ነቢ (ሰ.ዐ.ወ) ህይወት ታሪኽ ምርኣይ ይከኣል፡-

فَبِمَا رَحْمَةٍ مِنَ اللَّهِ لِنْتَ لَهُمْ وَلَوْ كُنْتَ فَظًّا غَلِيظَ الْقَلْبِ لَانْفَضُّوا مِنْ حَوْلِكَ

*ካብ ኣላህ ብዝኾነት ርህራሄ ደንጊፅካሎም (ለስሊስካሎም) በዓል ክፉእ ፀባይ ነቓፅ ልቢ እንተትኸዉን ኔርካ ካብ ጥቓኻ ፋሕ ምበሉ። (159- ኣልዒምራን)*

ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣብ ልዕሊኦም ብዙሕ ፀገምን መከራን ዘስዐቡሎም ናይ መካ ከሓድቲ ይቕረ ኢሎምዎም 'ዮም። ካልእ ተሪፉ ወደ ሓወብኦምን ሓዎምን (ናይ ጡብ) ዝኾነ ሓምዛ(ረ.ዐ) ንዝቐተለ እኳ (ዋሕሽ(ረ.ዐ)) ይቕረ ኢሎምዎ እዮም። ናይ ኣላህ ነቢ(ሰ.ዐ.) ኩሉሻዕ

ካብ ቁጠዐኦም ርህራሄኦም ዝሰፍሐ ኤሩ። ከምእዉን ብዙሓት ጨካናትን ነቓፃትን ዝነበሩ ሰባት ንቑሩብ ግዜ ምስ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ግዜኦም እንተሕሊፎም ብቕልጡፍ ልቦም እናለስለሰን እናተቐየሩ ይመፁ ኔሮም።

ሓደ ቱርካዊ ፀሓፊ ናይ ዓረባዉያን ቅድሚ ኢስላም ዝነበሮም ኩነታት (ባህሪ) ብኸምዚ ይገልፆ። ወድሰብ ኣስናን እንተዘይህልዎ ኔይሩ ኣሕዋቱ ዘልዚሎም ክላሓሕፅዎ ነይሮም። (ጨካናት'ዮም ነይሞ) እዚ ማለት ብትኽክል ናይ ሰብስጋ ዝበልዑ ኮይኖም ዘይኮኑስ ግና ነቲ ዝነበሮም ናይ መወዳእታ ጨካንነት'ዩ ዘርኤና። ኢስላም ድማ ካብ ከምዚ ዓይነት ናይ ኣራዊት ፀባይ እዩ መንጢሉ (ዘቑቑ) ኣዉፂእዎም።

እዞም ካብ ኣራዊት ዘይሕሹ ዝነበሩ ህዝቢ ግና ድሕሪ ኢስላም ዝነበሮም ባህሪ ንምዕዛብ ነዚ ዝቕፅል ታሪኽ ንርአ።

ኣብ ናይ የርሙክ ዉግእ ገለ ናይ ሙስሊሚን ሰባት (ሰሓባ) ሓያል ዝኾነ ጉድኣት ተጎዲኦም ወደቑ ካብዚኣቶም ሓደ ድማ ዒክሪማ(ረ.ዐ) ኢብኒ ኣቡ ጀህል እዩ። ከም ዝተወግአ ዝሰምዐ ሓደ ዘመዱ እናጎየየ መፀ። ወዲቑ ሞት ይፅበ ረኸቦ። ካብኡ ዒክራማህ ነቲ ዘመዱ ማይ ከስትዮ ሓተቶ። እቲ ዘመድ ድማ ካብቲ ዝሓዘ ኳዳ ከንቆርቁረሉ ክብል ሓደ ካልእ ተወቒዑ ዝወደቐ ሙስሊም አረ ማይዶ ዝህበኒ የለን? እናበለ ክዳመፅ ሰምዖ። ኣብዚ ግዜ ዒክራማ ንባዕሉ ገዲፉ ነቲ ዝፃዋዕ ዝነበረ ዉቑዕ ንኽወስደሉ ንዘመዱ ኣዘዞ። እቲ ዘመዱ ድማ እናጎየ ነቲ ዝፃዋዕ ዝነበረ ወሲዱ ከስትዮ እንትደሊ ገና ቅድሚ ምስታዩ ካልእ ዉቑዕ እንደገና ማይ ማይ እናበለ ዝፃዋዕ ሰብ ሰምዐ። እዚ ካልኣይ ዉቁዕ ድማ እንደገና ነቲ ሳላሳይ ዉቑዕ ንከስትዮ ነቲ ማይ ዝሓዘ ሰብ ኣዘዞ። እዚ በዓል ማይ እናጎየ ናብቲ ሳልሳይ ከደ። ብዘሕዝን ኣጋጣሚ ግና ኣየርከበሉን ፣ ሞይቱ ረኸቦ። እቲ በዓል ማይ እንደገና ናብቲ ካልኣይ ዝነበረ እናጎየ ተመለሰ። ንሱ

እዉን ብዘሕዝን ኩነታት ሞይቱ ፀንሑ። ኣብ መወዳእታ እቲ በዓል ማይ ናብቲ ናይ መጀመርያ ዘመዱ ዒክራማ(ረ.ዐ) እናጎየ መፀ። ንሱ እዉን ሞይቱ ፀንሑ። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ነዚ ኣድካሚ ዝኾነ ንዓለም በተለይ ዓረብ ናይ ምቅናዕ ምምራሕ ወፍሪ ብዘይ ምስልቻዉ ካብቲ ዝነበሩዎ ፀልማት ናብ ብርሃን መሪሖምዎም 'ዮም። ፈታዊኦም ኮነ ፀላኢኦም ድማ ኣብመወዳእታ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ተኸተልቲ ክኾኑ በቒዖም።

وَإِنَّكَ لَعَلَى خُلُقٍ عَظِيمٍ (4)

*ንስኻ ኣብ ዝዓበየ ባህሪ ኢኻ (4) ኣልቀለም*

ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብዖት ዳርጋ ኩሎም ወይ ቴስዓ ብሚእቲ (90%) ብናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ማራኺን ባህ ዝብልን ስነምግባርን ባህርን ተማሪኾም 'ዮም ሰሊሞም። ቁሩብ ሰባት እኳ ንነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ፀላእቲ እንተኾኑ ሓሳዊን ግፍዐኛን ኢሎም ግን ኣይፀርፍዎምን። እንድያዉም ብናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ባህሪ ኣዝዮም 'ዮም ዝማረኹ ነይሮም። ንኢስላም ከገልግሉ ዝደልዩ ሰባት በተለይ ሰባት ናብ ኢስላም ዝፃዉዑ(ዳዒታት) ክፈልጥዎ ዝግብኦም ነገር ኢስላም መጀመርያ ካብ ባዕሎም ኮነ ደቂሰባት ዝደልዮ እቲ ዝለዓለ ደረጃ ናይ ባህሪ ምስትኽኻልን ፅቡቕ ስነምግባር ክህልዉን'ዩ። ነዚ ድማ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብኸምዚ ይሕቡሩና፡-

ኣነ ናብ ሰባት ዝተለኣኽኩሉ ዓላማ ንፅቡቕ ባህሪያት ከማልእ እዩ። ካብዚ ሓዲስ እንርድኦ ነገር እቲ ኣላህ(ሱ.ወ) ኣብምድሪ ወኪሉ(ተተካኢ) ገይሩ ዘቐመጦ ወድሰብ ዝተማለአ ሰብእናን ዝተስተኻኸለ ባህሪ ፀባይ ክህልዎን'ዩ።

ካብዚ ዝተለዓለ ኢስላም ካብ ደጋዊ (ስጋዊ) ስልጠና ንላዕሊ ንናይ መንፈሳዊ ስልጠና እዩ ዘተኩር። ብኸምዚ ድማ ምሩፃት ናይ ኢስላም ጀጋኑ ወጣታት ኣፍሪዩ እዩ፡ እዞም ናይ ኢስላም ግርማ ዝኾኑ ወጣታት ንዝነበሮም ናይ ባህሪ ሙሉእነትን ናይ ኣመራርሓ ብቕዓትን ፍትሕን ድማ ሙስሊሚን ጥራይ ዘይኮኑስ ከሓድቲ እዉን መስኪረምሎም እዮም። እዚ ድማ ብኣጋጣሚ ዝተገነየ ኣይኮነን።

ብናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ራሕመት ደኣምበር ነዚ ድማ ኣላህ(ሱ.ወ) ንነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከምዚስዕብ ይብሎም፡-

وَمَا أَرْسَلْنَاكَ إِلَّا رَحْمَةً لِلْعَالَمِينَ (107

*(ኦ! ሙሓመድ) ንዓለማት ርህራሄ እምበር ኣይለኣኽናካን(107- ኣልኣንቢያእ)*

እዚ ርሕመት ካብ ዝበፅሖም ኣብ ጃሂልያ ጨካን ካብ ሙኻኑ ዝተላዕለ ንጓሎም ምስ ህይወታ ዝቐብሩ ዝነበሩ ዑመር ኢብኑል ኸጣብ(ረ.ዐ) ይርከብዎ። ድሕሪ እስላም ግና እንኳንዶ ሰብ ንፃፀ ዝርህርሁ ዝነበሩ ሰብ'ዮም።

ኦቶማን ቱርካዉያን ኣብትሕቲ ቁፅፅሮም ንዝነበሩ ሙሩኻት ብጣዕሚ ይርህርሁ ኔሮም። ሓደመዓልቲ ካብቶም መራሕቲ ሓደ ከምዚ ክብል ተሰምዐ። "ኣንቲ ርህራሄ! እንታይ ዓይነት ግፍዐኛ ኢኺ? ኢልኪ ኢልኪስ ንፀላኢየ ንኽፈቱ ገይርክኒ"።

ኣብዚ ዘመንና እንሪኦን እንሰምዖን ነገራት ብጣዕሚ ዘሕዝን እዩ። ሎሚ እዞም ዱንያ ዝፈትዉን ኀይታ የለን ዝብሉ ምዕራባዉያንን (ኣሜሪካን ኣዉሮፓን) ንኢስላም ዝተሰሓሓተ ትርጉም መልክዕ ክህልዎ እናገበሩ ይርከቡ። እቲ መሃይም ህዝቢ ኢስላምን ኣሸባሪነትን (በፅባፃይነት) ሓደ ጌሩ ክርዳእ እዮም ዝፅዕሩ። ኣሸባሪ ዝኾኑ ሰብ ብሓቂ ንኢስላም ብደንቢ ገይሩ ዘይተረደአን ስምዒቱ ዝኽተልን ከምእዉን ንናይ ደቂሰባት ደሕንነትን ሰላም ዘይግደስ ሰብ እዩ። እዞም ሰባት ዝኽተልዎ ሃይማኖት ንርህራሄን ንሕዝነት ዝህቦ ልክዕ(ዋጋ) ዘይፈልጡን ኢዮም። እንተፈለጥዎ እዉን ንዕኡ ገዲፎም ናብ ስምዒት ዘዘንብሉ ነቓፃትን መሃይማት 'ዮም። ኢስላም ካብ መጀመርያኡ ኣሸባራይነት ኮነ ስርዓት-ኣልቦ ምንቅስቃስ ኣይቕበልን። ነዚ ዘረጋግፀልና ድማ ቅድሚ ሕዚ ዝነበሩ ታሪኽን ኣብዚ ሕዚ ግዜ እዉን እንተኾነ ንሙስሊምን ሙስሊም ዘይኮነ ሰብን ብማዕርነት ክፈርድን ከመሓዳድርን ስለዝርአ'ዩ።

ሓደእዋን ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ንዝተወሰኑ ናይ ሓንቲ ከተማ ህዝቢ ቁርኣን ከምህርዎም ዝኽእሉ ሰብዓ ዝኾኑ ብፆቶም ለኣኺሎም። “ቢር ማዑና” ኣብ ዝተበሃለ ቦታ እንተበፅሑ ግና እቶም ናይታ ከተማ ከሓድቲ ቁሩብ እንትተርፉ ነቶም ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዝለኣኽዎ ቁርኣን ዘምህሩ ብፆቶም ጨፍጨፍዎም። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ድሕሪ እዚ ቁርኣን ከምህር ዝኽእል ሰብ ኣብዝልእኽሉ ግዜ ካብ ፀላኢ ክከላኸሉሉ ዝኽእሉ ወታደራት ሓቢሮም ይልእኹ ነበሩ። ነቶም ወታደራት ድማ ፀገም ቅድሚ ምብፅሑ ጦሮም ከልዕሉ ከም ዘይብሎም ኣጥቢቖም የጠንቅቕዎም ነበሩ። ይኹን ደኣምበር ሓደ እዋን ኻሊድ ኢብን ወሊድ ናብ ከምዚ ዓይነት ስራሕ ተላኢኹ ኣብ ገለ ቦታ ምስ በፅሐ ነቶም ኣብኣ ዝነበሩ ስቪል ሰባት ቀቲሉ ንብረቶም እዉን ከምዝደምሰሰ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ወረ በፅሖም። ኣብቲ ግዜ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከምዚ በሉ፡ “ኣንታ ጎይታይ ኣብቲ ኻሊድ ዝሰርሖ ስራሕ ኣነ የለኽዎን፡ ኣይኣዘዝኩዎን፡ ብዝገበሮ ስራሕ ድማ ኣይፈተኹን” እናበሉ ሰለስተ ግዜ ደጋገሙ። ድሕሪ እዚ ናብቶም ሰባት ንዓሊ(ረ.ዐ) ልኢኾም ናይ ደም ካሕሳ ከፈሉ።

ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ምሩፅን በዓል ምቸዉን ርህሩህን ዝተማልኦ ባህሪ ከም ዝነበሮም ንሕና ሙስሊሚን ጥራይ ዘይኮንና ንምስክረሎም እቶም ከሓድቲ እዉን ብሙሉእ ድምፂ’ዮም ዝምስክሩ። ንኣብነት ኣብ ዝሓለፈ ሚእቲ ዓመት ኣብ ሆላንድ ኣብ ዝተገበረ ናይ ምሁራን ስብሰባ (ጉባኤ) ርእሱ ኣብ ናይ ደቅሰባት ህይወት ዓቢ ለዉጢ ዘምፅኡ ብዝብል ብዙሓት መምዘኒታት (መለክዕታት) ኣቐሚጦም ካብ ግዜ ኣቦና ኣደም(ዓ.ሰ) ክሳብ 20 ክፍለ ዘመን ዝነበሩ ሰባት እንተወዳድሩ ብኹሉ ዓይነት መመዘኒ በሊፆም ቀዳማይ ደረጃ ዘቐመጥዎም ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ነይሞ። ዝገርም ነገር ግን እዞም ንስብሰባ ዝተቐመጡ ምሁራን ኩሎም ክርስትያን ሙኻኖም’ዩ።

ኣብዚ ሕዚ ዘለና ሙስሊሚን እዉን ንሰባት ክንፈትዎም ይግብኣና፡፡ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ናይ ፓለቲካ ደገፍትና ስለዝኾኑ ዘይኮነስ ናይ ኣላህ ባራዩ ሙኺኖምን ካብ ኣላህ(ሱ.ወ) ፍቶት ደሊና ክኸውን ኣለዎ፡፡ ኣብ ዘበና ዝርከቡ ሕሊና ዘይብሎም ሓደሓደ ሰብሓይሊ ዝኾኑ መንግስትታት ኮኑ ካልኦት ብሽም ሃይማኖት እናተጎልበቡ ንደቂሰባት ካብ ቤተሰቦም ፈላልዮም ካብ ዝነብርሉ ሃገር ኣባሪሮም ንቑሪን ፀሓይን ኣጋሊፆምዎም ይርከቡ፡፡ እዚኦም ድማ ልቦም ካብ ርህራሄን ሕልየትን ፍቕርን ዝተዓፀወ ዝኾኑ ኣብ ኩሉ ዓይነት ሃይማኖት ይርከቡ፡፡ ወድሰብ ካብ ዘሕለፎም ህይወት ድማ እቲ ዝዓበየ ፀገምን መከራን ብሰንኮም 'ዩ፡፡ ኣላህ(ሱ.ወ) ከምዚ ይብል፡-

وَإِذَا قِيلَ لَهُمْ لَا تُفْسِدُوا فِي الْأَرْضِ قَالُوا إِنَّمَا نَحْنُ مُصْلِحُونَ (11) أَلَا إِنَّهُمْ هُمُ الْمُفْسِدُونَ وَلَكِنْ لَا يَشْعُرُونَ (12)

*ኣብ ምድሪ ኣይተብላሸዉ እንተተብሃሉ ፣ ንሕና ኣዐረይቲ ኢና ይብሉ(11) ኣረ ንሳቶም እዮም መበላሸዉቲ ግን ኣይስምዖምን(12) (በቀራ 11-12)*

ሰላማዊያን ሰባት ምብፅባፅ ኮነ ምጭፍጫፍ ሃይማኖት ዘይፈቕዶን ዒባዳን (ኣምልኾ) ተገይሩ ክርአ ዘይብሉን ውጉዝ ድርጊት ኢዩ፡፡ ከምእዉን ምስ ጂሃድ ዝብል ቃል ከዋቕዕዎ የብሎምን፡፡ እዞም ሃይማኖታዊ ሽፋን እናተጠቐሙ ነቲ ግዕዙይ ስርሖም ምስ ናይ ዲን ስራሕ ዝፅበዮም ቅፅዓት ኣላህ ብኸምዚ ይገልፆ፡-

أَنَّهُ مَنْ قَتَلَ نَفْسًا بِغَيْرِ نَفْسٍ أَوْ فَسَادٍ فِي الْأَرْضِ فَكَأَنَّمَا قَتَلَ النَّاسَ جَمِيعًا وَمَنْ أَحْيَاهَا فَكَأَنَّمَا أَحْيَا النَّاسَ جَمِيعًا

*እንሄ ብዘይነፍሲ ነፍሲ(ምቕታል) ወይ ኣብ ምድሪ ብዘይገበን ነፍሲ ዝቐተለ ንኹሎም ከምዝቐተለ'ዩ። ዘሕየዋ ድማ ንኹሎም ህያው ከምዝነበረ'ዩ። (32.....ኣልማኢዳእ)*

ስለዚ ቅዱስ ቁርኣን ሓንቲ ገበን ዘይብላ ነፍሲ ዘጥፈኣ ዓለም ሙሉእ ምስ ዘጥፍአ ማዕረ'ዩ።

ከምዚ ዓይነት ገበን ዝሰርሕ ድማ ናይ ወድሰብ ክብረት ዘንዉርን ናይ ሓንቲ ንፅፅህቲ ህይወት ዋጋ ዘይፈልጥን መሃይምን ርኹስን'ዩ። ሓደሰብ ሓንቲ ንፅህቲ ነፍሲ ብስምዒቱ ተለዓዒሉ እንተጥፊኡ ዓለም ሙሉእ ከም ዘጥፈአ ዝተሓሰበሉ ምኽንያት ንሱ ንኻልኦት ሰባት ኣፍደገ ስለ ዝኸፍት'ዩ። ብናቱ ስራሕ ተለዓዒሎም ዝፍፅሙ ዓያሹ ስለዘይሰኣኑ'ዩ። ስለዚ ድማ እዩ ሓንቲ ንፅህቲ ነፍሲ ምጥፋእ ካብቲ ዓበይቲ ወንጀላት ተገይሩ ኣብ ኢስላም ዝተመደበ። ነዚ ወንጀል (ገበን) ዝሰርሑ ሰባት ኣብቲ ናይ ፍርዲ መዓልቲ ናይ ኣላህ ኩራ እዮም ዝሽምቱ። በተለይ ድማ እታ እትቕተል ነፍሲ ዝኣመነት እንተኾይና ወንጀሉ ዝዓበየ ምኳኑ ኣላህ የጠንቅቐና፦

وَلَا يَقْتُلُونَ النَّفْسَ الَّتِي حَرَّمَ اللَّهُ إِلَّا بِالْحَقِّ

*ነታ ኣላህ ዝኸልከላ (ዘዕቆባ) ነፍሲ ብዘይግቡእ ዘይቀትሉ (68-ፍርቃን)*

وَلَا تَقْتُلُوا النَّفْسَ الَّتِي حَرَّمَ اللَّهُ إِلَّا بِالْحَقِّ

*ነታ ኣላህ ዝኸልከላ (ዘዕቆባ) ነፍሲ ብሕጊ እንተዘይኮይኑ ኣይትቕተሉ(151-ኣንዓም)*

لَئِنْ بَسَطْتَ إِلَيَّ يَدَكَ لِتَقْتُلَنِي مَا أَنَا بِبَاسِطٍ يَدِيَ إِلَيْكَ لِأَقْتُلَكَ إِنِّي أَخَافُ اللَّهَ رَبَّ الْعَالَمِينَ (28)

*ንኽትቀትለኒ ኢድካ ናባይ እንተዘርጊሕካ ኣነ ንኽቀትለካ ኢደይ ናባኻ ዝዝርግሕ ኣይኮንኩን ፣ ኣነ ንኣላህ ጎይታ ዓላማት ይፈርሕ እየ በለ። (28 ማኢዳህ)*

وَمَا كَانَ لِمُؤْمِنٍ أَنْ يَقْتُلَ مُؤْمِنًا إِلَّا خَطَأً

*ሙእሚን(ኣማኒ) ብጌይታ እንተዘይኮይኑ ንምእምን (ሙእሚን) ክቐትል ኣግብኦን...(92- ኒሳእ)*

وَمَنْ يَقْتُلْ مُؤْمِنًا مُتَعَمِّدًا فَجَزَاؤُهُ جَهَنَّمُ خَالِدًا فِيهَا وَغَضِبَ اللَّهُ عَلَيْهِ وَلَعَنَهُ وَأَعَدَّ لَهُ عَذَابًا عَظِيمًا (93)

- *ንሙእሚን ኮነ ኢሉ ዝቐትል መቕፃዕቱ ኣብኣ ነባሪ ኮይኑ ገሃነም እያ ፣ ኣላህ ኣብኡ ይቑጣዕ ፣ ካብ ምሕረቱ ይስጎ (የባርሮ) ፣ ዓባይ መቕፃዕቲ ኣዳልይሉ ኣሎ(93 ኒሳእ)*

# ምዕራፍ ዓሰርተሓሙሽተ

## ናይ ፀባይ ስውጥን ዉሽጥኻ ምንፃህን

ካብ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብፆት ዝኾነ ኣቡደርዳእ(ረ.ዓ) ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ካብዛ ዓለም ድሕሪ ምስ ተፈልዩ ናይ ደማስቆ(ዲመሽቅ) ቃዲ ኮይኖም ኔሮም። ስለዚ ድማ ቃዲ(ዳኛ) ብምዃኖም ሰበብ ብዙሕ ግዜ ዝተኻሰሱ ሰባት ይመፅዎም ኔሮም። ሓደመዓልቲ ክልተ ዝተኻሰሱ ሰባት መፅዎም። ኣቡደርዳእ ድማ ጉዳዮም ኣዳሚፆም ፍርዲ ፈሪዶም ነቲ ርእስ ዓፀዉዎ። ድሕ እዚ ነቲ ኣብልዕሊኡ ዝተፈረዶ ካብ (ተኸሳሲ) እቶም ተዓዘብቲ ክረግምዎ ጀመሩ። ኣብዚ ግዜ ኣቡዳርዳእ ነቶም ዝረግምዎ ዝነበሩ ሰባት ከምዚ በሉዎም፡- ሓደሰብ ኣብ ጉድጓድ እንተዝፀድፍ እንታይ ምገበርኩም? ፡- እቶም ሰባት ድማ ገመድ ክንልእኽሉ ኔርና ነቲ ገመድ ምስ ሓዘ ድማ ጎቲትና ክነዉፅኦ ኔርና በሉ። ኣቡዳርዳእ ቅፅል ኣቢሎም እንታ ደኣ ነቲ ብወንጀል (ብገበን) ናብ ጉድጓድ ዝፀደፈ ሓውኩም ደኣ ሕዚ ዘይተድሕንዎ። እቶም ሰባት ድማ ብናይ ኣቡዳርዳእ ዘረባ ተገሪሞም ነዚ ገበነኛ ኣይትፀልኡን ማለት ዲኻ ብምባል ሓተትዎም። ኣቡደርዳእ ድማ ኣነ ዝፀልኦ ነቲ ስራሕ እምበር ነቲ ሰብ ኣይኮነን በሉዎም።

ኣቡዳርዳእ(ረ.ዓ) ነዚ ዝገርም ጥበብ ዝመለአ ዘርበኦም ዝተመሃርዎን ዝቀድሕዎ ካብ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ተጨሊፉ ዘይዉዳእ ጥዑም ናይ ዒልሚን ስነምግባርን ባሕሪ እዩ። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከምዚ ዓይነት ምቑር ምኽሪ እናተጠቐሙ እዮም ብዘይ ሓንቲ ፀርፍን ምፍርራሕን ንገበነኛ ካብ ገበኑ ዘግድፍዎ (ዘርሕቅዎ)። እዚ ፍቕሪ ርህራሄን ሓልዮትን ዝተመለአ ማዕዳ ነቲ ገበነኛ ኣብ ናይቲ መዓዲ ዘረባ ክምሰጥን ከስተንትንን እዩ ዝገበሮ። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ንካሊእ ተሪፉ ንናይዛ ኡመት ፊርዓዉነ ዝኾነ ኣቡጃህል እኳ ብጣዕሚ ፅቡቕ ዝኾነ ናይ ማዕዳ ሜላ ተጠቒሞም እዮም ዳዕዋ ዝገብርሉ ዝነበሩ።

*(ኦ! ሙሓመድ) ንዓለማት ርህራሄ እምበር ኣይለኣኽናካን (107) ኣል ኢንቢያእ)*

ብወንጀሉ ተናሲሑ ናብ ኣላህ ዝተመለሰ ሰብ ኣላህ(ሱ.ወ) ይፈትዎ። ምፍታዉ ጥራይዉን ኣይኮነን ነቲ ዝወንጀሎ ገበን ይምሕሮ እንተደልዩ እዉን ነቲ ገበን ናብ ዓስቢ(ኣጅሪ) ወይ ኽይሪ ይቕይረሉ። ኣላህ ድማ ከምዚ ይብል፡-

إِلَّا مَنْ تَابَ وَآمَنَ وَعَمِلَ عَمَلًا صَالِحًا فَأُولَئِكَ يُبَدِّلُ اللَّهُ سَيِّئَاتِهِمْ حَسَنَاتٍ وَكَانَ اللَّهُ غَفُورًا رَحِيمًا (70)

*ብዘይካ ተናሲሑ ዝተመለሰን ዝኣመነን ሰናይ ተግባር ዝገበረን ፣ ንሳቶም ንኽፋእ (ተግባሮም) ኣላህ ብሰናይ ይቕይር ፣ ኣላህ ኣዚዩ መሓሪን ርህሩህን ኢዩ(70) (ፍርቃን 70)*

ኣነስ ኢብኑ ማሊክ(ረ.ዓ) ካብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዘመሓላልፋልና ሓዲስ ኢማሙ ሙስሊም ብኸምዚ ኣዉሬምዎ ይርከቡ። ሓደባርያ ካብ ሓጢያቱ ተናሲሑ ናብ ኣላህ ተመሊሱ መሓርታኡ ክሓቶ ከሎ ኣላህ ካብ ኣብ በረኻ (ምድሪ-በዳ) ጊመሉ ጠፊኣቱ ፀኒሓ እንደገና ክረኽባ ከሎ ዝሕጎስ ሰብ ንላዕሊ እዩ ዝሕጎሰሉ።

ሓደ ናይ ኣላህ ሳሊሕ(ብሩኽ) ሰብ ምስ ሓደ ሓጢያት ዝሰርሕ ሰብ ከመይ ዓይነት ረኽቢ ከም ዝነበሮም ንመልከት። ምናልባት ካብ ኣካይድኦም ክንጥቀም ንኽእል ኢና። እዞም ሸኽ መሓመድ ሳሚ ዝተብሃሉ ሓደ ተመሃሪኦም ናይ ሓንጎል ምርባሽ በፂሕዎ ናብዓ መስተ ከይዱ ሰትዩ ሰኺሩ ናብ ገዝኦም ተመሊሱ መፂኡ ኣፍደገኦም ክድብድቦ ጀመረ። ኣጋጣሚ ነቲ ደጋኣፍ ዝኸፈተሉ ካልእ ሰብ ኔይሩ። በቲ ናይቲ መንእሰይ ስራሕ ኮርዩ ገፁ ኣጫማዲድሉ። እና ድማ ከመይ ዓይነት ሰብ ኢኻ? ናብ ዳመን ከምዝመፃእኻ ፈሊጥካ ዶ? በሎ። እቲ ሰካራም መንእሰይ ድማ ከምዚ በለ። ከምዚ ናይዚ ገዛ ዓይነት ኣቀባብላ ገይሩ ክቕበለኒ ዝኽእል ካልእ ገዛ የለንኮ። ነዚ ናይ

ክልቲኦም ዘረባ ኣብ ዉሽጢ ኮይኖም ዝሰምዑ ሽይኽ መሓመድ መፂኦም ነቲ ሰካራም ናብ ዉሽጢ ኣትዩ ክረጋጋእ ገበሩ። ብድሕሪኡ ንፀገሙ መፍትሒ ዝኾን መንገዲ ሓበርዎ። ድሕሪ ናይዞም ርህራሄን ፍቕሪን ዝተመልኦ ሕክምና(ማዕዳ) እቲ መንእሰይ ናብ ኣላሀ ተናሲሑ ኣላህ(ሱ.ወ) ካብቶም ዝፈርሑ ሰባት ኮነ።

ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ምስ ሰብ ዝነበሮም ረኽቢን ኣካይዳን ዝስዕብን ሰብ ብቐሊሉ ናይ ሰባት ልቢ ክማርኽን ክቆፃፀርን ይኽእል ኢዩ። ኣላህ(ሱ.ወ) ከምዚ ይብለና፦

ادْفَعْ بِالَّتِي هِيَ أَحْسَنُ السَّيِّئَةَ نَحْنُ أَعْلَمُ بِمَا يَصِفُونَ (96)

*በታ ዝሓሸት (ባህሪይ) ነታ ኽፍእቲ ድፋእ ፣ ንሕና ብዝገልፅዎ ፈለጥቲ ኢና(96- ሙእሚኒን)*

ኢማሙ ቡኻሪ ካብ ዑመር(ረ.ዓ) ዘዉረይዎ ሓዲስ ንመልከት

ኣብ ግዜ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ሓደ ዓብዱላህ ዝበሃል ሰብ ነይሩ። ሳጉኡ ድማ ሒማር (ኣድጊ) ዝብል ነይሩዎ። እዚ ሰብ ንነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኩሉግዜ ብዙሕ ስራሕ እናሰርሕ የስሕቆምን የዝናንዮምን ነይሩ። ብኻልእ ጎኒ ድማ ብዙሕ ግዜ ኽምሪ (መስተ) ሰትዩ ስለዝግነይ ብዙሕ ግዜ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ይገርፍዎ ነይሮም። ከም ኣመሉ ሓደ መዓልቲ ሰኺሩ ተረኽበ ናብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ድማ ተታሒዙ መፀ ንኽግረፍ ከኣ ኣዘዙ። እናተገረፈ እናሃለወ ሓደ ሰሓቢ ክንደይሻዕ እዩ ዝሰቲ ረቢ የርሕቆ ኢሉ ክረግሞ ሰምዕዎ። ኣብዚ ግዜ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣይትርገምዎ! ብኣላህ ይኹነኒ ንሱ ንኣላህን ረሱልን ይፈቱ እዩ። በሉ።

ሰባት ሰብ ብሙኻኖም ጥራይ ኣብኣላህ ዓቢ ደረጃ እዩ ዘለዎም። ዋላኳ ብዙሕ ሓጢያት እንተሰርሑ እቲ ወንጀሎም ነዚ ናይ ሰብ ሙኻኖም ዝወሃቦም ክብረትን ርህራሄን ኣየጥፍኦን። ምኽንያቱም ደቅሰባት ብምልኦም እዚ ሰማያዊ ዝኾነ መንፈስ ኣብ ዉሽጦም ስለዘሎ እዩ። ነዚ ዘብራህርሃልና ሓደ ነገር ከም ኣብነት ንጥቀስ።

ንኣብነት ሓጀረል ኣስዉድ (ኣብ ካዕባ ጎኒ ዘሎ ካብ ጀነት ዝወረደ ፀሊም እምኒ) ኣብ ጭቃ ወዲቑ ሙስሊሚን እንተዝርእዩ እንታይ ዝገበሩ ይመስለና? ብዘይ ሓንቲ ምጥርጣር ኩሎም ብቅልጡፍ ኣልዒሎም ሓፂቦም ብኽዳኖም ወልዊሎም ብኽብረት ናብ ቦትኡ ከም ዝምልስዎ ርዱእ እዩ። ስለዚ ድማ ዋላኳ ወድሰብ ካብ ጀነት ይባረር ፣ ሓጢያት ይብዝሓዮ እምበር እቲ ንናይ ጎይታ ወይ ድማ ነቲ ምስ ጎይታ ዝተተሓሓዘ ዝኾነ ነገር ኣብ ዉሽጡ ክብረት ይህቦ እዩ። ብተመሳሳሊ መንገዲ ሓደ መስተዉዓሊ ዝኾነ ዶክተር ሓደ ሕሙም ኣብ ዝመፆ ግዜ ነቲ ሕማሙ ከልግሰሉን ከድሕኖን እዩ ዝጓየ እምበር በቲ ናይቲ ሕሙም ድኽመትን ስንፍናን ተናዲዱ ኢዱ ኣሲሩ ኣይቕመጥን። ምኽንያቱ እቲ ሕሙም ዝሓመመሉ ምኽንያት ብሓደሓደ ሰበብ ከም ዝኾነ ስለ ዝርዳእ። ንኣብነት ብዘይምፍላጡ ወይ ስንፍናን ካልኦት ስሕተታት ብምስራሕ ከምዝኾነ ብደንቢ ይፈልጥ'ዩ። ስለዚ ድማ ነቲ ሕሙም ብስንፍንኡ ብጌግኡ እናፀረፈ እናወቐሰ ግዜኡ ኣይጠፍእን። ብኸምዚ ልክዕ ድማ እቶም ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ባራዩ ሓደ ገበን ሰሪሑ ዝመፆም ሰብ በቲ ወንጀል እናዘከረ ዓሰርተ ሻዕ ኣይነቕፎን። እኳደኣስ ነቲ ብገበን ዝቖሰለ መንፈሱን ነቲ ዝሓመመ ልቡን ክሕክሙ እዮም ዝጓየዩ። ጉያኦም ድማ ነቲ ገበን ዝሰርሐ ሰብ ናብ ኣላህ(ሱ.ወ) ክመልስዎን ከተዓርቕዎን'ዩ።

ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣብ ወፍሪ ኸይበር ንዓሊ(ረ.ዓ) ከምዚ በልዎ። ኦ! ኣንታ ዓሊ ንዓኻ ካብ ፀሓይ ወፂኣ እስካብ ዝዓረበትሉ ዘሎ ሃብቲ ካብ ክህልወካ ሓደሰብ ብሰንክኻ እንተ ዝሰልመልካ'ዩ ዝበልፀካ። ኣላህ(ሱ.ወ) ንወድሰብ ካብ ኣካላዊ ኮነ መንፈሳዊ ሞት ምንታን ከድሕኖ እዚ ዝቕፅል ዓንቀፅ ኣዉሪዱ የጠንቅቐና።

أَنَّهُ مَنْ قَتَلَ نَفْسًا بِغَيْرِ نَفْسٍ أَوْ فَسَادٍ فِي الْأَرْضِ فَكَأَنَّمَا قَتَلَ النَّاسَ جَمِيعًا وَمَنْ أَحْيَاهَا فَكَأَنَّمَا أَحْيَا النَّاسَ جَمِيعًا

*እንሄ ብዘይነፍሲ ነፍሲ(ምቕታል) ወይ ኣብ ምድሪ ብዘይገበን ዝቐተለ ንኹሎም ከም ዝቐተለ'ዩ ፤ ዘሕየዋ ድማ ንኹሎም ህያዉ ከምዝገበረ'ዩ (32- ማኢዳ)*

ካብ ገበናት እቲ ዝዓበየ ዝበሃል ብኣላህ ምኽሓድን ምስ ኣላህ ድማ ሽሪክ ምግባርን'ዩ። ዋላኳ ዓቢ ገበን ይኹን ደኣንበር ንሰባት ዳዕዋ ኣብ ንገብረሉ ግዜ ግና ምስቲ ሰብ ክህልወና ዘለዎ ናይ ቅርርብ ዓይነት ፍቕርን ርህራሄን ብዝተመሊኦ ክኸን ኣለዎ። ፈርዓዉነ (ለ.ዓ-ለዕነቱላሂ ዓለይህ) ንባዕሉ ጎይታ እየ ዝብል ዋላኳ እንተኸነ ኣላህ(ሱ.ወ) ግን ንነቢዩላህ ሙሳን ሃሩንን(ዓ.ሰ) ናብኡ ኣብ ዝልእኾም ግዜ ልስልስ ዝበለ ጥዑም ኣዘራርባ ንኽዛረብዎ እዩ ሓዳራ ኢሉዎም። ኣላህ(ሱ.ወ) ንነቢ ሙሳን ሃሩንን(ዓ.ሰ) ቀስ ኣቢልኩምን ልስሉስ ዘረባን ተዛረብዎ ዝብሎም ፈርዓዉነ(ለ.ዓ) ትዕቢተኛን ዘይኣምን ሙኻኑ ጠፊእዎ ኣይኮነን። ነገር ግን ንዓኣቶም ኮነ ነዓና ናይ ዳዕዋ ኣገባብራ መንገዲ (ሜላ) ከምህረና ስለ ዝደለየ 'ዩ። ንኣብነት ንሓደሰብ ናብ ኢስላም ዳዕዋ ክንገብረሉ እንተኾይና ኣዝዩ ፅቡቕን ማራኺን ባህሪ ክንጥቀም ኣለና ዋላኳ እቲ ሰብ ናይ ፈርዓዉነ(ለ.ዓ) ዝኣክል ጥምመት ይሃልዎ። ምኽንያት ኩራ፣ ዓዉኢልካ ምንፅርፃር፣ ምርጋም፣ ምፅራፍ፣ ምፅዋግ ናይ ናብ ኢስላም ዝፅዋዕ ሰብ (ፃዒ) ባህሪ ስለዘይኮኑ እዩ። እዚ ዝቕፅል ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ማራኺ ባህሪኦም ዝገልፅ'ዩ።

فَبِمَا رَحْمَةٍ مِنَ اللَّهِ لِنْتَ لَهُمْ وَلَوْ كُنْتَ فَظًّا غَلِيظَ الْقَلْبِ لَانْفَضُّوا مِنْ حَوْلِكَ فَاعْفُ عَنْهُمْ وَاسْتَغْفِرْ لَهُمْ وَشَاوِرْهُمْ فِي الْأَمْرِ فَإِذَا عَزَمْتَ فَتَوَكَّلْ عَلَى اللَّهِ إِنَّ اللَّهَ يُحِبُّ الْمُتَوَكِّلِينَ (159)

*ካብ ኣላህ ብዝኾነት ርህራሄ ደንዚፅካሎም (ለስሊስካሎም) ፣ በዓል ክፉእ ፀባይ ነቓፅ ልቢ እንተትኸዉን ኔርካ ካብ ጥቓኻ ፍሕ ምበሉ ፤ ይቕረ በሎም ፤ ምሕረት ለምነሎም ፤ ኣብ ኩሉ ነገር ኣማኽሮም ፤ ቁርፂ ሓሳብ እንተጌርካ (ኣብ ዉሳኔኻ) ኣብ ኣላህ ተመካሕ ፤ ኣላህ ብርግፅ ተመካሕቲ ይፈቱ ኢዩ (159) (ኣል ዒምራን 159)*

ኢስላም ደቅሰባት ክመሃሩ ከምዘለዎምን ብኸመይ ድማ ከምህሩ ከምዘለዎም ኣብዚ ዝቕፅል ዓንቀፅ የለዓዕለና፡-

ادْعُ إِلَى سَبِيلِ رَبِّكَ بِالْحِكْمَةِ وَالْمَوْعِظَةِ الْحَسَنَةِ وَجَادِلْهُمْ بِالَّتِي هِيَ أَحْسَنُ إِنَّ رَبَّكَ هُوَ أَعْلَمُ بِمَنْ ضَلَّ عَنْ سَبِيلِهِ وَهُوَ أَعْلَمُ بِالْمُهْتَدِينَ (125)

*ናብ መንገዲ ጎይታኻ ብብልሓትን ብሰናይ ስብከትን (ብልዙብ ቃል) ፀዉዕ ፣ በታ ሰናይ (ሜላ) ተኻታዓዮም ፤ ጎይታኻ ካብ መንገዱ ንዝሰሓተ ፈላጢ ኢዩ ፤ ንምሩሓት ከዓ ፈላጢ እዩ (125)(125 ነሕል)*

ዱዓት (ሰበኽቲ) ፅቡቕ ባህሪ ክህልዎም ዕጉሳት ክኾኑ ዝግብኦም ነቶም ኣብ ወንጀል ዘለዉ ወይ ድማ ነቶም ብኣላህ ዝኽሓዱ ጥራይ ዘይኮነስ ምስቶም ንኣላህ ዝፈርሑ ፈተዉቱ እዉን'ዩ፡፡ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) እንትተርፉ ካብ ደቂሰባት ክንዲ ዝከኣሎም ኣላህ ዝፈርሑ እንተፈርሑ ካብ ሓጢያት ኣየምልጡን፡፡ ኣብዚ ግዜ ግን ነቲ ዝፈልጥ ኮነ ነቲ ዘይፈልጥ ንሙስሊም ኮነ ከሓዲ ብፅቡቕ ባህሪ ኢና ክንምዕዶምን ክንሰብኮምን ዘለና፡፡ ካብዚ ሓሊፍና ግን ንጥቀሞ ፀባይ

ሓርፋፍ እንተኾይኑ ካብ ነፀብቐ እቲ ነበላሽዎ እዩ ዝበዝሕ። ናይቲ ንሰብኮ ሰብ መንፈሱ እናደረቐ እዩ ዝኸይድ። ስለዚ ድማ ካብቲ ዝነበሮ ቦታ ናብ ዝኸፍእ ገበንን ጥመትን ክንደፍኡ ኩለይ ንኽእል ኢና። ወድሰብ ብተፈጥሮኡ ኩራን ሓርፋፍ ዘረባን ኣይመልሶን። እንኳን ዶ ዓቢ ሰብ ቆልዓ እኳ እንተዝኸዉን ካብ ብበትርን ብኹራን ዝምለስ ብህዱእ ማዕዳ ዝምለስ እዩ ዝበዝሕ። ስለዚ ብሰንኪ ናይና ሕማቕ ባህሪ ነቲ እንገብሮ ዓላማ (ኢስላም) ዋጋ የስእኖ ምኺኑ ክንፈልጥ ኣለና።

ወድሰብ ብተፈጥሮኡ ቶሎ ዝጉዳእ (ዝኹርይ) ጎኒ ስለ ዘለዎ ነዚ ከምዚ ዓይነት ሰብ ንምእራም (ንምስትኽኻል) እንድሕርደኣ ደሊና ኣዝዩ ልስሉስን ፅቡቕ ባህሪ ክንጥቀም ኣለና። ንሕና ነቶም ገበን ዝፈፀሙ እንገብሮ ፃዉዒት (ዳዕዋ) ድማ ኣብ ዉሽጦም ተደፊኑ ንዝርከብ ፅቡቕ መንፈስ ንምንቃሕ(ንምትሳእ) ክኸዉን ኣለዎ። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከም ዝነገሩና ሓደ ሙስሊም ንሓዉ ምንዓቕ ዓቢ ወንጀል ሙኺኑ እዩ።

ንሓደ ኣማኒ ንሙስሊም ሓዉ ዘይምኽባሩ ዓቢ ሓጢያት'ዩ። (ኣቡ ደዉድ ሙስነድ) ስለዚ እንድሕርደኣ ናብ ኢስላም ዳዒታት(ሰበኽቲ) ንኽንኮን ወሲንና ባህሪና ምችዋትን ልስሉሳትን ከምእዉን ርህራሄ ዝተማልኦ ኣቀራርባን ንሰባት ድማ ክብረት ዘለና ክንኮን ኣለና። ምኽንያቱ ካብ ኩላህና እቲ ዝበለፀ ኣላህ ጥራይ እዩ ዝፈልጦ። ነዚ ድማ ከምዚ ይብለና፡-

وَكَفَىٰ بِهِ بِذُنُوبِ عِبَادِهِ خَبِيرًا (58)

*ኣብ ሓጢያት ባሮት ዉሽጠ ፈላጥነት ብእኡ ኣኺሉ (58 ፍርቃን)*

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا اجْتَنِبُوا كَثِيرًا مِنَ الظَّنِّ إِنَّ بَعْضَ الظَّنِّ إِثْمٌ وَلَا تَجَسَّسُوا وَلَا يَغْتَبْ بَعْضُكُمْ بَعْضًا أَيُحِبُّ أَحَدُكُمْ أَنْ يَأْكُلَ لَحْمَ أَخِيهِ مَيْتًا فَكَرِهْتُمُوهُ وَاتَّقُوا اللَّهَ إِنَّ اللَّهَ تَوَّابٌ رَحِيمٌ (12)

*ኦ! ኣቱም ዝኣመንኩም! ካብ ጥርጣረ ንመብዛሕትኡ ረሓቑ ፧ ካብ ጥርጣረ ክፉእ ሓጢያት እዩ ኣበር (ናይ ሰብ ነዉረ) ኣይትከታተሉ ፧ ክፉልኩም ንክፉሉ ኣዩሕመ ፧ ሓዴኹም ስጋ ሓዉ ሞይቱ ክበልዕ ይፈቱ? (ምብላዕ) ፀሊእኩም (ምሕማይ እዉን ፅልእዎ) ፡ ንኣላህ ፍርሕዎ ፧ ኣላህ ተቐበሊ ንሰሓን ርህሩህን እዩ። (12) ሑጁራት)*

ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) እንተኾኑ ሓደሰብ ከጥፍእ እንተሪኦምኻ ብቐጥታ ብምዉቃስ ኣብቅድሚ ሰብ ኣየዋርድዎን ኔሮም። እኳደኣስ ነቲ ህዝቢ ንኹሉ ኣምሲሎም ብዛዕባ ናይቲ ነገር ጎዳኣይነት (ክፉእነት) ይምዕድዎ። እቲ ስሕተት ዝሰርሰ ሰብ ምእንታይ ከይፍለጥ። እዚ ድማ ካብቲ ማራኺ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዕዉት ናይ ዳዕዋ ስልቶም ሓደ እዩ።

ናይ ሓደ ዝተስተኻኸለ ሙስሊም ኣብ ወንጀል ንዝወደቑ ሙስሊም ኣሕዋቱ ፅቡቕ ባህርይን ምሕርራብን ክህልዎ ኣለዎ። ካብዚ ሓሊፉ እዉን ኣላህ ምእንታን ክምሕሮምን ክመርሖምን ዱዓ ክገብረሎም ይግብኦም። ነዚ ባህሪ ዘጠናኽረልና ድማ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ምስ ናይ ጣኢፍ ህዝቢ ዝነበሮም ረኽቢ ንተዓዘብ። ናይ ጣኢፍ ህዝቢ(ኩፍር) ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ናብ ኣላህ ኣብ ዝፅዉዕዎም እዋን ክንዲ ምቕባል ብኣእማን ቀጥቀጥዎም ። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ግና ደምዮም፧ ቆሳሲሎም እናሃለዉ ነቶም ህዝቢ ኣላህ ክምሕሮም ለመንሎም። ነቢና ብሰንኪ ዝበፅሖም መከራ ኣብ ልዕሊ ህዝቦም ዱዓ ገቢሮም ኣይፈልጡን። ናይ መካ ከሓድቲ ዝኹሉ ፀገም ኣብፂሖሙሎም ካብዚ ሓሊፎም ክቐትልዎም ሞኪሮም እናሃለዉ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ግና ኣላህ

ንኽምሕሮምን ንኽመርሖምን (ናብ ኢስላም) ይፅልይሎም ነይሮም፡ ብናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዱዓ በረኸት እዉን ክንደይ ደረቓት ዝነበሩ ካሓድቲ ልቦም ነወእስላም ክንብርከኽን ናብ ኢስላም ክኣትዉ ክኢሎም እዮም፡፡

وَلَا تَسْتَوِي الْحَسَنَةُ وَلَا السَّيِّئَةُ ادْفَعْ بِالَّتِي هِيَ أَحْسَنُ فَإِذَا الَّذِي بَيْنَكَ وَبَيْنَهُ عَدَاوَةٌ كَأَنَّهُ وَلِيٌّ حَمِيمٌ (34)

*እታ ሰናይን ክፍእትን (ባህሪ) ኣይመዓራረያን ፤ በታ ሰናይ ባህሪ (ነታ ክፍእቲ) ድፋእ ፣ እቲ ግዜቲ ኣብ ሞንጎኻን ኣብ ሞንጎኡን ባእሲ ዘለዎ ልክዕ ከም ርህሩህ ፈታዊ ይኸዉን፡፡ (34 ፉሲለት)*

ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ፅድቂ ክትርጉሙ ከለዉ ከምዚ ይብሉ፡- ንፅቡቕ ዝገበረልካ ፅቡቕ ሕማቕ ንዝገበረካ ሕማቕ ክትምልሰሉ ዘይኮነስ ሕማቕ ንዝገበረካ ፅቡቕ ክትገብረሉ እዩ፡፡ (ቲርሚዝ)

ኣብዚ ክነስተዉዕሎ ዘለና ግን ሓጢያተኛ ክንዕገስ ንኽእል ሓጢያቱ እንድሕርደኣ ንበይኑ ኮይኑ ጥራሕ'ዩ፡፡ እንተዘይኣለ ግና እቲ ሓጢያት ናብ ሕብረተሰብ እናሰፋሕፋሕ ህዝቢ ዘበላሹ እንተኾይኑ ክንዕገሶ የብልናን፡፡ ወንጀሉ ንበይኑ እስካብ ዝኾነ ግን ፅቡቕ ክንዛረቦን ክንርህርሀሉን ኣለና፡፡ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከምዚ ይብሉ፡፡ ኣግራህርሁ እምበር ኣይተኸርሩ (ኣይተጥብቑ) ፡ ኣበሰርቲ እምበር መባረርቲ ኣይትኹኑ፡፡ (ቡኻሪ)

# ምዕራፍ ዓሰርተ ሸድሽተ

## ንኣላህን ንነቢን (ሰ.ዐ.ወ) ምፍታዉ

ፍቕሪ ማለት ደስታ፣ ሓጎስ፣ ራህዋ፣ ሰላምን ምርግጋእን ዝተመልአ ህይወት ኣብዛ ዱንያ ምሕላፍ እዩ። ፍቕሪ ማለት ንህይወትና ዘመቅር ቅመም እዩ። ፍቕሪ ንደቂሰባት ካብ ዝተወሃቦም ፀጋታት እቲ ዝዓበየ እዩ። ምስ ፍጡራን ዝህልወና ፍቕሪ ናብ ናይ ኣላህን ነቢን ፍቕሪ ዘብፀና ቀዳማይ ስጉምቲ ኢዩ። ነገርግን ብዘሕዝን ኣጋጣሚ ብዙሓት ሰባት ነዚ ናይ ኣላህ ዓቢ ፀጋ ንዘይረብሕ ናይ ዱንያ ጥቕማጥቕሚ ክልዉጥዎ እዮም ዝረኣዩ። ፍቕሪ ንዘይምልከቶ ኣካል ምልጋስ ኣብ ህይወት እቲ ዝዓበየ ክሳራ እዩ። ንናይ ዱንያ ርካሽ ነገር ፍቕሪ ምሃብ (ምልጋስ)ኣብ ማእሸል መንገዲ ከምዝበቀለት ዕንባባ እዩ። እዛ ዕንባባ ብቅልጡፍ ኮነ ዘንጊዓ ብእግሪ ሰብ ምርጋፃ ኣይቐርያን። ከምእዉን ክቡር እምኒ ወይ ድማ ኣልማዝ ኣብ መንገዲ ምድርባዩ ዘሕዝን'ዩ። ምኽንያቱ እንታይነቱ ዘይፈልጥ ሰብ እንተግኒዎ ወሲዱ ንናይ ማዕፆ መደገፊ ክገብሮ ስለዝኽእል።ናይ ፍቕሪ ዋና ፍልፍል ዝኾነ እዚ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ፍቕሪ ዝተዓደለ ሰብ ናይ ደቂሰባት ሓቂ ብደንቢ ገይሩ እዩ ዝርድኦ። ምኽንያቱ ንናይ ኣላህ ባርያታት ብምሕጓስ ንኣላህ ከሕጉስ ስለዝፈቱ እዩ። ስለዚ ድማ እቶም ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ፈተዉቲ ዝኾኑ ባሮቱ ልቦም ካብ ርኹሳትን ዘይረብሑን ነገራት ኣንጊሆም ብቀዳምነት ናይ ኣላህን ነቢን ፍቕሪ እዮም ዝመልእዎ። ነዚ ዝቕፅል ሓዲሰል ቁድሲ ኣቡሁረይራ(ረ.ዐ) ካብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣላህ ከም ዝቕፅል ይብል ኢሉም ዝስምዕዎ የዋግዑና።

ንፈታዊየ ፀላኢ ዝኾኖ ሰብ ኣብ ልዕሊኡ ዉግእ (ኩናት) ከም ዝኣወጅኩ ይፍለጥ። ንሓደ ባርያይ ናባይ (ናብ ፍትወተይ) ብደንቢ ከቕርቦ ዝኽእል ካብቲ ኣብ ልዕሊኡ ግዴታ ዝገበርክዎ ስራሕ ካብ

ምትግባር ንላዕሊ የለን። ካብ ግዴታ ዝገበርኩሉ ነገር ድማ ሓሊፉ ተወሳኺ ብፍቓዱ ሱናታት እንተወሲኹ ናበይ ብደንቢ እዩ እናቀረበን እናተፈተወን ይመፅእ። ንናተይ ፍቶት እንድሕር ተዓዲሉ ድማ ዝሰምዐሉ እዝኒ ፣ ዝሪኤሉ ዓይኒ ፣ ዝኸደሉ እግሩ ክኾነሉ እየ። እንተለሚኑኒ እዉን ክህቦ እየ። ሓለዋ እንተጠይቁኒ እዉን ክሕልዎ እየ።

ኣብዚ ሓዲስ ልቢ ክንብሎ ዘለና ነገር ኣላህ ዝሰምዐሉ እዝኒ ክኾነሉ እየ ማለቱ ሓላል ወይ ድማ ንዓይ ዘሕጉስ ነገር ጥራሕ ንኽሰምዕ ክገብሮ እየ ማለት'ዩ። ከምእዉን ዝሪኤሉ ዓይኑ ክኾነሉ እየ ማለቱ ኣብ ገፁ መፅኤ ከም ዓይኑ ክልጠፍ ማለት እየ ኣይኮነን። ነገርግን ሓላል ወይ ንዓይ ዘፍትዉ ነገራት ጥራሕ ንኽሪኡ ክገብሮ እየ። ዝኸደሉ እግሩ ክኾነሉ እየ ክብል ከሎ እዉን ነቲ ሰብ ናብ ሓራም ንከይኸድ ሓልየ ናብቲ ንዓይ ዘፍትዉ ንክኸይድ ክገብሮ እየ ማለት'ዩ።

ስለዚ ኣብዚ ዓቢ ደረጃ ንምብፃሕ ብሜዳታት ጥራሕ ተጓዒዝካ ዝርከብ ኣይኮነን። እኳደኣስ ዓበይቲ ጎቦታት ደይብካ ወሪድካ እዩ ዝርከብ። ድሕሪ እዚ ድማ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ፈታዊ ንሙኳን ይብቃዕ።

ነዚሰፊሕ ዓለም ህዋ ብደንቢ ዘስተዉዕል ሰብ ብዙሕ ትምህርቲ እዩ ዝቐስም። እዚ ንባዕሉ ዓቢ ፀጋ እዩ። እቲ ፀሓዩ እቲ ምሸቱ ፣ ቁሪ ፣ ንፋስ ኮነ ባሕሪ ብዙሕ ነገራት (ትርጉም) ኣለዎም። ነዚ ኹሉ እዚ ግን ብደንቢ ኣስተዉዒሎሞ ኣስተንቲኖም ዝጥቀሙሉ ሰባት ድማ ሓቀኛታት ኣመንቲ 'ዮም።

ኩሉሰብ ንኣላህን ንነቢን(ሰ.ዐ.ወ) ኣብልቡ ሙሉእ ፍቕሪ ክህልዎ ይግብኦ። እንድሕርደኣ ዘይፈትዩ ግና ነዚ ዝቕፅል ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ ንኸንብብ ኢና ንጋብዞ።

قُلْ إِنْ كَانَ آبَاؤُكُمْ وَأَبْنَاؤُكُمْ وَإِخْوَانُكُمْ وَأَزْوَاجُكُمْ وَعَشِيرَتُكُمْ وَأَمْوَالٌ اقْتَرَفْتُمُوهَا وَتِجَارَةٌ تَخْشَوْنَ كَسَادَهَا وَمَسَاكِنُ تَرْضَوْنَهَا أَحَبَّ إِلَيْكُمْ مِنَ اللَّهِ وَرَسُولِهِ وَجِهَادٍ فِي سَبِيلِهِ فَتَرَبَّصُوا حَتَّى يَأْتِيَ اللَّهُ بِأَمْرِهِ وَاللَّهُ لَا يَهْدِي الْقَوْمَ الْفَاسِقِينَ (24)

*ኣቦታትኩምን ደቅኹምን ኣሕዋትኩምን ኣንስትኹምን ኣዝማድኩምን ዝኣከብሞም ሃብትታትን ምኽሳራ እትፈርሕዋ ንግድን ትፈትዉዎም መንበረኹምን ኣባኹም ካብ ኣላህን ልኡኽን ብመንገዱ ኣብ ምቅላስን ዝበለፀ ዝፍተወኩም እንተኾይኑ ኣላህ ትእዛዙ ክሳብ ዘምፅእ ተፀበዩ በሎም። ኣላህ ከይሲታት ህዝብታት ኣይመርሕን፡ (24- ኣል ተዉባህ)*

ንኣላህን ንነቢን ከም እትፈትዎም ንምግላፅ ብኣፍካ ጥራይ ምዝራብ ዘይኮነስ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣካይዳ ምኻድ እዩ። ነዚ ድማ ኣላህ ከምዚ ይብል፡

*ንኣላህ ትፈትዉ እንተኾይንኩም ኣላህ ንክፈትወኩምን ንሓጢያትኩም ንክምሕርን ስዓቡኒ በሎም ፤ ኣላህ መሓሪን ርህሩህን'ዩ (31- ኣልዒምራን)*

ሓደነገር ተፍቅሮ እንተኾይንካ ነቲ ነገር(ኣካል) ተኸታላይ ሙኳን ፣ ዝኣዘዞካ ምትግባር ዝኸልከለካ ምኽልካል'ዩ። ንኣላህ(ሱ.ወ) ነቢን ምፍታዉ ነቲ ሰብ ስርሑ ብንፁህ ኒያ (ዓላማ) ብጥንካረ ክሰርሕ እዩ ዝገብር። ሓደሰብ እቲ ዝሰርሖ ናይ ሃይማኖት ዒባዳ(ኣምልኾ) እንድሕርደኣ ፍቕሪ ተሓዊስዎ ዓስቡ (ኣጅሩ) ዝዓበየ እዩ ዝኾን። ብተፃራሪኡ ድማ እንድሕር ዉሽጥና ነቲ ንሰርሖ ነገር ፍቕሪ ዘይሃልዩና ግን እቲ ዓስቢ (ኣጅሪ) ዉሑድ እዩ እኾን። ብፅሩይ ኒያ (ሓሳብ) እትተሰርሐ ንእሽተይ ስራሕ ካብ ዓቢ ዝተጨማለቐ ስራሕ ኣዝያ እያ ትበልፅ። ንኣላህ ክንፈቱን ናብ ናቱ ፍቕሪ ክንጉዓዝ እንተደሊና እቲ ግዴታ ዝገበረልና ነገር ብደንብን ፈቲናን ምፍፃም

'ዩ። ድሕሪ እዚ እዉን ናብ ኣላህ ብደንቢ ንምቕራብ ንዝደሊ ሰብ ኣብ ንኣላህ ዘፍትዉ ተወሳኺ ስራሕ ምጉያይ'ዩ።

ሓደሰብ ኣብ ልቡ ዘሎ ንኣላህ ፍቕሪ እንተወሲኹ ንኣላህ ከፍትዉ ኢሉ ዝሰርሖ ስራሕ እዉን ቁፅሩ ኮነ ፅሬቱ ከም ዝወስኽ ርዱእ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ እንድሕር ንኣላህ ዘለካ ፍቕሪ ወሲኹ ንዕኡ ክተፍትዉ ኢልካ ዘይትገብሮ ፃዕሪ ስለዘየለ'ዩ። እዞም ንኣላህ(ሱ.ወ) ዝፈትዉ ሰባት ምድረበዳ ዝናብ ከምዘይፀግብ ልክዕ ንሳቶም እዉን ንኣላህ ከሑጉሱ ኢሎም ዝሰርሕዎ ስራሕ ዝሰርሑ እንተሰርሑ ኣይፀግቡን። ከምዚ ዓይነት ሰባት ከም ናብ ኣላህ ምምላስን ምጉዓዝን ዝመስል ነገር ዘሕጉሶም ነገር የለን።

يَا أَيَّتُهَا النَّفْسُ الْمُطْمَئِنَّةُ (27) ارْجِعِي إِلَى رَبِّكِ رَاضِيَةً مَرْضِيَّةً (28) فَادْخُلِي فِي عِبَادِي (29) وَادْخُلِي جَنَّتِي (30)

*(ንዝኣመነት ነፍሲ) ኦ! ኣንቲ ዝሃዳኣኪ ነፍሲ(27) ንፀጋ ፈቲኺን ተፈቲኺን ናብ ጎይታኺ ተመለሲ (28) ካብ ባሮተይ (28) ኣብ ባሮተይ እተዊ (29) ገነተይ እዉን እተዊ (ትበሃል) 30 (27-30) ኣል-ፈጅሪ*

እቶም ዝለዓለ ደረጃ ዝተጎናፀፉን ኣላህ ኣብኩሉ ነገሮም ከም ዝቆፃፀሮም ዝፈልጡ ሰባት ብኣፎም ኮነ ብተግባሮም፣ ብዉሽጦም ኮነ ብደጊኦም ነዚ ዝቕፅል ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ እዮም ዝትግብሩ።

قُلْ إِنَّ صَلَاتِي وَنُسُكِي وَمَحْيَايَ وَمَمَاتِي لِلَّهِ رَبِّ الْعَالَمِينَ (162)

*ስግደተይ ምግዛኣይ ህይወተይ ሞተይ ንጎይታ ዓለማት ንኣላህ ኢዩ በል(162)(162- ኣንዓም)*

እዚ ደረጃ ኣል ኢሕሳን (ምፅባቕ) ዝበሃል ኮይኑ ናይዚ ደረጃ ሰባት ድማ ንኣላህ(ሱ.ወ) ክግዝኡ ከለዉ ከምዝርእዎ ኮይኖም እዮም ዝግዝእዎ። ምኽንያቱ ንሳቶም እንተዘይረኣይዎ እኳ ንሱ ከምዚኦም ርግፀኛታት ስለ ዝኾነ። ስለዚ ድማ ጎይታኦም ምእንታን ብምንእኣስን

ብፍቕሪ ብኽብረት ክግዝእዎ ካብ ሰባት ዝረሓቑ ቦታ ካብ ግዜ እዉን ለይቲ እዮም ዝፈትዉ። ነዚ ድማ ኣላህ ብኸምዚ ይገልፆም።

وَالَّذِينَ يَبِيتُونَ لِرَبِّهِمْ سُجَّدًا وَقِيَامًا (64)

*እቶም ንጎይታ ሰገድትን ቀወምትን ኮይኖም ዝሓድሩ'ዮም(64 ፍርቃን)*

تَتَجَافَى جُنُوبُهُمْ عَنِ الْمَضَاجِعِ يَدْعُونَ رَبَّهُمْ خَوْفًا وَطَمَعًا وَمِمَّا رَزَقْنَاهُمْ يُنْفِقُونَ (16)

*ንጎይታኦም ብምፍራሕን ብምድላይን እናፀዉዑ ፣ ጎድንታቶም ካብ መጋደሚታቶም ይፈናተቱ ፣ ካብ ዝለገስናዮም (ፀጋ) የዉፅኡ። (16- ሰጅዳህ)*

እዚ ቐፂሉ ዘሎ ናይ ተሪካ ዓምር ኢብኑ ያሲር (ረ.ዓ) ክቡር ናይ ነቢ (ሰ.ዐ.ወ) ብፃይ ሓደ እዋን ኣብ ሩባ ኤፍራጥስ (ኢራቅ) ላይ ገምገም ናብ ጦርነት ቅድሚ ምእታዉ ዝተዛረኖ ዘረባ ንመልከት፡-

ኣንታ ጎይታይ! ከም ትሪኦ ዘለኻ ናትካ ፍትወት ደልየ ናብ ኲናት ይኣቱ ኣለኹ። እዛ ተስፋይ ድማ ኣይትኽለአኒ። ፍትወትካ ከምተጎናፅፈኒ ድማ ኣይጠራጠርን። (ጠበቃት ኢብን ሰዕድ) ንኣላህን ነቢን ካብ ኩሉ ነገር ኣብሊፅካ ምፍታዉ ናይ ዲን ቀንዲ ፍረን ናብ ኣላህ ዝወስድ ባይኒ መንገዲ'ዩ። ምፍታዉ ክንብል ከለና ግን ብኣፍ ብልቢን ብናይ ሰዉነት ኣካላት ዝግለፅ ክኾን ኣለዎ። እዚ ንኣላህን ነቢን ናይ ምፍታዉ ዝብል ብደንቢ ተረዲኦምዎ ኔሮም። ነዚ ድማ ወግሐ ፀብሐ ኣብ ከይዲ ህይወቶም ክትግብርዎን ከንፀባርቕዎን ይጓየዩ ኔሮም። ነዚ ንምርግጋፅ ድማ ዝቕፅል ሓደሓደ ናይ ሰሓባ ታሪኽ ከምኣብነት ንርአ።

ኣብ መዲና ከተማ ዙርያ ዝነበሩ ዝተወሰኑ ቀቢላታት (እንዳታት) ኢስላማዊ ትምህርቲ ዝደልዩ ኣምሲሎም ንነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዝተወሰኑ ብፆት ንኽምህርዎም ክልእኹሎም ሓተቱ። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ድማ ዓሰርተሓደ ዝኾኑ ሰሓባታት ለኣኹሎም። እዞም ሰሓባት ኣብ

ከባቢ ዓድልና ቃራ ዝተባሃሉ ቀቢላታት (እንዳታት) እንትበፅሑ እቶም ናይታ መንደር ከሓድቲ ኣጥቅዕዎም፡፡ ኣብዚ ግዜ ሸሞንተ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብፆት ሞቱ ዝተረፉ ድማ ንናይ መካ ቁረይሽ ኩፋር ኣሕሊፎም ሃብዎም፡፡ እዞም ክልተ ናብ ናይ መካ ከሓድቲ ዝተወሃቡ ዘይድን ኹበይብን ይበሃሉ ነበሩ፡፡ እቶም ናይ መካ ከሓድቲ ነቶም ክልተ ሰሓባታት ናብ ዝቕተልሉ ቦታ ወሲዶም ንዘይድ ብከምዚ ሓተትዎ፡- ኣብዚ ናትካ ቦታ ሙሓመድ(ሰ.ዐ.ወ) እንተዝኾኑ ንስኻ ድማ ኣብ ገዛኻ ክትከዉን ትምርፅ ዶ? ናይ ዘይድ መልሲ ግና ዝገርም ኔሩ፡ እንኳንዶ ነቢ ኣብ ናተይ ቦታ ኮይኖም ኣነ ድማ ኣብ ሰላም ንክኾን ክመርፅ ይቕረ ኣነን ቤተሰበይን ኣብዚ ቦታ ኮይንና ነቢ (ሰ.ዐ.ወ) ድማ ኣብ ገዝኦም እናሃለዉ እኳ እሾኽ ንኽትወግኦም ኣይምመረፅኩን በለ፡፡ በዚ መልሲ ዝተገረመ ናይ ቑረይሽ ንጉስ ዝነበረ ኣቡ ሱፍያን ከምዚ በለ፡ ናይ ሙሓመድ ብፆት ንመሓመድ(ዓ.ሰ) ዝፈትዉዎ ዝኣክል ካልኦት ሰባት ንመራሕቶም ዝፈትዉ ኣይረኣኹን፡፡

ካብኡ ድማ እቶም ከሓድቲ ናብቲ ካልኣይ (ኹበይባ) ከይዶም እንድሕርደኣ ካብኢስላም ተመሊሱ ነፃ ከምዝብልዎ ነገርዎ፡፡ ንሱድማ ብኸምዚ መለሰሎም፤ ዓለምሙሉእ እኳ እንተትህቡኒ ኣይምተመለስኩን፡ ኹበይብ ቅድሚ ሙማቱ ሓደ ተስፋ ኔርዎ፡ ንሱ እዉን ንነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ክሰናበቶም፡፡ ሰላም ክብሎም ግን መን የብፅሓሉ? ከብፅሐሉ ዝኽእል ፍጡር ከምዘየለ ፈለጠ፡፡ ግና ናብሰማይ ቅንዕ ኢሉ ከምዚ በለ፡- ኣንታ ጎይታይ ካብዞም ኣብ ቅድመይ ዝኤህዉ ከሓድቲ ሰላምታይ ናብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዘብፀሐለይ የለን፡፡ ስለዚ ንስኻ ኣብፀሐለይ፡፡

ኣብዚ ቅፅበት እዚ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣብ መዲና ኮይኖም "ንዕኡ እዉን ሰላም ይዉረዶ" በሉ ካብዚ ግዜ ሰሓባ ተገሪሞም ንናይ መን ሰላምታ

ደኣ እዮም መልሲ ዝመለሱ? ብምባል ሓተትዎም። ነቢ ድማ ናይ ሓዉኩም ኹበይብ ሰላምታ ኢሎም መለሱ።
እዞም ክልተ ናይ ነቢ ብፆት ድሕሪ ብዙሕ ስቓይ እዮም ተቐቲሎም። ስለዚ ድማ ኹበይብ መጨረሻ ዝተዛረባ ቃል ከምዚ ነበረት፦

- ምንም ኣይኮነን ስቃያት እንተሕለፍኩ

ሙስሊም ኮይነ ክሳብ ዝተቐተልኩ

ብተመሳሳሊ ኩነታት ሰሓባታት ንነቢ ዝነበሮም ዓቢ ፍቕሪ ንዕኦም ዘሕጉስ ስራሕ ንምስራሕ ላዕልን ታሕትን ይብሉ ነይሮም። ካብዚኦም ገለ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ናብ ሓደሓደ ናይ ዓለም ንጉሳት ደብዳቤ ኣብ ዝልእኽሉ ሰዓት እዞም ብፆት ነቲ መልእኽቲ ንምፅሓፍ ጎቦታት ወፂኦም ሽንጥሮታት ወሪዶም ምድረበዳታት ኣቋሪፆም ካብ ቅድሚ ጨከንቲ ንጉሳት ጠጠዉ ኢሎም ብፅንዓት ነይሮም። ሰሓባታት ንነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ካብ ዝነበሮም ፍቕርን ክብረትን ዝተላዕለ መልኮፆምን ቅርፆምን ከመይ ከምዝነበሩ መብዛሕትኦም ተሓቲቶም ከምዚ ይብሉና።

ሓደመዓልቲ ኻሊድ ኢብን ወሊድ(ረ.ዓ) ብናይ ሓደ ቁሸት መንደር ይሓልፍ ኔሩ። ናይታ ቑሸት ዓቢዓዲ ብዛዕባ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ጠቕላላ እንታይነት ክነግሮ ንኻሊድ ሓተቶ። ኻልድ ግና ከምዚ በለ። ኣነ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከመይነት ክገልፀልካ ኣይኽእልን። እቲ ዓቢዓዲ ሕቶኡ ቀፀለ እሺ ዝከኣለካ ብዛዕባ ነቢ ንገረኒ በለ፤ ኻሊድ ብከምዚ መለሰ፦ ኣነ ክነግረካ ዝኽእል ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ደረጃኦም እቲ ዝለኣኾም ኣካል(ኣላህ) ጥራይ እዩ ዝፈልጦ። ካብዚ ክትርዳእ ትኽእል ኢኻ በሎ።ኻልእ ሰሓቢይ ድማ ዓምር ኢብኑል ዓስ(ረ.ዓ) ከምዚ ናይ ኻሊድ ሕቶ ተሓቲቶም ብኸምዚ መለሱ። ኣነ ንነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ካብ ዝነበረኒ ክብሪ ቆላሕ ኢለ ጠሚተዮም ስለዘይፈልጥ ከመይ ከምዝመስሉ ብደንቢ ክገልፁልካ ኣይኽእልን በሎም።

ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ሰሓባታት ንነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከምዝፈትዉ ንምርግጋፅ ዝገበርዎ ነገር ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዝኣዘዝዎ ብቅልጡፍ ምትግባር ዝኽልከልዎ ድማ ምኽልካልን'ዩ። ነዚ ድማ ዘጠንክረልና ታሪኽ ንርአ፡-

ኣቡ ዓብዱራሕማን ኣል ጁበሊ ከምዚ ብለና፡-

ምስ ቤንዛንተይን ኣብ ንዋጋኣሉ ግዜ ምስ ኣቡ ኣዩቡል ኣንሳሪ(ረ.ዐ) ኮይንና ብመርከብ ንጓዓዝ ኔርና። መራሒና ድማ ዓብዱላህ ኢብን ቀይስ ነበረ። ኣቡ ኣዩቡል ኣንሳሪ(ረ.ዐ) ናብቲ ምርኮታት ዘከፋፍል ሰብ ከዱ። ኣብ ጥቕኡ ኮይና ትበኪ ሰበይቲ ፀንሓቶም። እታ ሰበይቲ ምርኽቲ ኢያ ኔራ ምስኣ ድማ ቆልዓ ኔርዋ። ኣቡኣዩቡል ኣንሳሪ ንምንታይ ከምትበኪ ጠየቅዋ። ንሳ ድማ ነቲ ቆልዓ ንኻልእ ሰብ ብፅሒት ብምዉሃቡ ካብኣ ስለዝተፈለየ ሙኻና መለሰት።

ኣቡኣዩቡል ኣንሳሪ(ረ.ዓ) ነቲ ወዳ ብቅልጡፍ ደላልዮም ኣምፂኦም ሃብዋ። ካብኡ ድማ እታ ሰበይቲ ምብካያ ጠጠዉ ኣበለት። እቲ ምርኮ ከከፋፍል ዝተመድበ ሰብ ናብቲ ናይ ሙስሊም ሰራዊት ሓላፊ (ዓብደላ ኢብን ቀይሱ) ከይዱ ንኣቡ ኣዩቡል ኣንሳሪ ከሰሶም። እቲ ናይ ሙስሊም መራሒ ድማ ንምንታይ ከምኡ ከምዝነበሩ ንኣቡኣዩብ ሓተቶም። ኣቡኣዩብ ድማ ብኸምዚ መለሱ። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣደን ዉላዳን ዝፈላልዩ ሰባት ኣላህ ኣብፍርዲ መዓልቱ ካብ ፈተዉቶም እዩ ዝፈላልዮም ክብሉ ስለ ዝሰማዕኩዎም እየ ከምኡ ዝገበርኩ ኢሎም መለሱ። (ሙስነድ ኣሕመድ፣ ቲርሚዚ)

እዚ ናይ መወዳእታ ታሪኽ ድማ ዘሪኤና ንሰባት ምርህራህን ፍቕሪ ምርኣይን ዝህቦ ጥቕሚ እዩ ዝኸን።

ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብሕይወት ኣብ ዝነብረሉ ዘሕለፍዎ ናይ ራሕዋ ወቕትታት ሓደ ሓኪም ኢብን ሒዛም ዝበሃል ሰብ እዉን ነበረ። እዚ ሰብ ናይ እኖና ከድጃ(ረ.ዓ) ቀረባ ዘመደን'ዩ ነይሩ። እዚ ሰብ ለጋስ፣

ርህሩህ፣ ሰናይን ስለ ዝነበረ ኣብ ዘበን ጃሂልያ ዓረባዉያን ደቅ ኣንስትዮ ደቆም ብህይወተን ኣብ ዝቐብረሉ ግዜ ገንዘቡ እናኸፈለ ሰለስተ ሚእቲ ዝኣኽላ ደቂኣንስትዮ ኣድሒኑ እዩ። ድሕሪ ምስ ኣስለመ ድማ ናብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከይዱ እቲ ኣብ ዘበን ጃሂልያ ዝሰርሖ ዝነበረ ሰናይ ስራሕ ዝጠቕሞ ሙኻኑ ሓተቶም። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብኸምዚ መለስሉ እቲ ኹሉ ኣብ ዘመን ጃሂልያ ዝሰራሕኻዮ ሰናይ ስራሕ እዩ ኢስላም ክትቕበል ጌይሩካ።

## _______ ተወዲኡ _______